www.abyssinialaw.com

ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

ካብ 2000 ዓ.ም - 2001 ዓ.ም

ዝወፀ ሕጊታት

ጥራዝ ኣርባዕተ

www.abyssinialaw.com

መእተዊ፡

ሕጊታት /ኣዋጃትን ደንብታትን/ ክልልና ሓደ ግዘ ብነጋሪት ጋዜጣ ምስ ተሓተሙ ዳግም ዝሕተምሉ ዕድል ፀቢብ ብምኾኑ እዞም ሕጊታት ይትረፍዶ ንጠቕላላ ህዝቢ ክልልና ብቐሊሉ ተበግሒ ክኾኑ ምስ ባህርይ ስራሕቶም ተተሓሒዙ ዝለዓለ ተደላይነት ንዘለዎም ንኣካላት ፍትሒ ብፍላይ ኣብ ኣብያተ ፍርዲ እውን ሕፅረታት እንተጋጥም ይርኢ፡፡ ኣብያተ ፍርዲ ንዝህብዎም ዝተፈላለዩ ትእዛዛት፣ ብይናትን ፍርድታትን መሰረት ዝኾንዎም ብነጋሪት ጋዜጣታት ዝተሓተሙ ሕጊታት እምበር ነቶም ሕጊታት/ነጋሪት ጋዜጣታት ኣጣቒሶም ዝተዳለዉ ኻልኦት ፅሑፋት ወይ መፃሕፍቲ ክኾኑ ስለዘይኽእሉ እዞም ነጋሪት ጋዜጣታት ብቐረባ ክረኽብዎም ግድን እዩ፡፡

ቅድም ክብል ካብ 1985 ዓ.ም ጀሚሮም ካብ ዝወፁ ሕጊታት ገሊኦም ዝተስዓሩ እኳ እንተኾነ እቶም ዝተስዓሩ ሕጊታት መሰረት ገይሮም ዝተረኽቡ መሰላትን ግቡኣትን ዝምልከት ክትዕ እንተጋጥም ዳይነት ዝርኢ ነቶም ዝተስዓሩ ሕጊታት መሰረት ብምግባር ብምኾኑ ድሕሪ ምስዓሮም እውን ኣድለይቲ ከምዝኾኑን ብተወሳኺ እዞም ሕጊታት ኣካል ታሪኽ ክልልናን ሃገርናን ብምኾኖም ብዝግባእ ተወዲቦምን ተሰኒዶምን ክዕቀቡን ንቕድሚት ንዝግበር ኩለመዳይ ዓውደ መፅናዕትታትን ስራሕቲ ምርምርን ዝህልዎም ኣበርክቶ ኣዚዩ ልዑል ብምኾኑ ፡-

ሕጊ ዘይምፍላጥ ይቕረታ ኣየውህብን ዝብል ኣባሃህላ ሓቂ እኳ እንተኾነ ህዝቢ ኣብ ሕጊታት ኣፍልጦ ንክህልዎ ናይ ምግባር ሓላፍነት ናይ መንግስቲ እዩ፡፡ ስለዚ ኣብ ክልልና ንዝወፁ ሕጊታት እናተኽታተለ ዳግም ክሕተሙ ብምግባር ንተገልገልቲ ዘቕርብ ሓላፍነት ወሲዱ ብቐፃልነት ዝሰርሕ ኣካል ብዘይምህላዉ፣ ላዕለዋይ ቤት ፍርዱ ክልል ትግራይ ካብ 1985 ዓ.ም ክሳብ 1999 ዓ.ም ዝወፁ ሕጊታት ዘጠረዞ ዝነኣድ ተበግሶ ኮይኑ ንኣተሓሕዛን ኣጠቓቕማን ብዝምቹ ብዘይምንባሩ፣ ድሕሪኡ እውን ዝቐፀለ ተመሳሳሊ ስራሕ ብዘይምህላዉ ኣግኣዚ ማእኸል መሰልጠኒ ሰብ ሞያ ኣካላት ፍትሒ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ነቲ ዘለዎ ክፍተትን ኣድላይነት እዚ ስራሕን ብውነ ብምርዳእ ካብ 1985 ዓ.ም - 2007 ዓ.ም ኣብ ውሽጢ 23 ዓመታት ኣብ ክልልና ዝወፁ ሕጊታት ብምትእኽኻብ ንተገልገልቲን ተጠቀምትን ንኣተሓሕዛን ኣጠቓቕማን ብዝምቹ ተኽፋፊሉ ከምብሓድሽ ክሕተምን ክጥረዝን ገይሩ ኣሎ፡፡

ቤት ፅሕፈት ቤት ምክሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዚ ስራሕ ኣብዚ ብርኪ ንክበፅሕ ዝነበሮ ድልየት ፣ ፃዕርን ሕግታት ኣብ ምትእኽኻብ ዝገበሮ ምትሕብባርን ኣዚዩ ዝነኣድ ኾይኑ ንዕውትነት እዚ ስራሕ ግደ ቤት ምኽሪ ዝለዓለ ብምኾኑ ካብ ልቢ ነመስግን ።

ኪኢላታትን ሰራሕተኛታትን ትካልና ንዘርኣይዎ ፅዑቕ ተበግሶን ውፍይነትን እዚ ስራሕ ኣብ መወዲእታ ብምብፅሑ እንኳዕ ደስ በለኩም እናበልና ኣብ ብጣዕሚ ዝሓፀረ እዋን ሕቶና ተቐቢሎም ደረጃ ፅሬቱ ብዝሓለወ ኣገባብ ኣብዝደለናዮ ግዘ ተሓቲሙን ተጠሪዙን ክበፅሐልና ንዝገበሩ ኣመራርሓን ሰራሕተኛታትን ትካል ሕትመት ብርሃንን ሰላምን ካብ ልቢ ነመስግን፡፡

ኣባዲ ወ/ሩፋኤል

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ኣግኣዚ ማእኸል መሰልጠኒ ሰብ ሞያ

ኣካላት ፍትሒ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

ግንቦት 2008 ዓ.ም

www.abyssinialaw.com

ተ.ቁ	አዋጅ ደንብን ቁዕሪ	ሽም አዋጅን ደንብን	ገፅ
1.	አዋጅ ቁዕሪ 136/2000	ዝተመሓየሸ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ብሄራዊ ክልላዊ መንግድ ትግራይ ዳግም ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ	1-23
2.	አዋጅ ቁዕሪ 137/2000	ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እቶት ስራሕ ሕርሻን ክፍሊት መሬት መጥቀሚን ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቁዕሪ 96/1998 ንምምሕያሽ ዝወፀ ኣዋጅ	24-27
3.	አዋጅ ቁዕሪ 138/2000	ንመፈፀሚ ዕላማ ማሕበራት ሕብረት ስራሕ ንዝግበር ውዕሊ ልቓሕ ውሕስና በጀት ንምሃብ ዝወፀ ኣዋጅ	28-30
4.	አዋጅ ቁዕሪ 139/2000	ኣወዳድባ ፈፀምቲ ኣካላት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምጥያሽ ዝወፀ ኣዋጅ ቁዕሪ 94/1998 ዳግም ንምምሕያሽ ዝወፀ ኣዋጅ	31-33
5.	አዋጅ ቁዕሪ 140/2000	ዝተመሓየሸ ኣዋጅ ኣወዳድባ ፣ ስልጣንን ሓላፍነትን ክተማታት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቁዕሪ 107/1998 ዳግም ንምምሕያሽ ዝወፀ ኣዋጅ	34-36
6.	አዋጅ ቁዕሪ 141/2000	ስርዓት ግልጋሎት ትራንስፖርት ክልል ትግራይ ንምጥንኻርን ንምቁፅፃርን ዝወፀ ኣዋጅ	37-46
7.	አዋጅ ቁዕሪ 142/2000	ኤጀንሲ መረኽብቲ ሓፋሽ ክልል ትግራት ንምጥያሽ ዝወፀ ኣዋጅ	47-55
8.	አዋጅ ቁዕሪ 143/2000	ፈንድ ስልጠና ንምጥያሽን ኣፈፃፅምኡን ኣጠቓቕማኡን ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ	56-64
9.	አዋጅ ቁዕሪ 144/2000	ፈንድ ልምዓት ሃፍቲ ደንን እንስሳ ዘገዳምን ንምጥያሽን ኣፈፃፅምኡን ኣጠቓቕምኡን ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ	65-70
10.	አዋጅ ቁዕሪ 145/2000	ኣወዳድባን ምምሕዳርን ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ክልል ትግራይ ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ	71-97
11.	አዋጅ ቁዕሪ 146/2000	ን2000 ተወሳኺ በጀት ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ	98-102
12.	አዋጅ ቁዕሪ 147/2000	ንስድራ ተኮር ተጠቀምቲ ዝውዕል ልቓሕ ውሕስና ንምዕዳጭ ዝወፀ ኣዋጅ	103-105
13.	አዋጅ ቁዕሪ 148/2000	ኣብ 2000 ዓ/ም ናይ ኤጀንሲ ልምዓት ኣባይቲ በጀት ንውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ብሄራዊ ክልላዊ ምንግስቲ ትግራይ	106-107
14.	አዋጅ ቁዕሪ 149/2000	ኣብ 2000 ዓ/ም ን2ይ ግዘ ተወሳ3ኺ በጀት ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ	108-109
15.	አዋጅ ቁዕሪ 150/2000	ውዕኢት መፅናቲ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ኣሰራርሓ ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምፍፃም ዝወፀ ኣዋጅ	110-112
16.	አዋጅ ቁዕሪ 151/2000	ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ዝሃንፆም ወይ ዘማሓድሮም ኣባይቲ ንምምሕልፋፍን ኣፈፃፅምኡ ንምውሳንን ዝወፀ ኣዋጅ ቁዕሪ 199/1999 ንምምሕያሽ ዝወፀ ኣዋጅ	113-116
17.	አዋጅ ቁዕሪ 152/2000	ማእኸል መሰልጠኒ ሰብ ሞያ ኣካላት ፍትሒ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምጥያሽ ዝወፀ ኣዋጅ	117-123
18.	አዋጅ ቁዕሪ 153/2000	ኤጀንሲ ሳይንስን ቴክኖሎጂን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምጥያሽ ዝወፀ ኣዋጅ	124-131
19.	አዋጅ ቁዕሪ 154/2000	ንዕላማታት ሕብረት ስራሕ ማሕበር ክተማታት መፈፀሚ ዝግበር ውዕሊ ልቓሕ ውሕስና በጀት ንምሃብ ዝወፀ ኣዋጅ	132-134
20.	አዋጅ ቁዕሪ 155/2000	ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ን2001 በጀት ዓመት ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ	135-140
21.	አዋጅ ቁዕሪ 156/2000	ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንዝሰርሑ ጠበቓታት ብዛዕባ ኣወሃህባ ፍቓድን ምዝገባን ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ	141-155
22.	አዋጅ ቁዕሪ 157/2000	ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ትካል ሬድዮ ኤፍኤም ንምጥያሽ ዝወፀ ኣዋጅ	156-161
23.	ደንቢ ቁዕሪ 47/2000	መመሓደሪ ደንቢ መተሓባበርቲ ምልሻ ቢሮ ፀጥታን ጉዳያት ምምሕዳርን ክልል ትግራይ	162-187
24.	ደንቢ ቁዕሪ 48/2000	ተመሓይሹ ዝወፀ ደንቢ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ	188-238
25.	ደንቢ ቁዕሪ 49/2000	ካብ ሓደ ወረዳ ናብ ካሊ ወረዳ ዝሸጋሸጋ ጣብያታትን ቁሽታትን ንምውሳን ዝወፅአ	239-240
26.	ደንቢ ቁዕሪ 50/2000	ደንቢ ስርዓትን ምምሕዳርን ፋይናንስ ክተማታት ብሄራዊ ክልላዊ መንግሰቲ ትግራይ	241-267
27.	ደንቢ ቁዕሪ 51/2000	ደንቢ ምምሕዳር ፋይናንስ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ደንቢ ቁዕሪ 11/1993 ንምምሕያሽ ዝወፀ ደንቢ	268-269
28.	ደንቢ ቁዕሪ 52/2000	ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝሃነፆም ወይ ዘማሓድሮም ኣባይቲ ኣፈፃፅማ ምምሕልፋፍ ንምዝርዛር ዝወፀ ደንቢ	270-277
29.	ደንቢ ቁዕሪ 53/2000	መፅናፅቲ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ስራሕ ኣመልኪቱ ዝወፀ ደንቢ ድልድል/ኣመዳድባ/ ሰራሕተኛታት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ	278-299
30.	አዋጅ ቁዕሪ 158/2001	ኣብያተ ፍርዲ ሽራዓ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምጥንኻር ዝወፀ ኣዋጅ ቁዕሪ 133/1999 ንምምሕያሽ ዝወፀ ኣዋጅ	300-301
31.	አዋጅ ቁዕሪ 159/2001	ኣብ በጀት 2001 ዓመት ናይ ኤጀንሲ ልምዓት ኣባይቲ ተወሳኺ በጀት ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ	302-303
32.	አዋጅ ቁዕሪ 160/2001	ሓወልቲ ሰማእታትን ኣብ ትሕቲኡ ዝርከቡ ትካላትን ንብረትን ብመንግስቲ እዚ ክልል ንክመሓዳደር ዝተገበረ ስምምዕ መፅደቒ ኣዋጅ	304-305

33.	**ኣዋጅ ቁፅሪ** 161/2001	**ማእኸል ሓወልቲ ሰማእታት ትግራይ ንምጥያሽን ምምሕዳሩ ንምውሳንን ዝወፀ ኣዋጅ**	306-313
34.	**ኣዋጅ ቁፅሪ** 162/2001	**በጀት ዓመት ተወሳኺ በጀት ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ**	314-321
35.	**ኣዋጅ ቁፅሪ** 163/2001	**ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝሃንፆም ወይ ዘማሓድሮም ኣባይቲ ንምምሕላፋን ኣፈፃፅምኡ ንምውሳንን ተማሓይሹ ዝወፀ ኣዋጅ**	322-339
36.	**ኣዋጅ ቁፅሪ** 164/2001	**ንመፈፀሚ ዕላማ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ንዝግበር ውዕሊ ልቓሕ ውሕስና በጀት ንምሃብ ዝወፀ ኣዋጅ**	340-342
37.	**ኣዋጅ ቁፅሪ** 165/2001	**ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ን2002 በጀት ዓመት ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ**	343-365
38.	**ኣዋጅ ቁፅሪ** 166/2001	**ፈፀምቲ ኣካላት ብ/ክ/መ/ትግራይ ዳግም ንምውዳብ ዝወፀ ኣዋጅ**	366-373
39.	**ኣዋጅ ቁፅሪ** 167/2001	**ካብ ሓላፍነት ዝተልዓለ ኣውፂኢ ሕጊ ፣ ኣፈፃሚ ሕጊን ትርጓሚ ሕጊን ብ/ክ/መ/ትግራይ ዝረኸበ መሰልን ረብሓን ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ**	374-409
40.	**ደንቢ ቁፅሪ** 54/2001	**ድልድል ሰራሕተኛታት መንግስቲ ኣብ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ስራሕ ንምውሳን ዝወፀ ደንቢ ቁፅሪ** 53/2000 **ዓ.ም ንምምሕያሽ ዝወፀ ደንቢ**	410-437
41.	**ደንቢ ቁፅሪ** 55/2001	**ብሄራዊ ክልላዊ መንግሰቲ ትግራይ ዝሃነፆምን ዘመሓድሮምን ኣባይቲ ንምምሕላፋን ኣፈፃፅምኡ ንምዝርዛርን ተመሓይሹ ዝወፀ ደንቢ**	438-445
42.	**ደንቢ ቁፅሪ** 56/2001	**ፈንድ ልምዓት ሃፍቲ ደንን እንስሳ ዘገዳምን ኣፈፃፅምኡን ኣጠቓቕምኡን ንምዝርዛር ዝወፀ ደንቢ**	446-451

www.abyssinialaw.com

www.abyssinialaw.com

ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 16 ዓመት ቁ.1
መቐለ ታህሣሥ 5/2000 ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

15ኛ ዓመት ቁ.1
መቀለ ታህሣሥ 5/2000 ዓ/ም

አዋጅ ቑፅሪ 136/2000 ዓ/ም
ዝተመሓየሸ ምምሕዳርን ኣጣቓቕማን መሬት ገጠር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዳግም ንምውሳን ዝወፀ አዋጅ

መሬትን ሃፍቲ ተፈጥሮን ንምምሕዳር ንክልላት ዝተውሃበ ስልጣን ኣብ ስራሕ ዝውዕል ብመሰረት መንግስቲ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮድያ ዘውፅኦ ሕጊ ምኽኑ ናይ ኢትዮድያ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ሕገ-መንግስቲ ዓንቀፅ 52/2/መ/ ስለዝድንግግ፣
ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር መንግስቲ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮድያ ኣዋጅ ቁፅሪ 456/1997 ዓንቀፅ 17/1/ ነዚ ኣዋጅ ንምፍፃም ዘድልዮ ዝርዝር ድንጋጌታት ዝሓዘ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ዝምልከት ሕገ ብቤት ምኽሪ እዚ ክልል ንክወፅእ ስለ ዝደንግግ ፣
ነዚ መሰረት ብምግባር ቅድም ክብል ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 97/98 ምስ መሬት ተኣሳሲሮም ንዝልዓሉ ጉዳያት ብዝርዝር ብዝምልስ ፣ ፍትሓውን ሚዛናውን ሕጊ ምምሕዳርን ኣጣቓማን መሬት ገጠር ንክህሉ ነዚ ኣዋጅ ምምሕያሽ ኣድላይ ኮይኑ ስለዝተረኽበ ፣

አዋጅ ቁጥር 136/2000 ዓ/ም
የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የተሻሻለ የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም እንደገና ለመወሰን የወጣ አዋጅ

መሬትና የተፈጥሮ ሀብትና ለማስተዳደር ለክልሎች የተሰጠው ስልጣን በስራ ላይ የሚውለው የኢትዮድያ የፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ መንግስት በሚያወጣው ህግ መሰረት መሆኑን የኢትዮድያ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ሕገ-መንግስት አንቀፅ 52/2መ/ስለሚደነግግ፣
የኢትዮድያ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ መንግስት የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም አዋጅ ቁጥር 456/1997 አንቀፅ 17/1/ ይህን አዋጅ ለማስፈፀም የሚያስፈልጉ ዝርዝር ድንጋጌዎችን የያዘ የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም የሚመለከት ህግ በዚህ ክልል ምክር ቤት እንዲወጣ ስለሚደነግግ፣

ይህን መሰረት በማድረግ ቀደም ሲል የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም ለመወሰን የወጣ አዋጅ ቁጥር 97/98 ከመሬት ጋር ተያይዘው ለሚነሱ ጉዳዮች በዝርዝር ምላሽ በሚስጥ ፣ ፍትሃዊና ሚዛናዊ የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም ህግ እንዲኖር አዋጁን መሻሻል አስፈላጊ ሆኖ በመገኘቱ፣

ናይ ሓደ ዋጋ ያንዱ ዋጋ | ብር5.50

ነጋሪት ጋዜጣ ቁ.ፖ.ሳ
ነጋሪት ጋዜጣ ፖ.ሳ.ቁ

ቤት ምክሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ተማሓይሹ ብዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/ሀ/ ብዝተውሃቦ ስልጣን መሰረት እዚ ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

1. <u>ሓፂር ርእሲ</u>

እዚ ኣዋጅ "ዝተመሓየሸ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዳግም ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 136/2000 ዓ/ም" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

2. <u>ትርጉም</u>

ናይቲ ቃል ኣተኣታትዋ ካኢእ ትርጉም ዘውህቦ እንተዘይኮይኑ ኣብዚ ኣዋጅ ውሽጢ፦

1. "ውላድ ጡብ" ማለት ብመሰረት ሕጊ ቤተሰብ ክልል ትግራይ ሓደ ቆልዓ ምስ መፅበይኡ ብዝፍፀም ውዕሊ ዝፍጠር ዝምድና እዩ፣
2. "ዝምልከቶ ኣካል" ማለት ብመሰረት ኣዋጅ ቁፅሪ 77/1996 ዓ/ም ዝተጣየሸን መሬት ገጠር ንኽመሓድር ስልጣን ዝተውሃቦ በዓል መዚ ሓለዋ ከባቢ፣ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ማለት እዩ፣
3. "ዴስክ " ማለት ኣብ ወረዳ ናይቲ በዓል መዚ ሓለዋ ከባቢ ፣ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ተግባርን ሓላፍነትን ንምፍፃም ዝቐመ መሓውር እዩ፣
4. "መሬት ገጠር" ማለት ካብ ክሊ ቤት ማዘጋጃ ወፃኢ ወይ ድማ ኣግባብ ብዘለዎም ሕጊ "ከተማ " ተባሂሉ ካብ ዝተወሰነ ወፃኢ ዝርከብ ዝኾነ መሬት እዩ፣
5. "ዝነኣሰ ትሕዝቶ መሬት" ማለት ንሓደ ስድራ ውሕስና ምግቢ ከረጋግፅ ዝኽእል ትሕዝቶ መሬት ገጠር ኾይኑ በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 18 ተገሊፁ ዘሎ መጠን ትሕዝቶ መሬት እዩ፣
6. "ሽግሽግ መሬት" ማለት ትሕዝቶ መሬት ፍትሓዊ ብዝኾነን ብዝተመጣጠነን መንገዲ መሬት ንዘይብሎም ክባዓሕን ሓረስታይ ብሓባር ዝጥቀመሉ ዝድልደለሉን መሬት ተፈሊዩ ዝኽለለሉን መሬት ገጠር ተግባር እዩ፣
7. "ሕዛእቲ" ማለት ኣብ ሓደ ዝተኽለለ ከባቢ ብፍሉይ ንሕዛእቲ ተባሂሉ ዝተኽለለ ሳዕርን ኣግራብን ዘለዎ መሬት እዩ፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ተሻሽሎ በወጣው ሕገ-መንግስት አንቀጽ 49/3//ሀ/ በተሰጠው ሥልጣን መሰረት የሚከተለውን አዋጅ አውጥቷል።

1. <u>አጭር ርእስ</u>

ይህ አዋጅ "የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የተሻሻለ የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም እንደገና ለመወሰን የወጣ አዋጅ ቁጥር 136/2000 ዓ/ም" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

2. <u>ትርጉም</u>

በቃሉ አገባቡ ሌላ ትርጉም የሚሰጠው ካልሆነ በስተቀር በዚህ አዋጅ ውስጥ፦

1. "ጉዲፈቻ" ማለት በትግራይ ክልል የቤተሰብ ህግ መሰረት አንድ ልጅ ካሳዳጊው ጋር በሚፈጽመው ውል የሚፈጠር ዝምድና ነው፣
2. "የሚመለከተው አካል" ማለት በአዋጅ ቁጥር 77/1996 ዓ/ም የተቋቋመ የገጠር መሬት ለማስተዳደር ስልጣን የተሰጠው የአካባቢ ጥበቃ ፣ የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም ባለስልጣን ማለት ነው፣
3. "ዴስክ" ማለት የአካባቢ ጥበቃ ፣ የመሬት አስተዳደርና አጠቃቀም ባለስልጣን ተግባርና ኃላፊነትን ለማስፈፀም በወረዳ የተቋቋመ መዋቅር ነው፣
4. "ገጠር መሬት" ማለት ከማዘጋጃ ቤት ክልል ውጪ ወይም አግባብነት ባለው ሕግ "ከተማ" ተብሎ ከተወሰነ ውጪ የሚገኝ ማንኛውም መሬት ነው፣
5. "አነስተኛ መሬት የዞታ" ማለት የአንድ ቤተሰብ የምግብ ዋስትና ለማረጋገጥ የሚችል የገጠር መሬት ይዞታ ሆኖ በዚህ አዋጅ አንቀፅ 18 የተገለፀው የመሬት ይዞታ መጠን ነው።
6. "የመሬት ሽግሽግ" ማለት መሬት ይዞታ ፍትሃዊ በሆነና በተመጣጠነ መንገድ መሬት ለሌላቸው ለማዳረስና ገበሬው በጋራ የሚጠቀምበት መሬት ተለይቶ የሚከለልበትም የገጠር መሬት የሚደላደልበት ተግባር ነው፣
7. "ግጦሽ"ማለት በአንድ የተከለለ አካባቢ በተለይ ለግጦሽ ተብሎ የተከለለ ሳርና ዛፎች ያሉት መሬት ነው፣

www.abyssinialaw.com

8. "ትርፊ መሬት" ማለት ብሕጋዊ መንገዲ ዘይተዓደለን ኣብ ኢድ ዝተፈላለዩ ተጠቀምቲ ዝርከብ መሬት ፣ ወራሲ ዘይብሉ ክፍቲ መሬትን ዘጠቓለለ እዩ፣

9. "ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር " ማለት ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ከከም ኣድላይነቱ ኣብ ቁሽት ዝተጣየሸ ሓዊሱ ምምሕዳር ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ንምፍፃም ምምሕዳራውን ስልጣን ዳይነትን ዝተውሃቦ ኣብ ጣብያ ዝጣየሸ ኾይኑ ድሕሪ ሕዚ ኮሚቴ እናተብሃለ ዝፅዋዕ ኣካል እዩ።

3. <u>ብዛዕባ ኣግላልፃ ዖታ</u>

ኣብዚ ኣዋጅ ብተባዕታይ ዖታ ዝተሰገለፀ ኹሉ ንኣንስታይ ዖታ'ውን ዘካትት እዩ።

4. <u>ወሰን ተፈፃምነት</u>

እዚ ኣዋጅ ኣብ ውሽጢ ክልል ትግራይ ኣብ ዝርከብ ዝኾነ መሬት ገጠር ተፈፃምነት።

5. <u>መሰል ምርካብን ምጥቃምን መሬት ገጠር</u>

1. ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ፦

ሀ. ብሕርሻ ስራሕ ክመሓደር ንዝድሊ ሓረስታይ ናይ መሬት ገጠር ብነፃ ክረክብ ይግበር፣

ለ.ሕድ ሕድ ሓረስራይ ብመሬት መቐሎ ወይ ብሽግሽግ ዝረኾበ ትሕዝቶ መሬቱ ብዘ ምንም ገደብ ጊዜ ናይ ምጥቃም መሰል ኣለዎ፣

ሐ. ንትሕዝትኡ መረጋገፂ ደፍተር ኣብ ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ወይ ኣብ ወረዳ ዴስክ ይወሃቦ። እቲ መሬት ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ትሕዝቶ እንትኾይኑ ናይ ሓባር መረጋገፂ ደፍተር ይውሃቦም፣

መ. ዕድሚኡ 18 ዓመትን ካብኡ ንላዕልን ዝኾነ ብናይ ሕርሻ ሙያ ክመሓደር ዝደሊ ዝኾነ ናይቲ ዓዲ ዜጋ ብመሬት ገጠር ናይ ምጥቃም መሰል ዝተረጋገፀ ኾይኑ ኣቦኡምን ኣዴኡምን ብሞት ወይ ብኻሊእ ኩነታት ዝሰኣኑ ቆልዑት 18 ዓመት ክሳብ ዝመልኡም ብሕጋዊ መዕበይቶም ኣቢሎም ብመሬት ገጠር ናይ ምጥቃም መሰል ኣለዎም፣

8. "ትርፍ መሬት" ማለት ብህጋዊ መንገድ ያልታደለ በተለያዩ ተጠቃሚዎች እጅ ውስጥ የሚገኝ መሬት ፣ መራሽ የሌለው መሬት፣ ተራቶች ፣ ቦርቦርና ባለቤት የሌለው ክፍት መሬትን የሚያጠቃልል ነው፣

9. "የጣብያ ገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ "ማለት በዚህ አዋጅ መሰረት እንደየአስፈላጊነቱ በንጥ የሚቋቋምን ጨምሮ የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀምን ለማስፈፀም አስተዳደራዊና የዳኝነት ስልጣን የተሰጠው የቀበሌ ደረጃ የሚቋቋም ሆኖ ከዚህ በኋላ ኮሚቴ እየተባለ የሚጠራ አካል ነው።

3. <u>የፃታ አገላለፅ</u>

በዚህ አዋጅ ውስጥ በወንድ ፃታ የተገለፀ ሁሉ የሴትንም ፃታ ያካትታል፣

4. <u>የተፈፃሚነት ወሰን</u>

ይህ አዋጅ በትግራይ ክልል ውስጥ በሚገኝ በማንኛውም የገጠር መሬት ተፈፃሚነት ይኖረዋል።

5. <u>የገጠር መሬት የማግኘትና የመጠቀም መብት</u>

1. በዚህ የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም አዋጅ መሰረት ፦

ሀ. በግብርና ስራ ለመተዳደር የሚፈልግ አርሶ አደር የገጠር መሬት በነፃ እንዲያገኝ ይደረጋል ፣

ለ. እያንዳንዱ አርሶ አደር በመሬት ክፍፍል ወይም በሽግሽግ ባገኘው ይዞታ የለምንም የጊዜ ገደብ የመጠቀም መብት አለው፣

ሐ. ለይዞታው ማረጋገጫ ደብተር በቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳር ኮሚቴ ወይም በወረዳ ዴስክ ይሰጠዋል ። መሬቱ የባልና ሚስት የጋራ ይዞታ ከሆነ የጋራ ማረጋገጫ ደብተር የሰጣቸዋል።

መ. ዕድሜው 18 ዓመትና ከዚያ በላይ የሆነና በግብርና ሙያ ሊተዳደር የሚፈልግ ማንኛውም የሀገሪቱ ዜጋ በገጠር መሬት የመጠቀም መብቱ የተረጋገጠ ሆኖ እናትና አባታችው በሞት ወይም በሌላ ሁኔታ ያጡ ልጆት 18 ዓመት እስኪሞላቸው ድረስ በህጋዊ ሞግዚታቸው አማካኝነት በገጠር መሬት የመጠቀም መብት አላቸው፣

ረ. ኣብ ሕርሻ ስራሕቲ ክዋፈራ ዝደልያ ደቂ ኣንስትዮ መሬት ገጠር ምርካብን ምጥቃምን መሰል ኣለወን ፣

ሰ. ቅድም ክብል ብባይቶን ናይ መሬት ስሪትን በቢኽባቢኡ ዝተግበረ ናይ መወዳእተታመቐሎ መሬት በዚ ኣዋጅ ቅቡል እየ፣

ሸ. ናይዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ፊደል "ሰ" ዝተገለፀ ድንጋገ ኣብ ግድባት ከባቢ ንዝግበር ናይ መሬት ሽግሽግ ኣይሓውስን ፣

2. ዝኾነ ብመሬት ገጠር ናይ ምጥቃም መሰል ዘለዎ ሓረስታይ ካብ ቤተሰቡ ብውህብሰቶ ወይ ብውርሲ ወይ ድማ ኣግባብ ካብ ዘለዎ ብዓል መዚ ናይ መሬት ገጠር ብትሕዝቶ ክረክብ ይኽእል ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣

3. ኣብዚ ዓንቀፅ ኡስ ዓንቀፅ 2 ብውህብቶ መሬት ገጠር ምርካብ ዝከኣል ኾይኑ

ሀ. ውህብቶ ዝፈቀድ ትሕዝቶ መሬት ገጠር ንዘይብሉ ውሉድ ወይ ወላዲ ጥራሕ ገጠር ወይ

ለ. ብጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬትይ ገጠር ወይ ወረዳ ዴስክ እናተረጋገፀ ኣብ ወረዳ ወይ ንኡስ መረዳ ፍትሒ ቤት ፅሕፈት ውዕልን መረዳእታን ይምዝገብ ። ቅዳሕ እቲ ሰነድ ኣብ ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ዴስክን ይቕመጥ ፣

4. ዝኾነ ኣብ ስራሕቲ ሕርሻን ካልኦት ዘፈራት መሬት ገጠር ንምጥቃም ክዋፈር ዝደለየ በዓል ሃፍቲ ብመሰረት እዚ ኣዋጅን ሕጊ ኢንቨስትመንትን ምስ ሓረስታይ ወይ ድማ ኣግባብ ምስ ዘለዎ በዓለ መዚ ብዝገብሮ ውዕሊ ክራይ መሬት ናይ ምጥቃም መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን ።

6. <u>ብዛዕባ ምክራይ መሬት</u>

1. ደፍተር መረጋገፂ ትሕዝቶ ዝተውሃቦም ሓረስቶት ካብ ዘለዎም ካብ ፍርቂ መጠን ዘይንእስ ንባዕሎም ብምትራፍ ንዕያም ብዘይፈናቐል መልክዑ ዝተረፈ መሬቶም ንኻሊእ ሓረስታይ ወይ ባዓል ሃፍቲ ከካርዩ ይኽእሉ ፣

2. ሰብኣይን ሰበይትን ሰብ ሓዳር ዝኾኑ መሬቶም ብናይ ክልቲኦም ስምምዕነት ጥራሕ ይካረ፣

3. ሓረስታይ ብውልቀ ምስ ተኻረይቲ ዝገብሮ ናይ መሬት ክራይ ስምምዕ፦

ሠ.በግብርና ስራ ሊሰማሩ የሚፈልጉ ሴቶች ገጠር መሬት የማግኘትና የመጠቀም መብት ላቸው ፣

ረ. ቀደም ሲል በሽንኑና በአከባቢ የመሬት ደንብ መሰረት በየአከባቢው የተደረገው የመጨረሻ የመሬት ክፍፍል በዚህ አዋጅ ተቀባይነት አለው።

ሰ. የዚህ አንቀፅ ንኡድ አንቀፅ 1 ፊደል "ረ" የተጠቀሰው ድንጋጌ በግድቦች አከባቢ የሚደረገውን የመሬት ሽግሽግ አይጨምርም ፣

2. ማንኛውም በገጠር መሬት የመጠቀም መብት ያለው አርሶ አደር ከቤተሰቡ በስጦታ ወይም ውርስ ወይም አግባብ ካለው ባለስልጣን ገጠር መሬት ይዞታ ማግኘት ይችላል ፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል ፣

3. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 2 በስጦታ የገጠር መሬት ማግኘት የሚቻል ሆኖ ፦

ሀ. ስጦታ የሚፈቀደው የገጠር መሬት ይዞታ ለሌው ልጅ ወይም ወላጅ ብቻ ይሆናል፣

ለ.በቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ ወይም በወረዳ ዴስክ እየተረጋገጠ በወረዳ ወይም በንኡስ ወረዳ ፍትህ ጽሕፈት ቤት ውልና ማስረጃ ይመዘገባል ቅጂ በቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ እና በወረዳ ዴስክ ይቀመጣል ፣

4. በማንኛውም የግብርናና በሌሎች የስራ ዘርፎች የገጠር መሬትን በመጠቀም ስራ ላይ ለመሰማራት የፈለገ ማንኛውም ባለሃብት በዚህ አዋጅና በኢንቨስትመንት ህግ መሰረት ከአርኦ አደር ወይም አግባብ ካለው ባለስልጣን በሚያደርገው የኪራይ ውል መሬት የመጠቀም መብቱ የተጠበቀ ነው፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል።

6. <u>መሬት ስለማከራየት</u>

1. የይዞታ ማረጋገጫ ደብተር የተሰጣቸው አርሶ አደሮች ካላቸው መሬት ከግማሽ የይዞታ መጠን የማያንስ ለራሳቸው በማስቀረት እነሱን በማያፈናቅል መልኩ የተረፈ መሬታቸው ለሌላ አርሳ አደር ወይንም በለሃብት ማከራረች ይችላሉ፣

2. የባልና የሚስት ባለትዳሮች የሆኑ መሬታቸው በሁለቱም ስምምነት ብቻ ይከራያል ፣

3. አርሶ አደሩ በግሉ ከተከራዮች ጋር የሚደርገው የመሬት ክራይ ስምምነት፦

www.abyssinialaw.com

ሀ.ካብ ልማዳዊ ናይ ሕርሻ ሜላ ወፃኢ ዝኾነ ቴክኖሎጂ ንዝጥወም እንተኾይኑ ክሳብ 20 ዓመት
ለ. በቲ ልማዳዊ ኣገባብ ዝግበር ኪራይ እንተኾይኑ ብተኽታታሊ ካብ ሰለስተ ዓመት ዘይበልፅ ግዘ ይኸውን፣

4. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ዝግበር ውዕሊ መሬት ኪራይ ዝምልከት ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ደንቢ ይውሰን ።

7. <u>ብመንግስቲ ዝካረ መሬት</u>

1. መንግስቲ ኢኮኖሚያዊ ረብሕኡ ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ ሞንጎ ተኻረይቲ ዝምልከቶ ኣካልን ብዝግበር ውዕሊ መሬት ከካሪ ይኽእል እዩ ፣
2. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 1 ዝግበር ውዕሊ ክራይ መሬት ናይቲ ሓረስታይ ዋኽሚ ብዝነድእ መልክዑ ክኸውን የብሉን ፣
3. መጠን መሬት ናይቲ ኢንቨስትመት ዓይነት እናተርኣየ ብመንግስትን ሰብ ሃብትን ዝግበር ውዕሊ ክራይ ሕርሻ መሬት ክሳብ 50 ዓመት ዝፀንሕ ይኸውን ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣
4. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 3 ዝተቐመጠ ዘበን ዕውሊ ክራይ መሬት ከም ዘሎ ኾይኑ ኣብ ገጠር ዝግበር ናይ ኢንድስትሪ ኢንቨስትመንት ዘበን ውዕሊ ብመሰረት ሕጊ ኢንቨስትመንት ይውሰን፣
5. ትሕዝቶ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ከምኡ ‘ውን ማሕበራዊን ኢኮኖሚያውን ትካላት ብመሬት ናይ ምጥቃም መሰሎምን ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ግዘ ገደብን ብዝመልከት ብደንቢ ይውሰን፣
6. ተመን ክፍሊት ክራይ መሬትን ኣፈፃፅምኡን ብዝምልከት ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣

8. <u>በብዛዕባ ንሕርሻ ኢንቨስትመንት ዝኸውን መሬት ምርካብ ፦</u>

1. ኣብ ሕርሻ ኢንቨስትመንት ስራሕ ክዋፈሩ ዝደልዩ ሰብ ሃፍቲ መሬት ገጠር ክረኽቡ ዝኽእሉ ፦

ሀ. ካብ 100000 ብር -250000 ብር ርእሰማል ንዘዋፈሩ ሰብ ሃፍቲ ምስ በዓል መዚ ሓለዋ ከባቢ፣ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ብዝእሰር ውዕሊ ፣

ሀ. ከባህላዊ የእርሻ ዘዴ ውጪ የሆነ ቴክኖሎጂ ለሚጠቀም ተከራይ እስከ 20 ዓመት
ለ. በልማዳዊ የእርሻ ዘዴ ለሚጠቀም ተከራይ ከሆነ በተከታታይ ከሶስት ዓመት ላልበለጠ ጊዜ ይሆናል ፣

4. በዚህ አንቀጽ መሰረት የሚደረግ የመሬት ክራይ ውል ዝርዝር አፈፃፀም በተመለከት በደንብ ይወሰናል።

7. <u>በመንግስት የሚከራይ መሬት</u>

1. መንግስት ኢኮኖሚያዊ ጠቀሚታውን ከግምት ውስጥ በማስገባት ፣ በተከራዮችና አግባብ ካለው አካል በሚደረግ ውል መሬት ሊያከራይ ይችላል፣
2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የሚደረግ የመሬት ክራይ ውል የአርሶ አደሩን ጥቅም በሚነዳ መልኩ መሆን የለበትም ፣
3. የመሬቱ መጠንና የኢንቨስትመንት ዓይነት እየታየ በመንግስትና ባለሃብቶች የሚደረግ የመሬት ክራይ ውል እስከ 50 ዓመት የሚቆይ ይሆናል ። ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል ፣
4. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀፅ 3 የተቀመጠው የእርሻ መሬት ክራይ ውል ዘመን እንዳለ ሆኖ በገጠር መሬት የሚደረግ የኢንዱስትሪ ኢንቨስትመንት የውል ዘመን በኢንቨስትመንት ህግ መሰረት ይወሰናል ፣
5. የመንግስታዊና መንግስታዊ ያልሆኑ እንዲሁም የማሕበራዊና ኢኮኖሚያዊ ተቋማት ይዞታ እና በመሬት የመጠቀም መብታቸው ፀንቶ የሚቆይበት ጊዜ ገደብ በተመለከተ በደንብ ይወሰናል፣
6. የመሬት ክራይ ክፍያ ተመንና አፈጻጸሙ የሚመለከት ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል ፣

8. <u>ለግብርና ኢንቨስትመንት የሚሆን መሬት ስለማግኘት</u>

1. የግብርና ኢንቨስትመንት ስራ ሊሰማሩ የሚፈልጉ ባላሃብቶች የገጠር መሬት ሊያገኙ የሚችሉት ፦

ሀ. ከ100000 ብር - 250000 ብር ካፒታል ለሚያስማሩ ባላሃብቶች ከአካባቢ ጥበቃ ፣ የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም ባለስልጣን በሚታሰር ውል ፣

5

ለ. ካብ 250000 ብር ንላዕሊ ርእሰማል ንዘዋፍሩ ሰብ ሃፍቲ ናይ ኢ.ቨስትመንት ሰርትፊኬት ካብ ቤት ፅሕፈት ኢ.ንቨስትመንት ምስረኽቡ ምስ በዓል መዚ ሓለዋ ከባቢ ፣ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ብዝኣሰርዎ ውዕሊ ይኽውን፣

2. ስራሕ ኢ.ንቨስትመንት ሕርሻ ንምክያድ ዝደልይዎ መሬት ተፀኒው ነፃን ፀገም ዘይፈጥር ምኻኑ በቲ ወረዳ ምምሕዳር ፣ ዴስክን ጣብያ ምምሕዳርን ተረጋጊፁ ምሰቀረበ ናይ ኢ.ንቨስትመንት ወረቀት ምስክር ይረኽቡ ። እዚ ቅድመ ኩነታት ተማሊኡ ምስቀረበ ምስ ዝምልከት ኣካል ብዝግበር ውዕሊ መሬት ይረኽቡ፣

9. <u>ኣብ ስራሕ ሕርሻ ብዛዕባ ዝተዋፈሩ ሰብ ሃፍቲ</u>

ካብ መንግስቲ መሬት ገጠር ተኻርዩ ዝጥቀም ብዓል ሃፍቲ እዞም ዝስዕቡ ግቡኣት ኣለውዎ፦

1. ካብ መንግስቲ ሕርሻ መሬት ዝተኻረየ በዓል ሃፍቲ ኣብ ትሕዝቶኡ ዝርከቡ መሬት ምዕቃብን ዝተወሰነ ኢድ ናይ ትሕዝቶ መሬት ንኣግራብ ልምዓት ክውዕል ኣለዎ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን ፣
2. ካብ ሕርሻ ወፃኢ ንዝኾነ ንኢ.ቨስትመንት ስራሐ ዝውዕል መሬት ዝሓቱ ሰብ ሃፍቲ ምስ ዝምልከቶ ኣካል ብመሰረት ብዝግበር ውዕሊ ይፍፀም ፣
3. ካብ መንግስቲ መሬት ገጠር ዝተኽረየ በዓል ሃፍቲ ነቲ ዝተኻረዮ መሬት ንኻሊኣ ሰብ ምክራይ ዝተኸልከለ እዩ።

10. <u>ምምዝጋብን ምፅዳቕን ውዕሊ ክራይ መሬት ገጠር</u>

1. ሓደ ሓረስታይ ምስ ካሊእ ሓረስታይ ዝግበር ወዕሊ ክራት መሬት ብጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር እናተረጋገፀ ኣብ ወረዳ ወይ ንኡስ ወረዳ ቤት ፅሕፈት ፍትሒ ውዕልን መረዳእታን ይምዝገብ ፣
2. ኣብ ሞንጎ ሓረስታይን በዓል ሃፍትን ዝግበር ውዕሊ ክራይ መሬት ብወረዳ ዴስክ መረጋገፂ እንዳቐረበሉ ኣብ ወረዳ ወይ ንኡስ ወረዳ ቤት ፅሕፈት ፍትሒ ውዕልን መረዳእታን ይምዝገብ ፣
3. ቅዳም ሰነድ ውዕሊ ኣብ ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠርን ወረዳ ዴስክን ይቕመጥ ፣

ለ. ከ250000 ብር በላይ ካፒታል ለሚያስማረ ለሃብቶች የኢ.ንቨስትመንት ስርትፍኬት ኢ.ንቨስትመንት ጽሕፈት ቤት ካገኙ በኋላ ኣከባበቢ ጥበቃ ፣ የገጠር መሬት ኣስተዳደርና ኣጠቃቀም ባለስልጣን ጋር በሚያስሩት ውል ይሆናል ፣

2. የግብርና ኢ.ንቨስትመንት ስራ ለማካሄድ የሚፈልጉትን መሬት ተጠንቶና ነፃና ችግር የማይፈጥር መሆኑን በወረዳው ኣስተዳደር ፣ በዴስክና በጣብያ ኣስተዳደር ተረጋግጦ ከቀረበ በኋላ የኢ.ንቨስትመንት የምስክር ወረቀት ያገኛሉ። ይህ ቅድመ ሁኔታ ተሟልቶ እነደቀረበ ከሚመለከተው ኣካል በሚደረግ ውል መሬት ያገኛሉ፣

9. <u>በግብርና ስራ ስለተሰማሩ ባለሃብቶች</u>

ከመንግስት የገጠር መሬት ተከራይቶ የሚጠቀም ባለሃብት የሚከተሉት ግዴታዎች ኣሉት ፦

1. ከመንግስት የእርሻ መሬት የተከራየ ባለሃብት በይዞታው የሚገኝ መሬት መጠበቅና የይዞታ መሬት የተወሰነውን ክፍል ለዛፎች ልማት ማዋል ኣለበት ፣ ዝርዝሩ ደንብ ይወሰናል ፣
2. ከግብርና ውጪ የሚውል መሬት የሚጠይቁ በላሃብቶች ከሚመለከተው ኣካል ጋር በሚደረግ ውል መሰረት ይፈፀማል ፣

3. ከመንግስት የገጠር መሬት የተከራየ ባለሃብት ተከራየውን መሬት ለሌላ ሰው ሚከራየት የተከለከለ ነው ።

10. <u>የገጠር መሬት የክራይ ውልን ስል መመዝገብና ማፅደቅ</u>

1. ኣንድ እርሶ ኣደር ከሌላ ኣርሶ ኣደር ጋር የሚደረገው የመሬት ኪራይ ውል በቀበሌ የገጠር መሬት ኣስተዳደር ኮሚቴ እየተረጋገጠ በወረዳ ወይም ንኡስ ወረዳ የፍትህ ጽሕፈት ቤት ውልና ማስረጃ ይመዝገባል ፣
2. በኣርሶ ኣደርና ባለሃብት መካከል የሚደረግ የመሬት ኪራይ ውል በወረዳ ዴስክ ማረጋገጫ እየቀረበለት በወረዳ ወይም ንኡስ ወረዳ ፍትሕ ጽሕፈት ቤት ውልና ማስረጃ ይመዘገባል ፣

3. የውል ሰነድ ቅጂ በቀበሌ የገጠር መሬት ኣስተዳደር ኮሚቴና ወረዳ ዴስክ ይቀመጣል

6

4. ኣብዚ ዓንቀፅ ንዝተቐመጡ ድንጋገታት ብዝምልከት ዝርዝር አፈፃፅመኦም ብደንቢ ይውሰን።

11.ኣጠቓቕማ ተሓራሳይ መሬት

1. ሕድ ሕድ ሓረስታይ ኣብ ትሕዝትኡ ዝርከብ መሬት ናይ ምጥቃም ፣ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 5 ንኡስ ዓንቀፅ 3 ብውህብቶ ምምሕላፍን ዓንቀፅ 6 ንኡስ ዓንቀፅ 1 ምክራይን መሰሎ ዝተሓለወ ኾይኑ ኣብ ኣጠቓቕማ መሬቱ ዝስዕቡ ግቡኣት ይህልውዎ፣

ሀ. ኣብ ተሓራሳይ መሬት ዝርከቡ ኣጠቓቕማ ኣግራባት ብርሰት ብዘይዕድም ክኸውን ኣለዎ፣ ካብዚ ወፃኢ ብዝኾነ ኣጠቓቕማ ንዝበርሱ ኣግራባት ተሓታታይ ይኸውን ፣

ለ. ኣብ ሞንጎ ግራውቲ ዘሎ ደረት /ዓርሞ/ ዘፍርስ ክኸውን የብሉን፣

ሐ. ተሓራሳይ መሬት ካብ ወሰን ሩባታትን ዓበይቲ ጉህሚታትን እንተነኣሰ ሰለስተ ሜትሮ ብምርሓቕ ክሓርስ ኣለዎ፣

መ. ዝኾነ በዓል ትሕዝቶ ሓረስታይ መሬቱ ክዕቀን እንትሕተት ናይ ምትሕብባር ግቡእ ኣለዎ፣

ረ. ዝኾነ በዓል ትሕዝቶ መሬት ገጠር ካብ ዝተፈቐደሉ ናይ መጠሻ መሬት ወፃእ ኣብ መሬቱ መንበሪ ገዛ ምስራሕ ዝተኸልከለ እየ፣ ነዚ ጥሒሱ ገዛ ሰሪሑ ዝተረኸበ ሓረስታይ ብገበን ዝህልዎ ተሓታትነት ከም ዘሎ ኾይኑ እቲ ብዘይኣግባብ ዝተሰርሐ ገዛ ብጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ብቐጥታ ክፈርስ ይግበር ።ዝርዝር ብደንቢ ይውሰን ።

2. ሕድሕድ ብመሬት ናይ ምጥቃም መሰል ዘለዎ ሰብ ኣብ ውልቀ ትሕዝቶ ይኹን ኣብ ናይ ሓባር መሬት ሓመድን ማይን ክዕቅብን ኣግራብ ክተክልን ግቡእ ኣለዎ።

12.ብመሬት ናይ ምጥቃም መሰል

1. መሬት ተመቒሎም ካብ 2 ዓመት ንላዕሊ ብዘይብቁዕ ምኽንያት መሬቶም ካብ ዝርከበሉ ጣብያ ለቒቕም ዝኸዱ ከምኡ'ውን ቅድመ ክብል ኣብ ከተማ ወይ መሬቶም ካብ ዝርከበሉ ወፃኢ ኮይኖም ናይ ዝተመቐሉ ሰባት መሬቶም ተወሲዱ በቲ ካባቢ ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር

4. በዚህ አንቀጽ ለተቀመጡት ድንጋጌዎች በተመለከተ ዝርዝር አፈጻጸማቸው በደንብ ይሰወናል ።

11.ስለሚታረስ መሬይ አጠቃቀም

1. እያንዳንዱ አርሶ አደር በይዞታ ስር የሚኝ መሬት የመጠቀም ፣ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 5 ንኡስ አንቀጽ 3 በስጦታ የማስተላለፍና አንቀጽ 6 ንኡስ አንቀጽ 1 መሰረት የማከራየት መብቱ የተበቀ ሆኖ በመሬቱ አጠቃቀም የሚከተሉት ግዴታዎች ይኖሩታል፣

ሀ. በሚታረስ መሬት ላይ የሚገኙት ዛፎች አጠቃቀም ጉዳት በማያስከትል ዘዴ መሆን ኣለበት ። ከዚህ ውጪ በሆነ አጠቃቀም ለሚወድሙት ዛፎች ተጠያቂ ይሆናል።

ለ. በማሳዎች መሃከል የሚገኘውን ዳርቻ /ወሰን/ የሚያፈርስ መሆን የለበትም።

ሐ. በሚታረስ መሬት ከወንዞችና ትላልቅ ቦረበሮች ዳርቻ ቢያንስ ሶስት ሜትር በመራቅ ማረስ አለበት ፣

መ. ማንኛውም ባለይዞታ አርሶ አደር መሬቱ ለመለካት ሲጠየቅ የመተባበር ግዴታ አለበት ፣

ሠ. ማንኛውም የገጠር መሬት ባለ ይዞታ ከተፈቀደለት የጎጆ መውጫ መሬት ውጭ በሚታረስ መሬቱ የመኖሪያ ቤት መስራት የተከተከለ ነው፣ የህን ተላልፎ መኖሪያ ቤት ሰርቶ የተገኘ አርሶ አደር በወንጀል የሚኖረው ተጠያቂነት እንዳለ ሆኖ ያለአግባብ የተሰራ ቤት በቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ በቀጥታ ይፈርሳል ። ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል ።

2. እያንዳንዱ አረሶ አደር በግል ይዞታው ስር ወይም በጋራ ይዞታ ባለው መሬት ላይ አፍርና ውሃ የመጠበቅና ችግኝ የመትከል ግዴታ አለበት

12.በመሬት የመጠቀም መብት

1. መሬት የከፋፍለው ያለ በቂ ምክነያት መሬታቸው የሚገኝበትን ቀበሌ ከሁለይ ዓመት በላይ ለቀው የሂድ እነዲሁም ቀደም ሲል በከተማ ወይ መሬታቸው ከሚገኝበት ሆነው መሬት የተሰጣቸው ሰዎች መሬታቸው ተወስዶ በአካባቢው የቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር

7

www.abyssinialaw.com

ይመሓደር ፣ ኣብቲ ጣብያ ነበርቲ ንዝኾኑ መሬት ንዘይብሎም ሓረስቶት ብሽግሽግ ክውሃብ ይግበር። ይኹን'ምበር ካብ ኣባል ስድራ ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ ነቲ ከባቢ ገዲፉ ምኻድ ናይቲ ስድራ ብመሬቱ ናይ ምጥቃም መሰል ዝትንክፍ ኣይኸውን ፣

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ እንተሃለው'ውን ዝስዕቡ ክፋላት ሕብሰረተሰብ ብዝነበሮም ትሕዝቶ መሬት ናይ ምጥቃም መሰሎም ሕልዉ ይኸውን ። ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን ፦

ሀ. ኣባላት ሰራዊት መከላኸሊ ሃገር ፣

ለ.ኣባላት ፖሊስ ፌደራልን ክልልን ፣

ሐ. ወረስቲ ወይ ተጠቀምቲ መሬት ስውኣት ተጋደልትን ሚልሻታትን፣

መ. ብምኽንያት ሓዳር ናብ ካሊእ ገጠር ከባቢ ዝኸዱ ሰባት ፣

ረ. ብምክንያት ትምህርቲ ጣብያኦም ዝለቐቐ

ሰ. ጉዱኣት ኩናት ተጋደልቲ ፣ ኣብ ማሕበረስ ክሰርሑ ዘይኽእሉ ካልኦት ጉዱኣት ኣካልን ከቢድ ሕማምን ናይ ሰነ ኣእምሮ ሽግር ዘለዎምን፣

ሸ. ሰብ ሓዳሮም ወይ ጠወርቲ ጉድኣት ኣካል ተጋደልቲ ነቲ ጉድኣ ንሕብሓብ ጣብየኦም ዝለቐቐ፣

ቀ. በብርኩ ካብ ማሕረሰ ሰረሐም ዝተመረፁ ዘለው ጠርነፍቲ ሓፋሽ ማሕበራት ፣ ሃይማኖትዊ ትካላትን ኣባላት ተወከልቲ ህዝብ ፌደራልን ካልኦት ኣብያተ ምኽርን ዝኾኑ ሓረስቶት ብምኽንያት ዝተመረፀሉ ስራሕቲ ጣብያኦም እንትለቐ፣

በ. ጠዋርና ሓብሓብን ሰኢኖም ክሰርሑ ዘይኽእሉ ጣብያኦም ዝለቐቐ ሽማግለታት ፣

ተ. መናብርቲ ኤች ኣይቪ ኤድስ፣

ቸ. ወለዶም ብሞት ዝሰኣኑ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ዘዕብዮምን ዝሕብሕቦምን አለሻ ጣብየኦም ዝለቁ ቆልዑ ፣

3. ናይዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ድንጋገ እንተሃለወ ‘ውን ቅድሚ እዚ መመሓየሽ ኣዋጅ ምውፅኡ ፦

ኮሚቴ ይተዳደራል በቀበሌው ለሚኖሩ መሬት ለሌላቸው አርሶ አደሮች በሽግሽግ እንዲሰጥ ይደረጋል ። ነገር ግን ከቤተሰብ ኣባል ባል ወይም ሚስት አካባቢውን ለቀው መሄድ የቤተሰቡን በመሬት የመጠቀም መብት የሚነካ አይሆንም፣

2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 1 የደነገገ ቢኖርም የሚከተሉት የሕብረተሰብ ክፍሎች በነበራቸው የመሬት ይዞታ የመጠቀም መብታቸው የተጠበቀ ይሆናል ። ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል

ሀ.የአገር መከላከያ ሰራዊት አባላት ፣

ለ.የፌደራልና የክልል ፖሊስን አባላት ፣

ሐ. የተሰው ተጋዮችና ሚልሻዎች መሬት መራሾች ወይም ተጠቀሚዎች ፣

መ. በጋብቻ ምክንያት ወደ ሌላ የገጠር አከባቢ የሄዱ ሰዎች

ሠ. በትምህርት ምክንያት ቀበሌያቸው የለቀቁ ፣

ረ. የጦር ጉዳተኛ ተጋዮች ፣ በእርሻ ስራ መሰራት የማይችሉ ሌሎች የአካል ጉዳተኞችና ከባድ ህመምና የስነ-አእምሮ ችግር ያለባቸው፣

ሰ. የአካል ጉዳተኛ ተጋዮች ባለትዳሮች ወይም ጧሪዎች ጉዳተኛውን ለመንከባከብ ቀበሌያቸውን ሲለቁ ፣

ሸ. በየደረጃው ያሉ ከእርሻ ስራ የተመረጡ የህዝባዊ ማሕበራት ፣ የኃይማኖት ድርጅቶች መሪዎች እና የፌደራልና የሌሎች የህዝብ ተወካዮች ምክር ቤት አባላት የሆኑ አርሶ አደሮች በተመረጡበት ስራ ምክንያት ቀበሌያቸውን ሲለቁ ፣

ቀ. ጧሪና ተንከባካቢ አጥተው መስራት የማይችሉ አዛውንቶች ቀበሌያቸውን ሲለቁ፣

በ. ከኤች ኣይ ቪ ኤድስ ጋር የሚኖሩ ፣

ተ. ወላጆቻቸው በሞት ያጡ ዕድሜያቸው ከ18 ዓመት በታች የሆኑ የሚያሳድጋቸውና የሚን ከባከባቸው ፍለጋ ቀበሌያቸውን የለቀቁ ልጆች፣

3. የዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 ድንጋጌ ቢኖርም ይህ ማሻሻያ አዋጅ ከመውጣቱ በፊት፦

8

ሀ. ኣብ መሬት ገጠር ተመቺሎም ልዕሊ 2 ዓመት ጣብየኦም ዝለቐቹን ኣብ ክሊ ውሽጢ ወረደኦም ዘለውን ብምኽንያት ሽግሽግ ናብ ካሊእ ወረዳ ዝኸዱን ሰባት ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመት ናብ ገጠር ጣብያኦም እንተተመሊሶም ብዝነበሮም ትሕዝቶ ናይ መጥቃም መሰሎም ዝተሓለወ ይኸውን ፣

ለ. ኣብዚ ኣንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 3(ሀ) ዝተደንገገ ከም ዘሎ ኾይኑ ኣብ ከተማ ምምሕዳር ነበርቲ ዝኾኑ ናይቲ ከባቢ ወረዳ ሰብ ትሕዝቶ መሬትን ኦውን ዝምልከት ይኸውን፣

ሐ. ኣብዚ አንቀጽ ንኡስ ዓንቀጽ 3(ሀ)ን (ለ)ን ዝተመልከቱ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመት ቅድሚ ናብ ገጠር ጣብያኦም ምምላሶም ትሕዝቶኦም ናይ ምምሕላፍ መሰሎም ተገዲቡ ይፀንሕ፣

መ. ኣብ ከተማ ወይ መሬቶም ካብ ዝርከበሉ ወፃኢ ኮይኖም ናይ ዝተዓደሉ መነባብረኦም ኣብ ሕርሻ ዝተመስረተ ኾይኑ ክሳብ ሐዚ ባዕሎም እናሓረሱን እናልምዑን ዝርከቡ ብዘለዎም ትሕዝቶ ናይ ምጥቃም መሰሎም ዝተሓለወ ይኸውን፣

ረ. መረቶም ኣዋፊሮ ዝጥቀሙን ወርሓዊ እቶቶም ብር 1000 /ሓደ ሽሕን ብርን/ ትሕቲኡን ዝኾነ ክሳብ ብህይወት ዘለው ጥራሕ ብለዘዎም ትሕዝቶ ናይ ምጥቃም መሰል ይህልዎም፣

ሰ. መሬቶም ኣዋፊሮም ዝጥቀሙን ወርሓዊ እቶቶም ልዕሊ ብር 1000 /ሓደ ሽሕን ብር/ ዝኾኑን መሬቶም ብቑጥታ ይውሰዱ ፣

ሸ. ወርሓዊ መሃያኦም ወይ ክፍሊቶም ብር 1000 /ሓደ ሽሕ ብርን/ ትሕቲኡን ዝኾኑ ሰራሕተኛታት መንግስትን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ካበ መሬቶም ወይ ስሪሖም ክመረፁ ይግበር ።

ቀ.ወርሓዊ መሃያኦም ወይ ክፍሊቶም ልዕሊ ብር 1000 /ሓደ ሽሕ ብር/ ዝኾኑ ሰራሕተኛታት መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት መሬቶም ብቀጥታ ይውሰድ ፣ ይኹን ኦምበር ብመሬት ናይ ምጥቃም መሰሎም ንዝመርፀ ምርጫኦም ዝተሓለወ ይኸውን ፣

ሀ. በገጠር መሬት ተከፋፍለው ከሁለት ዓመት በላይ ቀበሌያቸውን የለቀቁና በወረዳቸው ክልል ውስጥ ያሉና በሽግሽግ ምክንያት ወደ ሌላ ወረዳ የሄዱ ሰዎች በሶስት ዓመት ጊዜ ውስጥ ወደ ገጠር ቀበሌቸው ከተመለሱ በነበራቸው ይዞታ የመጠቀም መብታቸውን የተጠበቀ ይሆናል ፣

ለ. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀጽ 3(ሀ) የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ በከተማ አስተዳደር ነዋሪ የሆኑ የአከባቢው ወረዳ የመሬት ባለ ይዞታዎችንም ይመለከታል ፣

ሐ. በዚህ አንቀጽ በንኡስ አንቀጽ 3(ሀ) እና (ለ) የተመለከቱት በሶስት ዓመት ጊዜ ውስጥ ወደ ገጠር ቀበሌያቸው ከመመለሳቸው በፊት ይዞታቸውን የማስተላለፍ መብታቸውን ታግዶ ይቆያል ፣

መ. በከተማ ወይም መሬታቸው ከሚገኝበት ውጭ ሆነው መሬ የተሰጡ ኑሮኣቸው በግብርና የተመሰረተ ሆኖ እስከአሁን ድረስ ራሳቸው እያረሱና እያለሙ የሚገኙ ባላቸው ይዞታ የመጠቀም መብታቸው የተጠበቀ ይሆናል ፣

ሠ. መሬታቸው ለሌች አጋዝተው የሚጠቀሙ እና የወር ገቢያቸው ብር 1000 /አንድ ሺህ ብር/ እና ከዚያ በታች የሆኑ በህይወት እስካሉ ድረስ ብቻ በይዘታቸው የመጠቀም መብት ይኖራቸዋል ፣

ረ. መሬታቸውን ለሌሎች አጋዝተው የሚጠቀሙና የወር ገቢያቸው ከብር 1000 /አንድ ሺህብር/ በላይ የሆኑ ይዞታቸው በቀጥታ ይወሰዳል ፣

ሰ. የወር ደመወዛቸው ወይም ክፍያቸው ብር 1000 /አንድ ሺህ ብር/ እና ከዚያ በታች የሆኑ የመንግስት እና መንግስታዊ ያልሆኑ ተቋማት ሰራተኞች በአንድ ዓመት ጊዜ ውስጥ መሬታቸውን ወይም ሰራቸውን እንዲመርጡ ይደረጋል ፣

ሸ. የወር ደመወዛቸው ወይም ክፍያቸው ከብር 1000 /አንድ ሺህ ብር/ በላይ የሆኑ የመንግስትና መንግስታዊ ያልሆኑ ተቋማት ሰራተኞች መሬታቸው በቀጥታ ይወሰዳል ። ይሁን እንጂ በመሬት የመጠቀም መብታቸው ለሚመርጡ ምርጫቸው የተጠበቀ ይሆናል ፣

www.abyssinialaw.com

4. ብምኽንያት ምስፋሕ ከተማታት ትዝሕቶ መሬቶም ናብ ከተማ ክልል ዝኣተዎም ሓረስቶት ፦

ሀ. ካሕሳ ናይ ምርካብ መሰሎም ሕሉው ኾይኑ ኣብ ገጠር ብዝተረፎም መሬት ናይ ምጥቃም መሰል ይህልዎም ፣

ለ. ክሳብ ካሕሳ ዝኽፈሎም ኣብ ዘሎ እዋን መሰል ውርሲ ፣ ውህብቶ ፣ ላውጣ ፣ ኪራይን ሽግሽግን ይኽበረሎም ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣

ሐ. ምምሕዳር ከተማ በዚ ኣዋጅ መሰረት መሰሎም ከኽብረሎም ይግደድ ።

13. <u>ብዛዕባ ኣብ ተሓራሳይ መሬት ዝርከቡ ኣግራብ</u>

1. ኣብ ተሓራሳይ መሬት ዝርከቡ ኣግራብ ዋንነት ናይቲ በዓል ትሕዝቶ ሓረስታይ እዮም ።
2. ልሙዕነት ተሓራሳይ መሬት ዝፃባእ ተኽሊ ምትካል ክልኩል እዩ። ኾይኑ ግን ኣብ ፀዳፍ መሬት እንተይሓረሱ ብመማረፂ ከም በለስን፣ቀላሚጦስን ካሊእ ቀዋሚ ተኽሊ ብድልየቶም ክተኽሉ ንዝደልዩ ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ፣ ወረዳ ዴስክ ወይ ዝምልከቶ ኣካል እንትፈቅድ ክትኽሉ ይኽእሉ እዮም ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይወስን ፣
3. ብዛዕባ ሓለዋን ኣጠቓቕማን ኣግራብ ዝወፀ ፌዴራል ኣዋጅ ቁፅሪ 94/86 ዝተደንገገ ከምዘሎ ኮይኑ ኣብ ተሓራሳይን መሬት ዝርከቡ ከም ዕጣን ፣ ዓየ ፣ ዓውሒ ፣ ሓንሳ ፣ ኣውሊዕ ፣ ፅሕዲ ፣ ዳዕሮ ፣ እንዳዲዕ ፣ ስሞኾ ፣ ሞሞና መቕዕ ፣ ሒቢ፣ ሳግላ፣ ዝግባ ዝመሳሰሉ ምቁራፅ ዝተኽልከለ እዩ።
4. ኣብ ተሓራሳይ መሬት ዝርከቡ ናይ እንዳዲዕን ዕጣንን ኣግራብ ናይቲ በዓል መሬይ ኾይኖም ዘፍረይዎ ዕጣንን እንዳዲዕን ብምሻጥ ወይ ብምክራይ ናይ ምጥቃም መሰል ኣለዎ ፣
5. ኣብ ተሓራሳይ መሬት ንዝርከቡ ኣግራብ እቲ በዓል ትሕዝቶ ኣድላይ ክንክን ናይ መግባር ግቡእ ኣለዎ።

14. <u>ብመሬት ናይ ምጥቃም መሰል ቁራፅ</u>

1. ኣብዚ ኣዋጅን ነዚ ኣዋጅ ንምፍፃም ዝወፅኡ ደንብታትን መምርሒታትን ብዘይምኽባር ኣብቲ መሬት ጉድኣት ንክበፅሕ ዝገበረን ብግቡእ ዘይጥቀምን ብዓል ትሕዝቶ መሬት ገጠር ብመሬት ናይ ምጥቃም መሰሉ ክሕደግ ይክእል ፣ ዓይነት ጉድኣትን መጠንን ብደንቢ ይውሰን፣

4. በከተሞች መስፋፋት ምክንያት የገጠር መሬት ይዞታቸው ወደ ከተማ ክልል የገባባቸው አርሶ አድሮች ፦

ሀ.ካሳ የማግኘት ምብታቸው እንደተጠበቀ ሆኖ በገጠር በቀራበቸው መሬት የመጠቀም መብት ይኖራቸዋል ፣

ለ. ካሳ እስከሚከፈላቸው ድረስ ባለው ጊዜ ውስጥ የውርስ ፣ ስጦታ ፣ ልዋጭ ፣ ኪራይና የሽግሽግ መብታቸው ይከበርላቸዋል ፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወስናል፣

ሐ. የከተማ አስተዳደር በዚህ ኣዋጅ መሰረት መብታቸው እንዲያስከብርላቸው ይገደዳል።

13. <u>በሚታረሰ መሬት ላይ ስለሚገኙ ዛፎች</u>

1. በሚታረሰ መሬት ላይ የሚገኙ ዛፎች የመሬት ባለይዞታው አርሶ አደር ንብረት ናቸው፣
2. የሚታረስ መሬት ለምነትን የሚጻረሩ ተክሎች መትከል የተከለከለ ነው። ሆኖም ተዳፋት በሆነ መሬት ሳያርሱ በአማራጭ ቁልቋል ፣ ባህርዛፍና ሌላ ቋሚ ዕፀዋት ለመትከል የሚፈልጉ የቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ ፣ የወረዳ ዴስክ ወይም የሚመለከተው አካል ሲፈቅድ መትከል ይችላሉ ፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፣
3. ስለዛፎች ጥበቃና አጠቃቀም የወጣው የፌዴራል አዋጅ ቁጥር 94/86 የተደነገገው እነዳለ ሆኖ ፣ በሚታረስ መሬታ ላይ የሚገኙነት እንደ ዕጣን ፣ ዓየ ፣ ዋንዛ፣ ቆንጥር ፣ ወይራ ፣ ጥድ ፣ ዋርካ ፣ የሙጫ ፣ ዛፍ ፣ ቅርቅራ ፣ ግራር ፣ በደኖ ፣ ኮሶ ዛፍ ሾላ ፣ ዝግባ የመሳሰሉት መቁረጥ የተከለከለ ነው፣
4. በሚታረሰ መሬት ላይ የሚገኙ የዕጣንና የሙጫ ዛፎች የመሬቱ በላይ ይዞታ ሆነው የሚያፈሩትን ዕጣንና ሙጫ በመሸጥ ወይም በማከራየት የመጠቀም መብት አለው ፣
5. የመሬት ባለይዞታ በመሬቱ ላይ ያሉትን ዛፎች አስፈላጊውን እንክብካቤ የማድረግ ግዴታ አለበት ።

14. <u>በመሬት የመጠቀም መብት መቋረጥ</u>

1. በዚህ አዋጅና ይሄን አዋጅ ለማስፈፀም የሚወጡ ደንቦችና መመሪያዎችን ባለማክበር በመሬቱ ላይ ጉዳት እንዲደርስ ያደረገና በአግባቡ ያልተጠቀመ የገጠር መሬት ባለ ይዞታ በመሬት የመጠቀም መብቱ ሊቋረጥ ይችላል። የጉዳቱ ዓይነትና መጠን በደንብ ይወሰናል ፣

10

www.abyssinialaw.com

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተገለፀ ሓፈሻዊ ኣበሃህላ ከም ዘሎ ኾይኑ ዝኾነ ሓረስታይ ኣብቲ መሬት ንዘብፅሑ ጉድኣት ብተደጋጋሚ መጠንቐቕታ ከስተኻኽል ዘይክኣለ ብናይ ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ናይ ውሳነ ሓሳብ ብናይ ወረዳ ዴስክ ውሳነን በቲ ወረዳ ስራሕ ፈፃሚት (ካቢኔ) እንትፀድቕ ብመሬት ናይ ምጥቃም መሰሉ ክቋረፅ ይኽእል ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን ፣
3. እቲ ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ዝተውሃበ ውሳነ ሓሳብ እቲ ወረዳ ዴስክ ኣድላይ ኾይኑ እንትረኽቦ ምፅራይ ብምግባር ናይ መወዳእታ መጠንቐቕታ ክህቦ ይኽእል፣
4. ዝኾነ ሓረስታይ ናይ መሬት ምጥቃም መሰሉ ብድልየቱ ክቋረፅ ይኽእል። ኾይኑ ግን ኣብቲ መሬት ዘብፅሑ ጉድኣት እንተሃልዩ ታሓታቲ ይኽውን፣
5. ናይ መሬት ምጥቃም መሰሉ ብፍቓዱ ወይ ድማ ብውሳነ ዝተቋረፆ ሓረስታይ ናይ ትሕዝቶ መረጋገፂ ደፍተሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ክመልሶ ግቡእ ኣለዎ፣
6. ብውሳነ ወይ ድማ ብፍቓድ መሬት ናይ ምጥቃም መሰሉ ዘቋረፀ ሓረስታይ መሊሱ መሬት ዝተረኽበሉ ኣገባብ ዝምልከት ብደንቢ ይውሰን ፣
7. ብመሬት ምጥቃም መሰል ብፍቃዱ ዘቋረፀ ሓረስታይ ኣብ ልዕሊ መሬት ዘፍረዮም ፍርያትን ዝሃነፃም ንብረታትን ናይ ምልዓል መሰል ኣለዎ። ካሕሳ ናይ ምርካብ መሰል ግን የብሉን ኾይኑ ግና ቀወምቲ ተኽሊ እንተሃሊይዎ እቲ መሬት ዝውሃቦ ኣካል ግምቱ ክኽፍሎ ይግበር።

15.<u>ብዛዕባ መሰል ምምሕላፍ ኢንቨስትመንት</u>

1. ሓደ ናይ ሕርሻ ኢንቨስትመንት ፕሮጀክት ምህርቲ ምሃብ ቅድሚ ምጅማሩ መሰል ኢንቨስትመንት ምምሕላፍ ኣይክኣልን ። ኾይኑ ግን ብባህሪ ናይቲ ፕሮጀክት ምህርቲ ዝጅምረሉ እዋን ልዕሊ ሓደ ዓመት ዝወሰድ እንትኾይኑ መሰል ኢንቨስትመንት ቅድሚ ምህርቲ ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን ፣
2. መሰል ኢንቨስትመንት በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 1 ብዝተደንገገ መልክዑ ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ።

2. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀፅ 1 የተገለፀው አጠቃላይ አባባል እንዳለ ሆኖ ማንኛውም አርሶ አደር በመሬቱ ላይ ላደረሰው ጉዳት በተደጋጋሚ ማስጠንቀቂያ ሊያስተካክል ካልቻለ በጣቢያው የመሬት አስተዳደር ኮሚቴ የውሳኔ ሓሳብ በወረዳ ዴስኩም ውሳነ በወረዳው ስራ አስፈፃሚ (ካቢኔ) ሲፀድቅ በመሬት የመጠቀም መብቱ ሊቋረጥ ይችላል ። ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል ፣
3. በጣቢያ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ የተሰጠው የውሳኔ ሓሳብ የወረዳ ዴስክ አስፈላጊ ሆኖ ሲያገኘው እንዲጣራ በማስረግ የመጨረሻ ማስጠንቀቂያ ሊሰጥ ይችላል ፣
4. ማንኛውም አርሶ አደር በመሬት የመጠቀም መብቱ በፍላጎቱ ሊያቋርጥ ይችላል ። ሆኖም በመሬቱ ላይ ያደረሰው ጉዳት ካለ ተጠያቂ ይሆናል ፣
5. በመሬት የመጠቀም መብቱ ብፍላጎት ወይም በውሳኔ የተቋረጠበት አርሶ አደር የይዞታ ማረጋገጫ ደብተሩ በአንድ ወር ጊዜ ውስጥ የመመለስ ግዴታ አለበት ፣
6. በውሳኔ ወይም በፍላጎቱ የመሬቱ መጠቀም መብቱ ያቋረጠ አርሶ አደር ድጋሚ መሬት የሚያገኝበት አግባብ በሚመለከት በደንብ ይወሰናል ፣
7. የመሬት መጠቀም መብቱ በፍላጎቱ ያቋረጡ አርሶ አደር በመሬቱ ላይ ያፈራው ፍሬና የገነባው ንብረት የማንሳት መብት አለው ። ካሳ የማግኘት መብት ግን የለውም ፣ ሆኖም ቋሚ ተክሎች ካሉት መሬቱ የሚሰጠው አካል ግምቱን እንዲከፍለው ይደረጋል።

15.<u>የኢንቨስትመንት መብት ስለማስተላለፍ</u>

1. የእርሻ ኢንቨስትመንት ፕሮጀክት ምርት መስጠት ከመጀመሩ በፊት፣ የእርሻ ኢንቨስትመንት መብት ማስተላለፍ አይቻልም። ሆኖም የኢንቨስትመንት ፕሮጀክቱ በባህሪው ምርት መስጠት የሚጀመረው ከአንድ አመት በላይ ከሆነ የኢንቨስትመንት መብት ከምርት በፊት መተላለፍ ይችላል ፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል ፣
2. የኢንቨስትመንት መብት በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 በተደነገገው መልኩ ሊተላለፍ ይችላል። ሆኖም ከቀረጥ ነፃ ሆነው የገቡ መሳሪያዎችና

11

ኣቐሑትን ቀረፅ ከይተኽፈሎም ናብ ካልኦት ወገን ክመሓላለፉ ኣይኽእሉን ፣ ተመሳሳሊ መሰል ዘለዎም ግን ከመሓላልፉ ይኽእሉ እዮም ።

3. ናይ መሬት ገጠር ብሊዝ ዝተኻረየ በዓል ሃፍቲ ናይ ምጥቃም መሰሉ ብውሕስና ንምትሓዝ ይኽእል እዩ። ዝርዝሩ ብደንቢ ዝውሰን ይኸውን ።

16.ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት

ሓዱሽ ቴክኖሎጅን ዝለዓለ ካፒታልን ብምጥቃም ውፅኢታዊ ናይ ልምዓት ምንቅስቃስ ሃሊይዎ ኢንቪስትመንቱ ከጋፍሕን ከመሓይሽን ንዝደሊ በዓል ፍቲ ይተባባዕ ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን ።

17. ብዛዕባ ውርሲ

1. ብመሬት ናይ ምጥቃም መሰል ዘለዎ በዓል ትሕዝቶ እንተሞይቱ ፦

ሀ.ብቐዳምነት መሬት ዘይብሉ ውላድ ወራሲ ይኸውን፣

ለ. መዋቲ ውሉድ ዘይብሉ እንተኾይኑ መሬት ዘይብሉ ወላዲኡ ይወርሶ ፣

2. ብመሬት ናይ ምጥቃም መሰል ብውርሲ ክመሓላለፍ ዝኽእል፦

ሀ. ተሓራሳይ መሬት ዘይብሉ ውላድ ጡብ ምስ ደቂ መዕበይቲ ውላድ ጡብ ማዕረ ናይ ምውራስ መሰል ኣለዎ፣

ለ.እቲ ዝካየድ ውርሲ ካብ ካልኣይ ብርኪ ክሓልፍ የብሉን ። ኾይኑ ግን ባዓለ ትዝሕቶ መሬት እንትመውት ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዝወርስ ውሉድ እንተዘይሃልይዎ ናይ መዋቲ ትሕዝቶ መሬት ደቂ ደቁ ብቐጥታ ክወርሱ ይኽእሉ እዮም።

ሐ. ናይ ባዕሉ ግብሪ መሬት ዘለዎ ወይ ካብ ሕርሻ ወፃኢ መነባብሮ ዝቐየረ ሰብ ካብ መጠሻ ወፃኢ ተሓራሲ መሬት ክወርስ ኣይኽእልን ፣

መ. ከተማ ነበርቲ ዝኾኑ ውሉዳት መሬት ገጠር ናይ ምውራስ መሰል የብሎምን ።

3. ኣብ መንጎ ወረስቲ ዝግበር ናይ መሬት ምምቓቕል ካብ ዝነኣሰ ናይ መሬት ትሕዝቶ ንታሕቲ ናይ መሬት ምቁርራስ ከስዕብ ዝኽእል ክኸውን የብሉን። ወረስቲ ብዙሓት ኣብ ዝኾኑሉ እዋን መጀመሪያ ባዕሎም ተሰማሚያም ብሓባር ተጠቀምቲ ዝኾኑ ዕድል ይውሃብ፣ በዚ ክስማዕምዑ እንተዘይኪኢሎም እቃዎች ቀረጥ ሳይከፈልባቸው ለሌላ ሰው መተላለፍ አይችሉም ። ተመሳሳይ መብት ያላቸው ግን ማስተላለፍ ይችላሉ ።

3. የገጠር መሬት በሊዝ የተከራየ ባለሃብት የመጠቀም መብቱ በዋስትና ለማስያዝ ይችላል፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል ።

16.ኢንቨስትመንት ስለማስፋፋት

አዲስ ቴክኖሎጂ እና ከፍተኛ ካፒታል በመጠቀም ውጤታም የልማት እንቅስቃሴ ኖሮት ኢንቨስትመንቱ ለማስፋፋትና ለማሻሻል የሚፈለግ ባለ ሃብት ይበረታታል ፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል።

17.ስለ ውርስ

1. በመሬት የመጠቀም መብት ያለው ባለ ይዞታ ሲሞት ፦

ሀ. መሬት የሌለው ልጁ በቅድሚያ ወራሽ ይሆናል

ለ. ሚች ልጅ የሌለው ከሆነ መሬት የሌለው ወላጁ ይወርሰዋል ፣

2. የመሬት መጠቀም መብት በውርስ ሊተላለፍ የሚችለው ፦

ሀ. የሚታረስ መሬት የሌለው ጉዲፈቻ ከጉዲፈቻ አሳዳጊው ልጆት ጋር እኩል የመውረስ መብት አለው፣

ለ. የሚካሃደው ውርስ ከሁለተኛ ደረጃ የውርስ ደረጃ ማለፍ የለበትም ። ሆኖም የመሬት ባለ ዞታ ሲሞት በዚህ አዋጅ መሰረት የሚወርስ ልጅ የሌለው ከሆነ የሚች የልጅ ልጆች ቀጥታ መውረስ ይችላሉ ፣

ሐ. የራሱ የመሬት ይዞታ ላለው ወይም ከግብርና ውጪ ኑሮውን የለወጠ ሰው ከጎጆ መውጫ በስተቀር የእርሻ መሬት መውረስ አይችልም፣

መ. በከተማ የሚኖሩ ልጆች የገጠር መሬት የመውረስ መብት የላቸውም፣

3. በወራሾች መካከል የሚደረግ የመሬት መከፋፈል ከአንስተኛ የመሬት ይዞታ በታች የመሬት መቆራረስ የሚፈጥር መሆን የለበትም ። ወራሾች ብዙ በሚሆኑበት ጊዜ መጀመሪያ ራሳቸው ተስማምተው በጋራ ተጠቃሚዎች የሚሆንበት እድል ይሰጣል ፣ በዚህ መስማማት ካልቻሉ

12

www.abyssinialaw.com

ካብ ዝነኣሰ ትሕዝቶ መሬት ምቁርራስ ብዘየስዕብ መንገዲ ብዕፃ ይወሃብ ፣

4. ናይዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ድንጋገ ኣብ ባህላዊ መስኖታትን ዓይኒ ማያትን ንዝህሉ ናይ መሬት ኣጠቓቕማ መጠን ዝትንክፍ ኣይኮነን ፣
5. በዓል ትሕዝቶ እንትመውት ኣብዚ ዓንቀፅ ብዝተደንገገ መሰረት ተኪኡ ዝወርስ ዘይብሉ እንተኾይኑ መሬቱ ናብ ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ተመሊሱ መሬት ንዘይብሎም ክዕደል ይግበር ፣
6. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 5 ዝተደንገገ እንተሃሊው'ውን መሬት ዘይብሉን ኣብናይ መዋቲ ገዛ ዝዓበየ ወይ ጠዋሪ ዝኾነ ሰብ ሕጋዊ ወራሲ ናይ ዘይብሉ መሬት ቀዳምነት ተዋሂብዎ ክሸጋሸግ ይግባእ ፣
7. ንሓረስታይ ዝተውሃበ ብናይ መሬት ገጠር ናይ ምጥቃም መሰል ውርሲ ዝምልከት ምስዚ ኣዋጅ ዝጓነፁ ናይ ፍትሃብሄር ሕጊ ድንጋጌታት ውርሲ ተፈፃምነት ኣይህልውምን ፣

18.<u>መጠን ትሕዝቶ መሬት ገጠር</u>

1. ቅድሚ ሐዚ በቢከባቢኡ ብሕጋዊ መንገዲ ዝተዓደለ ናይ ሓደ ስድራ ትሕዝቶ መሬት ከም ዘሎ ኾይኑ ንቕድሚት ዝዕደል መጠን ዝነኣሰ ትሕዝቶ መሬት ትሕቲ 0.25 ሄክታር ክኸውን የብሉን ፣ እዙይ ግና ኣብ ከባቢ ብመስኖ ንዝለምዕ መሬት ኣይሓውስን ፣
2. ንቅድሚት ዝዕደል ዝልዓል ስፍሓት መሬት ከከም ከባቢኡ ኩነታት ብደንቢ ዝውሰን ይኸውን ።

19.<u>ኣብ ሞንጎ ሰብ ትሕዝቶ ሓረስቶት ዝግበር ልውውጥ መሬት</u>

1. መሬት ክለዋወጡ ዝደልዩ ሓረስትቶ ንልምዓት ሕርሻ ብዝጥዕም ኩነት ብስምምዕነት ክለዋወጡ ይኽእሉ ፣
2. ናይ ዝተለወጠ መሬት ወረቐት ምስክር ተስተኻኺሉ ክውሃብ ይግበር፣
3. ዝኾነ በዓል ትዝሕቶ መሬት ምስ ዝደለዮ ካሊእ በዓል ትሕዝቶ መሬት ካብ ወረዳ ናብ ወረዳ ይኹን ካብ ጣቢያ ናብ ጣቢያ ብስምምዕነት ትሕዝትኡ ናይ ምልዋጥ መሰል ኣለዎ ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣

ከኣነስተኛ የመሬት ይዞታ በታች መቆራረስ በማያስከትል መንገድ በእጣ ይሰጣል፣

4. የዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀጽ 3 ድንጋገ በባህላዊ መስኖዎችና የውሃ ምንጮች የሚኖር መሬት አጠቃቀም መጠን የሚመለከት አይሆንም ፣

5. ባለይዞታው በሞት ሲለይ በዚህ አንቀፅ በተደነገገው መሰረት ወራሽ የሌለው ከሆነ መሬቱ ወደ ቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ ተመልሶ መሬት ለሌላቸው እንዲታደል ያደርጋል ፣

6. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 5 የተደነገገው ቢኖርም መሬት የሌለውና በሚቹ ቤት ያደገወይም ጧሪ ለሆነ ሰው ፣ ሕጋዊ ወራሽ የሌለው መሬት ቅድሚያ ተሰጥቶት ሊሸጋሸግ ይገባል ፣

7. በአርሶ የተሰጠ በገጠር መሬት የመጠቀም መብት ውርስ በሚመለከት ከዚህ አዋጅ ጋር የሚቃረኑ የፍትሃብሄር የውርስ ድንጋጌዎች ተፈጻሚነት አይኖራቸውም፣

18.<u>የገጠር መሬት የይዞታ መጠን</u>

1. ከአሁን በፊት በየአከባቢው በሕጋዊ መንገድ የተከፋፈለ የአንድ ቤተሰብ የመሬት ይዞታ እንዳለ ሆኖ ለወደፊት የሚሰጥ አነስተኛ የመሬት ይዞታ መጠን ከ0.25 ሄክታር በታች መሆን የለበትም ፣ ይህ ግን በመስኖ የሚለማ መሬትን አይጨምርም።
2. ለወደፊቱ የሚሰጥ ከፍተኛ የመሬት ይዞታ ሰፋት እንደየአከባቢው ሁኔታ በደንብ የሚወሰን ይሆናል ።

19.<u>በባለይዞታ አርሶ አደሮች መካከል የሚደረግ የመሬት ለውውጥ</u>

1. መሬት መለዋወጥ የሚፈልጉ አርሶ አደሮች ለግብርና ልማት በሚመች ሁኔታ በስምምነት መለዋወጥ ይችላሉ ፣
2. የተለወጠውን መሬት የምስክር ወረቀት ተስተካክሎ እንዲሰጥ ይደረጋል ፣
3. ማንኛውም ባለ ይዞታ ከሚፈልገው ከሌላ የመሬት ባለ ይዞታ ጋር ከወረዳ ወደ ሌላ ወረዳ ወይም ከቀበሌ ወደ ሌላ ቀበሌ የመሬት ይዞታውን በስምምነት የመለወጥ መብት አለው ፣ ዝርዝሩ በደንብ ይሰናል ፣

13

www.abyssinialaw.com

4. ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ናይ ሓባር ዝኾነ መሬት ብናይ ክልቲኦም ስምምዕነት ጥራሕ እቲ ምልውዋጥ ይፍፀም ፣
5. ወራሲ ናይ ዘይብሉ ትሕዝቶ መዋቲ መሬት ንውላዱ ቀዳምነት ተዋሂብዎ ክልውጥ ይኽእል ‘ዩ ፣ ዝርዝርሩ ብደንቢ ይውሰን።

20.ምምሕዳር መሬት

1. ስልጣን ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ንዝምልከቶ ኣካል ዝተውሃበ ኽይኑኣብ ሕድሕድ ጣብያን ቁሸትን ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር እንትህሉ ኣብ ወረዳ ድማ ዴስክ ይህሉ ። ዝርዝር ኣፈፃፅማኡ ብደንቢ ይውሰን ፣
2. ሕድሕድ ጣብያ ወይ ወረዳ ካብቲ ዝሓለፍ መሬት መቓሎ ተኽሊሉ ካብ ዝተውሃቦ ወፃኢ ዘሎ መሬት ብቢብርኩ ዝምልከቶም ኣካላት ዝመሓደር ኽይኑ ብዘይኻ ፍቓድን መምርሒን እቲ ክልል መንግስቲ ምሓዝን ምኽላልን ኣይከኣልን ፣
3. መንግስቲ ንናይ ሓባር ትሕዝቶ መሬት ገጠር ከምኣድላይነቱ ናብ ውልቀ ትሕዝቶ ከዛውር ይኽእል፣
4. ኣጠቓቕማ ክፍቲ ቦታታትን ጎቦታትን ብዝምልክት ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ክልል ብዘውፅኦ ደንቢ ይውሰን ።

21.በዓል ትሕዝቶ መሬት ገጠር ንህዝቢ ጥቕሚ ተባሂሉ ትሕዝቶ መሬቱ ዝውሰደሉ ኩነታት

1. በዓል ትሕዝቶ መሬት ገጠር ንህዝቢ ጥቕሚ ተባሂሉ መሬቱ ብመንግስቲ እንትውስድ ኣብቲ መሬት ንዝገበሮ ምምሕያሽን ንዘፍረዮ ንብረትን ተመጣጣኒ ካሕሳ ይኽፈሎ ፣ ወይ ድማ ብዝተኽኣለ መጠን ንዝተወሰዶ መሬት መተካእታ ካሊእ ተለዋጢ መሬት ንኽረክብ ይግበር።
2. ኣብቲ ዝተወሰደ ትሕዝቶ መሬት ንዝርከብ ንብረት ዝኽፈል ካሕሳ እቲ ንብረት ብዘለዎ ኩነታት ንምትካእ ዘኽእል ክኸውን ኣለዎ፣
3. ኣብ መሬት ንዝተገበረ ቀዋሚ ምምሕያሽ ዝኽፈል ካሕሳ ኣብቲ መሬት ዝወዓለ ገንዘብን ናይ ጉልበት ዋጋን ዝትክእ ይኽውን፣
4. የባልና የሚስት የጋራ የሆነ መሬት የመሬት መለዋወጡ በሁለቱም ስምምነት ብቻ ይፈጸማል፣
5. ወራሽ የሌለው የሚች የመሬት ይዞታ ልጅ ቅድሚያ ተሰጥቶት ሊለውጥ ይችላል ፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል ።

20.የመሬት አስተዳደት

1. የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም ስልጣን ለሚመለከተው አካል የተሰጠ ሆኖ በእያንዳንዱ ቀበሌና ጎጥ የመሬት አስተዳደር ኮሚቴዎች ሲኖሩ በወረዳ ደግሞ ዴስክ ይኖራል ። ዝርዝር አፈፃፀሙ በደንብ ይወሰናል ፣
2. እያንዳንዱ ጣቢያ ወይም ወረዳ ካለፈው የመሬት ክፍፍል ተከልሎ ከተሰጠው መሬት ውጪ ያለውን መሬት በየደረጃ ው ባሉት የሚመለከታቸው አካላት የሚተዳደር ሆኖ ከክልል መንግስት ፍቃድና መመሪያ ውጪ መሬት መያዝና መከለል አይቻልም፣
3. መንግስት የወል የገጠር መሬት ይዞታን እንደአስፈላጊነቱ ወደ ግል ይዞታ ማዛወር ይችላል ።
4. የክፍት ቦታዎችና ተራራዎች አጠቃቀም በተመለከት የክልሉ ስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት በሚያወጣው ደንብ ይወሰናል ።

21.የገጠር መሬት ባለይዞታ ለሕዝብ ጥቅም ተብሎ የመሬት ይዞታው የሚወሰድበት ሁኔታ

1. የገጠር መሬት ባለይዞታ ለህዝብ ጥቅም ተብሎ መሬቱ በመንግስት ሲወሰድ በመሬቱ ላይ ላደረገው መሻሻልና ላፈራው ንብረት ተመጣጣኝ ካሳ ይከፈለዋል ፣ ወይም በታቻለ መጠን ለተወሰደበት መሬት ምትክ ሌላ ተለዋጭ መሬት እንዲያገኝ ይደረጋል።
2. በሚወሰደው የመሬት ይዞታ ላይ የሚገኝ ንብረት የሚከፈል ካሳ ንብረቱን ባለበት ሁኔታ ለመተካት የሚያስችል ይሆናል ፣
3. በመሬት ላይ ለተደረገ ቋሚ መሻሻል የሚከፈል ካሳ በመሬቱ ላይ የዋለውን ገንዘብና የጉልበት ዋጋ የሚተካ ይሆናል፣

14

www.abyssinialaw.com

4. እቲ ንብረት ካብዚ ዘለዎ መሬት ናብ ካሊእ ብምዝዋር ዳግም ክትከልን ከም ዝነበሮ ግልጋሎት ንምሃብ ዝኽእል ንብረት መልዓሊ ናይቲ ንብረት ፣ መጎዓዚን መሊስካ ናይ ምትከል ወፃእን በዚ ዝስዕብ ጉድኣት እንተሃልዩ ንዕኡ ዝሽፍን ካሕሳ ይኽፈል ።
5. ናይ መፈናቐሊ ካሕሳን ናይ ዝተፈላለዩ ንብረታት ቀመር ካሕሳን ብዝምልከት ዝወፀ ናይ ፌደራል ኣዋጅ ቁፅሪ 455/97 ፣ ደንቢ ቁፅሪ 135/99 ከምኡ ‘ውን ብክልል ብዝወፅእ መምርሒ መሰረት ተፈፃሚ ይኸውን።

22. <u>ሽግሽግ መሬት ገጠር</u>

ሽግሽግ መሬት ገጠር ብዝምልከት ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር መንግስቲ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮድያ ኣዋጅ ቁፅሪ 456/97 ዓንቀፅ 9 ዝተደንገገ ከም ዘሎ ኾይኑ ፦

1. ብሰፈራ ወይ ድመ ብኻሊእ ምኽንያት ብድልዮቶም ንልዕሊ ክልተ ዓመት ጣብየኦም ለቒቆም ናይ ዝኸዱ መሬት ብዝምልከቶ ኣካል ንክመሓደር ተገየሩ መሬት ንዘይብሎም ወይ ድማ ንዝነኣሶም ብሽግሽግ ክወሃብ ይግበር፣
2. ጎቦታትን ጉህሚታትን ፍግር መሬትን ብርስትን ብዘየሰዕብ መንገዲ ብሽግሽግ ወይ ድማ ብኢንቨስትመንት ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ክግበር ይኽእል። ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብደንቢ ይውሰን።

23. <u>ብዛዕባ ኣብ ከባቢ ግድብ ዘሎ መፋሰስን ዝለምዕ መሬትን ኣጠቓቕማን ሽግሽግን</u>

1. ብምኽንያት ህንፀት ልምዓት መስኖ ካብ መሬቶም ንዝፈናቐሉን መሬቶም በቲ መስኖ ዝለምዕን ሓረስቶት ቀዳምነት ብምሃብ ኣብ መስኖ መሬት ክሸጋሸጉ ይግበር፣
2. በዚ መስኖ ክለምዕ ዝኽእል ዝውሃበ መጠን ትሕዝቶ መሬት ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተጠቐሱ ካብ ዝግበኦም ንላዕሊ ኾይኑ ክርከብ ኮ ኣብቲ መስኖ ከባቢ ብቐረባ ዝርከቡ ክጥቀሙ ዝግበኦም ሓረስቶት ብቕደም ሰዓብ ብመሬት መቐሎ ወይ ብሽግሽግ ዝተውሃቦም ትሕዝቶ መሬቶም ወሲኹ ብሓባር ክሸጋሸጉ ይገብር፣
3. ንልምዓት መስኖ ምችው ኣብ ዝኾኑ ከባቢታት ትሕዝቶ መሬት ዘለዎ ሰብ ብመስኖ ተጠቒሙ መሬቱ ናይ ምልማዕ ግቡእ ኣለዎ ፣

4. ንብሩቱን ከሚገኝበት መሬት ወደሌላ መሬት በመዛወር እንደገነናሊተከልን እንደነበረ አገልግሎት ለመስጠት የሚችል ንብረት ንብረቱንየማንሻ ፣ የማንጓጓና መልሶ የመትከይ ወጪና በዚህ የሚወጣ ጉዳት ሲኖር ይህንኑ የሚሸፍን ካሳ ይከፈላል፣

5. የመፈናቀያ ካሳና የተለያዩ ንብረቶች ካሳ ቀመር በሚመለከት የወጣውን የፌዴራል አዋጅ ቁጥር 455/97 ፣ ደንብ ቁጥር 135/99 እንዲሁም በክልሉ በሚወጣ መመሪያ መሰረት ተፈፃሚ ይሆናል ።

22. <u>የገጠር መሬት ሽግሽግ</u>

የገጠር መሬት ሽግሽግ በተመለከተ የኢትዮድያ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፖብሊክ መንግስት የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም አዋጅ ቁጥር 56/97 አንቀጽ 9 ላይ የተደነገገው እንዳለ ሆኖ፦

1. በሰፈራ ወይም በሌላ ምክንያት በፍላጎታቸው ቀበሌያቸውን ከሁለት ዓመት በላይ ለቀው የሄዱትን መሬተቸውን በሚመለከተው አካል እንዲተዳደር ተደረጎ መሬት ለሌላቸው ወይም ለነሳቸው በሽግሽግ እንዲሰጥ ይደረጋል፣

2. ተራሮችና ቦረቦሮች የመሬት መሸርሸርና መራቆትን በማያስከትል መንገድ በሽግሽግ ወይም በኢንቨስትመንት ጥቅም ላይ እንዲውሉ ሊደረግ ይችላል ። ዝርዝር አፈፃፀሙ በደንብ ይወሰናል ።

23. <u>በግድቦች አከባቢ ያለውን የፋሰስና የሚለማ መሬት አጠቃቀምና ሽግሽግ</u>

1. በመስኖ ልማት ስራ ግንባታ ምክንያት ለሚፈናቀሉና መሬታቸው በግድቡ የሚለማአርሶ አደሮች ቅድሚያ በመሰጠት በመስኖ መሬሩ እንዲሸጋገሽጉ ይደረጋል ፣
2. በመስኖ ሊለማ የሚችል የመሬት ስፋት ድርሻ የሚሰጠው በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 ለተጠቀሱት ከሚገባቸው በላይ ሆኖ ሲገኝ በመስኖው አከባቢ የሚኖሩ አርሶ አደሮች ለመስኖ ካላቸው ቀረቤታ በቅደም ተከተል እየታየ በመሬት ክፍፍል ወይም በሽግሽግ የተሰጣቸውን መሬት ጨምሮ በጋራ እንዲከፋፈሉ ይደረጋል ፣
3. ለመስኖ ልማት አመቺ በሆኑ ቦታዎች የመሬት ይዞታ ያለው ሰው በመስኖ ተጠቅሞ መሬቱን የማልማት ግዴታ አለበት ፣

15

www.abyssinialaw.com

4. ናይቲ ግድብ ህልውናን ግልጋሎትን ንምሕላውን ቀፃልነቱ ክህልዎ ንምግባርን ናይቲ ግድብ መፈሰስ ምዕቃብ ስራሕ በቲ ናይቲ ከባቢ ሕብረተሰብ ብሓባር ክስራሕ ኣለዎ ፣
5. ኣብ ግድብ መፋሰስ ዝህሉ ኣጠቓቕማ መሬት በቲ ዝምልከት ኣካል ተፀኒዑ ብዝቐርብ መሪሕ ትልሚ ኣጠቓቕማ መሬት መሰረት ገይሩ ንሕርሻ ፣ ንሕዛእቲ ፣ ንመንበሪ ገዛ መስርሒ ፣ ንደኒ ፣ ከምኡ'ውን ካብ ሰብን እንስሳን ነፃ ዝኾነ መሬት ክኸለል ይኽእል ' ዩ። ተጠቀምቲ ነቲ ዝወፅእ መሪሕ ትልሚ ኣጠቓቕማን መሬቱ ተግባራዊ ናይ ምግባር ግቡእ ኣለዎም፣
6. በቲ ግድብ ዝዓቐረ ማይ ተጠቀምቲ ዝኾኑ ሓረስቶት እቲ ግድብን መትረባት ንቀፃልነት ንክህልዎም ናይ ምፅጋንን ምክንኻንን ፣ ከምኡ 'ውን ዝተዓቀበ /ዝተገደበ/ መፋሰስ ኣድላይ ሓለዋን ዕገናን ናይ ምግባር ግቡእ ኣለዎም ፣
7. በቲ ግድብ ዝዓቐረ ማይ ተጠቀምቲ ዝኾነ ሓረስቶት ብዝምልከቶ ኣካል ንቐድሚት ተነፂሩ ብዝወፅእ ታሪፍ መሰረት ክፍሊት ግልጋሎት ክኽፍሉ ግብእ ኣለዎም ። ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣
8. ብምኽንያ ኣብ ግድብ ዝዓቐረ ማይ ክኽሰቱ ዝኽእሉ ማይ ወለድ ሕማማት ናይ ምክልኻልን ግቡእ ናይቲ ከባቢ ህዝብ ፣ ምምሕዳርን ቢሮ ሓለዋ ጥዕና እዩ፤
9. ግድብ ኣብ ዝስርሐሉ ከባቢ ካብ መንበሪ ቦትኡም ንዝፈናቐሉ ሓረስቶት በኢ ኣዋጅ ዝተደንገገ ናይ መንበሪ ገዛ መስርሒ ኣተዓዳድላ ኣግባብ ቀዳምነት ተዋሂብዎም ንመንበሪ ገዛ መስርሒ ዝኾነ ቦታ ክረኽቡ ይግበር ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን።
10. ዝኮነ ናይ መስኖ ተጠቀሚ በዓል ትሕዝቶ መሬት ንክልተ ተኸታተሊ ዓመታት ብመስኖ ተጠቒሙ ዝንተዘይልሚዑ መሬቱ ተሓዲጉ ንኻሊእ ክሸጋሸግ ይኽእል፣ ኣግባብ ምሕዳግ መሬት ብምዝምልክት ሰዒቡ ብዝወፅእ ደንቢ ዝውሰን ይኸውን ፣

24. <u>ብዛዕባ ዘይሕረስ መሬት</u>

1. ዘይሕረስ መሬት ንገዛውትን ንኻልኦት ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያውን ስነ - ከባቢያውን ስራሕቲ ዘድልዩ ህንፃታትን ቦታታትን ፣ ካልኦት መንግስቲ

4. የግድቡ ህልውናና ግልጋሎት ለመጠበቅና ቀጣይ አገልግሎት እንዲሰጥ የግድቡ ተፋሰስ ጥበቃ በአከባቢው ህዝብ በጋራ መከናወን አለበት ፣
5. በግድብ ተፋሰስ የሚደረግ የመሬት አጠቃቀም በሚመለከተው አካል ተጠንቶ በሚቀርብ የመሬት አጠቃቀም መሪ ዕቅድ መሰረት ለእርሻ ፣ ግጦሽ ለመኖሪያ ቤት መስሪያ ፣ ለደን እንዲሁም ከሰውና እንስሳ ነፃ ሊሆን የሚችል መሬት ሊከለል ይችላል ። ተጠቃሚዎች የሚወጣውን የመሬት አጠቃቀም መሪ እቅድ ተግባራዊ የማድረግ ግዴታ አለባቸው ፣
6. በግድቡ የታቀበ ውሃ ተጠቃሚ የሆኑት አርሶ አደሮች ግድቡንና ቦዮቹን በቀጣይነት አገልግሎት እንዲሰጡ የመጠገን ፣ የመንከባከብ፣ እንዲሁም የተገደበውን ተፈሰስ አስፈላጊውን ጥበቃና ጥገና የማድረግ ግዴታ አለባቸው።
7. በሚመለከተው አካል ለወደፊት ተለይቶ በሚወጣ ታሪፍ መሰረት ብግድቡ ውሃ ተጠቃሚ አርሶ አደሮች ለሚጠቀሙበት ውሃ የአገልግሎት ክፍያ እንዲከፍሉ ግዴታ አለባቸው ፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል ።
8. በግድቡ ያቆረ ውሃ ምክንያት ሊከሰቱ የሚችሉ ውሃ ወለድ በሽታዎች የመከላከል ግዴታ የአከባቢው ህዝብ ፣መስተዳድርና የጤና ጥበቃ ቢሮ ነው፣
9. ግድቡ በሚሰራበት አካባቢ ከመኖሪያቸው ለሚፈናቀሉ አርሶ አደሮች በዚህ አዋጅ የተደነገገው የመኖሪያ ቤት መስሪያ አስጣጥ መሰረት ቅድሚያ ተሰጥቷቸው ለመኖሪያ ቤት መስሪያ ቦታ እንዲያገኙ ያደረጋል ፣ ዝርዝሩ ደንብ ይወሰናል።
10. ማንኛውም በመስኖ የሚጠቀም የመሬት ባለይዞታ መሬት ለሁለት ተከታታት ዓመታት በመስኖ ተጠቅሞ ካላለማ መሬቱ ተወስዶ ለሌላ ሊሸጋሸግ ይችላል ። የመሬቱ አወሳሰድ በተመለከተ ቀጥሎ በሚወጣው ደንብ የሚወሰን ይሆናል ፣

24. <u>ስለማይታረስ መሬት</u>

1. የማይታረስ መሬት ለቤቶች እና ለተለያዩ የማህበራዊ ፣ ኢኮኖሚያዊና ስነ-አካባቢያዊ ክንዋኔዎች የሚያስፈልጉትን ህንፃዎችና ቦታዎች ፣

16

www.abyssinialaw.com

ንመንግስታውን ዘይመንግስታውን ስራሕቲ ዝኽልሎም ቦታታት የጠቓልል። ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብደንቢ ይውሰን፣

2. ንዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ግልጋሎት ንዝስርሑ ስራሕቲ ዝወሃብ መሬት ብዝተኽኣለ መጠን ንተሓራሳይ መሬት ክሻመ የብሉን።

25.ብዛዕባ ንመጠሻ ዝወሃብ ቦታ

1. 18 ዓመትን ካብኡ ንላዕልን ዕድመ ዘለዎም መጠሻ ዘይብሎም ነበርቲ እቲ ጣብያ ፣ ኣብ ስደት ዝነበሩ ከምኡ'ውን ብዝተፈላለየ ምኽንያት መጠሻ ዝሰኣኑ በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 12 ንኡስ ዓንቀፅ 3 ፊደል "ሀ" መሰረት ናብ ገጠር ጣብያ ዝምለሱ ንመጠሻ ዝኽውን ቦታ ዘይብሎም ሓረስቶት ቅድም ክብል ኣብ ዝተገበረ መሬት መቐሎ ንመጠሻ ኣብ ዝተኽለለ ቦታ ይውሃቦም ፣ ዝርዝርሩ ብደንቢ ይውሰን፣
2. ንመጠሻ ዝተኽለለ ቦታ ኣብ ዘይብሎም ከባቢታት እቲ ናይ ጣብያ ምምሕዳር ምስ ናይቲ ወረዳ ዴስክ ብምኻን ተሓራሳይ ኣብዘይኾነ ንመጠሻ ክኽውን ዝኽእል መሬት ክወሃቦም ይግበር፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣
3. ንመጠሻ ዝውሃብ ቦታ መጠን 20*20 ሜትሮ ይኽውን ፣
4. ኣወሃህባን ንመጠሻ ዝኽውን ቦታ ኣብ ስደት ንዝነበሩ ሓረስቶት ቀዳምነት ብምሃብ ይፍፀም ። ቀሚሉ ዕድሜኦም ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተጠቐሱ መናእሰይ ካብ ዝዓበየ ዕድመ ጀሚሩ ብዕድሜኦም ቅድም ሰዓብ መሰረት ይውሃቦም ። ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልቲ ንዝተወለዱ መናእሰይ ብዕፃ ብምፍላይ ይወሃቦም
5. ንመጠሻ ዝኽውን ዝተኽለለ ወይ ክኽለል ዝኽእል መሬት ኣብዘይብሎም ከባቢታት ወለዲ ኣብናይ ባዕሎም ትሕዝቶ መጠሻ ንውላዶም መስርሒ ገዛ ብፍቓዶም ክህቡ ይኽእሉ፣
6. ንመጠሻ ዝውሃብ ቦታ፦

ሀ. ዝተለቐቐ መጠሻ ፣
ለ. መተሓላለፊ መንገዲ ዘይዓፁ ፣
ሐ. ካብ ግልጋሎት መውሃቢ ትካላት ከም ክሊኒክ፣ ቤት ትምህርቲ ፣ መንገዲ ዘይረሓቐ፣
መ. ንቐፃላይ ብመጠሻነት ከገልግልን ክሰፍሕን ኣብ ዝኽእል ከባቢ፣

ሌሎች መንግስት ለመንግስታዊ እነናመንግስታዊ ያልሆኑ ሰራዎች የከለላቸው ቦታዎችን ያጠቃልላ። ዝርዝር አፈጻጸሙ በደንብ ይወስናል ፣

2. ለተለያዩ ማሕበራዊ አገልግሎቶች ለየሚሰሩ ስራዎች የሚሰጥ መሬት በተቻለ መጠን የሚታረሰ መሬትን መሻማት የለበትም፣

25.ለጎጆ መውጫ ስለሚሰጥ ቦታ

1. ጎጆ መውጫ ያለገኙ 18 ዓመትና ከዛ በላይ ዕድሜ ያለቸው የቀበሌው ነዋሪዎች ፣ በስደት የነበሩ እንዲሁም በተለያየ ምክንያት ጎጆ መውጫ ያጡ በዚህ አዋጅ አንቀጽ 12 ንኡስ አንቀፅ 3 ፊደል "ሀ" መሰረት ወደ ገጠር ቀበሌያቸው የሚመለሱ የጎጆ መውጫ የሚሆን ቦታ የሌላቸው ገበሬዎች ቀደም ሲል በተደረገው የመሬት ክፍፍል ለጎጆ መውጫ ተብሎ በተከለለ መሬት ይሰጣቸዋል ፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል ።

2. መኖሪያ ቤተ ማስሪያ ተብሎ የተከለለ መሬት የሌላቸው አከባቢዎች የቀበሌው አስተዳደር ከወረዳው ዴስክ ጋር በመሆን በማይታረስ መሬት ለጎጆ መውጫ ሊሆን የሚችል መሬት ሊሰጥ ይችላል፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል።
3. ለጎጆ ማውጫ የሚሰጥ ቦታ 20*20 ሜትር ይሆናል ፣
4. ለጎጆ መውጫ መሬት አሰጣጥ በተመለከተ በስደት ለነበሩት በቅድሚያ ይሰጣል ፣ በመቀጠል እድሚያቸው በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተጠቀሱት ወጣቶች እድሜያቸው ቅደም ተከተል መሰረት በዕድሜ የበለጡትን በማስቀደም ይሰጣቸዋል ፣ በአንድ ቀን ውስጥ የተወለዱ ወጣቶች በእጣ በመለየት ይሰጣቸውል፣
5. ለጎጆ መውጫ የተከለለ ወይም ሊከለል የሚችል መሬት በሌለባቸው አከባቢዎች ፣ ወላጆች በፈቃዳቸው ለልጆቻቸው ከራሳቸው ጎጆ መውጫ ቤት መስሪያ ሊሰጡ ይችላሉ ፣

6. ለጎጆ መውጫ የሚሰጥ ቦታ ፦

ሀ.የተለቀቀ ጎጆ መውጫ ፣
ለ.መተላለፍያ መንገድ የማይዘጋ፣
ሐ. ከግልጋሎት ሰጪ ድርጅቶች እንደ ክሊኒክ ፣ ትምህርት ቤት ፣ መንገድ ያልራቀ፣
መ. ለቀጣይ ጎጆ መውጫ ሊያገለግልና ሊሰፋ በሚችል አከባቢ፣

17

www.abyssinialaw.com

ረ. ብቑዓልነከት ስሩዕ ዝኾነ መጠሻ ፕላን ዝወፀሉን ዝቕፅል ንምኽታም ዘመቹን ግልጋሎት መሰረት ልምዓት ብቑሊሉ ክበፅሐሉ ዝኽእልን ፣
ሰ. ካብ ንምሕረስ ፣ ንሕዛትን ፣ ንደንን ዝተኸለለ መሬት ወፃኢ ዝኾነ፣

26.<u>ሕዛእቲ መሬት</u>

1. ንሕዛእቲ ዝኾውን መሬት ዝኽለል ቅድም ክብል ብዝተገበረ መሬት መቑሎ ተኽሊሉ ዝነበረን ሐዚ ድማ በቲ ከባቢ ህዝብን ጣብያ ምምሕዳርን ስምምዕነት ብዝኽልልዎ መሰረት ይኽውን።
2. ኣመሓዳድራ ሕዛእቲ ቅድም ክብል እቲ ከባቢ ይመሓዳደረሉ ብዝነበረ ልማድ መሰረት ይኽውን ። ናይቲ ከባቢ ሕብረተሰብ በቲ ጣብያ ቤት ምኽሪ ኣቢሉ መተሓዳደሪ ደንቢ /ስሪት/ ከውፅእን ከተግብርን ኣለዎ።

27.<u>ኣጠቓቕማ መሬት ገጠር</u>

1. ዝኾነ ሰብ ብሕጊ ካብ ዝተውሃቦ ብፅሒት ትሕዝቶ መሬት ወፃኢ ካብ ዘሎ ክፍቲ መሬት ደሪብካ ወይ በሓይሊ ወሪርካ ምሓዝ ፣ ምሕራስ ፣ ምጥቃም ፣ መንበሪ ገዛ ምስራሕ ፣ ወይ ብዝኾነ ምኽንያት ህውከት ምፍጣር ዝተኸልከለ እዩ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ ጥሒሱ ዝረኸበ ሰብ ብገበን ተሓታቲ ኾይኑ ብተወሳኺ ፦

ሀ. ብዘይኣግባብ ዝተሰርሐ ገዛ ብጣብያ ኪሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ይፈርስ ፣
ለ. ብሓይሊ ወሪሩ ዝሓዘ መሬትን ብዘይ ኣግባብ ዝረኾቦ ጥቕምን እንተሃልለዩ ከምልሰ ከምኡ ‘ውን ዘብፀሐ ጉድኣት እንተሃልዩ ካሕሳ ክኽፍል ይግደድ፣
3. ካብ ውልቀ ሰብ ዓቕሚ ንላዕሊ ኣብ ዝኾኑ ገፋሕቲ ነቢታትን ጉህሚታትን ብሓባር ስራሕቲ ዕቀባ ይሰረሐሎም ወይ ድማ ከም ኣድላይነቱ ብውልቀን ብውዳበን ተመቒሎም ክለምዑ ይግበር ፣
4. ዝኾነ ውልቀ ሰብ ይኹን ትካል ናይ መሬት ማዕድን ንመጥቃም ዝደሊ እቲ መሬት ዝዕቀበሉን ተመሊሱ ዝለመዐሉን ኣግባብ መሰረት ገይሩ ኣግባብ ብዘለዎ በዓል መዚ ብዝውሃቦ ፍቓድ መሰረት ዝፍፀም ይኽውን።

ሠ. በቀጣይነት መደበኛ የጎጆ መውጫ ፕላን የሚወጣለትና ለወዲፊትም ለመከተም ኣመቺ የሆነና የመሰረተ ልማት አገልግሎት ሊደረሰበት የሚችል፣
ረ. ለእርሻ ፣ ለግጦሽና ፣ ለደን ፣ ከተከለለ መሬት ፣ ውጪ የሆነ ፣

26.<u>የግጦሽ መሬት</u>

1. ለግጦሽ የሚሆን መሬት የሚከለለው ቀደም ብሎ በተደረገ የመሬት መከፋፈል የከለሎ የነበረና አሁንም የአከባቢው ሕዝብና በቀበሌ አስተዳደር ስምምነት በሚከለሉት መሰረት ይሆናል።

2. የግጦሽ መሬት አጠቃቀም በተመለከተ ቀደም ሲል አከባቢው ይተዳደርበት በነበረው ልማድ መሰረት ይሆናል ። የአከባቢው ሕብረተሰብ በቀበሌው ምክር ቤት በኩል የመተዳደሪያ ደንብ አውጥቶ በተግባር ላይ ያውላል።

27.<u>የገጠር መሬት አጠቃቀም</u>

1. ማንኛውም ሰው በህግ ከተሰጠው የመሬት ይዞታ ድርሻ ውጪ ካለው ከፍት መሬት ደርቦ ወይም በሃይል ወሮ መያዝ ፣ ማረስ ፣ መጠቀም ፣ የመኖሪያ ቤት መሰራት ወይም በማንኛውም ምክንያት ሁከት መፍጠር የተከለከለ ነው፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል ።

2. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 የተደነገገውን ተላልፎ የተገኘ ሰው በወንጀል የጠያቂ ሆኖ በተጨማሪም ፦

ሀ. ያለአግባብ የተሰራው ቤት በቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ ይፈርሳል ፣
ለ. በሃይል ወርሮ የያዘው መሬትና ፣ የለአግባብ ያገኘው ጥቅም ካለ እንዲመልስ እንዲሁም ያደረሰው ጉዳት ካለ ካሳ እንዲከፍል ይገደዳል ፣

3. ከግለሰብ አቅም በላይ የሆኑ ሰፋፊ ተራፎችና ቦረቦር መሬቶችን በጋራ የዕቀባ ስራ ይሰራላቸዋል ወይም እንደ አስፈላጊነቱ በግልና በቡድን ተከፋፍለው እንዲለሙ ይደረጋል፣

4. ማንኛውም ግለሰብም ሆነ ድርጅት በመሬት ማዕድን ለመጠቀም የሚፈልግ መሬቱ መልሶ የሚያገግምበትና የሚለማበት መንገድ ተከትሎ አግባብነት ካለው ባለስልጣን በሚሰጠው ፈቃድ መሰረት የሚፈፀም ይሆናል ።

18

www.abyssinialaw.com

28.<u>ኣወሳሰና ክርክራት</u>

1. ኣብ መሰል ትሕዝቶ መሬት ገጠር ክርክር እንትልዓል ተኸራኸርቲ ወገናት ተመያይጦም ብስምምዕነት ንክፈትሕዎ ፃዕሪ ይግበር፣ ባዕሎም ክስማምዑ እንተዘይኪኢሎም በቲ ከባቢ ዝተለመደ ኣግባብ ኣፈታትሓ ጎንፂ ብሽምግልና ወይ ብዕርቂ ክውድኡ ይኽእሉ ፣
2. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ብዝተቐመጠ መማረፂ ንምፍታሕ ሓዲኦም ወይ ክልቲኦም ተኸራኸርቲ ወገናት ፍቓደኛታት ኣብ ዘይኮኑሉ እዋን ቀፂሉ ብዘለሎ ኣግባብ ይውሰን፣

ሀ. መጀመሪያ ናብ ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ቀሪቡ ይውሰን ፣

ለ. በቲ ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ውሳነ ዘይተሰማመዐ ወገን ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ይግበኣኒ ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ የቕርብ ፣ ወረደ ቤት ፍርዲ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ውሳነ ይህብ፣

ሐ. ወረዳ ቤት ፍርዲ ነቲ ናይ ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ውሳነ እንተፅኢዎ ናይ መወዳእታ ይኸውን ፣ እንተማሓይሸዎ ወይ እንተሲዒርዎ ግን ዘይተሰማምዐ ወገን ይግበኣኒ ናብ ዞባ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ የቕርብ ፣ እሰቲ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዝህቦ ውሳነ ናይ መወዳእታ ይኸውን ።

3. ብዕርቂ ወይ ብሽምግልና ዝተወደአን ከምኡ ‘ውን ብጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ብዝወሃብ ውሳነ ከም ውሳነ ስሩዕ ቤት ፍርዲ ተቆፂሩ ይፍፀም ፣
4. ብጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ዝውሃብ ውሳነ ብይግበኣኒ ኣፈፃፅማኡ እንተዘይተኣጊዱ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይፍፀም ፣
5. ውሳነ ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ንምፍፃም ዝመሓላፈፍ ትእዛዛት ብሚሊሻ ወይ ብፖሊስ ይፍፀሙ ፣
6. ኣብዚ ዓንቀፅ ዝተደንገገ ኣግባብ ኣወሳስና ክርክር ኣግባብ ኣጠይሻ ፣ ኣራርሓን ኮሚቴን ከምኡ ‘ውነ ኣግባብኣሸፋፍና ወፃኢ ዝምልከት ዝርዝሩ ብደንቢ ይወስን ።

28.<u>የክርክሮች አወሳሰን</u>

1. በገጠር መሬት ይዞታ ላይ ክርክር ሲነሳ ተከራካሪ ወገኖች ተወያይተው በስምምነት እንዲፈቱ ጥረት ይደረጋል ብራሳቸው ሊስማሙ ካልቻሉ በአካባቢ ው በተለመደው የግጭት አፈታት ዘዴ በሽማግሌዎች ወይም በዕርቅ ሊጨርሱ ይችላሉ፣
2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀጽ 1 በተቀመጠው አመራጭ ለመፍታት አንዱ ወይም ሁለቱም ተከታካሪ ወገኖች ፍቃድኞች በማይሆንበት ጊዜ ቀጥሎ ባለው አገባብ ይወሰናል ፦

ሀ. መጀመሪያ ወደ ቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ ቀርቦ ይሰወናል ።

ለ. በቀበሌው ገጠር መሬት መሬት አስተዳደር ኮሚቴ ውሳኔ ያልተስማማው ወገን ፣ በ15 ቀናት ውስጥ ይግባኝ ወደ ወረዳ ፍርድ ቤት ያቀርባል ፣ የወረዳው ፍርድ ቤት በ30 ቀናት ውስጥ ውሳኔ ይሰጣል ፣

ሐ. የወረዳው ፍርድ ቤት የቀበሌውን የመሬት አስተዳደር ኮሚቴ ውሳኔ ካጽናው የመጨረሻ ይሆናል፣ ካሻሻለው ወይም ከለወጠው ግን ያልተስማማው ወገነ ወደ ዞን ከፍተኛ ፍርድ ቤት ይግባኝ ያቀርባል ፣ ከፍተኛው ፍርድ ቤት የሚሰጠው ውሳኔ የመጨረሻ ይሆናል ።

3. በእርቅ ወይ በሽግልና ያለቀና እንዲሁም በቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ የሚሰጥ ውሳኔ አንድ መደበኛ ፍርድ ቤት ውሳኔ ተቆጥሮ ይፈፀማል ።
4. በቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ የተሰጠው ውሳኔ አፈፃፀሙ በይግባኝ ካልታገደ በስተቀር በ30 ቀናት ውስጥ ይፈፀማል ፣
5. የቀበሌ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴ ውሳኔ ለማስፈፀም የሚተላለፉ ትእዛዞች በሚሊሻ ወይም በፖሊስን ይሰፀማሉ፣
6. በዚህ አንቀጽ የተደነገገው የክርክር አወሳሰን ፣ የኮሚቴን አቋቋምና አስራር እንዲሁም የወጪ አሸፋፈን አገባብ በሚመለከት ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል ።

19

29. <u>ብዛዕባ ቅዕዓት</u>

1. ዝኾነ ሰብ ነዚ ኣዋጅ ወይ ነዚ ኣዋጅ መፈፀሚ ተባሂሎም ዝወፁ ደንብታትን መምርሒታትን ዝጠሓሰ ኣግባብ ብዘለዎም ሕጊ ገበን መሰረት ይቕፃዕ ፣
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ ሕሉው ኾይኑ ዝኾነ ብመሬት ገጠር ናይ ምጥቃም መሰል ዘለዎ ሰብ

ሀ. ትሕዝቶ መሬቱ ብሕጊ ካብ ዝተፈቕደ ግዘ ንላዕሊወይ ንዘይተወሰነ ግዘ ዘካረየ ወይ ዝተኻረየ ካብ ብር 100 ክሳብ 300/ሓደ ሚኢቲ ክሳብ ሰለስተ ሚኢቲ ብር /ይቕፃዕ

ለ. ብዘይብቑዕ ምኽንያት ኣብ ውልቀ ትሕዝቶ መሬቱ ይኹን ኣብ ሓባር መሬት ዕቀባ ሓመድን ማይን ስራሕቲ ዘይሰርሐ ካብ ብር 20 ክሳብ 30 /ካብ ዒሰራ ክሳብ ሓምሳ ብር/ ተቐጢዑ ዘይተሰርሐ ስራሕ ይፍፅም፣

ሐ.ኣብ ተሓራሳይ መሬቱ ገዛ ዝሰርሐ ንዝሰርሐ ገዛ ኣፍሪሱ ብር 50/ ሓምሳ ብር/ ይቕፃዕ፣

መ. ካብቲ ዝመፀ ኣጠቓቕማ መሪሕ ትልሚ ወፃኢ ዝተጠቐመ ወይ ነቲ ትልሚ ዘይተግበረ ሓረስታይ ንመጀመሪያ እዋን ካብ ብር 100 ክሳብ 300 /ካብ ሓደ ሚኢቲ ክሳብ ሰለስተ ሚእቲ ብር/ ተቐጢዑ በቲ ትልሚ መሰረት ክሰርሕ ይግበር እቲ ጥፍኣት ዝደጋገም እንተኾይኑ ናይ ምንቃም መሰሉ ክሰአን ይኽእል፣

ረ. ኣብ ናይ ባዕሉ መሬት ይኹን ኣብ ካሊእ ዝተሰርሑ ሰነ ሂወታውን ደረቕ ዕቀበባሓመድን ማይን ስራሕቲ ዘፍረሰ ከኸም ኩነታቱ ካብ ብር 100 ክሳብ 200 /ካብ ሓደ ሚኢቲ ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ብር/ ተቐጢዑ ንዘፍረሶ መሊሱ ክሰርሕ ይግደድ ፣

ሰ.ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 11 ንኡስ ዓንቀፅ 1 ፊደል /ሀ ክሳብ መ/ ከምኡ ፡ውን ዓንቀፀ 17/3 ንዝተደንገጉ ግቡኣት ዝጠሓሰ /ዝተመሓላለፈ / ካብ ብር 200 /ክልተ ሚኢቲ ብር/ ዘይነአሰ ካብ ብር 1000 /ሓደ ሽሕ ብር/ ዘይበለፀ ይቕፃዕ ፣

ሸ. ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 13 ንኡስ ዓንቀፅ 2፣ 3ን 5ን ጥሒሱ ኣብ ተሓራሳይ መሬት ልመንነት መሬት ዝግብኡ ተግባራት ዝፈፀመ ካብብር

29.<u>ስለ ቅጣት</u>

1. ማንኛውም ሰው ይህ አዋጅ ወይም አዋጅ ለማስፈፀም ተብለው የሚወጡ ደንቦችንና መመሪያዎችን የተላለፈ አግባብ ባለው የወንጀል ህግ መሰረት ይቀጣል፣
2. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ ማንኛውም በገጠር መሬት የመጠቀም መብት ያለው ሰው፦

ሀ. የመሬት ይዞታው በህግ ከተፈቀደው ጊዜ በላይ ወይም ላልተወሰነ ጊዜ ያካረየ ወይም የተከራየ ከብር 100 እስከ 300 /አንድ መቶ እስከ ሶስት መቶ /ይቀጣል ፣

ለ. ያለ በቂ ምክንያት በግል ይዞታውም ሆነ በወል መሬት የአፈርና ውኃ ዕቀባ ያልሰራ ከብር 20 እስከ 50 /ከሃያ እስከ አምሳ ብር / ተቀጥሮ ያልተሰራውን ስራ የፈፅማል ፣

ሐ. በሚታረሰ የእርሻ መሬቱ ላይ ቤት የሰራ የሰራውን ቤት አፍርሶ ብር 50/ሃምሳ ብር/ይቀጣል፣

መ.ከወጣው የመሬት አጠቃቀም መሪ ዕቅድ ውጪ የተጠቀመ ወይም ዕቅዱን ተግባራዊ ያላደረገ ለመጀመሪያ ጊዜ ከብር 100 እስከ 300 /ከአንድ መቶ እስከ ሶስት መቶ ብር/ ተቀጥቶ በእቅዱ መሰረት እንዲሰራ ይደረጋል ። ጥፋቱ የሚደጋግም ከሆነ የመጠቀም መብቱ ሊያጣ ይችላል፣

ሠ. በራሱ መሬትም ሆነ በሌላው የተሰሩ ህይወታዊና ፊዚካላዊ የአፈርና ውሃ ዕቀባ ስራዎች ያፈረሰ እንደሁኔታው ከብር 100 እስከ 200 /ከአንድ መቶ እስከ ሁለተ መቶ ብር/ ተቀጥቶ ያፈረሰው መልሶ እንዲሰራ ይገደዳል ፣

ረ. በዚህ አዋጅ አንቀጽ 11 ንኡስ አንቀጽ 1 ፊደል /ሀ እስከ መ/ እንዲሁም አንቀጽ 17/3 የደነገጉት ግዴታዎች የጣሰ/ የተለላፈ ከብር 200 /ሁለት መቶ ብር /ያላነሰ ከብር 1000 አንድ ሺህ ብር/ ያልበለጠ ይቀጣል ፣

ሰ. በዚህ አዋጅ አንቀጽ 13 ንኡድ አንቀጽ 2፣3፣ እና 5 በመጣስ በሚታረሰ እርሻ የመሬት ለምነትን የሚፃረሩ ተግበራት የፈጸመ ከብር

20

www.abyssinialaw.com

100 ክሳብ 1000 /ካብ ሓደ ሚኢቲ ክሳብ ሓደ ሽሕ ብር / ተቐፂዑ ብዘይኣግባብ ንዝተሸሎል ኣግራብ ክልዕዕ ይግደድ ፣

ቀ. ካብ መንግስቲ ወይ ካብ ሓረስራይ መሬት ዝተኻረየ በዓል ሃፍቲ ነዚ ኣዋጅ መፈፀሚ ተባሂሉ ብዘውዕእ ደንቢ መሰረት ኣብ ግራቱ ዝተወሰነ በዝሒ ኣግራብ ዘይተሸለ ካብ ብር 500 ክሳብ 5000 /ካብ ሓሙሽተ ሚኢቲ ክሳብ ሓሙሽተ ሽሕ ብር /ይቐፃዕ ፣

በ. ካብ መንግስቲ መሬት ዝተኻረየ በዓል ሃፍቲ መሬቱ ብክፋል ወይ ብሙሉእ ንካሊእ ሰብ ዘካረየ ካብ ብር500 ክሳብ 5000 /ካብ ሓሙሽተ ሚኢቲ ክሳብ ሓሙሽተ ሽሕ ብር/ተቐፂዑ ዝኣተዎ ውዕሊ ክራይ መሬትይ ይፈርስ፣ ዝረከቦ ጥቅሚ `ውን ናብ መንግስቲ ክኣቱ ይገብር፣

ተ. ብሕጋዊ መንገዲ ካብ ዝተውሃቦ መሬት ወፃኢ ካብ ዘሎ ትርፊ መሬት ወይ ናይ ካሎእ ሰብ ትሕዝቶ ብሓይሊ ወሪሩ ወይ ደፊኡ ዝሓዘ ፣ ዝሓረሰ ፣ ገዛ ዝሰርሐ ፣ ብዘይኣግባብ ዝተገልገለ ወይ ብዝኾነ ካሊእ ምኽንያት ህውከት ዝፈጠረ ካብ ብር 500 ክሳብ 5000 /ካብ ሓሙሽተ ሚኢቲ ክሳብ ሓሙሽተ ሽሕ ብር / ተቐፂዑ ብዘይ ኣግባብ ዝሓዞ መሬት ይሕደግ ፣ ዝሰርሐ ገዛ ክፈርስ ይግበር ፣ ብዘይኣግባብ ካብ ዝሓዞ መሬት ዝረኸቦ ጥቅሚ `ውን ክመልስ ይግደድ ።

3. ዝኮነ በዚ ኣዋጅን ኣግባብነት ብዘለዎ ካሊእ ሕግን ኣብ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ስልጣን ዝተውሃቦ ሰብ ኣብዚ ኣዋጅ ንዝተቐመጡ መግደድቲ ድንጋጌታት ብምጥሓስ /ብምትሕልላፍ/ መጠሻ ፣ ላወጣ ፣ ውህብቶ ፣ኪራይ ፣ ውርስን ሽግሽግን ዝፈቐደ እንተኾይኑ ብገበን ሕጊ ዝበለፀ ዘቐፀየ እንተዘይኮይኑ ክሳብ ክልተ ዓመት ዝበፅሕ እስራት ወይ ካብ 300 ክሳብ 2000/ ካብ ሰለስተ ሚኢቲ ክሳብ ክልተ ሽሕ ብር / ዝበፅሕ መቐፃዕቲ ወይ ብክልቲኡ ይቐፃዕ፣

4. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቐፅ 2 ፊደል "ሀክሳብረ" ንዘለው ናይ ገበን ተግበራት ኣብ ጣብያ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝርኣዩ ኾይኖም ካብ ፊደል "ሰ ክሳብ ተ" ክምኡ'ውን ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝተዘርዘሩ ተግባራት ገብን ኣብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ዝተኣዩ እዮም ።

100 እስከ 1000 / ከአንድ መቶ እስከ አን ድሺህ ብር / ተቀጥሮ ያለግባብ የተከላቸውን ዕፅዋት እነዲያነሳ ይገደዳል፣

ሸ. ከመንግስት ወይም ከአርሶ አደር መሬት የተከራየ ባለሃብት ይህን አወጅ ማስፈፀሚያ ተብሎ በሚወጣ ደንብ መሰረት የተወሰነው ተክሎች ብዛት ያልተከለ ከብር 500 እስክ 5000 /ከአምስት መቶ እስከ አምስት ሺህ ብር/ ይቀጣል ፣

ቀ. ከመንግስት መሬት የተከራየ ባለሃብት የተከራውን መሬይ በከፊል ወይም በሙሉ ለሌላ ሰው ያካረየ ከብር 500 እስከ 5000 ብር / ከአመስት መቶ እስከ አምስት ሺህ ብር/ ተቀጥቶ የገባው የመሬት የኪራይ ውል ይፈርሳል ፣ ያገኘው ጥቅምም ለመንግስት ገቢ ያደርጋል ፣

በ. በሕጋዊ መንገድ ከተሰጠው መሬት ውጪ ካለ ትርፍ መሬት ወይም የሌላ ሰው ይዞታ በኃይል ወርሮ ወይም ገፍቶ የያዘ ፣ ያረሰ ፣ ቤት የስራ ፣ ያለ ኣግባብ የተገለገለ ወይም በማንኛውም ሌላ ምክንያት ሁከት የፈጠረ ከብር 500 እስከ 5000 /ከአምስት መቶ እስከ አምስት ሺህ ብር/ ተቀጥሮ ያለኣግባብ የያዘውን መሬት ይነጠቃል ። የሰራው ቤት እንዲፈርስ ይደረጋል ፣ ያላግባብ ከያዘው መሬት ያገኘውን ጥምም እንዲ መልስ ይገደዳል።

3. ማንኛውም በዚህ አዋጅና አግባብነር በለው ሌላ ህግ ገጠረ መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም የሚመለከት ስልጣን የተሰጠው ሰው በዚህ አዋጅ የተቀመጡትን አስገዳጅ ድንጋጌዎች በመጣስ /በመተላለፍ/ የጎጆ መውጫ ፣ ልውውጥ ፣ ውርስ ፣ ስጦታ ፣ ኪራይና ሽግሽግ የፈቀደ አንደሆነ በወንጀል ህጉ የበለጠ የሚየስቀጣው ካልሆነ በስተቀር እስከ ሁለት ዓመት ሊደርስ በሚችል እስራት ወይም ከብር 300 እስከ 2000 /ከሶስር መቶ እስከ ሁለት ሺህ ብር/ በሚደርስ መቀጮ ወይም በሁለቱም ይቀጣል ፣

4. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 2 ፊደል "ሀ እስከ ሠ" ለተዘረዘሩት የወንጀል ተግባራት በቀበሌ ማሕበራዊ ፍርስ ቤት የሚታዩ ሲሆኑ ከፊደል "ረ እስከ በ" እንዲሁም በንኡስ ዓንቀፅ 3 ያተዘረዘሩት የወንጀል ተግባራት ደግሞ በወረዳ ፍርድ ቤት የሚታዩ ናቸው ።

21

www.abyssinialaw.com

30.ዝተፈላለዩ ድንጋጌት

1. ብዝፍጠር ለውጥን ምዕባለን ዝህሉ ዝተመሓየሸ ኣጠቓቕማ መሬት ገጠር ኣብ ግምት ዘእተወን በብእዋኑ ዝመሓየሸን መሪሕ ትልሚ ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ይህሉ፣
2. ካብቲ ዝሕንፀፅ መሪሕ ትልመ (ማስተር ፕላን) ወፃኢ ኣጠቓቕማ መሬት ምልዋጥ ኣይከኣልን ፣
3. ቢሮ ሕርሻን ልምዓት ገጠርን ብዝምልከቶ ኣካል ኣቢሉ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታ ዝርከብ ኮሚቴታት ምምሕዳር መሬት ገጠርን ዴስክን ብምትሕብባር ዘድሊ ሙያዊ ደገፍ ብምሃብ ኣዋጅ ፌዴራልን ነዚ ኣዋጅን ናይ ምፍፃም ሓላፍመት ኣለዎ።

31.ብዛዕባ መውፃእ ደንብን መምርሕን

1. ቤት ምኽሪ ስራሕ ፌፃሚ ክልል ትግራይ ነዚ ኣዋጅ መፈፀምን እዚ ኣዋጅ ተግባራዊ ዝኾነሎም ዞባ ምዕራብን ካልኦት ተመሳሳሊ ከባቢታትን ዝምልከት ዝርዝር ደንቢ የውፅእ፣
2. ዝምልክቶ ኣካል ንኣፈፃፅማ እዚ ኣዋጅን ስዒቡ ዝወፅእ ደንቢን ዝርዝር መምርሒ ክውፅእ ይኽእል።

32.ዝተሰዓሩን ተፈፃምነት ዘይብሎምን ሕግታት

1. ኣጠቓቕማ መሬት ገጠር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 23/1989፣ ኣጠቓቕማ መሬት ገጠር ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 23/1989 ንምምሕያሽ ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 55/1994 ዓ/ም ከምኡ ‘ውን ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገጠር ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 97/98 በዚ ኣዋጅ ተሳዒሩ ኣሎ፣
2. ነዚ ኣዋጅ ዝፃረር ዝኾነ ኣዋጅ ፣ ደንቢ መምርሒ ወይም ድማ ናይ ኣሰራርሓ ልምዲ ኣብዚ ኣዋጅ ንዝተደንገጉ ጉዳያት ብዝተመልከት ተፈፃምነት ኣይህልዎን ።

33.መሰጋገሪ ድንጋጌ

እዚ ኣዋጅ ቅድሚ ምውፅኡ ፦

1. ዝተገበሩ ውዕላት ላውጣን ክራይ መሬት ገጠርን በዚ ኣዋጅ ከም ዝተፈፀሙ ይቑፀሩ ፣

30.ልዩ ልዩ ድንጋጌዎች

1. በሚከሰት ለውጥና እድገት የሚኖር የተሻሻለ የገጠር መሬት አጠቃቀም ግምት ውስጥ ያስገባና በየጊዜው የሚሻሻል የገጠር መሬት አጠቃቀም መሪ ዕቅድ ይኖራል ፣
2. ከሚዘጋጀው መሪ ዕቅድ (ማስተር ፕላን) ውጪ የመሬት አጠቃቀም መለወጥ አይቻልም ፣
3. የግብርናና የገጠር ልማት ቢሮ በሚመለከተው አካል አማካኝነት በተለያየ ቦታ የሚገኙ የገጠር መሬት አስተዳደር ኮሚቴዎችና ዴስኮች በማስተባበር አስፈላጊውን የሙያ ድጋፍ በመስጠት የፌዴራል አዋጅና ይህን አዋጅ የማስፈፀም ሓላፍነት አለው ።

31.ደንብና መመሪያ ስለማውጣት

1. የትግራይ ክልል የስራ አስፈጻሚ ምክር ቤት ይህን አዋጅ ለማስፈጸምና ይህ አዋጅ ተግባራዊ የሚሆንባቸው የምዕራባዊ ዞንና በሌሎች ተመሳሳይ አከባቢዎች በተመለከተ ዝርዝር ደንብ የወጣል ፣
2. የሚመለከተው አካል ሊዚህ አዋጅና ቀጥሎ ለሚወጣ ደንብ ማስፈጸሚያ ዝርዝር መመሪያ ሊያወጣ ይችላል ።

32. የተሻሩና ተፈፃሚ ስለማይሆኑ ሕጎች

1. ግራይ ክልላዊ ብሄራዊ መንግስት የገጠር መሬት አጠቃቀም ለመወሰን የወጣ አዋጅ ቁጥር 23/1989 ፣ የገጠር መሬት አጠቃቀም ለመወሰን የወጣውን አዋጅ ቁጥር 23/1989 ለማሻሻል የወጣ አዋጅ ቁጥር 55/1994 እንዲሁም የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀምና ለመወሰን የወጣ አዋጅ ቁጥር 97/98 በዚህ አዋጅ ተሽሯል።
2. ይህን አዋጅ የሚቃረን ማንኛውም አዋጅ ፣ ደንብ ፣ መመሪያ ወይም የአሰራር ልምድ በዚህ አዋጅ የተደነገጉት ጉዳዮች በተመለከተ ተፈፃሚነት አይኖሩውም ።

33.የመሸጋገሪያ ድንጋፌ

ይህን አዋጅ ከመውጣቱ በፊት ፦

1. የተደረጉ የገጠር መሬት ልውውጥና የኪራይ ውሎች በዚህ አዋጅ እንደተፈፀሙ ይቆጠራሉ ፣

22

www.abyssinialaw.com

2. ክሳብ ሐዚ ኣብ ጣብያ ኮሚቴ ምምሕዳር መሬት ገጠር ፣ ወረዳ ዴስክን ስሩዕ ኣብያተ ፍርድን ኣብ ከይዲ ዝርከቡ ውሳነ ዘይረኸቡ ናይ መሬት ገጠር፣ ተንከፍ ክትዓት ወይ ክርክራት ይግበኣኒ ሓዊሱ በዚ ኣዋጅ ስልጣን ንዝተውሃቦም ኣካላት ዳይነት ተዛዊሮም ዝናተርኣዩ ዝውሰኑ ይኸን።

34. <u>እዚ ኣዋጅ ዝፅነዐሉ ግዘ</u>

እዚ ኣዋጅ ካብ 5 ታሕሳስ 2000 ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

<u>መቐለ</u>

ፀጋይ በርሀ

ፕሬዚደንት ብሄራዊ

ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

2. እስክ ኣሁን በቀበሌ የገጠር መሬት ኣስተዳደር ኮሚቴ ፣ በወረዳ ዴስክ እና በመደበኛ ፍርድ ቤቶች ላይ በሂደት ያሉ ውሳኔ ያላገኙ የገጠር መሬት ነክ ክርክሮች ይግባኝን ጨምሮ ኣዋጅ ስልጣን ለተሰጣቸው የዳኝነት ኣካላት ተዛውረው እየታዩ የሚወሰኑ ይሆናሉ።

34.<u>ኣዋጁ የሚፀናበት ጊዜ</u>

ይህ ኣዋጅ ከታህሣሥ 5/2000 ዓ/ም ጀምሮ የፀና ይሆናል።

<u>መቀሌ</u>

ፀጋይ በርሀ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ

መንግስት ፕሬዝዳንት

23

www.abyssinialaw.com

ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 16 ዓመት ቁ.2
መቐለ ጥቅምቲ 22/2000 ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

16ኛ ዓመት ቁ.2
መቀለ ጥቅምት
22/2000ዓ/ም

አዋጅ ቁፅሪ 137/2000 ዓ/ም
አብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ግብሪ እቶት ስራሕ ሕርሻን ክፍሊት መሬት መጥቀሚን ንምውሳን ዝወፀ አዋጅ ቁፅሪ 96/1998 ንምምሕያሽ ዝወፀ አዋጅ

መንግስቲ ናይ ሓረስቶት ኣታዊ ንምዕባይ ጠመተ ብምሃብ ብርክርት ዝበለ መዋእለ ንዋይ እንዳፍሰሰ ማእቶቶም ክዓቢ ዝተፈላለዩ እታዎታት ብምቕራብ ሰፊሕ ሓገዝ እናገበረ ምኻኑን ፣ እናዓበየ ካብ ዝኸይድ ዘሎ ናይ ሓረስቶት እቶት ግቡእ ዝኾነ ግብሪ ንምእካብ ዝተመሓየሸ ናይ ግብሪ መኽፈሊ ምጣነ ብምውፃእ ናይቲ ክልል ልምዓት ብዝበለፀ ምጥንኻር ኣድላዩ ምኻኑ ስለ ዝተኣመነሉ ፣

እቲ ሐዚ ዝግበር ዘሎ ደገፍ ቀፃልነት ብዘለዎ መንገዲ ንምርግጋፅ ፣ ኣብ ስራሕ ዘሎ ግብሪ እቶት ስራሕ ሕርሻን ክፍሊት መሬት መጥቀሚን ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ምምሕያሽ ኣድላዩ ኾይኑ ስለ ዝተረኸበ ፣

ቤት ምኽሪ ብሄራ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ -መንግስቲ ክልል ትግራይ ዓንቀፅ 49(3) (ሀ) ን (ቸ) ን ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

አዋጅ ቁጥር 137/2000 ዓ/ም
በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የእርሻ ስራ ገቢ ግብር እና የመሬት መጥቀሚያ ክፍያ ለመወሰን የወጣ አዋጅ ቁጥር 96/1998 ለማሻሻል የወጣ አዋጅ

መንግስስ የአርሶ አደሩ ገቢ ለማሳደግ ትኩረት ሰስጥቶ ከፍተኛ መዋእለ ንዋይ በማፍሰስ ገቢያቸው እንድያድግ የተለያዩ ግብኦቶች በማቅረብ ሰፊ እገዛ እያደረገ በመሆኑና በዚሁ መሰረት እያደረገ የመጣውን የአርሶ አደሮች ገቢ ተገቢ የሆነ ግብር መክፈያ ምጣኔ ማውጣትና የክልሉን ልማት ይበልጥ በማጠናከር አስፈላጊ ሆኖ በመገኘቱ እና አሁን እየተደረገ ያለውን ድጋፍ ቀጣይነት ባለው መንገድ ለማረጋገጥ ፣
ለዚህም በሥራ ላይ ያለውን የእርሻ ስራ ገቢ ግብር እና የመሬት መጥቀሚያ ክፍያ ለመወሰን የወጣ አዋጅ ማሻሻል አስፈላጊ ሆኖ በመገኘቱ ፣
የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ክልል ህገ-መንግስት አንቀፅ 49(3) (ሀ)እና(ቸ)መሰረት የሚከተለው አዋጅ አውጥቷል።

1. **አጭር ርእስ**

www.abyssinialaw.com

1. **ሓፂር ርእሲ**

እዚ ኣዋጅ "ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ግብሪ እቶት ስራሕ ሕርሻን ክፍሊ መሬት መጥቀሚን ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 96/1998 ንምምሕያሽ ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 137/2000" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

2. **መመሓየሺ**

ኣዋጅ ቁፅሪ 96/1998 ከምዚ ዝስዕብ ተማሓይሹ ኣሎ፣

1. ዓንቀፅ 2 ንኡስ ዓንቀፅ 5 ግብሪ ኣካቢ በዓል መዚ ዝብል ሓረግ ተሰሪዙ በዚ ዝስዕብ ተተኪኡ ኣሎ፣ "2/5/ ግብሪ ኣካቢ ኣካል" ፣
2. ናይቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 5 ሰደቓ መጠን ክፍሊት ገጠር መሬት መጥቀሚ ተሰሪዙ በዚ ዝስዕብ ሰደቓ ተተኪኡ ኣሎ።

ሰደቓ መጠን ክፍሊት ገጠር መሬት መጥቀሚ

ስፍሓት መሬት ብሄክታት		ዝኽፈሎ መጠን ግብሪ ብብር
ካብ	ክሳብ	
0.1	0.5	10
0.51	1.0	15
1.1	2.0	25
2.1	3.0	40
3.1	4.0	60
4.1	5.0	85
5.1	7.0	115
7.1	10.0	150
10.1	ንላዕሊ	ንሓደ ሄክታር ብር 30.00

ይህ ኣዋጅ "የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የእርሻ ገቢ ግብርና እና የመሬት መጠቀሚያ ክፍያ ለመወሰን የወጣ ኣዋጅ ቁጥር 96/1998 ለማሻሻል የወጣ ኣዋጅ ቁጥር 137/2000" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

2. **ማሻሻያ**

ኣዋጅ ቁጥር 96/1998 እንደሚከተለው ተሻሽሏል፣

1. አንቀጽ 2 ንኡስ አንቀጽ 5 የግብር ሰብሳቢ ባለስልጣን ተብሎ የተገለፀው ሐረግ ተሰርዞ በሚከተለው ተተክቷል ፣ "2/5/ የግብር ሰብሳቢ አካል "፣
2. የአዋጅ አንቀጽ 5 ገጠር መሬት መጥቀሚያ ክፍያ ሰንጠረዥ ተሰርዞ በሚከተለው ሰንጠረዥ ተተክቷል፣

የገጠር መሬት መጥቀሚያ ክፍያ ሰንጠረዥ

የመሬት ስፋት በሄክታር		የሚከፈልበት ግብር መጠን በብር
ከ	እስከ	
0.1	0.5	10
0.51	1.0	15
1.1	2.0	25
2.1	3.0	40
3.1	4.0	60
4.1	5.0	85
5.1	7.0	115
7.1	10.0	150
10.1	በላይ	ለአንድ ሄክታር ብር 30.00

3. የአዋጅ አንቀፅ 7 የእርሻ ገቢ ግብር የክፍያ

www.abyssinialaw.com

3. ናይቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 7 ሰደቓ መጠን ክፍሊት ግብሪ እቶት ስራሕ ሕርሻ ተሰሪዙ በዚ ዝስዕብ ሰደቓ ተተኪኡ ኣሎ።

ሰደቓ መጠን ክፍሊት ግብሪ እቶት ስራሕ ሕርሻ

ስፍሓት መሬት ብሄክታት		ዝኽፈሎ መጠን ግብሪ ብብር
ካብ	ክሳብ	
0.1	0.5	10
0.51	1.0	20
1.1	2.0	35
2.1	3.0	55
3.1	4.0	80
4.1	5.0	110
5.1	7.0	150
7.1	10.0	200
10.1	ንላዕሊ	ንሓደ ሄክታር ብር 30.00

3. **ተፈፃምነት ዘይብሎም ሕግታት**

ነዚ ኣዋጅ ዝጓነፅ ዝኾነ ኣዋጅ ፣ ደንቢ ፣ መምርሒ ወይ ልማዳዊ ኣሰራርሓ ኣብዚ ኣዋጅ ንዝተሸፈኑ ጉዳያት ተፈፃምነት ኣይህልዎን ።

4. **እዚ ኣዋጅ ዝፀንዐሉ ግዘ**

እዚ ኣዋጅ ካብ 22 ጥቅምቲ 2000 ዓ.ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን ።

ፀጋይ በርሀ

ፕሬዚደንት ብሄራዊ

ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

መቐለ

መጠን ሰንጠረዥ ተሰርዞ በሚከተለው ሰንጠረዥ ተተክቷ፣

የእርሻ ስራ ገቢ የክፍያ መጠን ሰንጠረዥ

የመሬት ስፋት በሄክታር		የሚከፈልበት ግብር መጠን በብር
ከ	እስከ	
0.1	0.5	10
0.51	1.0	20
1.1	2.0	35
2.1	3.0	55
3.1	4.0	80
4.1	5.0	110
5.1	7.0	150
7.1	10.0	200
10.1	በላይ	ለእንድ ሄክታር ብር 30.00

3. **ተፈፃምነት የሌላቸው ህጎች**

ይህን ኣዋጅ የሚቃረን ማናቸውም ኣዋጅ ፣ ደንብ ፣ መመሪያ ወይም የኣሰራር ልምድ በዚህ ኣዋጅ በተሸፈኑ ጉዳዮች ተፈፃሚነት ኣይኖረውም።

4. **ኣዋጁ የሚፀናበት ጊዜ**

ይህ ኣዋጅ ከጥቅምት 22/2000 ዓ/ም ጀምሮ የፀና ይሆናል ።

ፀጋይ በርሀ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ

መንግስት ፕሬዝዳንት

መቀሌ



www.abyssinialaw.com

ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 15 ዓመት ቁ.3
መቐለ 22 ጥቅምቲ 2000 ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

15ኛ ዓመት ቁ.3 መቀለ
ሓምሌ 22/2000ዓ/ም

አዋጅ ቑፅሪ 138/2000 ዓ/ም
ንመፈፀሚ ዕላማ ማሕበራት ሕብረት ስራሕ ንዝግበር ውዕሊ ልቓሕ ውሕስና በጀት ንምሃብ ዝወፀ አዋጅ

ብደረጃ ክልል ውሕስነት ምግቢ ንምርግጋፅን ድኽነት ንምንካይን ዝግበር ዘሎ ምንቅስቃስ ኣብ ዝድለ ብርኪ ንምብፃሕ ብፍላይ ድማ እቶት ፍርያት ሕርሻ ንምዕባይ ካብ ዝሕግዙ እታዎታት ሕርሻ ዓብይ ግደ ኩነታት ብምምችቻው ሓረስቶት ክልልና ብናይ ባዕሎም ትካላት /ሕብረት ስራሕ ማሕበራት/ ኣቢሎም ማዳባሪያ ብተመጣጣኒ ዋጋ ኣብ ከባቢኦም ክረኽቡ ማግባር ኣድላይነቱ ስለዝእመነሉ ፣

ን2000/2001 ዓ.ም ዘበን ምህርቲ ዝውዕል ማዳበሪያ ካብ ወፃኢን ካብ ዓዲ ውሽጥን ተገዚኡ ኣብ ግልጋሎት ክውዕል ስለዝተደለየ ፣

ኣብ ሓረስታይ ክልመድን ክተኣታትን ዝድለ እታዎታት ሕርሻ ክዓቢ ኣብ ዝካየድ ምንቅስቓስ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ዝለዓለ ረብሓን አስተዋፅኦን ስለዘለወን ነዞም ዕማማት ንምፍፃም ዘለወን ፋይናንሳዊ ዓቕሚ ትሑት ብምኻኑ ካብ

ባንኪ ንምልቓሕ ዓቕሚ ውሕስና ስለዘይብለን ነዚ

አዋጅ ቁጥር 138/2000 ዓ/ም
ለሕብረት ሥራ ማሕበራት ዓላማ ማስፈጸሚያ ለሚደረገው የብድር ውል የበጀት ዋስትና ለመስጠት የወጣ አዋጅ

በክልል ደረጃ የምግብ ዋስትና ለማረጋጥና ድህነትን ለመቀነስ እየተደረገ ያለው እንቅስቃሴ በሚፈለገው ደረጃ ለማድረስ በተለይ ደግሞ የእርሻ ምርት ገቢ ለማሳደግ ከሚያግዙ የእርሻ ግብኣቶች ከፍተኛ ድርሻ ያለው ማዳበሪያ መግዣ የሚሆን ብድር የሚገኝበት ሁኔታ በማመቻቸት የክልላችን አርሶ አደሮች በራሳቸው ተቋማት /የሕብረት ሥራ ማሕበራት/ በኩል በተመጣጣኝ ዋጋ ማዳበሪያ በአካባቢያቸው እንዲያገኙ ማድረግ አስፈላጊነቱ ስለሚታመንበት ፣ ለ2000/2001 ዓ/ም የምርት ዘመን የሚወል ማዳበሪያ ከውጭ እና አገር ውስጥ ተገዝቶ አገልግሎት ላይ እንዲውል ስለተፈለገ፣

በአርሶ አደሩ እንዲለመዱና ጥቅም ላይ እንዲንውሉ በማድረግ የሚፈለግ የእርሻ ግብኣቶች እንዲያድጉ በሚደረግ የሕብረት ስራሕ ማሕበራት እንቅስቃሴ ከፍ ያለ ጥቅምና አስተዋፅኦ ስላላቸው እነዚህ ተግባራት ለመፈጸም ያላቸው ፋይናንሳዊ አቅም ዝቅተኛ ስለሆነ

እና ከባንክ ለመደበር የዋስትና አቅም ስለሌላቸው ይህንን እጥረት ለመፍታት ከኢትዮጵያ ንግድ ባንክ

ናይ ሓደ ዋጋ ያንዱ ዋጋ 16.50

ነጋሪት ጋዜጣ ቁ.ፖ.ሳ 291
ነጋሪት ጋዜጣ ፖ.ሳ.ቁ ዋጋ

www.abyssinialaw.com

ሕፅረት ንምፍታሕ ካብ ንግዲ ባንኪ ኢትዮድያ ብልጅሕ ገንዘብ ንክወስዳ ውሕስና በጀት ንምሃብ ሓገዝ መንግስቲ ኣድላይ ኾይኑ ስለ ዝተረኽበ ፣ ቤትምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ተማሓይሹ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3//ሀ/ ከምኡ'ውን ናይ ፋይናንስን ምምሕዳርን ኣዋጅ ቁፅሪ 26/89 ዓንቀፅ 32 መሰረት ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

1. <u>ሓፂር ርእሲ</u>

እዚ ኣዋጅ "ንመፈፀሚ ዕላማ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ዝውዕል ልጅሕ ውሕስና በጀት ንምሃብ ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 138/2000 ዓ/ም" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

2. <u>ውሕስና ዝተውሃበ መጠን ልጅሕ</u>

ሕብረት ስራሕ ማሕበራት /ካብ ሐዚ ንድሓር ተለቃሕቲ እናተብሃላ ዝፅወዓ /ብር 155,500,000 /ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ሓሙሽተን ሚሊዮን ሓሙሽተ ሚኢት ሺሕን ብር / ክልቃሓ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ውሕስና ሂቡ ኣሎ።

3. <u>ኣፈፃፅማ እቲ ውሕስና</u>

1. እዚ ውሕስና ን250,000 /ክልተ ሚኢቲ ሓምሳን ሽሕ/ ኩንታል ንማዳበሪያ መግዚኢ ዝውዕል ልጅሕ ዝተውሃበ ኾይኑ ውዕል ካብ ዝተኣሰረሉ ጀሚሩ ንሓደ ዓመት ዝፀንሕ ይኸውን፣
2. ተለቃሓይ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ ኣብ ዝተጠቐሰ ግዘ ውሽጢ እቲ ልጅሕ ክምለስ ኣለዎ ፣
3. መጠን ወለድን ኣገባብ ኣመላልሳ ልጅሕን ክልል መንግስትን እቲ ባንክን ብዝገብርዎ ስምምዕ ይውሰን ፣

4. <u>ግቡእ ክልላዊ መንግስቲ</u>

1. ተለቃሓይ ዝተለቀሐ ገንዘብ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ብእዋኑ ክምለስ እንተዘይኪኢሉ ካብ በጀት እዚ ክልል

በብድር ገንዘብ እንዲወስዱ የበጀት ዋስትና ለመስጠት የመንግስት ድጋፍ አስፈላጊ ሆኖ በመገኘቱ፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ሕገ-መንግስት አንቀጽ 49/3//ሀ/ እንዲሁም የፋይናንስ አስተዳደር አዋጅ ቁጥር 26/89 አንቀጽ 32 መሰረት የሚከተለውን አዋጅ አውጥቷል።

1. <u>አጭር ርዕስ</u>

ይህ አዋጅ "ለሕብረት ሥራ ማሕበራት ዓላማ ማስፈጸሚያ የሚውል የብድር ውል የበጀት ዋስትና ለመስጠት የወጣ አዋጅ ቁጥር 138/2000 ዓ/ም" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

2. <u>ዋስትና የተጠው የብድር መጠን</u>

የሕብረት ሥራ ማሕበራት /ከአሁን በኋላ ተበዳሪ እየተባሉ የሚጠሩ /ብር 155,500,000 /አንድ ሞቶ አምሳ አምስት ሚሊዮን አምስት መቶ ሺህ ብር/ እንዲበደሩ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ዋስትና ሰጥቷል፣

3. <u>የዋስትናው አፈጻጸም</u>

1. ይህ ዋስትና ለ250,000 /ሀሉት መቶ አምሳ ሺህ/ ኩንታል ማዳበሪያ መግዣ የሚውል ብድር የተሰጠ ሆኖ ውል ከታሰረበት ጊዜ ጀምሮ ለአንድ ዓመት ይሆናል፣

2. ተበዳሪ በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ /1/ በተጠቀሰው ጊዜ ውስጥ ብድሩ መመለስ ኣለበት ፣
3. የወለድ መጠንና ብድሩ የሚመመለስበት አግባብ የክልሉ መንግስትና ባንኩ በሚያደርጉት ስምምነት ይወሰናል ፣

4. <u>የክልሉ መንግስት ግዴታ</u>

1. ተበዳሪ የተበደረው ገንዘብ በሙሉ ወይም በከፊል በጊዜው ሊመልስ ካልተቻለ ከክልሉ በጀት ተቀንሶ የሚከፈል ይሆናል ፣

www.abyssinialaw.com

ተቐኒሱ ዝኽፈል ይኸውን ፣

2. ቢሮ ሕርሻን ገጠር ልምዓትን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዘይተመለሰ ልቓሕ ብምቁፅፃርን ብምክትታልን ንዝተቐነስ በጀት ክትካእ ይገብር።

5. **እዚ ኣዋጅ ዝፀንዐሉ ግዘ**

እዚ ኣዋጅ ካብ 22 ጥቅምቲ 2000 ዓ.ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን ።

መቐለ

ፀጋይ በርሀ

ፕሬዚደንት ብሄራዊ

ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

2. የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት እርሻና ገጠር ልማት ቢሮ ያልተመለሰውን ብድር በመቆጣጠርና በመከታተል የተቀነሰው በጀት እንዲተካ ያደርጋል።

5. **አዋጁ የሚጽናበት ጊዜ**

ይህ አዋጅ ከጥቅምት 22/2000 ዓ/ም ጀምሮ የፀና ይሆናል ።

መቀሌ

ፀጋይ በርሀ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ

መንግስት ፕሬዝዳንት

www.abyssinialaw.com

ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 15 ዓመት ቁ.4
መቐለ 22 ጥቅምቲ 2000 ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

15ኛ ዓመት ቁ.4
መቀለ ሓምሌ
22/2000ዓ/ም

አዋጅ ቑፅሪ 139/2000 ዓ/ም
አወዳድባ ፈፀምቲ ኣካላት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምምሕያሽ ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 94/1998 ዳግም ንምምሕያሽ ዝወፀ ኣዋጅ

ኮሚሽን ትምህርቲን ፣ ስልጠናን ቴክንክን ሞያን ዓርሱ ኪኢሉ ክውደብን ክንቀሳቐስን ኣገዳሲ ምኻኑ ስለተኣመነሉ ፣

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3//ሀ/ እዚ መመሓየሺ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

1. ሓፂር ርእሲ

እዚ ኣዋጅ "ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኣወዳድባ ፈፀምቲ ኣካላት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምምሕያሽ ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 94/1998 ዳግም ንምምሕያሽ ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 139/2000" ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

አዋጅ ቁጥር 139/2000 ዓ/ም
የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ስራ አስፈፃሚ አካላት አደረጃጀት ለማሻሻል የወጣውን አወጅ ቁጥር 94/98 እንደገና ለማሻሻል የወጣ አዋጅ

የትምህርት ፣ ስልጠናና ቴክኒክና ሙያ ኮሚሽን ራሱን ችሎ እንዲደራጅና እንዲንቀሳቀስ አስፈላጊ መሆኑን ስለታመነበት፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ሕ-መንግስት አንቀፅ 49/3//ሀ/ መሰረት ይህ ማሻሻያ አዋጅ አውጥቷል።

1. አጭር ርእስ

ይህ አዋጅ "የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የስራ አስፈጻሚ አካላት አደረጃጀት ለማሻሻል የወጣውን አዋጅ ቁጥር 94/1998 እንደገና ለማሻሻል የወጣ አዋጅ ቁጥር 139/2000" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

ናይ ሓደ ዋጋ ያንዱ ዋጋ	ብር16.50

ነጋሪት ጋዜጣ ቁ.ፖ.ሳ	291
ነጋሪት ጋዜጣ ፖ.ሳ.ቁ ዋጋ	

www.abyssinialaw.com

2. **መመሓየሺ**

ኣዋጅ ቁፅሪ 94/1998 ከምዝስዕብ ተማሓይሹ ኣሎ፦

ሀ. ዓንቀፅ 7 ንኡስ ዓንቀፅ 6 ኮምሽን ትምህርቲ፣ ስልጠናን ቴክኒክን ሙያን ተፀዋዕነቱ ንቢሮ ትምህርቲ ይኸውን ዝብል ተሰሪዙ በዚ ዝስዕብ ተተኪኡ ኣሎ፣

"7/6/ ኮምሽን ትምህርቲ ስልጠናን ቴክኒክን ሞያን ተፀዋዕነቱ ንርእሰ ምምሕዳር ይኸውን"፣

ለ. ዓንቀፅ 8 ንኡስ ዓንቀፅ 14 ተስዒሩ ኣሎ።

3. **ተፈፃምነት ዘይብሎም ሕግታት**

ነዚ ኣዋጅ ዝጎነፅ ዝኾነ ኣዋጅ ፣ ደንቢ ፣ መምርሒ ወይ ልማዳዊ ኣሰራርሓ ኣብዚ ኣዋጅ ንዝተሸፈኑ ጉዳያት ተፈፃምነት ኣይህልዎን።

4. **እዚ ኣዋጅ ዝፀንዐሉ ግዘ**

እዚ ኣዋጅ ካብ 22 ጥቅምቲ 2000 ዓ.ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

መቐለ

ፀጋይ በርሀ

ፕሬዚደንት ብሄራዊ

ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

2. **ማሻሻያ**

አዋጅ ቁጥር 94/1998 እንደሚከተለው ተሻሽሏል፦

ሀ. አንቀጽ 7 ንኡስ አንቀጽ 6 የትምህርት ፣ ስልጠና እና ቴክኒክና ሙያ ኮሚሽን ተጠሪነቱ ለትምህርት ቢሮ ይሆናል የሚለው ተሰርዞ በሚከተለው ተተክቷል፣

"7/6/ የትምህርት፣ ስልጠና እና ቴክኒክና ሙያ ኮሚሽን ተጠሪነቱ ለርእሰ መስተዳድሩ ይሆናል"፣

ለ. አንቀጽ 8 ንኡስ አንቀጽ 14 ተሽሯል።

3. **ተፈፃሚነት የማይኖራቸው ሕጎች**

ይህንን አዋጅ የሚቃረን ማናቸውም አዋጅ ፣ ደንብ ፣ መመሪያ ወይም ልማዳዊ አሰራር በዚህ አዋጅ ለተሸፈኑ ጉዳዮች ተፈፃሚነት አይኖረውም።

4. **አዋጁ የሚጸናበት ጊዜ**

ይህ አዋጅ ከጥቅምት 22/2000 ዓ/ም ጀምሮ የፀና ይሆናል ።

መቀሌ

ፀጋይ በርሀ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ

መንግስት ፕሬዝዳንት

www.abyssinialaw.com

ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 15 ዓመት ቁ.5
መቐለ 22 ጥቅምቲ 2000 ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

15ኛ ዓመት ቁ.5
መቀለ ሓምሌ
22/2000ዓ/ም

አዋጅ ቑፅሪ 140/2000 ዓ/ም ዝተመሓየሸ አዋጅ ኣወዳድባ ፣ ስልጣንን ሓላፍነትን ከተማታት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምሳን ዝወፀ አዋጅ ቁፅሪ 107/1998 ዳግም ንምምሕያሽ ዝወፀ አዋጅ

መካየዲ ስራሕ ከተማ /ቤት ማዘጋጃ / ሽመትን ዝህልዎ ፖለቲካዊ ተሳትፎን ብግልፂ ምድንጋግ ኣድላይ ኾይኑ ስለ ዝተረኸበ፣

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ሕገ-መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3//ሀ/ መሰረት እዚ መማሓየሺ አዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

1. **ሓፂር ርእሲ**

እዚ አዋጅ "ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝተማሓየሸ አዋጅ ኣወዳድባ ፣ ስልጣንን ሓላፍነትን ከተማታት ንምውሳን ዝወፀ አዋጅ ዳግም ንምምሕያሽ ዝወፀ አዋጅ ቁፅሪ 140/2000" ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

አዋጅ ቁጥር 140/2000 ዓ/ም የተሻሻለው የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የከተሞች አደረጃጀት ፣ ስልጣንና ሓላፊነት ለመወሰን የወጣ አዋጅ ቁጥር 107/1998 እንደገና ለማሻሻል የወጣ አዋጅ

የከተማ /ማዘጋጃ ቤት /ስራ አስኪያጅ ሽሞቱንና የሚኖሮው ፖለቲካዊ ተሳትፎ በግልጽ መደንገግ አስፈላጊ ሆኖ ስለተገኘ፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት በትግራይ ሕ-መንግስት አንቀፅ 49/3//ሀ/ መሰረት ይህ የማሻሻያ አዋጅ አውጥቷል።

1. **አጭር ርእስ**

ይህ አዋጅ "የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የተሻሻለው የከተሞች አደረጃጀት፣ ስልጣንና ሓላፊነት ለመወሰን የወጣው አዋጅ እንደገና ለማሻሻል የወጣ አዋጅ ቁጥር 140/2000" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

www.abyssinialaw.com

2. **መመሓየሺ**

ኣዋጅ ቁፅሪ 107/1998 ከምዝስዕብ ተማሓይሹ ኣሎ፦

ሀ. ዓንቀፅ 22/2/ሸ/ ሙያዊ ብቕዓት መሰረት ብምግባር ስራሕ መካየዲ እቲ ከተማ ብዝተወሰነ ግዘ ውዕሊ ስራሕ ይቕፅር ፣ የሰናብት ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን ዝብል ተሰረዙ በዚ ዝስዕብ ተተኪኡ ኣሎ፣

"22 /2/ሸ/ ብቅዓት መሰረት ብምግባር ስራሕ መካየዲ ስራሕ እቲ ከተማ ናብ ቤት ምኽሪ ከተማ ብምቕራብ የሽውም"፣

ለ. ዓንቀፅ 25/3/ መካየዲ ስራሕ ከተማ ኣብ ኣኼባታት ቤት ምኽሪ ከተማን ኮሚቴ ከንቲባን ብዘይ ድምፂ ይካፈል ዝብል ተሰሪዙ በዚ ዝስዕብ ተተኪኡ ኣሎ፣

"25/3/ መካየዲ ስራሕ ከተማ /ቤት ማዛጋጃ/ ካብ ኣባላት ኮሚቴ ኮንቲባ ወይ ካብኣቶም ወፃኢ የሽውም። እቲ መካየዲ ስራሕ ኣባል ከንቲባ ኮሚቴ ኾይኑ ይሰርሕ፣ ብድምፂ ይካፈል"፣

3. **ተፈፃምነት ዘይብሎም ሕግታት**

ነዚ ኣዋጅ ዝንነፅ ዝኾነ ኣዋጅ ፣ ደንቢ ፣ መምርሒ ወይ ልማዳዊ ኣሰራርሓ ኣብዚ ኣዋጅ ንዝተሸፈኑ ጉዳያት ተፈፃምነት ኣይህልዎን።

4. **እዚ ኣዋጅ ዝፀንዐሉ ግዘ**

እዚ ኣዋጅ ካብ 22 ጥቅምቲ 2000 ዓ.ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

መቐለ

ፀጋይ በርሀ
ፕሬዚደንት ብሄራዊ
ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

2. **ማሻሻያ**

ኣዋጅ ቁጥር 94/1998 እንደሚከተለው ተሻሽሏል፦

ሀ. አንቀጽ 22/2/ሸ/ ሞያዊ ብቃት መሰረት በማድረግ የከተማ ስራ አስኪያጅ በተወሰነ ጊዜ የስራ ውል ይቀጥራል ፣ ያሰናብታል ፣ ዝርዝሩ በመመሪያ ይወሰናል የሚለው ተሰርዞ በሚከተለው ተተክቷል፣

"22/2/ሸ/ ብቃት መሰረት በማድረግ የከተማው ስራ አስኪያጅ ለከተማው ምክር ቤት በማቅረብ ያስሾማል"

ለ. አንቀፅ 25/3/ የከተማው ስራ አስኪያጅ በከተማው ምክር ቤትና ከንቲባ ኮሚቴ ሰብሰባዎች ያለ ድምፅ መሳተፍ ይችላል የሚል ተሰርዞ በሚከተለው ተተክቷል፣

"25/3/ የከተማ /የማዘጋጃ ቤት/ ስራ አስኪያጅ ከከንቲባ ኮሚቴ አባላት ወይም ከነሱ ውጭ ያስሾማል። ስራ አስኪያጁ የከንቲባ ኮሚቴ አባል ሆኖ ይሰራል ። ብድምፅ ይካፈላል"።

3. **ተፈፃሚነት የማይኖራቸው ሕጎች**

ይህንን አዋጅ የሚቃረን ማናቸውም አዋጅ ፣ ደንብ ፣ መመሪያ ወይም ልማዳዊ አሰራር በዚህ አዋጅ ለተሸፈኑ ጉዳዮች ተፈፃሚነት አይኖረውም።

4. **አዋጅ የሚጸናበት ጊዜ**

ይህ አዋጅ ከጥቅምት 22/2000 ዓ/ም ጀምሮ የፀና ይሆናል ።

መቀሌ

ፀጋይ በርሀ
የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ
መንግስት ፕሬዝዳንት



www.abyssinialaw.com

ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 16 ዓመት ቁ.6
መቐለ 5 ታሕሳስ 2000 ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

16ኛ ዓመት ቁ.6
መቀለ ታህሣሥ
5/2000ዓ/ም

ኣዋጅ ቑፅሪ 141/2000 ዓ/ም
ስርዓት ግልጋሎት ትራንስፖርት ክልል ትግራይ ንምጥንኻርን ንምቁፅፃርን ዝወፀ ኣዋጅ

ግልጋሎት ዘፈር ትራንስፖርት ክልልና ንኢኮኖሚያውን ማሕበራዊን ምዕባለ ሃገርና ዝልዓለ ኣበርክቶ ንክህልዎ ብዝበለፀ ተወዳደራይ፣ ድሕንነቱ ዝተሓለወን ብቕዓት ዘለዎን ኾይኑ ንክስጉምን ኣወዳድባ ትራንስፖርት ፖሊሲን መንግስቲ ብኣግባቡ ንምትግባር ምቹው ኩነታት ብዝፈጥር መልክዑ ግልጋሎትን ኣዋዳድባን ትራንስፖርት ብዝርዝር ምውሳን ኣድላይነቱ ስለ ዝተኣመነሉ

ህዝቢ ብዝተመጣጠነ ዋጋ ግልጋሎት ክረክብን ኩሉ ዝምልከቶ ኣካል ንስሉጥ ግልጋሎት ትራንስፖርት ምህላውን ምንካይ ሓደጋ ትራፊክን ተዋዲዱ ክኸይድ ዘኽእል ተሳትፎ ማሕበራትን ትካላትን ማእኸል ዝገበረ ናይ ሰባትን ኣቑሑትን ስርዓት መጓዓዝያ ክህሉን እቲ ግልጋሎት ናይ ከተማን ገጠርን ኢኮኖሚያዊ ምትእስሳር ኣብ ምጥንኻር ዘተኮረ ንክኸውን ብምሕሳብ ፣

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ተማሓይሹ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3//ሀ/ ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

ኣዋጅ ቁጥር 141/2000 ዓ/ም
የትግራይ ክልል የትራንስፖርት አገልግሎት ስርዓትን ለማጠናከርና ለመቆጣጠር የወጣ አዋጅ

የክልላችን የትራንስፖርት ዘርፍ አገልግሎት ለአገራችን ኢኮኖሚያዊና ማሕበራዊ እድገት አስተዋፅኦ እንዲኖረው ፣ የበለጠ ተወዳዳሪ ፣ ደህንነቱ የተጠበቀና ብቃት ያለው ሆኖ እንዲራመድ የትራንስፖርት አደረጃጀት የመንግስት ፖሊሲ በአግባቡ ለመተግበር አመቺ ሁኔታ በሚፈጥር መልኩ የትራንስፖርት አገልግሎትና አደረጃጀት በዝርዝር መወሰን አስፈላጊነቱ ስለታመነበት ፣

ህዝቡ በተመጣጠኝ ዋጋ አገልግሎት እንዲያገኝና ሁሉም የሚመለከተው አካል ለፈጣን የትራንስፖት አገልግሎት መኖርና የትራፊክ አደጋን ለመቀነስ ተቀናጅቶ ለመሄድ የሚያስችል የማሕበራትና ድርጅቶች ተሳትፎ ያማከለ የሰዎችና ዕቃዎች ማጓጓዝ ስርዓት እንዲኖር አገልግሎቱ የከተማና የገጠር ኢኮኖሚያዊ መተሳሰር በማጠናከር ያተኮረ እንዲሆን በማሰብ ፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት በትግራይ ምክር ቤት ተሻሽሎ በወጣው ሕገ -መንግስት አንቀፅ 49/3//ሀ/ መሰረት የሚከተለውን አዋጅ አውጥቷል።

ናይ ሓደ ዋጋ ያንዱ ዋጋ	ብር4.25

ነጋሪት ጋዜጣ ቁ.ፖ.ሳ ነጋሪት ጋዜጣ ፖ.ሳ.ቁ	291

www.abyssinialaw.com

1. **<u>ሓፂር ርእሲ</u>**

እዚ ኣዋጅ " ስርዓት ግልጋሎት ትራንስፖርት ክልል ትግራይ ንምጥንኻርን ንምቁፅፃርን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 141/2000" ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

2. **<u>ትርጉም</u>**

ናይቲ ቃል ኣተኣታትዋ ካልእ ትርጉም ዘውህቦ እንተዘይኮይኑ ኣብዚ ኣዋጅ ውሽጢ ፦

1. "ክልል" ማለት ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ' ዩ፣
2. "ቢሮ" ማለት ቢሮ ንግድን ኢንዱስትሪን ትራንስፖርትን ክልል ትግራይ እዩ፣
3. "ማሕበር" ማለት ብንግዲ ኣብ መንገዲ ህዝብን ኣቑሑት ኣብ ምጉዓዝ ተግባር ብዝተዋፈሩ ሰባትን ትካላትን ዝተጣየሸን ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዝተመዝገበ ማሕበር እዩ፣
4. "መጓዓዝያ ንግዲ " ማለት ብውልቀ ሰብ ወይ ሕጋዊ ሰብነት ብዝተውሃበ ኣካል ብዝካየድ ትካል መንገደኛታት ወይ ኣቑሑት ንኽራይ ፣ ንጥቅሚ ወይ ንትርፊ ናይ ምጉዕዓዝ ኾይኑ ናይ ውልቀ ወይ ናይ ህዝቢ ተባሂሉ ይፅዋዕ፦

ሀ. "ውልቀ ናይ መንገዲ መጓዓዚ ንግዲ" ማለት ንመንገደኛታት ወይ ኣቑሑት ዝጓዓዕዝ ንብረትነቱ ናይቲ ትካል ኾይኑ ዝሰርሕ ተሽከርካሪ እንትኸውን ፣

ለ. "ናይ ህዝቢ ናይ መንገዲ መጓዓዚ ንግዲ" ማለት ናይ ውልቀ ተባሂሉ ዘይተመደበ መጓዓዝያ ንግዲ ' ዩ፣

5. "መምርሒ ዲስፕሊን" ማለት በቲ ቢሮ ዝወፀ መምርሒ ኣወሳሰናን ኣፈፃፅማን ዲስፕሊን ስጉምቲ እዩ ፣
6. "ፍቓድ መዘወሪ" ማለት ንበዓል ሞተር ተሽከርከርቲ ንምዝዋር ዘኽእል ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ብዝወፅእ ደንብን መምርሕን ዝወሃብ ፍቓድ መዘወሪ እዩ፣
7. "ተሳፋሪ" ማለት ኣብ ተሽከርካሪ ተሳፊሩ ዝኸይድ ዝኾነ ሰብ ኾይኑ ነቲ መራሒ መኪና ፣ ተቐባሊ ገንዘብን ኣብቲ ተሽከርካሪ ዝተመደበ ካሊእ ሰራሕተኛ ኣይሓውስን፣

1. **<u>ኣጭር ርእስ</u>**

ይህ ኣዋጅ "የትግራይ ብሂራዊ ክልል ትራንስፖርትን ኣገልግሎት ስርዓትን ለመጣናከርና ለመቆጣጠር የወጣ ኣዋጅ ቁጥር 141/2000" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

2. **<u>ትርጉም</u>**

የቃሉ ኣገባብ ሌላ ትርጉም የሚያሰጠው ካልሆነ በስተቀር በዚህ ኣዋጅ ውስጥ፦

1. "ክልል" ማለት የትግራይ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስት ነው፣
2. "ቢሮ" ማለት የትግራይ ክልል የንግድ ፣ ኢንዲስትሪና ትራንስፖርት ቢሮ ነው ፣
3. "ማሕበር" ማለት በመንገድ ህዝብንና ዕቃዎችን በማመላለስ የንግድ ተግባር በተሰማሩ ሰዎችና ድርጅቶች የተቋቋመና በዚህ ኣዋጅ መሰረት የተመዘገበ ማሕበር ነው፣
4. "የንግድ ማጓጓዣ" ማለት በግለሰብ ወይም ሕጋዊ ሰውነት በተሰጠው ኣካል በሚካሄድ ድርጅት መንገደኞችን ወይም ዕቃዎችን ለኪራይ ፣ ለጥቅም ወይም ለትርፍ የማመላለስ ስራ ሆኖ የግል ወይም የህዝብ ተብሎ ይጠራል፣

ሀ. "የግል የንግድ የመንገድ ማመላለሻ" ማለት መንገደኞችን ወይም ዕቃዎችን የሚያመላልስ ንብረትነቱ የድርጅቱ ሆኖ የሚሰራ ተሽከርካሪ ሲሆን፣

ለ."የህዝብ የንግድ የመንገድ ማመላለሻ" ማለት የግል ተብሎ ያልተመደበ የንግድ የመንገድ ማመላለሻ ነው፣

5. "የዲስፕሊን መመሪያ" ማለት በቢሮው የሚወጣ የዲስፕሊን እርምጃ አወሳሰንና አፈፃፀም መመሪያ ነው ፣
6. "የመንጃ ፈቃድ" ማለት ባለሞተር የሽከርካሪዎችን ለመንዳት የሚያስችል በዚህ አዋጅ መሰረት በሚወጣ ደንብና መመሪያ መሰረት የሚሰጥ የመንጃ ፈቃድ ነው፣
7. "ተሳፋሪ" ማለት በተሽከርካሪ ተሳፍሮ የሚሄደ ማንኛውም ሰው ሆኖ ሽፌሩን ፣ ገንዘብ ተቀባዩንና በተሽካርካሪው የተመደበ ሌላ ሰራተኛን አይጨምርም ፣
8. "ተሽከርካሪ" ማለት ልዩ ወታደራዊ ተሽከርካሪዎችን ሳይጨምር በመንገድ ላይ

www.abyssinialaw.com

8. "ተሽከርካሪ" ማለት ፍሉይ ወትሃደራዊ ተሽከርከርቲ ከይሓወሰ ኣብ መንገዲ ብመንኮርኩር ዝኽይድ ዝኾነ ዓይነት ተሽከርካሪ ኾይኑ ሰረገላ ፣ ብስክሌት ፣ በዓል ሞተር ተሽከርካሪ ፣ ፍርቂ ተሰሓቢን ተስሓቢን ተባሂሉ ይኽፈል፣
9. "መጓዓዚያ ዕዕነት ተሽከርካሪ" ማለት ዝኾነ ዓይነት ኣቕሓ ከመላልስ ተባሂሉ ዝተሰርሐን ነዚ ግልጋሎት እዚ ክውዕል ዝተገበረን በዓል ሞተር ተሽከርካሪ እንትኸውን ጎታቲ መኪና ‘ውን ይሓውስ ‘ዩ፣
10. "በዓል ሞተር ብስክሌት" ማለት ናይ ጎኒተሽከርካሪ ከይሓወሰ ትሕቲ ኣርባዕተ መንኮራኩር ዘለዎ በዓል ሞተር ተሽከርካሪ እዩ፣
11. "ናይ ውልቀ አውቶሞቢል" ማለት ንትርፊ ወይ ንግልጋሎት ንግዲ ዘይውዕል ኾይኑ ንውልቀ ግልጋሎት ጥራሕ ዝውዕል በዓል ሞተር ተሽከርካሪ እዩ፣
12. "ተሽከርካሪ መጓዓዚያ ህዝቢ" ማለት ከም ርሕቐት እቲቦታ ብውሱንን ብዘይውሱንን ዋጋ መንጋደኛታት ንምጉዕዓዝ ዘገልግል በዓል ሞተር ተሽከርካሪ እንትኸውን ናይ ንግዲ አውቶሞቢልን አውቶቡስን ተባሂሉ ይምደብ ፣
13. "ፍሉይ ተንቀሳቓሲ መሳርሒ" ማለት ንሰብ ወይ ኣቕሓ ኣብ መንገዲ ንኽንዓዕዝ ዝተስርሐ እንተይኮነስ ንሕርሻ ፣ ንተኽሊ ፣ ንምርባሕ ከፍቲ ፣ ንመንገዲ ፣ ንህንፃ፣ ንጂዕቲ ፣ ወይ ተመሳሳሊ ንዝኾ ካሊእ ስራሕ ዝተሰርሐ ወይ ነዚ ዋኒን ክውዕል ዝተገበረ በዓል ሞተር ተሽከርካሪ ‘ዩ፣
14. "ተሽከርካሪ መንግስቲ" ማለት ብሓገዝ ፣ ብውህብቶ ፣ ብዕደጋ ወይ ብውርሲ ንመንግስቲ ተዋሂቡ ንመንግስታዊ ግልጋሎት ወይ ስራሕ ጥራሕ ዝውዕል ተሽከርካሪ ‘ዩ፣
15. "ትራንስፖርት" ማለት ኣብ መንገዲ ብሓይሊ ሞተርን ብሓይሊ ሰብን እንስሳን ብዝንቀሳቐሱ ተሽከርከርቲ ሰብን ኣቕሓን ናይ ምጉዕዓዝ ግልጋሎት እዩ፣
16. "ሞተር ኣልቦ ተሽከርካሪ" ማለት ኣብ መንገዲ ወይ ኣብ ዝኾነ ቦታ ብስክሌትን ጋሪን ሓዊሱ ወይ እንስሳ ጉልበት እናተስሓበ ወይ እናተደፍአ ወይ እናተዘወር ዝንቀሳቐስ ትኪ ኣልቦ ተሽከርካሪ እዩ፣

በመንኮራኩር የሚሄድ ማናቸውም ዓይነት ተሽከርካሪ ሆኖ ሰረገላ ፣ ብስክሌት ፣ ባለሞተር ተሽከርካሪ ፣ ግማሽ ተሳቢና ተሳቢ ተብሎ ይከፈላል ፣
9. "የጭነት ማመላለሻ ተሽከርካሪ" ማለት ማናቸውንም ዓይነት ዕቃ እንዲያመላልስ ተብሎ የተሰራና ለዚሁ አገልግሎት እንዲውል የተደረገ ባለሞተር ተሽከርካሪ ሲሆን ጎታች መኪናን ይጨምራል ፣
10. "ባለሞተር ብስክሌት" ማለተ የጎን ተሽከርካሪውን ሳይጨምር ከአራት መንኮራኩር በታች ያለው ባለሞተር ተሽከርካሪ ነው ፣
11. "የግል አውቶሞቢል" ማለት ለትርፍ ወይም ለንግድ አገልግሎት የማይውል ሆኖ ለግል አገልግሎት ብቻ የሚውል ባለሞተር ተሽከርካሪ ነው፣
12. "የህዝብ ማመላለሻ ተሽከርካሪ" ማለት እንደቦታው ርቀት በተወሰነና ባልተወሰነ ዋጋ መንገደኞችን ለማመላለስ የሚያገልግል ባለሞተር ተሽከርካሪ ሲሆን የንግድ አውቶሞቢልና አውቶቢስ ተብሎ ይከፈላል ፣

13. "ልዩ ተንቀሳቃሽ መሳሪያ" ማለት ሰውን ወይም ዕቃን በመንገድ ላይ እንዲያመላልስ የተሰራ ተሽከርካሪ ሳይሆን ለእርሻ ፣ ለኢትክልት ፣ ለከብት እርባታ ፣ ለመንገድ ፣ ለህንፃ ፣ ለቁፋሮ ወይም ለማናቸውም ሌላ ተመሳሳይ ስራ የተሰራ ወይም ለዚሁ ጉዳይ እንዲውል የተደረገ ባለሞተር ተሽከርካሪ ነው፣
14. "የመንግስት ተሽከርካሪ " ማለት በእርዳት ፣ በስጦታ በግዥ ወይም በውርስ ለመንግስት ተስጥቶ ለመንግስታዊ አገልግሎት ወይም ስራ ብቻ የሚውል ተሽከርካሪ ነው፣
15. "ትራንስፖርት" ማለተ በመንገድ ላይ በሞተር በሰው ኃይልና በእንስሳ በሚንቀሳቀሱ ተሽከርካሪዎች ሰውንና ዕቃን የማመላለስ አገልግሎት ነው ፣

16. "ሞተር አልባ ተሽከርካሪ " ማለት በመንገድ ላይ ወይም በማንኛውም ቦታ ብስክሌትና ጋሪን ጨምሮ በሰው ወይም ለእንስሳት ጉልበት እየተሳበ ወይም እየተገፋ ወይ እየተሽከረከረ የሚንቀሳቀስ ጢስ አልባ ተሽከርካሪ ነው ፣

3. <u>የአፈጻጸም ወሰን</u>

ይህ አዋጅ በዚህ ክልል በሚገኙ መንገዶች በሚጠቀሙ ተሽከርካሪዎችና አሽከርካሪዎች ላይ

www.abyssinialaw.com

3. **<u>ወሰን ተፈፃምነት</u>**

እዚ አዋጅ ኣብዚ ክልል ኣብ ዝርከቡ መንገድታት ኣብ ልዕሊ ዝጥቀሙ ተሽከርከርትን ኣሽከርከርትን ተፈፃሚ ይኸውን ።

4. **<u>ዕላማ</u>**

እዚ ቢሮ ግልጋሎት ትራንስፖርት ኣመልኪቱ ቀሊሎም ዘለው ዕላማታት ይህልውዎ ፣

1. ቅልጡፍ ፣ ብቹዕ ፣ ኢኮኖሚያዊ ፣ ዝተመጣጠን ዝርገሐን ስርዓትን ትራንስፖርት ክስፋሕፋሕ ምግባር ፣
2. ግልጋሎት ትራንስፖርት ንተጠቃማይ ደሕንነቱ ዝተሓለወን ማቻ ዘለዎን ምኹኑ ምርግጋፅ ፣
3. ክልላውን ሃገራውን መስመራት ግልጋሎት ትራንስፖርት ክዝርግሑን ክውደቡን ብምግባር ትራንስፖርት ብኹሉ መዳይ ክዓቢ ምትብባዕ'ዮም።

5. **<u>ስልጣንን ተግባርን</u>**

እቲ ቢሮ ኣብ ኣወዳድባ ፈፀምቲ ኣካላት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምምሕያሽ ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 94/98 ዓንቀፅ 15 ዝተውሃቦ ስልጣን ከምዘሎ ኾይኑ ግልጋሎት ትራንስፖርት ዝምልከት ቀሊሎም ዝተዘርዘሩ ስልጣንን ተግባርን ይህልውዎ፦

1. ኣብ መንገዲ ናይ ዝጥቀሙ ተሽከርከርቲ ምስ ዝህብዎ ግልጋሎት ዓይነት ክህልዎም ዝግባእ መሳርሕታት ድሕንነት ፣ ክብደትን ከምኡ'ውን በዝሒ ተሳርፍት መጠን ፅዕነትን ይውስን ፣ ብመሰረት እዚ ምዝገባ ወረቐት ምስክር ሰሪሑ መረጋገፂ ዋንነት ደብተርን ቁፅሪ ሰሌዳን ይህብ፣
2. ኣብ ውሽጢ ዝ ክልል ኣብ ንግዲ ብመንገዲ ምጉዕዓዝ ስራሕ ንዝዋፈሩ ውልቀ ሰባትን ትካላትን ናይ ሞያን ብቕዓትን መረጋገፂ ምስክር ወረቐት ይህብ ፣ ይከታተል፣
3. ንናይ በዓል ሞተር ተሽከርከርቲ ኣሽከርከርቲ ፍቓድ መዘወሪ ዝምልከት መምርሒ የውፅእ፣ ፍቓድ መዘወሪ ይህብ ፣
4. ንበዓል ሞተር ተሽከርካሪ ምዝዋር ንዘምህሩን ቴክኒክ ምርመራ ድሕንነት ተሽከርከርቲ ንዘካይዱን ሰባትን ትካላትን ብቕዓት ሞያ መረጋገፂ መምርሒ የውፅእ ፣ መረዳእታ ይህብ፣ ተግባራዊነቱ ይከታተል፣ ይቆፃፀር
5. ኣብ ሴክተር ትራንስፖርት ስራሕቲ ምምኻር ክዋፈሩ ንዝደልዩ ሞያውን መረጋገፂ ብቕዓትን ይህብ ፣
6. ዝኾነ ናይ ተሽከርካሪ መፀገንን መሐደስን ተፃሚ ይሆናል ።

4. **<u>ዓላማ</u>**

ቢሮው የትራንስፖርት አገልግሎት በሚመለከት የሚከተሉት ዓላማዎች ይኖሩታል፣

1. ቀልጣፋ፣ ብቁ፣ ኢኮኖሚያዊ ፣ የተመጣጣነ የትራንስፖርት ስርጭትና ስርዓት እንዲስፋፋ ማድረግ ፣
2. የትራንስፖት አገልግሎት ለተጠቀሚ ድህንነቱ የተጠበቀና ምቾት ያለው መሆኑን ማረጋገጥ ፣
3. ክልላዊና ሃገራዊ የትራንስፖርት አገልግሎት መስመሮች እንዲዘረጉና እንዲደራጁ በማድረግ ትራንስፖርት በማንኛውም ረገድ እንዲያድግ ማበረታታት ናቸው።

5. **<u>ስልጣንና ተግባር</u>**

ቢሮው በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ስራ አስፈፃሚ አካላት አደረጃጀትን ለማሻሻል በወጣው አዋጅ ቁጥር 94/98 አንቀጽ 15 የተሰጠው ስልጣን እንዳለ ሆኖ የትራንስፖርት አገልግሎት በሚመለከት ቀጥሎ የተዘረዘሩት ስልጣንና ተግባር ይኖሩታል ፦

1. በመንገድ የሚጠቀሙ ተሽከርካሪዎች ከሚሰጡት አገልግሎት ዓይነት ሊኖራቸው የሚገባውን የደህንነት መሳሪያዎች ፣ ክብደትና መጠናቸውን እንዲሁም የተሳፋሪን ብዛትና የጭነት ክብደት ይወስናል ፣ በዚህ መሰረት የምዝገባ ማረጋገጫ ምስክር ወረቀት ስርቶ የባለቤትነት ማረጋገጫ ደብተርና የሰሌዳ ቁጥር ይሰጣል ፣
2. በክልሉ ውስጥ በመንገድ ማመላለስ ንግድ ስራ ላይ የተሰማሩ ግለሰቦችና ድርጅቶች የሙያ በቃትና መረጋገጫ ምስክር ወረቀት ይሰጣል ፣ ይከታተላል ፣
3. የባለ ሞተር የሽከርካሪዎች አሽከርካሪዎች የመንጃ ፈቃድ የሚመለከት መመሪያ ያወጣል፣ መንጃ ፈቃድ ይሰጣል ፣
4. የባለሞተር ተሽከርካሪ አነዳድን ለሚያስተምሩና የተሸከርካሪዎች ደህንነት የቴክኒክ ምርምራ ለሚያካሂዱ ሰዎችንና ድርጅቶችን የሙያ ብቃት ማረጋገጫ መመሪያ ያወጣል ፣ ማስረጃ ይሰጣል፣ ተግባራዊቱ ይከታተላል ፣ ይቆጣጠራል ፣
5. በትራንስፖርት ሴክተር በማማከር ስራ ላይ መሰማራት ለሚፈልጉ የሞያና የብቃት ማረጋገጫ ይሰጣል ፣
6. ማንኛውም የተሽከርካሪ መጠገኛና ማዳሻ ጋራዥ የቴክኒክ ብቃት ስለማረጋገጥ ፣ የስራ ፈቃድ አስጣጥና ስለደረጃው አወሳሰን መመሪያ ያወጣል፣ ተግባራዊነቱ ይከታተላል ፣ ይቆጣጠራል ፣

www.abyssinialaw.com

ጋራዥ ብቾዓት ቴክኒክ ብዛዕባ ምርግጋዕ ፣ አወሃህባ ፍቓድ ስራሕን ኣወሳስና ደረጃን መምርሒ የውዕእ ፣ ንተግባራዊነቱ ይከታተል ፣ ይቆፃፀር ፣

7. ኣብዚ ክልል ህዝብን ዕዕነትን ኣብ ምጉዕዓዝ ስራሕ ንግዲ ዝተዋፈሩ ሰባት ፣ ትካላት ወይ ከዓ ማሕበራት ዘኽፍልዎ ታሪፍ ኣብ ውድድር ነፃ ዕዳጋ ዝተመስረተ ምኻኑ ይከታተልን ይቆፃፀርን፣
8. ብኣብያተ ማዘጋጃ ፣ ብምምሕዳራት፣ ብማሕበራት ትራንስፖርትን ውልቀ ትካላትን ንዝሰርሑ ንናይ ንግዲ መንገዲ መጓዓዝያ ህዝቢ ግልጋሎት ዝውዕሉ መነሃሪያታት ደደረጃታትን መዐቀኒታትን የውዕእ ፣ ይመርሕ ፣ ይቆፃፀር ፣
9. ኣብ ስራሕ ንግዲ ምጉዕዓዝ ህዝቢ ዝተዋፈሩ ተሽከርከርቲ ማሕበራት ዘቅርብሉ ፕሮግራም ወፍሪ ኣብ ውድድር ነፃ ዕዳጋ ዝተመስረት ምኻኑ ኣረጋጊፁ የዕድቕ ፣ እንተ ዘይኣቕሪቦምሉ ባዕሉ የዳሉ ፣ ነዚ ተባሂሉ ዝወፀ ዲስፕሊን ተግባራዊ ይገብር ፣

10. ኣብ ውሽጢ እቲ ክልል ኣብ ዝኾነ እዋን ህፁፅ ደገፍ ግልጋሎት ትራንስፖርት ዝጠልቡ መገደዲ ኩነታት እንተ ጋጥሙ እቲ ፀገም ንምዕጋት ምእንታን ክከኣል ናይ መንግስቲ ኾና ናይ ውልቀ ተሽከርከርቲ ከዋፍር ይኽእል እዩ። ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣
11. ህዝብን ዕዕነትን ኣብ መንገዲ ብምጉዕዓዝ ስራሕ ዝተዋፈሩ ሰባትን ትካላትን ንዘጣይሽዎም ማሕበራት ይምዝግብ ፣ በዝሕ ኣባላት ይውስን ፣ ብዛዕባ ኣሰራርሕኦም መምርሒ የውዕእ ፣ ይከታተል ፣
12. መንገደኛታት ፣ ኣቑሑትን ፖስታራትን ብተሽከርከርቲ መጓዓዝያ ህዝቢ ብኽመይ ክንዓዓዙ ከም ዘለዎም መምርሒ የውዕእ ፣ ኣፈፃፅምኡ ይከታተል ፣
13. ትራንስፖርት ዝምልከቱ ዝተፈላለዩ መረዳእታታትን ስታትስቲክስን ብዝግባእ ይእክብን ፣ የጠናቕርን ፣
14. ናይዚ ክልል ድሕንነት ትራፊክ መንገዲ ይሕሉ ፣ ኣብዚ ክልል ብኻልኦት ኣካላት ዝካየድ ምንቅስቓስ ድሕንነት መንገዲ ኣተሓባቢሩ ብላዕለዋይነት ይመርሕ፣
15. ንዝህቦ ግልጋሎት ብመሰረት ሕጊ ፋይናንስ ዋጋ ይውስን ፣ የኽፍል
16. ንተጠቀምቲ ግልጋሎት ትራንስፖርት ዝምልከቶም ኣካላትን ዘካተተ ኮሚቴ
7. በዚህ ክልል በህዝብና ጭነት ማመላለስ ንግድ ስራ የተሰማሩ ሰዎች ፣ ድርጅቶች ወይም ማሕበራት የሚያስከፍሉት ታሪፍ በነፃ ገበያ ውድድር ላይ የተመሰረተ መሆኑን ይከታተላል ፣ ይቆጣጠራል፣
8. በማዘጋጃ ቤቶች ፣ በአስተዳደር ፣ በትራንስፖርት ማሕበራትና በግል ድርጅቶች ለሚሰሩ ለህዝብ የንግድ የመንገድ ማመላለሻ አገልግሎት የሚውሉ መናሃሪያዎች ደረጃዎችና መመዘኛዎችን ያወጣል፣ ይመራል ፣ ይዎጣጠራል ፣
9. በህዝብ ማመላለስ የንግድ ስራ የተሰማሩ ተሽከርካሪዎች ማህበራት የሚቀርቡለትን የስምሪት ፕሮግራም በነፃ ገበያ ውድድር ላይ የተመሰረተ መሆኑን አረጋጠ ያፀድቃል ፣ ካላቀረቡለት ራሱ ያዘጋጃል ፣ ለዚሁ ተብሎ የወጣውን የዲስፕሊን መመሪያ ተግባራዊ ያደርጋል፣
10. በክልሉ ውስጥ በማንኛውም ጊዜ አስቸኳይ የትራንስፖርት አገልግሎት ድጋፍ የሚያስፈልጉ አስገዳጅ ሁኔታዎች ሲያጋጥሙ ችግሩን ለመግታት እንዲቻል የመንግስት ሆኑ የግል ተሽከርካሪዎችን ሊያሰማራ ይችላል። ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል ፣
11. ህዝብንና ጭነትን በመንግስት በማመላለስ ስራ ላይ የተሰማሩት ሰዎችና ድርጅቶች የሚያቋቁሟቸውን ማህበራት ይመዘግባል ፣ የአባላት ብዛት ይወስናል ፣ ስለአሰራራቸውም መመሪያ ያወጣል ፣ ይከታተላል ፣
12. መንገደኞችን ፣ ዕቃዎችንና ፖስታዎችን በህዝብ ማመላለሻ ተሽከርካሪዎች እንዴት መጓጓዝ እንዳለባቸው መመሪያ ያወጣል ፣ አፈጻጸሙን ይከታተላል ፣
13. ትራንስፖርትን የሚመለከቱ የተለያዩ ማስረጃዎችና ስተትስቲክስን በሚገባ ይሰበስባል፣ ያጠናቅራል ፣
14. የክልሉ የትራፊክ የመንገድ ደህንነት ይጠብቃል፣ በዚህ ክልል በሌሎች አካላት የሚካሄድ የመንገድ ደህንነት እንቅስቃሴ አስተባብሮ በበላይነት ይመራል፣
15. ለሚሰጠው አገልግሎት ብፋይናንስ ህግ መሰረት ዋጋ ይወስናል ፣ ያስከፍላል ፣
16. የትራንስፖርት አገልግሎት ተጠቃሚዎችና የሚመለከታቸው አካላት የመንገድ ትራንስፖርትን ደህንነት ኮሚቴ ያቋቁማል ፣ አደረጃጀቱ በተመለከተ በደንብ ይወናል ፣
17. አመታዊ የተሽከርካሪዎች ደህንነት የቴክኒክ ምርመራ ያካሂዳል ፣ ማረጋገጫ የተጣፊ ቦሎ ይሰጣል ፣ በሌሎች አካላት የሚካሄዱት

www.abyssinialaw.com

ድሕንነት መንገዲ ትራንስፖርትን የጣይሽ ፣ ኣግባብ ኣጠያይሽኡ በደንቢ ይውሰን ፣

17. ዓመታዊ ቴክኒክ ምርምራ ድሕንነት ተሽከርከርቲ የካይድ ፣ መረጋገፂ ተለጣፊ ቦሎ ይህብ ፣ ብኻልኦት ኣካላት ንዝካየዱ ይከታተል ፣ ይቆፃፀር ፣ ደሕንነት ህዝቢ ዝጎድኡ ምንቅስቓስ ተሽከርከርሪ እናተኸታተለ ይእግድ ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን ።

18. ናይ ከባቢ ብኽለት ንምክልኻል ካብ ተሽከርከርቲ ዝወፅእ ትኪ ፣ ህውከት ዝፈጥር ድምፂ ፣ ጋዝ ፣ ዝተንኑ ነገራትን ዝኣመሳሰሉን ምስ ዓቕሚ ክልልናን ዓለም ለኻ መዐቀኒታትን ዝተገናዘበ ደረጃ ኣዳለዩ ንዝምልከቶ የቕርብ ፣ እንትፍቀድ ተግባራዊነቱ ይከታተል ፣

19. እቲ ሴክተር ትራንስፖርት ብፅዳጋ ውድድር ዝምረሐሉ ኩነታት ብምምችቻው ንውፅኢታዊ ውድድር ነፃ ፅዳጋ ምችው ኩነታት ንምፍጣር ክሳብ ዝከኣል ኣድላዪ ኽይኑ እንትርከብ ዝለዓለን ዝተሓተን (ናሕስን ወለልን) ግልጋሎት ታሪፍ ይውሰን ኣፈፃፅምኡ ይከታተል ፣

20. ኣብ ከተማታት ግልጋሎት ፓርኪንግ ክስፋሕፋሕ ይድግፍ ፣ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ኣጠቓቕምኦም ዝምልከት መምርሒ የውፅእ ፣ ይከታተል፣

21. ኩለመዳያዊ ፅብየት ትራንስፖርት ክልልና ከረጋግፅ ዘኽእል መፅናዕቲ የካይድ ፣ ብኻልኦት ንዝካየድ መፅናዕቲ የተባብፅ ፣ ከምኡ ‘ውን ትልምን ፕሮግራምን የዳሉ ፣ እንትፍቀድ ተግባራዊ ይገብር ፣

22. ሞተር ኣልቦ ተሽከርከርቲ ዝምርሐሉ ኣዋጅን ደንብን ዝምልከቱ ሓደሽቲ ሓሳባት ብምፅናፅ ንዝምልከቶ ኣካል የቕርብ ፣ እንትፍቀድ መምርሒ ኣውፂኡ የተግብር ፣ ይከታተል፣

23. በዓል ሞተር ተሽከርከርቲ ኣብ ልዕሊ ሳልሳይ ወገን ንዘብፅሕኦ ሓደጋ ናይ መጽሕን ውሕስና ምህላዎም የረጋግፅ ፣ ከምኡ’ውን ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምምኽኻር ብናይ ህዝቢ ናይ ንግዲ መንገዲ መጓዓዚ ንዝጓዓዙ መንገደኛታትን ዓቐሉትን ክህሉ ብዛዕባዝግበኦ ሽፋን ውሕስና መድሕን መምርሒ የውፅእ፣ ተግባራዊ ይገብር ። ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን

24. ኣጠቓቕማ ኣተሓሕዛን ተሽከርከርቲ መንግስቲ ዝምልከት መምርሒ የውፅእ ፣ ተግባራት ይከታተላል ፣ይቆጣጠራል ፣ የህዝብን ደህንነት የሚጎዱ የተሽከርካሪዎችን እንቅስቃሴ እየተከታተለ ያግዳል ፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል ።

18. የኣከባቢ መበከልን ለመከላከል ከተሽከርካሪዎች የሚወጣ ጢስ ፣ ሁከት የሚፈጥር ድምጽ ፣ ጋዝ ፣ ተንና ስለመሳሰሉት ከክልላችን ኣቅምና ኣለም ኣቀፍ መመዘኛዎች ጋር የተገናዘበ ደረጃ ኣዘጋጅቶ ለሚመለከተው ያቀርባል ፣ ሲፈድቀም ተግባራዊነቱን ይከታተላል ፣

19. የትራንስፖርቱ ሴክተር በገቢያ ውድድር የሚመራበት ሁኔታዎችን በማመቻቸት ለውጤታማነቱ የነፃ ገበያ ውድድር ምቹ ሁኔታ ለመፍጠር እስከሚቻል ኣስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ ከፍተኛና ዝቅተኛ /ጣራና ወለል/ የኣገልግሎት ታሪፍ ይወስናል ፣ ኣፈጻጸሙን ይከታተላል ፣

20. በከተማዎች የፓርኪንግ ኣገልግሎት እንዲስፋፋ ይደግፋል ፣ ከሚመለከታቸው ኣካላት ጋር በመተባበር ኣጠቓቀማቸውን በሚመለከት መመሪያ ያወጣል ፣ ይከታተላል ፣

21. የክልላችን ሁለገብ የትራንስፖርት ዕድገት ሊያረጋግጥ የሚችል ጥናት ያካሂዳል ፣ በሌሎች ለሚካሄድ ጥናት ያበረታታል ፣ እንዲሁም እቅድና ፕሮግራም ያዘጋጅል ፣ ሲፈቀድም ተግባራዊ ያደርጋል ፣

22. ሞተር ኣልባ ተሽከርካሪዎች የሚመሩበት ኣዋጅና ደንብን የሚመለከቱ ኣዳዲስ ሓሳቦች በማጥናት ለሚመለከተው ኣካል ያቀርባል ፣ ሲፈቀድ መመሪያ ኣውጥቶ ተግባር ላይ ያውላል ፣ ይከታተላል ፣

23. ባለ ሞተር ተሽከርካሪዎች በሶስተኛ ወገን ላይ ለሚያደርሱት ኣደጋ የመድን ዋስትና ሽፋን ያላቸው መሆኑን ያረጋግጣል ፣ እንዲሁም ከሚመለከታቸው ኣካላት ጋር በመመካከር በህዝብ የንግድ የመንገድ ማመላለሻ ለሚጓጓዙ መንገደኞችና ዕቃዎች ሊኖር ስለሚገባው የመድን ዋስትና ሽፋን መመሪያ ያወጣል ፣ ተግባራዊ ያደርጋል ። ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል ፣

24. የመንግስት ተሽከርካሪዎች ኣጠቃቀም ኣያያዝ በሚመለከት መመሪያ ያወጣል ፣ ተግባሪዊነቱን ይከታተላል ፣ ይቆጣጠራል።

6. <u>የህዝብና የጭነት የንግድ የመንገድ ማመላለሻ ስራ ስለማካሄድ</u>

1. ማንኛውም ግለሰብ ወይም ብሕግ መሰረት

www.abyssinialaw.com

ንተግባራዊነቱ ይከታተል ፣ ይቆጣጠር።

6. **<u>ኣብ መንገዲ ህዝብን ፅዕነትን ምጉዕዓዝን ንግዲ ስራሕ ብዛዕባ ምኽያድ</u>** ፣

1. ዝኾነ ውልቀሰብ ወይ ብመሰረት ሕጊ ዝተጣየሸ ትካል ብህዝቢ ወይ ብፅዕነት ኣብ መንገዲ ምጉዕዓዝ ንግዲ ስራሕ ክዋፈር ይኽእል እዩ፣
2. ህዝቢ ወይ ፅዕነት ኣብ መንገዲ ምጉዕዓዝ ብንግዲ ስራሕ ንኽዋፈሩ ፍቓድ ዝተዋሃቦም ሰባትን ትካላትን በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 7 መሰረት ዝጣየሸ ማሕበር ኣባል ብምኻን ስራሕቶም ከካይዱ ወይ ኣባል ማሕበር እንትይኾይኑ ስራሕቶም ብውልቆም ከካይዱ ይኽእሉ።

7. **<u>ብዛዕባ ምጥያሽ ማሕበራት</u>**

1. ህዝብን ፅዕነትን ኣብ መንገዲ ምጉዕዓዝ ንግዲ ስራሕ ዝተዋፈሩ ሰባትን ትካላትን ናይ ህዝብን ፅዕነትን ኣብ መንገዲ ምጉዕዓዝ ንግዲ ማሕበር ከጣይሹን ኣባል ክኾኑን ይክእሉ ፣
2. ዝኾነ ማሕበር ኣብ መተሓዳደሪ ደንቢ ማሕበሩ ንዝተገለፀ ኩነታት ኣማሊኡ ንዝተረከበ ዝኾነ ኣብ መንገዲ መጓዓዝያ ንግዲ ስራሕ ዝተዋፈረ ሰብ ወይ ትካል ዝተወሰነሉ በዝሒ ኣባል ክሳብ ዘይመልእ ብኣባልነት ናይ ምቅባል ግቡእ ኣለዎ፣
3. ህዝቢ ወይ ፅዕነት ኣብ መንገዲ ምጉዕዓዝ ንግዲ ስራሕ ዝተዋፈረ ዝኾነ ወብ ወይ ትካል ኣብ ሓደ እዋን ኣብ ውሽጢ ሓደ ናይ ወፍሪ መስመር ካብ ሓደ ንላዕሊ ኣብ ዝኾኑ ማሕበራት ኣባል ክኸውን ኣይኽእልን፣
4. እቲ ቢሮ ናይቲን ማሕበራት ሞዴል መተሓዳደሪ ደንቢ ክውዕእ ይኽእል ።

8. **<u>ብዛዕባ መዝገባ ማሕበራት</u>**

1. ዝኾነ ማሕበር ምስተጣየሸ ሽዑ ንሽዑ ናይ ምዝገባ መመልከቲኡ ምስ ናይ ማሕበሩ መተሓዳዳሪ ደንቢ ኣተሓሒዙ ናብቲ ቢሮ ከቕርብ ኣለዎ ፣
2. እቲ ቢሮ መመልከቲ ምዝገባ እንትቕርበሉ፣

ሀ. ናይቲ ማሕበር መተሓዳደሪ ደንቢ እቲ ቢሮ ንዘውዕኦ ሞዴል መተሓዳደሪ ደንቢ ዝተኸተለ ምኻኑ፣

ለ. ኣግባብ ዘለዎ ዝኾነ ሕጊ ዝሓቶ ኩነት ዝተኸተለ ምኻኑ ብምርግጋፅ ዝተወሰነ ናይ መመዝገቢ ክፍሊት ኣኽፊሉ ኑቲ ማሕበር ይምዝግቦ ፣

3. እቲ ቢሮ ናይቲ ማሕበር ናይ ምዝገባ ሕቶ ዘይተቐበሎ እንተኾይኑ ዘይቐበለሉ የተቋቋመ ድርጅት በህዝብ ወይም በጭነት የንግድ የመንገድ ማመላለሻ ስራ ሊሰማራ ይችላል ፣

2. በህዝብ ወይም በጭነት የንግድ የመንገድ ማመላለሻ ስራ ለመስማራት ፈቃድ የተሰጣቸው ሰዎችና ድርጅቶች በዚህ አዋጅ አንቀጽ 7 መሰረት የሚቋቋም ማህበር አባል በመሆን ስራቸውን ሊያካሂዱ ወይም የማህበሩ አባል ሳይሆኑ ስራቸውን በግላቸው ሊያካሂዱ ይችላሉ ።

7. **<u>ስለማህበራት ማቋቋም</u>**

1. በህዝብና በጭነት የንግድ የመንገድ ማመላለሻ ስራ ላይ የተሰማሩ ሰዎችና ድርጅቶች የህዝብና የጭነት የንግድ የመንገድ ማመላለሻ ማህበር ሊያቋቁሙና አባል ሊሆኑ ይችላሉ፣

2. ማንኛውም ማህበር በማህበሩ መተዳደሪያ ደንብ የተመለከቱትን ሁኔታዎች የሚያሟላ ሆኖ የተገኘውን በህዝብ የንግድ የመንገድ ማመላለሻ ስራ ላይ የተሰማራ ሰው ወይም ድርጅት የተወሰነለት የአባላት ብዛት እስካልሞላ ድረስ ድርጅቱ በአባልነት የመቀበል ግዴታ አለበት ፣
3. በህዝብ ወይም በጭነት የንግድ የመንገድ ማመላለሻ ስራ ላይ የተሰማራ ማንኛውም ሰው ወይም ድርጅት በአንድ ጊዜ በአንድ የስምሪት መስመር ውስጥ ከአንድ በላይ በሆኑ ማህበራት ውስጥ አባል ሊሆን አይችልም፣
4. ቢሮው የማህበራትን ሞዴል መተዳደሪያ ደንብ ሊያወጣ ይችላል።

8. **<u>ስለማህበራት ምዝገባ</u>**

1. ማንኛውም ማህበር እንደተቋቋመ ወዲያውኑ የምዝገባ ማመልከቻውን ከማህበሩ መተዳደሪያ ደንብ ጋር አያይዞ ለቢሮው ማቅረብ አለበት፣

2. ቢሮው የምዝገባ ማመልከቻ ሲቀርብለት ፦

ሀ.የማህበሩ መተዳደሪያ ደንብ ቢሮ ያወጣውን ሞዴል የተመዳደሪያ ደንብ የተከተለ መሆኑን ፣

ለ.አግባብነት ያለው ማናቸውም ህግ የሚጠይቀው ሁኔታ መሟላቱን በመረጋገጥ የተወሰነ የመመዝገቢያ ክፍያ በማስከፈል ማህበሩን ይመዘግበዋል ፣

3. ቢሮው የማህበሩን የምዝገባ ጥያቄ የማይቀበለው ከሆነ ያልተቀበለበትን ምክንያት በመግለጽ በ30 ቀናት ውስጥ ለማህበሩ በጽሑፍ ማሳወቅ አለበት። ቢሮው በተጠቀሰው ጊዜ ውስጥ በማመልከቻው ላይ አንዳችም ውሳኔ ካልሰጠበት ማህበሩ

www.abyssinialaw.com

ምኽንያት ብምግላፅ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ነቲ ማሕበር ብፅሑፍ ክፍልጦ ኣለዎ። እቲ ቢሮ በቲ ዝተጠቐሰ ግዘ ኣብቲ ዝቐረበሉ መመልከቲ ዝኾነ ውሳነ እንተዘይሂቡ እቲ ማሕበር ከምዝተመዝገበ ይቑፀር ፣

4. እቲ ማሕበር ካብ ዝተመዝገበሉ መዓልቲ ጀሚሩ ሕጋዊ ሰብነት ይረክብ፣

9. ሕድሳት ምዝገባ

1. ዝኾነ ማሕበር በብዓመቱ ካብ 1 መስከረም ክሳብ ዕለት 30 ለካቲት ኣብዘለዎ ግዜ ውሽጢ ኣድላይ ክፍሊት ብምፍፃም ምዝገብኡ ከሕድስ ኣለዎ ፣
2. እቲ ምዝገባ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 በብዓመቱ እንተዘይተሓዲሱ እቲ ማሕበር ስርሑ ኣይቕፅልን፣

10. ተፈፃሚነት ዝህልዎ ሕጊ

ኣብ ፍትሃብሄር ሕጊ ካብ ዓንቀፅ 404 ክሳብ 482 ዝተመልከቱ ድንጋጌታት ምስዚ ኣዋጅ ክሳብ ዘይተፃብኡ ኣብ ናይ ህዝብን ፅዕነትን መጓዓዝያ ንግዲ ማሕበራት ተፈፀምቲ ይኾኑ። ኾይኑ ግን በዞም ድንጋጌታትን ካልእ ሕግን ንቤት ፅሕፈት ማሕበራትን ቢሮ ፍትሕን ዝተውሃቦም ሓላፍነት ነዞም ማሕበራት ብዝምልከት በዚ ኣዋጅ ንቢሮ ንግዲ ፣ ኢንዱስትርን ትራንስፖርትን ተመሓላሊፉ ኣሎ።

ክፍሊ ክልተ
ዝተፈላለዩ ድንጋጌታት

11. መረዳእታ ብዛዕባ ምምሕላፍ

1. ናይቲ ክልል ኣብያተ ፅዮ መንግስቲ ፣ ኮሚሽን ፖሊስ ክልልን ኣብያተ ፅሕፈት ፖሊስ ዞባታትን ወረዳታትን ፣ ህዝብን ፅዕነትን ኣብ መንገዲ ምጉዓዝ ንግዲ ማሕበራት ፣ ውልቀ ሰባትን ካልኦት ትካላትን እቲ ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ መሰረት ምስ ትራንስፖርት ዝተተሓሓዙ ኣድላይቲ መረዳእታታትብእዋኑ ክቕርቡ ወይ ከመሓላልፉ ኣለዎም፣
2. ኣድላዩ መረዳእታ ንምምሕላፍ ዝሕግዝ መርኣያ ቅጥዒ እቲ ቢሮ የዳሉ ፣

12. ግቡእ ህዝብን ፅዕነትን ኣብ መንገዲ ምጉዓዝ ንግዲ ስራሕ ዝተዋፈሩ ሰባትን ትካላትን

ህዝብን ፅዕነትን ፣ ኣብ መንገዲ ምጉዓዝ ንግዲ ስራሕ ዝተዋፈሩ ሰባትን ትካላትን ብዛዕባ መንገዲ ትራንስፖርት ዝወፀ ኣዋጃት ፣ ደንብታትን እንደተመዘገበ ይቆጠራል ፣

4. ማህበሩ ከተመዘገበበት ቀን ጀምሮ ሕጋዊ ሰውነት ያገኛል ።

9. የምዝገባ እድሳት

1. ማንኛውም ማህበር በየዓመቱ ከመስከረም 1 እስከ የካቲት 30 ባለው ጊዜ ውስጥ አስፈላጊውን ክፍያ በመፈፀም ምዝገባውን ማሳደስ አለበት ፣

2. ምዝገባው በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 መሰረት በየዓመቱ ካልታደሰ ማህበሩ ስራውን አይቀጥልም።

10. ተፈፃሚነት የሚኖረው ህግ

በፍትሃብሔር ህግ ከአንቀጽ 404 እስከ 482 የተመለከቱት ድንጋጌዎች ከዚህ አዋጅ ጋር እስካልተቃረኑ ድረስ በህዝብና በጭነት የንግድ የመንገድ ማመላለሻ ማሕበሮች ላይ ተፈፃሚ ይሆናሉ። ሆኖም በነዚህ ድንጋጌዎችና በሌላ ህግ ለማሕበራት ጽሕፈት ቤትና ለፍትህ ቢሮ የተሰጠ ኃላፊነት ማሕበራቱን በሚመለከት በዚህ አዋጅ ለንግድ ፣ ኢንዱስትሪና ትራንስፖርት ቢሮ ተላልፏል።

ክፍል ሁለት
ልዩ ልዩ ድንጋጌዎች

11. ማስረጃ ስለማስተላለፍ

1. የክልሉ የመንግስት መስሪያቤቶች ፣ የክልል ፖሊስ ኮሚሽንና የዞኖችና የወረዳ ፖሊስ ጽሕፈት ቤቶች የህዝብና የጭነት የንግድ የመንግስት ማመላለሻ ማህበራት ፣ ግለሰቦችና ሌሎች ድርጅቶች ቢሮው በሚያወጣው መመሪያ መሰረት ከትራንስፖርት ጋር የተያያዘ አስፈላጊውን መረጃ በወቅቱ ማቅረብ ወይም ማስተላለፍ አለባቸው ፣

2. አስፈላጊውን መረጃ ለማስተላለፍ የሚረዳ የናሙና ቅፅ ቢሮው ያዘጋጃል።

12. በህዝብና በጭነት የንግድ የመንገድ ማመላለሻ ስራ ላይ የተሰረማሩ ሰዎችና ድርጅቶች ግዴታ

በህዝብና በጭነት የንግድ የመንገድ ማመላለሻ ስራ ላይ የተሰማሩ ሰዎችና ድርጅቶች ስለመንገድ ትራንስፖርት የወጡትን አዋጆች ፣ ደንቦችና መመሪያዎች ማክበር አለባቸው።

www.abyssinialaw.com

መምርሕታትን ክኽብሩ ኣለዎም፣

13.<u>ብዛዕባ ብሕታዊ መሰላትን ውዕላትን</u>

1. እቲ ቢሮ ኣድላዩ ኾይኑ እንተረኺብዎ ህዝብን ፅዕነትን ኣብ መንገዲ ምጉዕዓዝ ንግዲ ስራሕ ዝተዋፈሩ ሰባት ፣ ትካላት ወይ ማሕበራት ዝተረጋገፀ ኣታዊ ዝረኽብሉ ኩነታት ብምፍጣር ህዝብን ፅዕነትን ናይ ምጉዕዓዝ ግልጋሎት ኣብዘይረኽቡ ወይ እኹል ኣብዘይኮነሎም መስመራት ክሰርሑ ንምትብባዕ ብሕታዊ ወይ ዝተወሰኑ መሰላት ንምሃብ ዘኽእል መምርሒ ከውፅእ ይኽእል፣
2. ናይዚ ኣዋጅ ድንጋጌታት ዝኾነ መፅዓናይ ህዝብን ፅዕነትን ፣ ኣብ መንገዲ ብምጉዕዓዝ ንግዲ ስራሕ ምስ ዝስርሑ ሰባት ወይ ትካላት ብሕታዊ ናይ ምጉዕዓዝ ውዕሊ ናይ ምግባር መሰሉ ናይ ምእጋድ ወይ ናይ ምግዳብ ውዕኢት ኣይህልዎምን፣

14.<u>ብዛዕባ ውክልና ስልጣን</u>

1. ኣድላዩ ኾይኑ እንትርከብ እቲ ቢሮ ግልጋሎት ትራንስፖርት ብዝምልከት ካብ ስልጣኑን ተግባሩን ብኽፋል ንወረዳታት ፣ ንክተማታት ወይ ንኻልኦት መንግስታዊ ወይ ንውልቀ ትካላት ብውክልና ክህብ ይኽእል፣
2. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንዑስ ዓንቀፅ 1 ውክልና ዝተወሃቦም ኣካላት ዝተቐበሉዎ ስልጣንን ተግባርን ኣብ ስራሕ እንተውዕሉ ብዛዕባ ትራንስፖርት ዝወፁ ኣዋጃት ፣ ደንብታትን መምርሕታትን ከምኡውን በቲ ቢሮ ዝወሃቡ ደረጃታት ናይ ምኽታልን ምሕላውን ግቡእ ይህልዎም።

15.<u>መሰጋገሪ ድንጋጌ</u>

ቅድሚ እዚ ኣዋጅ ምውፅኡ ዝተጣየሹ ማሕበራት በዚ ኣዋጅ ከምዝተጣየሹ ተቖፂሮም ስረሖም ይቕፅሉ።

16.<u>ዝተሰዓሩ ሕግታት</u>

ነዚ ኣዋጅ ዝቃረን ካሊእ ዝኾነ ኣዋጅ ፣ ደንቢ ፣ መምርሒ ወይ ድማ ናይ ልምዲ ኣሰራርሓ ኣብ ውሽጢ እዚ ኣዋጅ ንዝተመልከቱ ጉዳያት ተፈፃምነት ኣይህልዎምን።

17.<u>ብዛዕባ ምውፃእ ደንብን መምርሕን</u>

1. ንኣፈፃፅማ እዚ ኣዋጅ ቤት ምኽሪ ስራሕ

13.<u>ስለብቸኛ መብቶችና ውሎች</u>

1. ቢሮው ኣስፈላጊ ሆኖ ሲያገኘው በህዝብና በጭነት የንግድ የመንገድ ማመላለሻ ስራ ላይ የተሰማሩ ስዎች ፣ ድርጅቶች ወይም ማህበራት የተረጋገጠ ገቢ የሚያገኙ በትን ሁኔታ በመፍጠር የህዝብና የጭነት የንግድ የመንገድ ማመላለሻ አገልግሎት በማያገኙ ወይም በቂ ባልሆነባቸው መስመሮች እንዲሰሩ ለማበረታታት ብቸኛ ወይም የተወሰኑ መብቶች ለመስጠት የሚያስችል መመሪያ ሊያወጣ ይችላል፣

2. የዚህ አዋጅ ድንጋጌዎች ማንኛውም አስጫኝ የህብና የጭነት የንግድ የመንገድ ማመላለሻ ስራ የሚሰሩ ሰዎች ወይም ድርጅቶች ጋር ብቸኛ የማጓጓዣ ውል የማድረግ መብቱን የማገድ ወይም የመግደብ ውጤት አይኖራቸውም።

14.<u>ስለስልጣን ውክልና</u>

1. አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ ቢሮው የትራንስፖርት አገልግሎት በሚመለከት ከስልጣንና ተግባሩ በከፊል ለወረዳዎች ፣ ለከተሞች ወይም ለሌሎች መንግስታዊ ወይም ለግል ድርጅቶች በውክልና መስጠት ይችላል፣

2. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 መሰረት ውክልና የተሰተጣቸው አካላት በውክልና የተቀበሉትን ስልጣንና ተግባር በስራ ላይ ሲያውሉ ስለትራንስፖርት የወጡ አዋጆች ፣ ደንቦችና መመሪያዎችን እንዲሁም በቢሮው የሚሰጡ ደረጃዎችን የመከተልና የመጠበቅ ግዴታ ይኖራቸዋል።

15.<u>የመሸጋገሪያ ድንጋጌ</u>

ይህ አዋጅ ከመውጣቱ በፊት የተቋቋሙ ማሕበራት በዚህ አዋጅ እንደተቋቋሙ ተቆጥረው ስራቸውን ይቀጥላሉ።

16.<u>የተሻሩ ሕጎች</u>

ይህን አዋጅ የሚቃረን ሌላ ማንኛውም አዋጅ ፣ ደንብ ፣ መመሪያ ወይም የአሰራር ልምድ በዚህ አዋጅ ውስጥ በተመለከቱ ጉዳዮች ላይ ተፈፃሚነት አይኖረውም።

17.<u>ደንብና መመሪያ ስለማውጣት</u>

1. ለዚህ አዋጅ ማስፈጸምያ የክልሉ ስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ደንብ ያወጣል።

www.abyssinialaw.com

ፈፃሚ ክልል ትግራይ ደንቢ የወፅእ ።

2. እቲ ቢሮ ነዚ ኣዋጅን ነዚ ኣዋጅ ስዒቡ ንዝወፅእ ደንብን ንምፍፃም ዘድልዩ ዝርዝር መምርሒታት ከውፅእ ይኽእል።

18.**ቅፅዓት**

እዚ ኣዋጅን በዚ ኣዋጅ መሰረት ዝወፁ ደንብታትን መምርሒታትን ዝተመሓላለፈ ዝኾነ ሰብ ብመሰረት ገበን ሕጊ ይቕፃዕ ፣

19.**ኣዋጅ ዝፀንዐሉ ግዘ**

እዚ ኣዋጅ ካብ 5 ታሕሳስ 2000 ዓ.ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

መቐለ

ፀጋይ በርሀ
ፕሬዚደንት ብሄራዊ
ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

2. ቢሮው ይህን ኣዋጅና ይህን ኣዋጅ ተክትሎ ለሚወጣው ደንብ ለማስፈጸም የሚያስፈልጉ ዝርዝር መመሪያዎች ሊያወጣ ይችላል።

18.**ቅጣት**

ይህን ኣዋጅና በዚህ ኣዋጅ መሰረት የወጡ ደንቦችንና መመሪያዎችን የተላለፈ ማንኛውም ሰው በወንጀል ሕግ መሰረት ይቀጣል።

19.**ኣዋጅ የሚጽናበት ጊዜ**

ይህ ኣዋጅ ከታህሣሥ 05/2000 ዓ/ም ጀምሮ የፀና ይሆናል ።

መቀሌ

ፀጋይ በርሀ
የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ
መንግስት ፕሬዝዳንት

www.abyssinialaw.com

ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 16 ዓመት ቁ.7
መቐለ 5 ታሕሳስ 2000 ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

16ኛ ዓመት ቁ.7
መቀለ ታህሣሥ
5/2000ዓ/ም

አዋጅ ቁፀሪ 142/2000 ዓ/ም
ኤጀንሲ መራኸቢ ሓፋሽ ክልል ትግራይ ንምጥያሽ ዝወፀ አዋጅ

መራኸብቲ ሓፋሽ ፣ ግልጋሎት ሓበሬታ ፣ ትምህርትን ዝተፈላለዩ መህደሲታትን ናብ ህዝቢ ብምቕራብን ብምስራፅን ኣብ ኩለመዳያዊ ምዕባለ ክልልና ዘለዎም ግደ ብምርኣይ፣

ትካል መራኸቢ ሓፋሽ ንናይቲ ህዝቢ ዕለታዊ ምንቅስቓስ ብቑረባን ብስፍሓትን ብምዕብዓብ ዝዓወቶ ተራ ዝለዓለ ኾይኑ ስለ ተረኽበ፣

ስራሕ መራኸቢ ሓፋሽ ብስርዓትን ብሕግን ዝምራሕ ክኸውን ስለ ዘለዎ፣

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ተመሓይሹ ብዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49 ንኡስ ዓንቀፅ 3/ሀ/ መሰረት ሰዒቡ ዘሎ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

አዋጅ ቁጥር 142/2000 ዓ/ም
የትግራይ ክልል መገናኛ ብዙሃን ኤጀንሲን ለማቋቋም የወጣ አዋጅ

የመገናኛ ብዙሃን አገልግሎት ፣ መረጃ ፣ ትምህርትና የተለያዩ መዝናኛ ለህዝብ በማቅረብና በማስረፅ ለክልላችን ሁለገብ እድገት ያላቸውን ሚና በማየት፣

የመገናኛ ብዙሃን ተቋም የህዝቡን ዕለታዊ እንቅስቃሴ በቅርበትና በስፋት በመዘገብ የሚጫወተው ሚና ከፍተኛ ሁኖ ስለተገኘ፣

የመገናኛ ብዙሃን ስራ በስርዓትና በህግ የሚመራ መሆን ስላለበት፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስትምክር ቤት ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ሕገ -መንግስት አንቀፅ 49 ንኡስ አንቀፅ 3/ሀ/ መሰረት የሚከተለውን አዋጅ አውጥቷል።

ክፍል አንድ

www.abyssinialaw.com

ክፍሊ ሓደ
ሓፈሻዊ

1. **ሓፂር ርእሲ**

እዚ ኣዋጅ " ኤጀንሲ መራኸቢ ሓፋሽ ክልል ትግራይ ንምጥያሽ ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ142/2000" ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

2. **ትርጉም**

ናይቲ ቃል ኣጠቓቕማ ካልኣ ትርጉም ዘውህቦ እንተዘይኮይኑ ኣብዚ ኣዋጅ ውሽጢ ፦

1. "መንግስቲ" ማለት ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ማለት ነዩ ።
2. "ኤጀንሲ" ማለት ሓበሬታ ብምስንዳእን ብምውዛዕን ንህዝብን መንግስትን ንምሕባር፣ ንምህዳስን ንምምሃርን ሰብ ሞያ መራኸቢ ሓፋሽ ዝሓቐፈ ትካል ኮይኑ በዚ ኣዋጅ ዝተጣየሸ መራኸቢ ሓፋሽ ክልል ትግራይ እዩ፣
3. "መራኸቢ ሓፋሽ" ማለት ሓበሬታ (ኢንፎርሜሽን) ብምእካብን ብምስንዳእን ብሬድዮ ፣ ቴሌቭዝን ፣ ጋዜጣን መፅሂትን ኣቢሉ ናብ ህዝቢ ክበፅሕ ዝገብር መስርሕ እዩ፣
4. "ቦርድ" ማለት በዚ ኣዋጅ ዝተጣየሸ ነቲ ኤጀንሲ ዝመርሕ ኣካል እዩ፣
5. "ጋዜጠኛ" ማለት ኣብ ውሽጢ ኤጀንሲ መራኸቢ ሓፋሽ ብኣሰናዳኢነት ፣ ፀብፃቢነት ፣ ብምድላው ካርቱን ፣ በዓል ሙያ ግራፊክስ ፣ ፎቶ ብምልዓል ፣ ብፊልም ኤዲተርነት ፣ ብፊልም ዳይሬክተርነት ፣ ብቴክኒሻንነት ወይ ድማ ዜናን መረዳእታን ብምእካብ ፣ ምውዳድን ምውዛዕን ፣ ሞያ ዝተዋፈረን ስነ - ምግባር እቲ ሞያ ዘኽብርን ዝኾነ ኪኢላ እዩ፣
6. "ሰብ" ማለት ናይ ተፈጥሮ ሰብ ወይ ብሕጊ ናይ ሰብነት መሰል ዝተውሃቦ ኣካል እዩ፣
7. "ቤት ምኽሪ" ማለት ቤት ምኽሪ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ፣
8. "ፕረስ" ማለት ከም ጋዜጣ ፣ በብእዋኑ ዝወፅእ ፅሑፍ ፣ በራሪ ፅሑፍ ፣ ወኪል ዜና ፣ምስንዳእ ፕሮግራማት ሬድዮ ፣ ቴሌቪዥን፣ ተንቀሳቓሲ ስእሊ ፣ ስእሊ ፣ፊልሚ ካርቱን ፣ ድርሰት ሙዚቃን፣ሕትመት ኤሌክትሮኒክስን

ጠቅላላ

1. **ኣጭር ርእስ**

ይህ ኣዋጅ "የትግራይ ብሂራዊ ክልል መገናኛ ብዙሃን ኤጀንሲ ለማቋቋም የወጣ ኣዋጅ ቁጥር 142/2000" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

2. **ትርጉም**

የቃሉ ኣገባብ ሌላ ትርጉም የሚያሰጠው ካልሆነ በስተቀር በዚህ ኣዋጅ ውስጥ፦

1. "መንግስት " ማለት የትግራይ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስት ማለት ነው ፣
2. "ኤጀንሲ" ማለት መረጃን በማዘጋጀትና በማስራጨት ለህዝብና ለመንግስት ለማስታወቅ ፣ ለማስተማርና ለማዝናናት የመገናኛ ብዙሃን ባለሞያዎች የተሰባሰቡበት ተቋም ሆኖ በዚህ ኣዋጅ የተቋቋመው የትግራይ ክልል የመገናኛ ብዙሓት ተቋም ነው፣
3. "መገናኛ ብዙሃን" ማለት መረጃ በመሰብሰብና በማዘጋጀት በሬድዮ፣ ቴሌቭዥን ፣ ጋዜጣና መፅሂት ኣማካኝነት ለህዝብ እንዲደርስ የሚደረግ ኣሰራር ነው፣
4. "ቦርድ" ማለት በዚህ ኣዋጅ የተቋቋመ ኤጀንሲውን የሚመራ ኣካል ነው፣
5. "ጋዜጠኛ" ማለት በብዙሃን መገናኛ ኤጀንሲ ውስጥ በኣዘጋጅነት ፣ በዘጋቢነት ፣ በካርቶን ኣዘጋጅነት ፣በግራፊክስ ባለሙያነት ፣ በፍቶግራፍ ኣንሺነት ፣ በፊልም ኤዲተርነት፣ በተንቀሳቓሽ ፊልም ኣንሺነት ፣ በፊልም ዳይሬክተርነት ወይም ዜና እና መረጃዎን በመሰብሰብ ፣ በማቀናበር እና በማሰራጨት ሙያ የተሰማራና የሙያውን ስነ-ምግባር የሚያከብር ማናቸውም ባለሙያ ነው፣
6. "ሰው" ማለት የተፈጥሮ ሰው ወይም በህግ የሰውነት መብት የተሰጠው ኣካል ነው፣
7. "ምክር ቤት" ማለት የትግራይ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ነው፣
8. "ፕሬስ" ማለት እንደ ጋዜጣ ፣ በየጊዜው የሚወጣ ፅሑፍ ፣ በራሪ ፅሑፍና ፣ የዜና ወኪል ፣ የሬድዮና ቴሌቪዥን ፕሮግራሞች ዝግጅቶች ፣ ተንቀሳቃሽ ስእል ፣ ስእል ፣ ፊልም ፣ ካርቱን፣ የሙዚቃ ድርስቶች ፣ የኤሌክትሮኒክስ ሕትመትና

www.abyssinialaw.com

ተዋስኦን ዝኣመሰሉ ስራሕቲ ዝውግን ትካል መራኸቢ ሓፋሽ ኾይኑ ኩሉ ዓይነት መተሓላለፊ መልእኽቲ መራኸቢ ሓፋሽ'ውን ዝሓቁፍ እዩ።

ክፍሊ ክልተ
ኣወዳድባ ፣ ስልጣንን ተግባርን ኤጀንሲ መራኸቢ ሓፋሽ

3. **ብዛዕባ ምጥያሽ**

ኤጀንሲ መራኸቢ ሓፋሽ ክልል ትግራይ ድሕሪ ሕዚ "ኤጀንሲ" እናተብሃለ ዝፅዋዕ ዓርሱ ዝኾኣለ ሕጋዊ -ሰብነት ዘለዎ ቤት ዕዮ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኾይኑ በዚ ኣዋጅ ተጣይሹ ኣሎ።

4. **ዋና ቤት ዕዮ እዚ ኤጀንሲ**

ዋና ቤት ዕዮ እዚ ኤጀንሲ ኣብ ከተማ መቐለ ኾይኑ ከኸም ኣድላይነቱ ኣብ ክልል ትግራይ ኮነ ኣብ ካልኦት ክልላት ጨንፈር ቤት ዕዮ ክህልዎ ይኽእል ።

5. **ዕላማ**

1. ዕላማ እዚ ኤጀንሲ ህዝቢ እዚ ክልል ሓሳቡ ብነፃ ናይ ምግላፅ ሕገ- መንግስታዊ መሰሉ ኣብ ግብሪ ከውዕል ፅሬቱ ዝሓለወ፣ ስሉጥ ፣ ትክክለኛን እዋናውን ሓበሬታ ክረክብ ምግባር ፣ ኣብ ዝግበሩ ምንቅስቓሳት ፖለቲካዊ ፣ ማሕበራዊን ቁጠባዊን ዛዕባታት ሰፊሕ ዋሕዚ ሓበሬታ ክህሉን ሓበራዊ ኣረዳድኣ ክፍጠርን ምግባር እዩ፣
2. ዲሞክራሲያዊ ባህሊ እቲ ሕብረተሰብ ክጉልበት ምብርትታዕ ፣
3. ኣብቲ ክልል መትከል ሰናይ ምምሕዳር ንክዓስል ሰፊሕ ናይ ኣስተምህሮ ስራሕቲ ብምስራሕ ንሰናይ ምምሕዳር ዝፃብኡ ተግባራትን ሓሳባትን ምቅላዕ።

6. **ስልጣንን ተግባርን እቲ ኤጀንሲ**

እቲ ኤጀንሲ ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባርን ይህልውዎ ፦

ተውኔት የመሳሰሉት ማናቸውም የመገናኛ ብዙሃን መልእክት ማስተላለፊያ ሁሉ ይጨምራል።

ክፍሊ ሁለት
የመገናኛ ብዙሃን ኤጀንሲ ኣደረጃጀ ፣ ስልጣንና ተግባር

3. **ስለ መቋቋም**

የትግራይ ክልል የመገናኛ ብዙሃን ኤጀንሲ ከዚህ በኋላ "ኤጀንሲው" እየተባለ የሚጠራ የህጋዊ ሰውነት ያለው ራሱን ያቻለ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት መስርያ ቤት ሁኖ በዚህ አዋጅ ተቋቁሟል።

4. **የኤጀንሲው ዋና መስሪያ ቤት**

የኤጀንሲው ዋና መስሪያ ቤት በመቀሌ ከተማ ሆኖ እንደ አስፈላጊነቱ በትግራይ ክልልም ሆነ በሌሎች ክልሎች ቅርንጫፍ መስሪያ ቤት ሊኖረው ይችላል።

5. **ዓላማ**

1. የኤጀንሲው አላማ የክልሉ ህዝብ ሃሳብን በነፃ የመግለፅ ሕገ-መንግስታዊ መብቱ እንዲጠቀም ለማበረታታት ፣ ጥራቱን የጠበቀ ፣ ቀልጣፋና አስተማማኝ የሆነ መረጃ እንዲያገኝ ማድረግ ፣ በፖለቲካዊ ፣ ኢኮኖሚያዊንና ማህበራዊ ጉዳዮች በሚደረጉ እንቅስቃሴዎች ሰፊ የመረጃ ፍሰት ኖሮ የጋራ መግባባት እንዲፈጠር ማድረግ ነው፣
2. የህብረተሰቡን ዲሞክራሲያዊ ባህል እንዲጎለብት ማበረታታት ፣
3. በክልሉ መልካም አስተዳደር እንዲሰፍን ሰፊ የማስተማር ስራ በመስራት መልካም አስተዳደርን የሚቃረኑ ተግባራትና ሓሳቦችን ማጋለጥ ።

6. **የኤጀንሲው ስልጣንን ተግባር**

ኤጀንሲው የሚከተሉት ስልጣንና ተግባር ይኖሩታል፦

1. የኤጀንሲው አገልግሎት ለክልሉ ኢኮኖሚያዊ፣ ማህበራዊ እና ፖለቲካዊ ዕድገት ተገቢውን

www.abyssinialaw.com

1. ግልጋሎት እዚ ኤጀንሲ ንምዕባለ ቁጠባዊ ፣ ፖለቲካውን ማሕበራውን እዚ ክልል ዝግባእ ኣበርክቶ ብዝገብር ኣገባብ ይካየድ ምህላው የረጋግጽ፣
2. ህዝቢ ሓሳብ ንሓሳብ ክለዋወጥን ክመያየጥን ፣ ሓሳብ ብነፃ ክህብን ክቕበልን ኣብ ሓበራዊ ምርድዳእ ንክበፅሕ ምቹው ሃዋህው መራኸቢ ሓፋሽ ይፈጥር ፣
3. ናይቲ ክልል ህዝቢ ኣብ ዲሞክራሲያውን ሰብኣውን መሰላት ዘለዎ ግንዛበ ንምጉልባት ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ ምድላዋት የቕርብ ።
4. ነፃ ሪኢቶ ህዝብን ሓበፊታታትን ተቐቢሉ የተኣናግድ ፣ ንዝምልከቶም ኣካላት ብምሕታት የፃሪ ፣ ውፅኢቱ'ውን ንህዝቢ ዕላዊ ይገብር፣
5. እቲ ህዝቢ እዋናዊ ሓበፊታ ክረክብ ዘኽእል ድሌት ምህዳስ ህዝቢ ዘማልለኡን ዝተፈላለዩ ምድላዋት እናሰናድአ ብፊድዮ፣ ብቴሌቭዥንን ብውፅኢት ሕትመትን የመሓላልፍ ፣
6. ግልጋሎት ምፍላጥ /ኣድቨርታይዝመንት/ ዶኩሜን ቴሽንን ናይ ፎቶግራፍ ተንቀሳቓሲ ምስልታትን ይህብ፣
7. ንስራሕቱ ኣድለይቲ ዝኾኑ ግልጋሎት ሕትመት ፣ ናይ ሬድዮን ቴሌቪዥንን መደባት ንምውህሃድን ንምፍናውን ፣ ዜናን መረዳእታትን መመሓላለፊ ወይ መሰጋገሪ ከምኡ 'ውን ንተመሳሰልቲ ግልጋሎታት ዝውዕሉ ትካላትን መሳርሕታትን ኣድላይ ኣብ ዝኾነ ቦታ ይተክል ፣ የጣይሽ ፣ ይውድብ ፣ የመሓድርን ይቆፃፀርን ፣
8. እቲ ኤጀንሲ ንዝህቦ ግልጋሎት ተመጣጠኒ ክፍሊት ከኽፍልን ክእከብን ይኽእል'ዩ፣ ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብደንቢ ይውሰን ፣
9. እቲ ኤጀንሲ ሕጊ መሰረት ብምግባር ኣብ ውሽጢ ዓዲ ይኹን ኣብ ወፃኢ ምስ ዘለው መረዳእታ ወሃብቲ ኣካላት ዜና ፣ ልውውጥ ኣስተዋፅኦ በሚያደርግ መልኩ በመካሂድ ላይ መሆኑን ያረጋግጣል፣
2. ህዝቡ ሃሳብ ለሃሳብ እንዲለዋወጥና እንዲወያይ ፣ ሃሳቡን በነፃ እንዲሰጥና እንዲቀበል ፣ ወደጋራ መግባባት እንዲደርስ ለማድረግ የሚያስችልና አመቺ የመገናኛ ብዙሃን ሁኔታ ይፈጥራል፣
3. የክልሉ ህዝብ በዲሞክራሲና ሰብኣዊ መብቶች ያለውን ግንዛቤ ለማጎልበት የሚያግዙ ልዩ ልዩ ዝግጅቶችን ያቀርባል፣
4. ነፃ የህዝብ አስተያየቶችን ተቀብሎ ያስተናግዳል፣ የሚመለከታቸውን አካላት በመጠየቅ ያጣራል ፣ ውጤቱንም ለህዝብ ይፋ እንዲሆን ያደርጋል ፣
5. ህዝቡ ወቅታዊ መረጃ እንዲያገኝ የሚያስችልና የመዝናናት ፍላጎቶችን የሚያሟሉ የተለያዩ ዝግጅቶችን እያዘጋጀ በሬድዮ ፣ በቴሌቭዥንና በሕትመት ውጤቶች ያስተላለፋል፣
6. የፎቶ ግራፍና የተንቀሳቃሽ ምስል ደኩሜንቴሽንና የማስታወቂያ አገልግሎቶችን ይሰጣል ፣
7. ለስራው አስፈላጊ የሆኑ የህትመት አገልግሎቶችን፣ የሬድዮና ቴሌቪዥን ፕሮግራሞች ለማቀነባበርና ለማስራጨት፣ የዜናና መረጃ ማስተላለፊያ ወይም ማሽጋገርያዎችን ፣ እንዲሁም ለተመሳሳይ አገልግሎቶችን የሚውሉ ሌሎች ተቋማት እና መሳሪያዎችን በተገቢው ስፍራ ይተክላል፣ ያቋቁማል ፣ ያደራጃል፣ ያስተዳድራል፣ ይቆጣጠራል፣
8. ኤጀንሲው ለሚሰጠው አገልግሎት ተመጣጣኝ የአገልግሎት ክፍያ ሊያስከፍልና ሊሰበሰብ ይችላል፣ ዝርዝር አፈፃፀሙ በደንብ ይወሰናል፣
9. ኤጀንሲው ሕግን መሰረት በማድረግ ከአገር ውስጥ ይሁን ከአገር ውጭ ካሉት የመረጃ አካላት የዜና ፣ ተሞክሮ ልውውጥም ሆነ ስልጠና የሚያስገኝበት የግንኙነት ስራ ይሰራል፣

7. <u>የኤጀንሲው አደረጃጀት</u>

www.abyssinialaw.com

ተሞክሮ ኮነ ስልጠና ዘርክብ ናይ ርክብ ስራሕ ይሰርሕ ፣

7. **<u>ኣወዳድባ እቲ ኤጀንሲ</u>**

እቲ ኤጀንሲ፦

1. ቦርድ፣
2. ዋና ኣካየዲ ስራሕ ፣
3. ምክትል ኣካየዲ ስራሕን
4. ካልኦት ኣድለይቲ ስራሕተኛታት ይህልውዎ።

8. **<u>ኣሰያይማ እቲ ቦርድን ተፀዋዕነትን</u>**

1. እቲ ኤጀንሲ ካብ ሽውዓተ ብዘይንእሱ ኣባላት ቦርድ ይምራሕ ፣
2. እዚ ቦርድ ናይ'ቲ ኤጀንሲ ላዕለዋይ ኣካል ኾይኑ ይመርሕ ፣ የመሓድር ፣
3. ኣቦ ወንበርን ኣባላትን እዚ ቦርድ ብፕሬዝዳንትስ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ካብ፦

ሀ. ቢሮ ሓበሬታ ----------ሓደ
ለ. ዩኒቨርስቲ መቐለ----------ሓደ
ሐ.ቢሮ ህንፀት ዓቕሚ ----------ሓደ
መ. ካብ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ---ሓደ
ረ. ካብ ማሕበር መናእሰይ ትግራይ---------ሓደ
ሰ. ካብ ኣባላት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ----------ሓደ
ሸ.ኣካየዲ ስራሕ እቲ ኤጀንሲ ----ኣባልንፀሓፊን ተሓዚዮም ናብ ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ቐሪቦም ይሸወሙ፣

4. ዋና ኣካየዲ ስራሕ እቲ ኤጀንሲ ብቦርድ ኣቕራብነት ብፕሬዝዳንት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ይሸወም፣

5. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝተገለፀ እንተሃለወ'ውን እቲ ቤት ምኽሪ ኣብ ስራሕ ኣብዘይህልወሉ እዋን ኣባላትን ኣቦወንበርን እቲ ቦርድ ብፕሬዚዴንት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ተሰይሙ ክሰርሕ ተግይሩ ቤት ምኽሪ ኣብ ዝእከበሉ ግዘ ቀሪቡ ክፀድቕ ይግበር፣
6. ተፀዋዕነት እዚ ኤጀንሲ ንቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ይኸውን።

9. **<u>ስልጣንን ተግባርን እቲ ቦርድ</u>**

ኤጀንሲው ፦

1. ቦርድ ፣
2. ዋና ስራ ኣስኪያጅ
3. ምክትል ስራ ኣስኪያጅና
4. ሌሎች ኣስፈላጊ የሆኑ ስራተኞች ይኖሩታል።

8. **<u>የቦርድ አሰያየምና ተጠሪነት</u>**

1. ኤጀንሲው ከሰባት በማያንሱ የቦርድ አባላት ይመራል ፣
2. ቦርድ የኤጀንሲው የበላይ አካል ሆኖ ይመራል ፣ ያስተዳድራል ፣
3. የቦርዱን ሊቀመንበርና አባላት በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ፕሬዚዳንት፦

ሀ. ከማስታወቂያ ቢሮ ----------አንድ
ለ. መቐለ ዩኒቨርስቲ----------አንድ
ሐ.የአቅም ግንባታ ቢሮ----------አንድ
መ.ከትግራይ ክልል ሴቶች ማህበር -----አንድ
ሠ.ከትግራይ ክልል ወጣቶች ማህበር ----አንድ
ረ. ከትግራይ ክልል ብሄራዊ መንግስት ምክር ቤት አባላት ----------አንድ
ሰ.የኤጀንሲው ስራ አስኪያጅ ----------ኣባልና ፀሓፊ

ታጭተው ወደ ትግራይ ክልል ምክር ቤት ቀርበው ይሾማሉ ፣

4. የኤጀንሲው ዋና ስራ አስኪያጅ በቦርድ አቅራብነት በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ፕሬዝዳንት ይሾማል፣
5. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 3 የተገለጸው ቢኖርም ምክር ቤቱ ስራ ላይ በማይሆንበት ወቅት የቦርድ አባላትና ሊቀመንበር በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ፕሪዚዳንት ተሰይሞ ስራውን እንዲሰራ ተደርጎ ምክር ቤቱ በሚሰበሰበት ጊዜ ቀርቦ ይጸድቃል፣

6. የኤጀንሲው ተጠሪነቱ ለትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ይሆናል።

9. **<u>የቦርዱ ስልጣንና ተግባር</u>**

ቦርዱ የሚከተሉት ስልጣንና ሃላፍነት ይኖረዋል፦

1. የኤጀንሲው ስራዎችን በበላይነት

www.abyssinialaw.com

እቲ ቦርድ እዞም ዝስዕቡ ስልጣንን ሓላፍነትን ይህልዎ፦

1. ስራሕቲ ኤጀንሲ ብላዕለዋይነት ይመርሕ፣ ይቆፃፀር፣
2. እቲ ቦርድ ሓፈሻዊ ፖሊሲን ስትራተጅን ናይቲ ኤጀንሲ ኣዳልዩ ንመንግስቲ የቕርብ ፣ ምስተፈቐደ ተግባራዊ ምኻኑ ይቆፃፀር፣
3. ተፀዋዕነቶም ንኣካያዲ ስራሕ ኤጀንሲ ዝኾኑ ምደባ ሓለፍቲ የፅድቕ፣
4. እቲ ኤጀንሲ ሕግታትን ደንብታትን መንግስቲ ንክፍለጥ ብዝተፈላለዩ መራኸቢ ሓፋሽ (ጋዜጣ ፣ ሬድዮ ፣ ውፅኢታት ፕሬስ) ኣቢሉ የመሓላልፍ ምህላው ይከታተል ፣ የረጋግፅ፣
5. ዓቕሚ መንግስቲ ኣብ ግምት ብምእታው መሓውር እቲ ኤጀንሲ ኣፅዲቑ ኣብ ስራሕ ክውዕል ይገብር፣
6. እቲ ቦርድ ከከም ዓይነትን ተዳላዪ ሞያን እቲ መደብ ስራሕ ተራእዩ እናተወሰነ ብመስርሕን ሰራሕተኛታትን ኣዋጅ ቁፅሪ 377/1996ን ብኣዋጅ ስራሕተኛታት መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቁፅሪ 66/1995ን የመሓድር ፣
7. ብመሰረት በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 6 እቲ ቦርድ ነቲ ኤጀንሲ የስርሕ ‘ዩ ዝብሎ ስኬል መሃያ ሰራሕተኛታት ፣ መምርሒ ቁፃር ፣ ፅብየትን ምምሕዳርን የዳሉ ፣ ብዝምልከቶ ኣካል ምስፀደቐ የፈፅም፣
8. እቲ ኤጀንሲ ካብ መንግስቲ ዝተመደበሉ ኮነ ካብ እቶቱ ዝእክቦ ገንዘብ ብኣግባቡ ይጥቀም ምህላው የረጋግፅ ፣
9. ፋይናንሳዊ ምንቅስቓስ እቲ ኤጀንሲ ኦዲት ክግበርን ዓመታዊ ፀብፃብ ክቐርበሉን ይገብር፣
10. ትልሚ ነዊሕን ሓጺርን እቲ ኤጀንሲ ኣዳልዩ ንቤት ምኽሪ የቕርብ ፣ እንትፀድቕ የተግብር።

10. ኣኼባ እቲ ቦርድ

1. እዚ ቦርድ እዋን ኣኼብኡ ባዕሉ ይውስን፣
2. ካብ ኣባላት እቲ ቦርድ ኣብቲ ይመራል፣ይቆጣጠራል፣
2. ቦርዱ የኤጀንሲው ኣጠቃላይ ፖሊሲና ስትራቴጂ ኣዘጋጅቶ ለመንግስት ያቀርባል ፣ ሲፈቀድም ተግባራዊ መሆኑን ይቆጣጠራል፣
3. ተጠሪነታቸው ለኤጀንሲው ዋና ስራ ኣስኪያጅ የሆኑ የሃለፊዎችን ምደባ ያፀድቃል ፣
4. ኤጄንሲው የመንግስት ፖሊሲዎች፣ ህጎችና ደንቦች እንዲታወቁ በልዩ ልዩ የብዙሃን መገናኛዎች ዘዴዎች ኣማካኝነት በወቅቱ እያስተላለፈ መሆኑን ይከታተላል ፣ ያረጋግጣል፣
5. የመንግስትን ዓቅም ግምት ውስጥ በማስገባት የኤጄንሲውን መዋቅር በማፅደቅ ስራ ላይ እንዲውል ያደርጋል፣
6. ኤጀንሲው እንደ ስራ መደቡ ዓይነትና ተፈላጊ ሙያ ታይቶ እየተወሰነ በኣሰሪና ሰራተኞች ኣዋጅ ቁጥር 377/1996 እና በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ የመንግስት ሰራተኞች ኣዋጅ ቁጥር 66/1995 ይተዳደራል፣
7. በዚህ ኣንቀጽ ንኡስ ኣንቀጽ 6 መሰረት ቦርዱ ኤጀንሲውን ሊያሰራ ይችላል የሚለውን የሰራተኞች የደመወዝ ስኬል ፣ የቅጥር፣ የእድገትና የኣስተዳደር መመሪያ ያዘጋጃል በሚመለከተው ኣካል ሲፀድቅ ያስፈፅማል፣
8. ኤጀንሲው ከመንግስት የተመደበለት በጀትም ሆነ የሚሰበሰበው ጊቢ ባግባቡ ስራ ላይ ማዋሉ ን ያረጋግጣል ፣
9. የኤጀንሲው የፋይናንስ እንቅስቃሴ ኦዲት እንዲደረግና ዓመታዊ ሪፖርት እንዲቀርብለት ያደርጋል ፣
10. የኣጭርና የረዥም ጊዜ ዕቅድ ኣዘጋጅቶ ለምክር ቤቱ ያቀርባል ፣ ሲፀድቅም ተግባራዊ ያደርጋል።

10. የቦርድ ስብሰባ

1. ቦርዱ የስብሰባ ጊዜውን ራሱ ይወስናል
2. ከቦርዱ ኣባላት 50%+1 በስብሰባው ከተገኙ ምልኣተ ጉባኤ ይሆናል፣

www.abyssinialaw.com

ኣኼበባ50%+1 እንተተረኽቦም ምልኣተ ጉባኤ ይኸውን፣

3. ውሳነ እቲ ቦርድ ብድምፂ ብልጫ ይሓልፍ ፣ ኾይኑ ግና እቲ ዝተዋሃበ ድምፂ ማዕረ ንማዕረ እንተኾይኑ ኣካቢ ዝደገፎ ሓሳብ ውሳነ ቦርድ ኾይኑ ይሓልፍ፣

4. እቲ ቦርድ ናይ ባዕሉ ስነ-ስርዓት ኣኼባን ኣሰራረሓ ውሽጢ ደንብን ከውዕእ ይክእል'ዩ።

11. ስልጣንን ተግባርን ዋና ኣካይዲ ስራሕ እቲ ኤጀንሲ

ናይቲ ኤጀንሲ ዋና ኣካይዲ ስራሕ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 8 ንኡስ ዓንቀፅ 4 ዝሽፍኖም ኾይኑ ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባራትን ይህልውዎ ፦

1. በቲ ቦርድ ብዝዋሃቦ ሓፈሻዊ መምርሒ መሰረት ዋና ኣካያዲ ስራሕ ናይቲ ኤጀንሲ ዋና ፈፃሚ ስራሕ ኮይኑ ንስራሕ እቲ ኤጀንሲ ይመርሕ ፣ የማሓድር፣

2. ናይዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ሓፈሻዊ ኣበሃህላ ዝተሓለወ ኮይኑ ዋና ኣካየዲ ስራሕ፦

ሀ. ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 6 ዝተዘርዘሩ ናይቲ ኤጀንሲ ስልጣንን ተግባራትን ኣብ ስራሕ የውዕል፣

ለ. እቲ ቦርድ ብዘውዕኦ መምርሒ መሰረት ሰራሕተኛታት እቲ ኤጀንሲ ይቆፅር ፣ የመሓድር፣ መሃያን ካልኦት ጥቅማ ጥቅምን ንኽረክቡ ይገብር፣

ሐ.ናይቲ ኤጀንሲ ትልሚ ስራሕን በጀትን ኣደልዩ ነቲ ቦርድ የቕርብ ፣ እንትፍቀድ ኣብ ስራሕ የውዕል፣

መ. ብመሰረት ነቲ ኤጀንሲ ዝተፈቐደሉ ትልሚ መፈፀሚ በጀት ገንዘብ ወፃኢ ንኽኸውን ይገብር፣

ረ. ናይቲ ኤጀንሲ ምንቅስቓስ ስራሕን ፀብፃብ ሒሳብን ኣዳልዩ ነቲ ቦርድ የቕርብ፣

ሰ. ምስ ሳልሳይ ወገናት ዝግበሩ ርክባት ኩሉ ነቲ ኤጀንሲ ይውክል፣

ሸ. ናይቲ ኤጀንሲ ምክትል ኣካያዲ ስራሕ ሓፅዩ ንፕሬዚዳንት ብምቕራብ ክሽወም ይገብር ፣

ቀ. ናይቲ ኤጀንሲ ስራሕ ንምቅልጣፍ እቲ ዋና

3. የቦርድ ውሳኔዎች በድምፅ ብልጫ ያልፋል ፣ ሆኖም የተሰጠው ድምፅ እኩል ከሆነሰብሳቢው የደገፈው ሓሳብ የቦርዱ ውሳኔ ሆኖ ያልፋል ፣

4. ቦርዱ የራሱን የሰብሰባ ስነ-ስርዓት እና የአሰራር ውስጠ ደንብ ሊያወጣ ይችላል።

11. የኤጀንሲው ዋና ስራ አስኪያጅ ስልጣንና ተግባር

የኤጀንሲው ዋና ስራ አስኬያጅ በዚህ አዋጅ አንቀፅ 8 ንኡስ አንቀፅ 4 መሰረት የሚሾም ሆኖ የሚከተሉትን ስልጣንና ተግባራት ይኖሩታል፦

1. ከቦርድ በሚሰጠው አጠቃላይ መመሪያ መሰረት ዋና ስራ አስኪያጅ የኤጀንሲው ዋና ስራ አስፈፃሚ በመሆን የኤጀንሲውን ስራ ይመራል ፣ ያስተዳድራል፣

2. የዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 አጠቃላይ አነጋገር እንደተጠበቀ ሆኖ ዋና ስራ አስኪያጅ ፣

ሀ. በዚህ አዋጅ አንቀፅ 6 የተዘረዘሩትን የኤጀንሲውን ስልጣንና ተግባሮችን በስራ ላይ ያውላል፣

ለ. ቦርዱ በሚያወጣው መመሪያ መሰረት የኤጀንሲውን ሰራተኞች ይቀጥራል፣ ያስተዳድራል ፣ ደመወዝና ሌሎች ጥቅማ ጥቅሞችን እንዲያገኙ ያደርጋል፣

ሐ. የኤጀንሲውን የስራ ዕቅድና በጀት አዘጋጅቶ ለቦርዱ ያቀርባል ፣ ሲፈቀድም ስራ ላይ ያውላል፣

መ. ለኤጀንሲው የተፈቀደውን የዕቅድ ማስፈፀሚያ በጀት መሰረት ገንዘብ ወጪ እንዲሆን ያደርጋል፣

ሠ.የኤጀንሲው የስራ እንቅስቃሴና የሂሳብ ሪፖርት በማዘጋጀት ለቦርዱ ያቀርባል

ረ.ከሦስተኛ ወገኖች ጋር በሚደረጉ ግኑኝነቶች ሁሉ ኤጀንሲውን ይወክላል፣

ሰ. የኤጀንሲውን ምክትል ስራሕ አስኪያጅ አጭቶ ወደ ፕሬዚዳንቱ በማቅረብ እንዲሾም ያደርጋል፣

ሸ. ዋና ስራ አስኪያጁ የኤጀንሲውን ስራ ለማቀላጠፍ ከተሰጠው ስልጣንና ተግባር በመቀነስ ለሌሎች የኤጀንሲው ሃላፊዎችና ሰራኞች ሊያስተላልፍ

www.abyssinialaw.com

ኣካያዲ ስራሕ ካብ ዝተውሃቦ ስልጣንን ተግባርን ነኪዩ ነቶም ካልኦት ሓለፍትን ስራሕተኛታትን እቲ ኤጀንሲ ክሕልፍ ይኽእል።
በ. ካልኦት በቲ ቦርድ ዝተዋሃብዎ ናይቲ ኤጀንሲ ስራሕቲ ይሰርሕ።

12.<u>ስልጣንን ተግባርን ምክትል ኣካየዲ ስራሕ እቲ ኤጀንሲ</u>

1. ምክትል ኣከይዲ ስራሕ እቲ ኤጀንሲ ተፀዋዕነቱ ንዋና ኣካየዲ ስራሕ ኾይኑ በቲ ዋና ኣካየዲ ስራሕ ዝተውሃብዎ ዘፈር ስራሕ እቲ ኤጀንሲ ይሰርሕ ፣
2. ዋና ስራሕ ኣካየዲ ኣብ ዘይህልወሉ ግዘ ነቲ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ተኪኡ ይሰርሕ።

13.<u>ፍልፍል በጀት እቲ ኤጀንሲ</u>

1. በጀት እቲ ኤጀንሲ ካብዞም ዝስዕቡ ፍልፍላት እቶት ይኽውን፦
   ሀ. ብመንግስቲ ዝምደበሉ በጀት ፣
   ለ. ካብ ዝህቦ ግልጋሎት ዝእክቦ ገንዘብ ፣
   ሐ. ካብ ካሊእ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ዝርከብ እቶት፣
2. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 መሰረት ዝተረኽበ ገንዘበ ብሽም እቲ ኤጀንሲ ብዝኽፈት ብቁዕሪ ሒሳብ ባንኪ ዝቕመጥ ኮይኑ ንመሳለጢ ስራሕ እቲ ኤጀንሲ ይውዕል።

14.<u>ብዛዕባ ሒሳብ መዛግብቲ</u>

እቲ ኤጅንሲ ዝተማለኡን ብፅሬት ዝተዳለውን ናይ ሒሳብ መዛስግብቲ ይህልውዎ።

<u>ክፍሊ ሰለስተ</u>
<u>ዝተፈላለዩ ድንጋጌታት</u>

15.<u>ተፈፃምነት ካልኦት ሕጊታት</u>

ናይዚ ኣዋጅ ድንጋጊ ዝተሓለወ ኮይኑ ኣብ ኣዋጅ ቁፅሪ 34/1985 ሽግሽግ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝሰፈሩ ኣግባብ ዘለዎም ድንጋጌታት ተፈፃምነት ኣለዎም ።

16.<u>ዝተሳዓሩ ሕግታት</u>

1. መራኸቢ ሓፋሽ ዝምልከት ብክልል ይችላል፣
ቀ. ሌሎች በቦርዱ የሚሰጡትን የኤጀንሲው ስራዎች ይሰራል።

12.<u>ኤጀንሲው ምክትል ስራሕ አስኪያጅ ስልጣንና ተግባር</u>

1. የኤጀንሲው ምክትል ስራ አስኪያጅ ተጠሪነቱ ለዋና ስራ አስኪያጅ ሆኖ በዋናው ስራ አስኪያጁ የሚሰጠትን የኤጀንሲው የዘርፍ ስራዎችን ይሰራል፣
2. ዋና ስራ አስኪያጅ በማይኖርበት ጊዜ ዋናው ስራ አስኪያጁን ተክቶ ይሰራል።

13.<u>የኤጀንሲው የበጀት ምንጭ</u>

1. የኤጀንሲ በጀት ከሚከተሉት የገቢ ምንጮች ይሆናል፦
ሀ. በመንግስት የሚመደብለት በጀት ፣
ለ. ከሚሰጠው አገልግሎት የሚሰበሰበው ገንዘብ፣
ሐ.ከተለያዩ ሌሎች ምንጮች የሚገኝ ገቢ፣

2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 መሰረት የተገኘው ገንዘብ በኤጀንሲው ስም በሚከፈት የባንክ ሂሳብ ቁጥር ተቀማጭ ሆኖ የኤጀንሲውን ስራዎች ለማስፈፀም ይውላል።

14.<u>ስለ ሂሳብ መዛግብት</u>

ኤጀንሲው የተሟሉና በጥራት የተዘጋጁ የሂሳብ መዛግብት ይኖሩታል።

<u>ክፍል ሦስት</u>
<u>ልዩ ልዩ ድንጋጌዎች</u>

15.<u>የሌሎች ህጎች ተፈፃሚነት</u>

የዚህ አዋጅ ድንጋጌ እንደተጠበቀ ሆኖ በኢትዮጵያ ሽግግር መንግስት አዋጅ ቁጥር 34/1985 የሰፈሩ አግባብ ያላቸው ድንጋጌዎች ተፈፃሚነት አላቸው፣

16.<u>የተሻሩ ህጎች</u>

1. በትግራይ ክልል የወጣ በአዋጅ ቁጥር 84/1996

www.abyssinialaw.com

ትግራይ ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 84/1996 ዓ/ም ዝተዘርዘሩ ድንጋጌታት፣

2. ነዚ ኣዋጅ ዝፃረሩ ካልኦት ኣዋጆት ፣ ደንብታት ፣ መምርሕታትን ልማዳዊ ኣሰራርኻታትን ኣብዚ ኣዋጅ ንዝተደንገጉ ጉዳያት ተፈፃምነት ኣይህልዎምን።

17.<u>እዚ ኣዋጅ ዝፀንዐሉ ግዘ</u>

እዚ ኣዋጅ ካብ 5 ታሕሳስ 2000 ዓ.ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

<u>መቐለ</u>

ፀጋይ በርሀ
ፕሬዚደንት ብሄራዊ
ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

ዓ/ም መገናኛ ብዙሃንን የሚመለከቱ የተዘረዘሩ ድንጋጌዎች ፣

2. ሌሎች ይህንን ኣዋጅ የሚቃረኑ ኣዋጆች፣ ደንቦች፣ መመሪያዎችና የልምድ ኣሰራሮች በዚሁ ኣዋጅ ለተደነገጉ ጉዳዮች ተፈፃሚነት ኣይኖራቸውም።

17.<u>ኣዋጁ የሚጸናበት ጊዜ</u>

ይህ ኣዋጅ ከታህሣሥ 05/2000 ዓ/ም ጀምሮ የፀና ይሆናል ።

<u>መቀሌ</u>

ፀጋይ በርሀ
የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ
መንግስት ፕሬዝዳንት

www.abyssinialaw.com

ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 16 ዓመት ቁ.8
መቐለ 5 ታሕሳስ 2000 ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

16ኛ ዓመት ቁ.8
መቀለ ታህሣሥ
5/2000ዓ/ም

አዋጅ ቁፅሪ 143/2000 ዓ/ም
ፈንድ ስልጠና ንምጥያሽን ኣፈፃፅምኡን ኣጠቓቕምኡን ንምውሳንን ዝወፀ ኣዋጅ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

ኣብ ክልል ዓቕሚ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ንምዕባይ ዝካየድ ስራሕቲ ምዕባለ ሓይሊ ሰብ ተኽታታልነትን ቀፃልነትን ብዘለዎ ኣገባብ ንኽካየድ ነዚ ተግባር ዝውዕል ናይ ባዕሉ ዝኽኣለ እቶት ክህሊ ኣድላይ ምኻኑ ስለዝተኣመኑሉ ፣
ተበታቲኑ በቢኣብያተ ዕዮ ይወሃብ ዝነበረ ስልጠና ተማእኺሉ ክምራሕን ብክልል ብርኪ ንስልጠና ተባሂሉ ዝወፅእ ገንዘብን ካብ ዝተፈላለዩ ገበርቲ ሰናይ ትካላትን ሃገራትን ዝርከብ ሃፍቲ ኣብ ሓደ ቦኽራ ብምዕቃብ እቲ ክልል ቀዳምነት ኣብ ዝህቦም ዓይነት ስልጠና ክውዕል ምግባር ኣድላይ ብምኻኑ፣

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ተመሓይሹ ብዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/ሀ/ እዚ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

አዋጅ ቁጥር 143/2000 ዓ/ም
የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የስልጠና ፈንድ ለማቋቋምና አፈጻጸሙና አጠቃቀሙን ለመወሰን የወጣ አዋጅ

በክልላችን የመንግስት ሰራተኞች አቅም ለማሳደግ የሚካሄድ የሰው ሃይል ልማት ስራዎች ተከታታይነትና ቀጣይነት ባለው አገባብ ለማካሄድ ለዚህ ተግባር የሚውል ራሱን የቻለ ገቢ እንዲኖር አስፈላጊ መሆኑን ስለታመነበት፣
ተበታትኖ በየመንግስት መሥሪያ ቤቶች ይሰጥ የነበረው ስልጠና ተማክሎ እንዲመራና በክልል ደረጃ ለስልጠና ተብሎ የሚወጣ ገንዘብ ከተለያዩ በጎ አድራጊ ድርጅቶችና አገሮች የሚገኝ ገንዘብ በአንድ ቋት በማስቀመጥ ክልሉ ቅድሚያ በሚሰጣቸው የስልጠና አይነቶች እንዲወል ማደረግ አስፈላጊ በመሆኑ፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ሕገ -መንግስት አንቀፅ 49/3/ሀ/ ይህ አዋጅ አውጥቷል።

ናይ ሓደ ዋጋ ያንዱ ዋጋ | ብር14.00

ነጋሪት ጋዜጣ ቁ.ፖ.ሳ
ነጋሪት ጋዜጣ ፖ.ሳ.ቁ ዋጋ

www.abyssinialaw.com

1. **<u>ሓፂር ርእሲ</u>**

እዚ ኣዋጅ " ፈንድ ስልጠና ንምጥያሽ ኣፈፃፅምኡን ኣጠቓቕምኡን ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 143/2000" ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

2. **<u>ትርጉም</u>**

ኣግባብ ኣጠቓቕማ እቲ ቃል ካልኢ ትርጉም ዘውህቦ እንተዘይኮይኑ ኣብዚ ኣዋጅ ፦

1. "ፈንድ ስልጠና" ማለት ንመፈፀሚ ስልጠና ጥራሕ ዝውዕል ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዝውህለል ገንዘብ እዩ፣
2. "ቤት ፅዮ መንግስቲ" ማለት ብኽፋል ወይ ብምሉእ ብብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ በጀት ዝመሓደር ዝኾነ መንግስታዊ ቤት ፅዮ እዩ፣
3. "ቦርድ" ማለት ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 11 ዝተጣየሸ ቦርድ ፈንድ ስልጠና እዩ፣
4. "ክልል" ማለት ብሄራዊ ክልል ትግራይ እዩ፣
5. "መንግስቲ" ማለት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ፣
6. "ስልጠና" ማለት ንልዕሊ 6 ወርሒ ዝወሃብ ፣ ዝኾነ ዓይነት ስልጠና እዩ፣
7. "ትልሚ ስልጠና " ማለት ንልኡኽን ሽቶን ቤት ፅዮታት መንግስቲ ንምዕዋት ድልየት ስልጠና እቲ ክልል መሰረት ብምግባር ፈንድ ስልጠና ንምጥቃም ዝዳሎ ትልሚ ስልጠና ሓይሊ ሰብ እዩ፣
8. "ሰራሕተኛ መንግስቲ" ማለት ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ኣብ ዝተገለፀ ቤት ፅዮ መንግስቲ ዝሰርሕ ሰራሕተኛ እዩ፣
9. "ተጠቀምቲ" ማለት ብመሰረት ውሳነ ቦርድ ፈንድ ስልጠና ካብቲ ፈንድ ክጥቀም ዝተፈቐደሉ ቤት ፅዮ ወይ ሰራሕተኛ መንግስቲ እዩ፣

3. **<u>ተፈፃምነት ወሰን</u>**

እዚ ኣዋጅ ሙሉእ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ብበጀት መንግስቲ ኣብ ዝመሓደሩ መንግስታዊ ኣብያተ ፅዮን ልምዓት ትካላትን ተፈፃሚ ይኸውን።

4. **<u>ፅላሚ</u>**

1. **<u>አጭር ርእስ</u>**

ይህ አዋጅ የስልጠና ፈንድ ለማቋቋምና አጠቃቀሙን ለመወሰን የወጣ አዋጅ ቁጥር 143/2000" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

2. **<u>ትርጉም</u>**

የቃሉ አገባብ ሌላ ትርጉም የሚያሰጠው ካልሆነ በስተቀር በዚህ አዋጅ ፦

1. "የስልጠና ፈንድ" ማለት ለስልጠና ማስፈጸምያ ብቻ የሚውል በዚህ አዋጅ መሰረት የሚጠራቀም ገንዘብ ነው፣
2. "የመንግስት መስሪያ ቤት" ማለት ሙሉ በሙሉ ወይ በከፊል በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት በጀት የሚተዳደር ማንኛውም የመንግስት መስሪያ ቤት ነው፣
3. "ቦርድ" ማለት በዚህ አዋጅ አንቀጽ 11 የሚቋቋም የስልጠና ፈንድ ቦርድ ነው፣
4. "ክልል" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልል ነው፣
5. "መንግስት" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ነው፣
6. "ስልጠና" ማለት ከ6 ወር በላይ የሚሰጥ ማንኛውም ዓይነት ስልጠና ነው፣
7. "የስልጠና እቅድ" ማለት የመንግስት መስሪያ ቤቶችን ተልእኮና ግብ ለማሳካት የክልሉን የስልጠና ፍላጎት መሰረት በማድረግ የስልጠና ፈንድን ለመጠቀም የሚዘጋጅ የሰው ሃይል የስልጠና እቅድ ነው፣
8. "የመንግስት ሰራተኛ" ማለት በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 2 በተገለጠው የመንግስት መስሪያ ቤት የሚሰራ ሰራተኛ ነው፣
9. "ተጠቃሚዎች" ማለት በስልጠና ቦርድ ውሳኔ መሰረት ከፈንዱ ለመጠቀም የተፈቀደለት መስሪያ ቤት ወይም የመንግስት ሰራተኛ ነው ፣

3. **<u>የተፈጻሚነት ወሰን</u>**

ይህ አዋጅ ሙሉ በሙሉ ወይም በከፊል በመንግስት በጀት በሚተዳደሩ የመንግስት መስሪያ ቤቶችና የልማት ድርጅቶት ተፈፃሚ ይሆናል።

www.abyssinialaw.com

1. ብዝተፈላለየ ኣግባብ ብዝተፈላለዩ ኣብያተ ዕዮ ንስልጠና ተባሂሉ ዝርከብ ሓገዝን ዝምደብ በጀትን ናብ ዝተማእኸለ ቡኽራ ብምእካብ ቀዳምነት ኣብ ዝዋሃቦም ዓይነታት ትምህርትን ስልጠናታትን ምውዓል፣
2. ፋይናንሳዊ መሰረት ስልጠና ብምስፋሕ ዕሬት ስልጠናን ሰሌጤኑን ብምዕባይ ናይቲ ክልል ድልየት ስልጠና መሰረት ዝገበረ ፍትሓዊ ናይ ስልጠና ስርዓት ምርግጋፅ፣
3. ናብ ስልጠና ዝለኣኽ ሰራሕተኛ እቲ ዝሰረሐ ዝነበረ ስራሕ ብኻሊእ ዝስረሓሉ ኩነታት ብምፍጣር ስራሕን ስልጠናን ተጣዓሚሙ ክፍፀም ንምግባር እዮም።

5. ምጥያሽ ፈንድ ስልጠና

ፈንድ ስልጠና ድሕሪ ሐዚ "ፈንድ" ስልጠና እንተብሃለ ዝፅዋዕ ንስልጠና ግልጋሎት ጥራሕ ዝውዕል ቢሮ ፋይናንስን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ኣብ ዝከፍቶ ፍሉይ ናይ ባንኪ ሓሳብ ዝቕመጥ በዚ ኣዋጅ ተጣይሹ ኣሎ።

6. ምንቅስቓስ ፈንድ

1. "ፈንድ ስልጠና" ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 12 ብዝጣየሽ ቦርድ ይንቀሳቐስ፣
2. ብመሰረት ውሳኔ ቦርድ ቢሮ ፋይናንስን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ፈንድ ስልጠና የንቀሳቅስ።

7. ፍልፍል ፈንድ ስልጠና

1. ኣብቲ በጀት ዓመት ካብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝምደብ በጀት፣
2. ካብ ወፈያን ፣ መንግስትታትን ገበርቲ ሰናይ ትካላትን ካብ ዝርከብ ሓገዝን ልቓሕን፣
12.<u>ምክትል መካየዲ ስራሕ ማእኸል ስልጠና</u>

1. ናይቲ ስልጠና ማእኸል ምክትል መካየዲ ስራሕ በቲ ዋና መካየዲ ስራሕ መቕረባይነት ብካውንስል ይሸወም ፣
2. እቲ ምክትል መካየዲ ስራሕ በቲ ዋና መካየዲ ስራሕ ተፈልዩ ዝውሃቦ ስራሕ ይሰርሕ
3. እቲ ዋና መካየዲ ስራሕ ኣብዘይህልወሉ እዋን ንኡኡ ተኪኦም ይስርሕ።

13. <u>በጀት</u>

በጀት እቲ ማእኸል ስልጠና ካብዞም ዝስዕቡ ፍልፍላት ዝርከብ ይኸውን፦

1. ብመንግስቲ ካብ ዝምድብ በጀት፦
2. እቲ ማእኸል ስልጠና ከመንጭዎ ካብ ዝኽእል ፍልፍልን፣
3. ካብ ካልኦት ፍፍላት ካብ ዝርከብ ገንዘብ።

14. <u>መዛግብቲ ሒሳብ</u>

1. እቲ ማእኸል ስልጠና ብመሰረት ሕጊ ፋይናንስ ዝተማልኡን ትኽክለኛ ዝኾኑን ሒሳብ መዛግብቲ ይሕዝ ፣
2. ናይቲ ማእኸል ስልጠና መዛግብቲ ሒሳብን ገንዘብ ተንከፍ ሰነዳትን ብዋና ኦዲተር ወይ እሰየ ብዝምድቦ ኦዲተር በቢዓመት ይምርመር።

15.<u>ስልጣን ምውፃእ ደንቢ</u>

1. እዚ ኣዋጅ ኣብ ስራሕ ብምውዓልን ንምፍፃምን ዘኽእል ደንቢ ብቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ይወፅእ ፣
2. እቲ ማእኸል ስልጠና ነዚ ኣዋጅን ስዒቡ ዝወፅእ ደንብን መተግበሪ መምርሒ ክወፅእል።

16.<u>እዚ ኣዋጅ ዝፀንዐሉ ግዘ</u>

እዚ ኣዋጅ ካብ 2 ሓምለ 2000 ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀንዕ ይኸውን።

<u>መቐለ</u>

ፀጋይ በርሀ
ፕሬዚደንት ብሄራዊ
ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

12. <u>የስልጠና ማእከል ምክትል ሥራ አስኪያጅ</u>

1. የስልጠና ማእኸሉ ምክትል ስራ አስኪያጅ በዋናው ስራ አስኪያጅ አቅራቢነት ብካውንስሉ ይሾማል፣
2. ምክትል ስራ አስኪያጅ በዋናው ስራ አስኪያጅ ተለይቶ የሚሰጠው ስራ ይሰራል፣
3. ዋናው ስራ አስኪያጅ በማይኖርበት ጊዜ እሱን ተክቶ ይሰራል።

13.<u>በጀት</u>

የስልጠና ማእከል በጀት ከሚከተሉት ምንጮች የሚገኝ ይሆናል ፦

1. በመንግስት ከሚመደብ በጀት፣
2. የስልጠና ማእከሉ ሊያመነጭ ከሚችለው ገቢና ፣
3. ከሌሎች ምንጮች ከሚገኙ ገንዘብ።

14.<u>የሂሳብ መዛግብት</u>

1. የስልጠና ማእከሉ በፋይናንስ ሕግ መሰረት የተሟሉና ትክክለኛ የሆኑ የሂሳብ መዛግብት ይይዛል፣
2. የስልጠና ማእከሉ የሂሳብ መዛግብትና ገንዘብ ነክ ሰነዶች በዋናው ኦዲተር ወይም እርሱ የሚመድበው ኦዲተር ይመራመራሉ።

15. <u>ደንብ የማውጣት ስልጣን</u>

1. ይህ አዋጅ ስራ ላይ ለማዋልና ለመፈጸም የሚያስችል ደንብ በብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ትግራይ የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ይወጣል፣
2. የስልጠና ማእከሉ ለዚህ አዋጅና ቀጥሎ ለሚወጣው ደንብ ማስፈጸምያ የሚሆን መመሪያ ሊያወጣ ይችላል።

16. <u>አዋጁ የሚፀናበት ጊዜ</u>

ይህ አዋጅ ከሓምሌ 2/2000 ዓ/ም ጀምሮ የጸና የሆናል።

<u>መቀሌ</u>

ፀጋይ በርሀ
የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ
መንግስት ፕሬዝዳንት



www.abyssinialaw.com

ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 16 ዓመት ቁ.18
መቐለ 10 ነሓሰ 2000 ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

16ኛ ዓመት ቁ.18
መቀለ ነሃሴ 10/2000ዓ/ም

አዋጅ ቁፅሪ 153/2000 ዓ/ም
ኤጀንሲ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምጥያሽ ዝወፀ አዋጅ

ድኽነት ንምንካይን ንምጥፋእን ብመንግስቲ እዚ ክልል ንዝግበሩ ፃዕርታት ንምድጋፍን ንምጥንኻርን ሳይናስን ቴክኖለጂን ቁልፊ መሳርሒ ኾይኑ ከምዘገልግል ስለዝተኣመነሉ፣

ሳይንስን ቴክኖሎጅን ኣመልኪቱ ምህዞታትን ውዕኢት ምርምራትን እዚ ክልል ኣፍልጦ ምሃብ ኣብ ሜዙጣት ፀገማት እዚ ክልል ተመስሪትካ ስራሕቲ ምርምርን ምስራፅን ምክያድ ኣድላይ ኾይኑ ብምርካቡ ፣

መረዳእታ ሳይንስን ቴክኖሌጅን እዚ ክልል ብኣግባቡ ንምሓዝን ንቑፃሊ ዕብየት ሳይንስ ቴክኖሎጅን እዚ ክልል ሓበርቲ ብምቕራፅን ተግባራዎ ምግባር ንዕብየት እዚ ክልል ዓብይ ረብሓ ዘለዎ ብምኻኑ፣

ውዕኢት ሳይንስን ቴክኖሎጅን ብቋንቋታት እዚ ክልል ንህዝብን ተጠቀምትን ምቕላሕን ምዝርጋሕን ፍልጠትን ክእለትን ሳይንስን ቴክኖሎጅን እዚ ክልል ዘኅልብትን ነቲ ህዝቢ'ወን ተረባሓይ ዝገብር ብምኻኑ፣

ብብርኪ ፌደራል ጥራሕ ንኹሎም ክልላት እናተውሃቡ ዘለው ግልጋሎት ሳይንስን ቴክኖሎጅን ብብርኪ ክልል ክውሃቡ ምግባር ፣ ንምንቅስቓስ ስራሕ እዚ ክልልዝሕግዝን ግልጋሎት ብዝቐልጠፈ ኣገባብ ንተጠቀምቲ ዘባፅሕ ብምኻኑ ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ብመሰረት ዝተመሓየሸ ሕገ-መንግስቲ እዚ ክልል ዓንቀፅ 49/3//ሀ/ እዚ ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

አዋጅ ቁጥር 153/2000 ዓ/ም
የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የሳይንስና ቴክኖሎጂ ኤጀንሲ ለማቋቋም የወጣ አዋጅ

ድህንነት ለመቀነስና ብሎም ለማጥፋት በክልሉ መንግስት የሚደረጉትን ጥረቶችን ለመደገፍና ለማጠናከር ሳይንስና ቴክኖሎጂ ቁልፍ መሳሪያ ሆኖ እንደሚያገለግል ስለታመነበት፣

ሳይንስና ቴክኖሎጂ በተመለከተ የክልሉ የፈጠራና የምርምር ውጤቶችን እውቅና መስጠት ፣ በክልሉ ተጨባጭ ችግሮች ላይ ምርምርና ስርፀት ለማካሄድ አስፈላጊ ሆኖመገኘቱ፣

የክልሉ ሳይንስና ቴክኖሎጂ መረጃ በተገቢው ለመያዝና ለቀጣይ የክልሉ ዕድገት ሳይንስና ቴክኖሎጂ አመላካች በመቅረፅና ተግባራዊ ማድረግ ለክልሉ ዕድገት ትልቅ ጠቀሜታ ያለው በመሆኑ፣

የሳይንስና ቴክኖሎጂ ግኝቶች ለህዝብና ለተጠቃሚዎች በክልሉ በሚገኙ ቋንቋዎች ማሰራጨት የክልሉን የሳይንስና ቴክኖሎጂ ዕውቀትና ክህሎት የሚያጎለብትና ህዝቡንም ተጠቃሚ የሚያደርግ በመሆኑ ፣

በፌደራል ደረጃ ብቻ ለሁሉም ክልሎች እየተሰጡ ያሉትን የሳይንስና ቴክኖሎጂ አገልግሎቶች በክልል ደረጃ እንዲሰጡ ማድረግ ፣ የክልሉ የስራ እንቅስቃሴ የሚያግዝና አገልግሎቶች በተቀላጠፈ መንገድ ለተጠቃሚዎች የሚያዳርስ በመሆኑ የትግራይ ብሄራዊ ክልል ምክር ቤት በተሻሻለው የትግራይ ክልል ሕገ-መንግስት ዓንቀፅ 49/3//ሀ/ መሰረት የሚከተለውን አዋጅ አውጥቷል።

ናይ ሓደ ዋጋ ያንዱ ዋጋ	ብር 9.55

ነጋሪት ጋዜጣ ቁ.ፓ.ሳ ነጋሪት ጋዜጣ ፓ.ሳ.ቁ	291

www.abyssinialaw.com

ሓፈሻዊ

1. ሓፂር ርእሲ

እዚ ኣዋጅ "ኤጀንሲ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምጥያሽ ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 153/2000 ዓ/ም" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

2. ትርጉም

ኣብ ውሽጢ እዚ ኣዋጅ፦

1. "ክልል" ማለት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ፣
2. "ኤጀንሲ" ማለት ኤጀንሲ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ክልል ትግራይ፣
3. "መንግስቲ" ማለት መንግስቲ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ፣
4. "ቤት ምኽሪ" ማለት ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዝጣየሽ ቤት ምኽሪ ሳይንስን ቴክኖሎጅን እዩ፣
5. "ሰብ" ማለት ተፈጥሮኣዊ ሰብ ወይ ብሕጊ ሕጋዊ ሰውነት ዝተውሃቦ ትካል፣ዩ።

3. ምጥያሽ

1. ኤጀንሲ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ክልል ትግራይ ካብዚ ንድሓር "ኤጀንሲ" እናተብሃለ ዝፅዋዕ ዓርሱ ዝኽኣለ መንግስታዊ ቤት ፅዮ እዚ ክልል ኾይኑ በዚ ኣዋጅ እዚ ተጣይሹ ኣሎ፣
2. እቲ ኤጀንሲ ተፀዋዕነቱ ንርእሰ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ይኽውን።

4. ዋና ቤት ፅሕፈት እቲ ኤጀንሲ

ዋና ስራ ቦታ እቲ ኤጀንሲ ኣብ መቐለ ኾይኑ ከኸም ኣድላይነቱ ኣብ ውሽጢ እዚ ክልል ኣብ ዝኾነ ቦታ ጨንፈር ቤት ፅሕፈት ክህልዎ ይኽእል።

5. ዕላማ

ዕላማ እቲ ኤጀንሲ፦

1. ዕላማታት ማሕበር ኢኮኖሚያዊ ዕብየትን ልምዓትን እዚ ክልል ተግባራዊ ንምግባር ዘኽእል ምንቅስቓስ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ምትብባዕ፣ ምጥንኻርን ምሕጋዝን ፣
2. ሳይንስን ቴክኖሎጅን እዚ ክልል ንምጥንኻር ዘኽእል ክልላዊ ዓቕሚ ምህናፅ፣
3. ህዝቢ እዚ ክልል ኣብ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ዘለዎ ግንዛበ ፣ ፍልጠትን ባህልን ከምኡ'ውን ውፅኢታት ሳይንስን ቴክኖሎጅን ናይ ምጥቃም ልምዱ ንምምሕያሽን ንምዕባይን፣

አጠቃላይ

1.ኣጭር ርእስ

ይህ ኣዋጅ "የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የሳይንስና ቴክኖሎጂ ኤጀንሲ ለማቋቋም የወጣ ኣዋጅ ቁጥር 153/2000 ዓ/ም" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

2.ትርጓሜ

በዚህ ኣዋጅ ውስጥ ፦

1."ክልል" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ነው፣
2."ኤጀንሲ" ማለት የትግራይ ክልል የሳይንስና ቴክኖሎጂ ኤጀንሲ ነው፣
3."መንግስት" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ነው፣
4."ምክር ቤት" ማለት በዚህ ኣዋጅ መሰረት የሚቋቋም የሳይንስና ቴክኖሎጂ ምክር ቤት ነው፣
5."ሰው" ማለት ተፈጥሮኣዊ ሰው ወይም በህግ ሕጋዊ ሰውነት የተሰጠው ኣካል ነው።

3.መቋቋም

1.የትግራይ ክልል የሳይንስና ቴክኖሎጂ ኤጀንሲ ከዚህ በኋላ "ኤጀንሲ" እየተባለ የሚጠራ እራሱን የቻለ የክልሉ መንግስት መስሪያቤት ሆኖ በዚህ ኣዋጅ ተቋቁማል ፣
2.ኤጀንሲው ተጠሪነቱ ለክልሉ ርእሰ መስተዳድር ይሆናል።

4.የኤጀንሲው ዋና መስሪያቤት

የኤጀንሲው ዋና መስሪያቤት በመቀሌ ሆኖ እንደ ኣስፈላጊነቱ በክልሉ ውስጥ በማናቸውም ቦታ ቅርንጫፍ መስሪያቤት ሊኖረው ይችላል።

5.ዓላማ

የኤጀንሲው ዓላማ፦

1.የክልሉን ማህበራዊና ኢኮኖሚያዊ ዕድገትና ልማት ኣላማዎች ተግባራዊ ለማድረግ የሚያስችል የሳይንስና ቴክኖሎጂ እንቅስቃሴዎች ማብረታታት ፣ ማጎልበትና መረዳት፣
2.የክልሉ ሳይንስና ቴክኖሎጂን ለማጎልበት የሚያስችል ክልላዊ አቅም መገንባት፣
3.የክልሉን ህዝብ የሳይንስና ቴክኖሎጂ ግንዛቤ ዕውቀትና ባህል እንዲሁም የሳይንስና ቴክኖሎጂ ውጤቶችን የመጠቀም ልምድን ለማሻሻልና ለማዳበር፣

www.abyssinialaw.com

4. ብሄራዊን ክልላውን ስርዓት ሳይንስን ቴክኖሎጅን ብዝበለፀ ውፅኢታዊ ፣ ቅልጡፍን ኣብ ልምዓት ዘትኮረ ክኸውን ምግባር እዩ።

6. <u>ስልጣንን ተግባራትን እቲ ኤጀንሲ</u>

እቲ ኤጀንሲ እዞም ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባራትን ይህልውዎ፦

1. ንዕውትነት ዕላማታት ዕብየት እዚ ክልል ዝሕግዝ ብመሰረት ብሄራዊ ኣንፈት ፖሊሲ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ናይቲ ክልል ፖሊስን ሳይንስን ቴክኖሎጅን የዳለው ፣ ብቤት ምኽሪ እዚ ክልል ምስፀደቑተግባራዊ ይገብር ከምኡ'ውን ብካልኦት ዘፈራት ብኣግባቡ ተግባራዊ ምኻኑ ይከታተል፣
2. ዙርያ መለሽ ዝኾነ ክልላዊ ትልምታት ሳይንስን ቴክኖሎጅን የዳልው፣ ፖሊስታትን ትልምታትን ዘፈር ሳይንስን ቴክኖሎጅን ንክዳለው መምርሒ ይህብ፣ ተዳልዮም እንትቐርቡ ይግምግም ፣ ብመሰረት እቲ ዝተውሃበ መምርሒ ዝተዳለወ ምኳኑ የረጋግፅ፣ ናብ ስራሕ ፈፃሚ ክልል ትግራይ ኣቕሪቡ የፅድቕ፣
3. ኣብ ውሽጢ ዝተፈላለዩ ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ዘርፍታት ስራሕቲ ምርምርን ምስራፅን ዝፍፅሙን ንልምዓት ሳይንስን ቴክኖሎጅን ኣበርክቶ ዝህልዎም ማእኸላትን ትካላትን ኣብ ማእኸልን ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት እቲ ክልልን ዝውደብሉ መንገዲ የመቻችው ፣ ይሕግዝን የተባብፅን፣
4. ተግባራዊ ብቕዓትን ረብሓን ዘለዎም ውፅኢት ስራሕቲ ምርምርን ምስራፅን ብሕብረተሰብ እዚ ክልል ንክፍለጡን ኣብ ውሽጢ ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ዘርፍታት ክካተት ይገብረ፣
5. ሓረስቶት ፣ መርባሕቲ እንስሳን ኣብ ገጠር ዝነብር ህዝቢ እቲ ክልል ብሳይንስ ቴክኖሎጅን ዝድገፉ መንገዲ የመቻችው፣
6. ኣብ ከተማታት ዝጣየሹን ዝተጣየሸን ደቀቅትን ኣናእስተይን ካልኦት ውልቀ ንግዲ ትካላትን ብሳይንስን ቴክኖሎጂን ዝድገፍሉ መንገዲ የመቻቱ፣
7. ደቂ ኣንስትዮ ፣ መናእሰይ ጉዱኣት ኣካልን እቲ ክልል ኣብ ውሽጢ ምንቅስቓስ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ዝህልዎም ተሳትፎ ክፍ ንክብል የተባብፅ ፣ ይሕግዝ፣
8. ሕብረትሰብ እዚ ክልል ኣብ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ዘለዎ ግንዛበ ንክዓቢ ዝተፈላለየ ናይዚ ክልል ቋንቋታት ብምጥቃም ምችው ብዝኾነ ሜላ መቃልሒ ብምጥቃም ናብ ህዝቢ ግልጋሎት ሓበሬታ ይህብ፣ ንክውሃብ ይገብር፣

4. ብሄራዊና ክልላዊ የሳይንስና ቴክኖሎጂ ስርዓት ይበልጥ ውጤታማ ፣ ቀልጣፋና በልማት ላይ ያተኮረ እንዲሆን ማድረግ ነው።

6. <u>የኤጀንሲው ስልጣን እና ተግባራት</u>

ኤጀንሲው የሚከተሉት ስልጣን እና ተግባራት ይኖሩታል፦

1. የክልሉን የዕድገት ዓላማዎች ተግባራዊነት የሚያግዝ ብሄራዊ ሳይንስና ቴክኖሎጂ ፖሊሲ አቅጣጫዎች መሰረት በማድረግ የክልሉን ሳይንስና ቴክኖሎጂ ፖሊሲ መንደፍና በክልሉ ምክር ቤት ሲጸድቅም ተግባራዊ ማድረግ እንዲሁም በሌሎች፣ ዘርፎች በአግባቡ ተግባራዊ መሆኑን መከታተል፣

2. ሁለገብ የሆኑ ክልላዊ የሳይንስና ቴክኖሎጂ ዕቅዶች ማቀድና የዘርፍ ሳይንስና ቴክኖሎጂ ፖሊሲዎችና ዕቅዶች እንዲዘጋጁ መመሪያ መሰጠት ፣ ተዘጋጅተው ሲቀርቡም መገምገምና በመመሪያው መሰረት መዘጋጅቱን ማረጋገጥ ፣ ለትግራይ ክልል ስራ አስፈፃሚ አቅርቦ ማጽደቅ፣

3. በተለያዩ የኢኮኖሚና ማህበራዊ ዘርፎች ውስጥ ምርምርና ስርፀት የሚያከናውኑ ለሳይንስና ቴክኖሎጂ ልማት አስተዋፅኦ የሚኖራቸው ማዕከላትና ተቋማትን በክልሉ በማእከልነትና በክልሉ ልዩ አከባቢዎች የሚደራጁበት መንገድ ማመቻቸት ፣ መርዳትና ማበረታታት፣

4. ጠቀሜታና ተግባራዊ ብቃት ያላቸው የምርምርና ስርፀት ውጤቶች በክልሉ ሕብረተሰብ ዘንድ እንዲታወቁና በማህበራዊና ኢኮኖሚያዊ ዘርፎች ውስጥ እንዲሰርፁ ማድረግ ፣

5. የክልሉ አርሶ አደር ፣ አርብቶ አደር እና የገጠሩ ህዝብ በሳይንስና ቴክኖሎጂ የሚረዳበትን መንገድ ማመቻቸት

6. በከተሞች የተቋቀሙ የሚቋቋሙ የጥቃቅንና አነስተኛ እና ሌሎች የግል የንግድ ድርጅቶች በሳይንስና ቴክኖሎጂ የሚደገፉበት መንገድ ያመቻቻል፣

7. የክልሉ ሴቶች ፣ ወጣቶች ፣ አካል ጉዳተኞች በሳይንስና ቴክኖሎጂ እንቅስቃሴ ውስጥ የሚኖራቸው ተሳትፎ ከፍ እንዲል ማበረታታት ፣ መርዳት፣

8. የክልሉ ሕብረተሰብ የሳይንስና ቴክሎጂ ግንዛቤ እንዲጎለብት በክልሉ ቋንቋዎች በመጠቀም አመች በሆኑ የማስራጭ ዘዴዎች የሳይንስና ቴክኖሎጂ ለህዝብ አገልግሎት መስጠት ፣ እንዲሰጥ ማድረግ ፣

www.abyssinialaw.com

9. ሳይንስን ቴክኖሎጅን ብዝምልከት እቲ ክልል ብምውካል ምስ ዝተፈላለዩ ናይ ወፃእን ውሽጢ ዓድን ትካላትን ኣብ ዘፈር ሳይንስን ቴክኖሎጅን ዝተመስረተ ርክብ ይፈጥር ፣ የተሓባብር ፣ ስምምዓት ልምዓት ይፈራረምን ኣፈፃፅምኡም ይከታተል፣
10. ንምንቅስቓስ ሳይንስን ቴክኖሎጅን እቲ ክልል መፈፀሚ ዝኸውን ዝተረኸበ ናይ ገንዘብ ፣ ማተርያልን ካልኦት ሓገዛትን የማሓድር ፣ ኣግባብ ንዘለዎም ኣካላት የከፋፍልን ኣጠቓቕምኡ ይከታተልን፣
11. ኣብ ውሽጢ እዚ ክልል በብብርኩ ብውልቀ ትካላት ዝፍፅሙ ምንቅስቓስ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ንምትብባዕ ብገንዘብ ፣ ማተርያል ብሓይሊ ሰብን ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ድጋፍ ዝረኸበሉ ኩነታት የመቻችው፣
12. ኣብዚ ክልል ዘሎ ምንቅስቓስ ሳይንስ ቴክኖሎጅን ዝዋፈር ብቅዓት ዘለዎ ሓይሊ ሰብ ንምፍራይን ነቲ ዘሎ ንምምሕያሽ ኣብ ዝግበሩ ፃዕርታት ይሳተፍ፣
13. ኣብዚ ክልል ኣብ ሞንጎ ምንቅስቓስ ትምህርቲ ፣ ምርምር ምስራፅን ፍርያትን ኣብ ነኪ ባዕሎም ምድግጋፍ ንክህሉ ኩነታት የመቻችው፣
14. ንማሕበረ -ኢኮኖሚያዊ ኩነታት እዚ ክልል ዝስማዕምዑ ቴክኖሎጅታት ንምድላይ ፣ ንምፍራይ ፣ ንምድርዳር ንምዕዳግ ፣ ንምእታውን ዘኽእል ክልላዊ ዓቅሚ ይሃንፅን ስርዓት ይዝርግሕን ፣
15. መረዳእታን ውፅኢት ምርምርን ሳይንስን ቴክኖሎጅን እዚ ክልል የተኣኻኽብ ፣ የጠናኽር ኣብ ውሽጢ እዚ ክልል ዝተዳለው ፍፃማታት ሳይንስን ቴክኖሎጅን ስራሕቲ ምርምርን ዝምልከት ፅሑፋትን ቅድሓትን ኣብቲ ኤጀንሲ ዝእከብሉ ስርዓት ይዝርግሕ ፣
16. ሳይንስን ቴክኖሎጅን እዚ ክልል ኣብ ዝምልከቱ ዝኾኑ ዋኒናት ይሳተፍ ፣ ኣብ ዋኒናት ሳይንስን ቴክኖሎጅን ብዝምልከት ንመንግስቲ እዘ ክልል የማኽር፣
17. ዕላማታት ሳይንስን ቴክኖሎጅን እዚ ክልል ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ ኣድለይቲ ዝኾኑን ኣብ ላዕሊ ምስ ዝተዘርዘሩ ተግባራት ተዛማድነት ዘለዎም ተግባራት ይፍፅም።

7. ትካላዊ መሓውር እቲ ኤጀንሲ

እቲ ኤጀንሲ ፦

1. ቤት ምኽሪ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ክልል ትግራይ ፣

9. የክልሉ ሳይንስና ቴክኖሎጂ በመወከል ከተለያዩ የውጭና የአገር ውስጥ ድርጅቶች ጋር በሳይንስና ቴክኖሎጂ መስክ ግንኙነት መመስረት ትብብር ማድረግ የልማት ስምምነቶች መፈራረምና የስምምነቶችን ኣፈፃፅም መከታተል ፣

10. በክልሉ ሳይንስና ቴክኖሎጂ እንቅስቃሴ ማከናወኛ የተገኙ የገንዘብ፣ የማቴሪያልና ሌሎች ድጋፎች ማስተዳደር ፣ አግባብ ላላቸው አካላት ማስራጨትና አጠቃቀሙን መከታተል፣

11. በክልሉ በሚገኙት የግል ተቋማት የሚከናወኑ የሳየንስና ቴክኖሎጂ እንቅስቃሴዎች ለማበረታታት በገንዘብ ፣ በማተሪያል ፣ በሰው ሃይልና በተለያዩ መንገዶች ድጋፍ የሚያኙበትን ሁኔታ ያመቻቻል።

12. በክልሉ የሳይንስና ቴክኖሎጂ እንቅስቃሴዎች ላይ የሚስማራ ብቃት ያለው የሰው ሃይል ለማፍራትና ያለውንም ለማሻሻል በሚደረጉ ጥረቶች ላይ ተሳትፎ ይሳተፋል።
13. በክልሉ ትምህርት ፣ ምርምር ፣ ስርፀትና በምርት እንቅስቃሴ መካከል የእርስ በእርስ መደጋገፍ እንዲኖር ሁኔታዎችን ማመቻቸት፣

14. ለክልሉ ማህበራዊና ኢኮኖሚያዊ ሁኔታዎች ተስማሚ የሆኑ ቴክኖሎጂዎችን ለማፈላለግ ለማምረት ፣ ለመደራደር ፣ ለመግዛት ፣ ለማሰገባት የሚያስችል ክልላዊ አቅም መገንባትና ስርዓት መዘርጋት ፣

15. የክልሉን የሳይንስና ቴክኖሎጂ መረጃና የምርምር ውጤቶች ማስባሰብና ማጠናቀር ፣ በክልሉ ውስጥ የተዘጋጁ የሳይንስና ቴክኖሎጂ ክንውኖችንና የምርምር ስራዎችን የሚመለከቱ ፅሑፎችን ቅጂ በኤጀንሲው የሚሰባሰቡበትን ስርዓት መዘርጋት፣
16. በክልሉን ሳይንስና ቴክኖሎጂ የሚመለከቱ ማናቸውንም ጉዳዮች ላይ መሳተፍና የክልሉን መንግስት በሳይንስና ቴክኖሎጂ ጉዳዮች ላይ ያማክራል።

17. የክልሉን ሳይንስና ቴክኖሎጂ ዓላማዎች ከግብ ለማድረስ አስፈላጊ የሆኑና ከዚህ በላይ ከተዘረዘሩት ጋር ተዛማጅነት ያላቸው ተግባራት ይፈፅማል።

7. <u>የኤጀንሲው ድርጅታዊ አቋም</u>

ኤጀንሲው፦

1. የትግራይ ክልል ሳይንስና ቴክኖሎጂ ምክር ቤት ፣

www.abyssinialaw.com

2. ብርእሰ ምምሕዳር እዚ ክልል ዝሸውም ሓደ ሓላፊ ከም ኣድላይነቱ ፣ ሓደ ምክትል ሓላፍን ኣድለይቲ ዝኾነ ስራሕተኛታትን ይህልውዎ፣
3. ከከምኩነታቱ ዝጣየሹ ዘርፍታት መማኽርቲ ጉባኤ ይህልዎ።

8. **<u>ኣባላት እቲ ቤት ምኽሪ</u>**

እቲ ቤት ምኽሪ እዞም ኣባላት ይህልውዎ፦

1. ርእሰ ምምሕዳር ክልል ትግራይ--------ኣካቢ
2. ሓላፊ ኤጀንሲ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ክልል ትግራይ----------ኣባልን ፀሓፍን
3. ሓላፊ ቢሮ ፋይናንስን ኢኮኖሚያዊ ልምዓት ክልል ትግራይ ----------ኣባል
4. ሓላፊ ቢሮ ትምህርቲ ----------ኣበል
5. ሓላፊ ቢሮ ጉዳይ መናእሰይን ስፖርትን-ኣባል
6. ካብ ዩኒቨርስቲ መቐለ ዝወከል ሓደ ሰብ-ኣባል
7. ሓላፊ ኮሚሽን ቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናን----------ኣባል
8. ሓላፊ ቢሮ ሓላዋ ጥዕና ክልል ትግራይ--ኣባል
9. ሓላፊ ቢሮ ሕርሻን ልምዓት ገጠርን ክልል ትግራይ----------ኣባል
10. ሓላፊ ቢሮ ንግዲ ኢንድስትርን ትራንስፖርትን ክልል ትግራይ --------ኣባል
11. ሓላፊ ቢሮ ህንፀት ዓቕሚ ክልል ትግራይ---------ኣባል
12. ሓላፊ ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ክልል ትግራይ ----------ኣባል
13. ሓላፊ ቢሮ ሃፍቲ ማይ ፣ ማዕድንን ኤነርጅን ክልል ትግራይ ----------ኣባል
14. ብዓል መዚ ሓለዋ ከባብን ኣጠቓቕማን ምምሕዳርን ገጠር መሬት ክልል ትግራይ---------ኣባል
15. ሓላፊ ቢሮ ከተማ ልምዓትን ኮንስትራክሽንን ክልል ትግራይ ----------ኣባል
16. ብመቕረባይነት ሓላፊ ኤጀንሲ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ክልል ትግራይ ዝስየሙ ሰለስተ ፍሉጣት ሰብ ሞያታት እቲ ክልል ----ኣባል
17. ካብ ማሕበር ነጋዶ ንግዲን ዘርፍን----ኣባል
18. ከምኣድላይነቱ እቲ ቤት ምኽሪ ካልኦት ኣባላት ክውስኽ ይኽእል።

9. **<u>ስልጣንን ተግባርን እቲ ቤት ምኽሪ</u>**

እቲ ቤት ምኽሪ እዞም ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባራትን ይህልውዎ፣

2.በክልሉ ርእሰ መስተዳድር የሚሾም አንድ የኤጀንሲው ሓላፊና እንደ አስፈላጊነሩ አንድ ምክትል ሓላፊ እና ሌሎች አስፈላጊ የሆኑ ሰራተኞች ይኖሩታል ፣
3.እንደየሁኔታው የሚቋቋሙ የመማክርት ጉባኤ ዘርፎች ይኖሩታል።

8.**<u>የምክር ቤቱ አባላት</u>**

ምክር ቤቱ የሚከተሉት አባላት ይኖሩታል፦

1.የክልሉ ርእሰ መስተዳድር ----------ሰብሳቢ
2.የክልሉ የሳይንስና ቴክኖሎጂ ኤጀንሲ ሓላፊ ----------አባልና ፀሓፊ
3.የክልሉ ፋይናንስና ኢኮኖሚያዊ ልማት ቢሮ ሓላፊ ----------አባል
4.የትምህርት ቢሮ ሓላፊ ----------አባል
5.የወጣቶች ስፖርት ጉዳይ ቢሮ ሓላፊ ----------አባል
6.ከመቐለ ዩኒቨርስቲ የሚወከል አንድ ሰው-------አባል
7.ኮሚሽን ትምህርት ስልጠና ቴክኒክና ሙያ ሓላፊ ----------አባል
8. የክልሉ የጤና ቢሮ ሓላፊ ----------አባል
9. የክልሉ ግብርናና ገጠር ልማት ቢሮ ሓላፊ ----አባል

10. የክልሉ የንግድ ፣ ኢንድስትሪና ትራንስፖርትን ቢሮ ሓላፊ----------አባል
11. የክልሉ የአቅም ግንባታ ቢሮ ሓላፊ ----------አባል

12. የክልሉ የሴቶች ጉዳይ ቢሮ ሓላፊ----------አባል

13. የክልሉ የውሃ ሃብት ፣ ማዕድን እና ኢነርጂ ቢሮ ሓላፊ ----------አባል
14. የክልሉ የአከባቢ ጥበቃና የገጠር መሬት አጠቃቀም አስተዳደር ባለስልጣን ----------አባል

15. የክልሉ ከተማ ልማትና ኮንስትራክሽን ቢሮ ሓላፊ----------አባል
16. በክልሉ የሳይንስና ቴክኖሎጂ ኤንሲ ሓላፊ አቅራቢነት የሚሰየሙ ሶስት የክልሉ ታዋቂ ባለሞያዎች --አበላት

17. ከነጋዴዎች ማህበር ንግድና ዘርፍ----------አባል
18. እንደየአስፈላጊነቱ ምክር ቤቱ ሌሎች አባሎች ሊጨምር ይችላል።

9.**<u>የምክር ቤቱ ስልጣንና ተግባር</u>**

ምክር ቤቱ የሚከተሉት ስልጣንና ተግባራት ይኖሩታል፦

www.abyssinialaw.com

1. ፖሊሲ ሳይንስን ቴክኖሎጅን እቲ ክልል ይሕንፅፅ፣
2. ብሓላፊ ኤጀንሲ ሳይንስን ቴክኖሎጅን እዚ ክልል ተዳልዮም ዝቐረቡ ትልምታት ይግምግም ፣ የፅድቕ፣
3. ንሳይንስን ቴክኖሎጅን እዚ ክልል ዝተሓተተ በጀት ይምርምር፣ ናብ ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ቐሪቡ ክፀድቕ ይገብር፣
4. ዝተፈላለዩ መምርሒታትን ናይ ስራሕ ፕሮግራማትን የውፅእ ፣
5. ኣማኻሪ ኮሚቴ ቴክኒክ ንሕድ ሕድ ዘፈር ሳይንስን ቴክኖሎጅን መማኸርቲ ጉባኤታት ይስይም፣
6. ሓፈሻዊ ስራሕቲ እቲ ኤጀንሲ ይከታተል፣ ይድግፍ።

10. <u>ኣኼባ እቲ ቤት ምኽሪ</u>

1. እቲ ቤት ምኽሪ በቢሰለስተ ወርሑ ሓደ ስሩፅ ኣኼባን ኣድላይ ኾይኑ ኣብ ዝተረኸበሉ እዋን ፍሉይ ኣኼባ ይገብር፣
2. ካብ ኣባላት ቤት ምኽሪ 50%+1 ኣብቲ ኣኼባ እንተተረኺቦም ምልኣተ ጉባኤ ይኸውን፣
3. ኣብቲ ኣኼባ ካብ ዝተኸቡ ኣባላት 50%+1 ዝደገፍዎ ውሳነ ሓሳብ ውሳነ እቲ ቤት ምኽሪ ይኸውን፣
4. ኣብ እዋን እቲ ኣኼባ ድምፂ እቶም ኣባላት ማዕረ እንትኸውን እቲ ኣካቢ ዘለዎ ድምፂ ወሳንነት ይህልዎ።

11. <u>ስልጣንን ተግባርን ሓላፊ እቲ ኤጀንሲ</u>

1. ብመሰረት ቤት ምኽሪ ሳይንስን ቴክኖሎጅን እዚ ክልል ዘፅድቆ መምርሕን ፕሮግራምን ስራሕን ዕለታዊ ስራሕቲ ብላዕለዋይነት ይመርሕ ፣
2. ናይዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ሓፈሻዊ ድንጋገ ሕልው ኾይኑ ሓላፊ እቲ ኤጀንሲ እዞም ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባራትን ይህልውዎ፦

ሀ. መንግስቲ እዚ ክልል ዝምደብ በጀት ብዛዕባ ዝፍፀሙ ምንቅስቓስ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ናይቲ ኤጀንሲ ዓመታዊ በጀትን ስራሕ ቅድሚ ምውድኡ ሰለስተ ወርሒ ኣቐዲሙ ነቲ ቤት ምኽሪ ፀብፃብ የቕርብ፣

ለ. ሳይንስን ቴክኖሎጅን እዚ ክልል ኣብ ዝምልከቱ ዋኒናት መንግስቲ እዚ ክልል ብምውካል ኣብ ዓለም ለኸን ኣህጉራዊ ትካላት ኣኼባ ይሳተፍ ፣

1.የክልሉን ሳይንስን ቴክኖሎጂ ፖሊስን ይቀርፃል።

2.በክልሉ ሳይንስና ቴክኖሎጂ ኤጀንሲ ሓላፊ አማካኝነት ተጠናቅረው የቀረቡ ዕቅዶች ይገመግማል ፣ ያፀድቃል።

3.ለክልሉ ሳይንስና ቴክኖሎጂ የተጠየቀውን በጀት ይመረምራል ለትግራይ ክልል ምክር ቤት ቀርቦ ንዲጸድቅ ያደርጋል።

4.የተለያዩ መመሪያዎችንና የስራ ፕሮግራሞችን ያወጣል።

5.የቴክኒክ አማካሪ ኮሚቴ የየዘርፉን የሳይንስና ቴክኖሎጅ መማክርት ጉባኤዎችን ይሰይማል።

6.አጠቃላይ የኤጀንሲው ስራዎች ይከታተላል ይደግፋል።

10. <u>የምክር ቤቱ ሰብሰባ</u>

1.ምክር ቤቱ በየሶስት ወሩ አንድ መደበኛ ሰብሰባና አስፈላጊ ሆኖ በተገኘ ጊዜ ልዩ ስብስባ ያደርጋል፣

2.ከምክር ቤቱ አባላት 50%+1 በስብሰባው ሲገኙ ምልአተ ጉባኤ ይኖናል፣

3.በስብሰባው ከተገኙ የምክር ቤት አባላት 50%+1 የደገፉት የውሳኔ ሓሳባ የምክር ቤቱ ውሳኔ ይሆናል፣

4.በስብሰባ ወቅት የአባላት ድምጽ እኩል ለእኩል ሲሆን ሰብሳቢ ያለበትን ድምፅ ወሳኝነት ይኖረዋል።

11. <u>የኤጀንሲው ሓላፊ ስልጣንና ተግባር</u>

1.የክልሉ ሳይንስና ቴክኖሎጂ ምክር ቤት ባፀደቀው መመሪያና የስራ ፕሮግራም መሰረት የኤጀንሲውን የዕለት ከዕለት ስራ በበላይነት ይመራል፣

2.የዚህ አንቀፅ ንኡድ አንቀፅ 1 አጠቃላይ ድንጋጌ እንደተጠበቀ ሆኖ የኤጀንሲው ሓላፊ የሚከተሉት ስልጣንና ተግባራት ይኖሩታል፣

ሀ. በክልሉ መንግስት የሚመደብ በጀት ስልሚከናወኑ የሳይንስና ቴክኖሎጂ እንቅስቃሴዎች እንዲሁም ስል ኤጀንሲው ዓመታዊ በጀትና የስራ መርሀግብር በሚመለከት የበጀት ዓመቱ ከመጠናቀቁ ሶስት ወራት ቀደም ብሎ ለምክር ቤቱ ሪፖርት ያቀርባል።

ለ. የክልሉን ሳይንስና ቴክኖሎ በሚመለከቱ ጉዳዮች የክልሉን መንግስት ወክሎ በአለም አቀፍና አህጉራዊ ድርጅት ስብሰባ ላይ ይሳተፋል።

www.abyssinialaw.com

ሐ.ብመሰረት ነቲ ኤጀንሲ ዝተፈቐደ በጀትን ስራሕ ፕሮግራምን ገንዘብ ወፃኢ ይገብር፣
መ. ብመሰረት ሕጊ ሰራሕተኛታት መንግስቲ እዚ ክልል ሰራሕተኛታት እቲ ኤጀንሲ ይቆፅር ፣ የማሓድር ፣ የሰናብት፣
ረ. ንቅልጣፈ ስራሕ እቲ ኤጀንሲ ብዘድሊ መጠን ካብ ዘለዎ ስልጣንን ተግባራትን ብክፋል ንሓለፍቲ ስራሕን ሰራሕተኛታትን እቲ ኤጀንሲ ብውክልና ክህብ ይኽእል።
ሰ. ምስ ሳልሳይ ወገናት ንዝግበሩ ርክባት ነቲ ኤጀንሲ ይውክል
ሸ. ዕላማታት ሳይንስን ቴክንሎጅን እዚ ክልል ኣብሽትኡ ንምብፃሕ ብቤት ምኽሪ ሳይንስን ቴክኖሎጅን እዚ ክልል ዝውሃብዎ ካልኦት ተግራባት ናይ ምፍፃም ሓላፍነት ይህልዎ።

12. ስልጣንን ተግባርን ምክትል ሓላፊ እቲ ኤጀንሲ

1. ሓላፊ እቲ ኤጀንሲ ኣብ ዘይህልወሉ እዋን ተግባር እቲ ኤጀንሲ ብለዕላዋይነት ይመርሕ።
2. ብሓላፊ እቲ ኤጀንሲ ተፈልዩም ዝወሃብዎ ካላኦት ተግባራት ይፈፅም።

13. ምጥያሽ መማኸርቲ ጉባኤታት ሕድሕድ ዘፈር ሳይንስን ቴክኖሎጅን

1. ብሕድሕድ ሓላፍቲ መምርሒ ዘፈር እቲ ኤጀንሲ ዝምርሑ ኣብ ሕድሕድ ዘፈር ዝሕቆፋ ተወከልቲ ዝተፈላለዩ ትካላት፣ ወልቀ ሰብ ሞያታት ዝርከብዎም መማኸርቲ ጉባኤታት ይጣየሹ ፣ ዝርዝር አሰራርሐኦምን ኣወዳድቦኦምን ብደንቢ ይውስን ፣
2. እቲ ዝጣየሽ መማኸሪ ጉባኤ እዞም ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባራት ይህልውዎ፦
   ሀ. ምንቅስቓስ ሕድሕድ ዘፈር ሳይንስን ቴክኖሎጅን ይግምግም፣
   ለ. ፍሉይ ትኹረት ኣብዘድልዮም ትልምን ፕሮጀክትታትን ሕድሕድ ዘፈር የማኽር፣
   ሐ. ዕብየትን ምንቅስቓስን እቲ ዘፈር ብዝተመልከተ ፖሊሲ ንኽዳሎ ይገብር፣
   የማኽር ፣ ውሳነ ሓሳብ የቕርብ ፣ እንተፍቀድ ኣብ ተግባር የውዕል፣
   መ. ኣብ ምርምርን ምስራፅን እቲ ዘፈርን እቲ ተጠቃምን ዝተዋደደ ኣሰራርሓ ንክህልው ዘኽእል ምችው ስርዓት ይሃንፅ ፣

ሐ. ለኤጀንሲው በተፈቀደው በጀትና የስራሕ ፕሮግራም መሰረት ገንዘብ ወጪ ያደርጋል።
መ.በክልል የመንግስት ሰራተኞች ህግ መሰረት የኤጀንሲው ሰራተኞች ይቀጥራል ፣ ያስተዳድራል ፣ ያሰናብታል።
ሠ. የኤጀንሲው ስራ ቅልጥፍና ባስፈለገ መጠን ስልጣኑና ተግባሩን በከፊል ለኤጀንሲው የስራ ሓላፊዎችና ለስራተኞች በውክልና ሊስጥ ይችላል።

ረ. ከሶስተኛ ወገኖች ጋር በሚደረጉ ግንኙነትቶች ሁሉ ኤጀንሲውን ይወክላል።
ሰ. የክልሉን ሳይንስና ቴክኖሎጂ ዓላማዎች ከግቡ ለማድረስ ከክልሉ የሳይንስና ቴክኖሎጂ ምክር ቤት የሚሰጡትን ሌሎች ተግባራት የማከናወን ሓላፊነት ይኖረዋል።

12. የኤጀንሲው ምክትል ሓላፊ ስልጣንና ተግባር

1.የኤጀንሲው ሓላፊ በማይኖሩበት ጊዜ የኤጀንሲው ተግባር በበላይነት ይመራል፣
2.በኤጀንሲው ሓላፊ ተለይተው የሚሰጡት ሌሎች ተግባራት ይፈፅማል።

13. የክልሉ የዘርፍ የሳይንስና ቴክኖሎጂ መማክርት ጉባኤዎች ማቋቋም

1.በእያንዳንዱ የኤጀንሲው የዘርፍ መመሪያ ሓላፊዎች የሚመሩ በየዘርፉ የሚታቀፉ የተለያዩ ተቋማት ተወካዮች ፣ ግለሰብ ባለሞያዎች የሚገኙበት የየዘርፉ መማክርት ጉባኤዎች የቋቋማሉ ፣ ዝርዝር የስራ ኣፈፃፀማቸውና አደራጃጀታቸው በደንብ ይወሰናል፣

2.የሚቋቋመው መማክርት ጉባኤ የሚከተሉት ስልጣንና ተግባራት ይኖሩታል፦
ሀ. የያንዳንዱ ዘርፍ የሳይንስና ቴክኖሎጂ እንቅስቃሴዎች ይገመግማል።
ለ. በያንዳንዱ ዘርፍ ዕቅዶችና ትኩረት የሚባቸው ፕሮጀክቶች ላይ ያማክራል።
ሐ.የዘርፉን ዕድገትና እንቅስቃሴ በተመለከተ ፖሊሲ እንዲዘጋጅ ያደርጋል ፣ ያማክራል የውሳኔ ሓሳቡ ያቀርባል ፣ ሲፈቀድም በተግባር ላይ ያውላል።

መ. ዘርፉ በምርምርና ስርፀት በተጠቀሚው ክፍል የተቀናጀ አሰራር እንዲኖር የሚስችል የተመቻቸው ስርዓት ይገነባል ።

www.abyssinialaw.com

ረ. ብሕድሕድ ዘፈር ዝቖርቡ ፕሮጅክትታት ብመንፅር ትኹረት እቲ ፖሊሲ ብምርኣይ ቅደም ሰዓቦም ይውሰን፣ ሓገዝ ክግበረሎም ዝግብኦም ፕሮጀክትታት ንውሳን የቕርን።

14. <u>በጀት</u>

ፍልፍል በጀት እቲ ኤጀንሲ ካብዞም ዝስዕቡ ክኸውን ይኽእል፦

1. ካብ መንግስቲ እዚ ክልል ዝምደብ በጀት
2. ነቲ ቤት ፅሕፈት ካብ ዝውሃቡ ሓገዛትን ድጋፍን፣
3. ካብ ካልኦት ፍልፍላት ።

15. <u>ብዛዕባ መዛግብቲ ሒሳብ</u>

1. ብመሰረት ሕጊ ፋይናንስ እዚ ክልል ዝተማልአን ትኽክለኛን መዛግብቲ ሒሳብ ይሕዝ፣
2. መዛግብቲ ሒሳብ እቲ ኤጀንሲ ከም ኣድላይነቱ በቢእዋኑ ብዋና ኦዲተር እዚ ክልል ወይ ብዝስየም ካልእ ኦዲተር ንኽምርመር ይገብር።

16. <u>ግቡእ ምትሕብባር</u>

ዝኾነ ሰብ ንኣፈፃፅማ እዚ ኣዋጅ ናይ ምትሕብባር ግቡእ ኣለዎ።

17. <u>ደንብን መምርሒን ናይ ምውፃእ ስልጣን</u>

1. ነዚ ኣዋጅ መፈፀሚ ዝኸውን ዝርዝር ደንቢ ብስራሕ ፈፃሚ እዚ ክልል ክወፅእ ይኽእል፣
2. ነዚ ኣዋጅ መፈፀሚ ዝኸውን መምርሒ እቲ ኤጀንሲ ክውፅእ ይኽእል።

18. <u>ተፈፃሚነት ዘይብሎም ሕግታት</u>

ምስ'ዚ ኣዋጅ ዝፃረሩ ዝኾኑ ሕግታት እዚ ክልል ኣብ ውሽጢ ' ዚ ኣዋጅ ንዝተመልከቱ ዋኒናት ተፈፃምነት ኣይህልዎምን።

19. <u>እዚ ኣዋጅ ዝፀንዐሉ ግዘ</u>

እዚ ኣዋጅ ካብ 10 ንሓሰ 2000 ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀንዕ ይኽውን።

<u>መቐለ</u>

ፀጋይ በርሀ

ፕሬዚደንት ብሄራዊ
ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

ሠ. በየዘርፉ የሚቀርቡ ፕሮጀክቶች ከፖሊሲ ትኩረት አኳያ ቅደም ተከተላቸውን ይወስናል፣ ድጋፍ ሊሰጣቸው የሚገባቸውን ፕሮጀክቶች ለውሳኔ ያቀርባል።

14. <u>በጀት</u>

የኤጀንሲው የበጀት ምንጮች የሚከተሉትን ሊሆን ይችላል፦

1.ከክልሉ መንግስት የሚመደብ በጀት ፣
2.ለኤጀንሲው ከሚሰጡ እርዳታዎችና ድጋፍች፣
3.ከሌሎች ምንጮች።

15. <u>ስለ ሂሳብ መዝገብ</u>

1.በክልሉ የፋይናንስ ህግ መሰረት የተሟላና ትክክለኛ የሂሳብ መዝገብ ይይዛል።
2.የኤጀንሲው የሂሳብ መዛግብት እንደ አስፈላጊነቱ በየጊዜው በክልሉ ዋና ኦዲተር ወይም በሚሰየመው ሌላ ኦዲተር እንዲመረመር ያደርጋል።

16. <u>የመተባበር ግዴታ</u>

ማንኛውም ሰው ለዚህ አዋጅ አፈፃፀም የመተባበር ግዴታ አለበት።

17. <u>ደንብና መመሪያ የማውጣት ስልጣን</u>

1.ለዚህ አዋጅ ማስፈፀሚያ የሚሆን ዝርዝር ደንብ የክልሉ ስራ አስፈጻሚ ሊያወጣ ይችላል፣
2.ይህን አዋጅ ማስፈፀምያ የሚሆን መመሪያ ኤጀንሲው ሊያወጣ ይችላል።

18. <u>ተፈፃሚነት የሌላቸው ህጎች</u>

ከዚህ አዋጅ የሚቃረን ማንኛውም የክልሉ ህግ በዚህ አዋጅ በተመለከቱ ጉዳዮች ላይ የፈፃሚነት አይኖራቸውም።

19. <u>አዋጅ የሚፀናበት ጊዜ</u>

ይህ አዋጅ ከነሓሴ 10/2000 ዓ/ም ጀምሮ የጸና የሆናል።

<u>መቀሌ</u>

ፀጋይ በርሀ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ
መንግስት ፕሬዝዳንት

www.abyssinialaw.com

ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 16 ዓመት ቁ.19
መቐለ 10 ነሓሰ 2000 ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

16ኛ ዓመት ቁ.19
መቀለ ነሓሰ 10/2000ዓ/ም

ኣዋጅ ቑፅሪ 154/2000 ዓ/ም ንዕላማታት ሕብረት ስራሕ ማሕበር ከተማታት መፈፀሚ ንዝግበር ውዕሊ ልቓሕ ውሕስና በጀት ንምሃብ ዝወፀ ኣዋጅ

ኣብ ከተማታት ዝርከባ ሕብረት ስደራሕ ማሕበራት ዕደጋ ኣብ ምርግጋፅ ፣ ሰፊሕ ዕድል ስራሕ ኣብ ምፍጣር ፣ ሽርፊ ወፃኢ ዘምፅኡ ስራሕቲ ኣብ ምዕማም ዝለዓለ ኣበርክቶ ብምፅዋት ብብርኪ ክል ውሕስነት ምግቢ ንምርግጋፅን ድክነት ንምንካይ ኣብ ዝግበር ዘሎ ፃዕሪ ቀንዲ ተዋሳእቲ ኾይነን ንምርካብን ንዘካይደኦ ስራሕቲ ልምዓት ዝውዕል ፋይናንሳዊ ዓቅመን ምጥንኻርን ኣድላይ ኮይኑ ስል ዝተረኽበ ፣

እተን ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ሕዚ ብዘለወን ፋይናንሳዊ ዓቅሚ ንመለቃሕቲ ትካላት ብቁዕ ውሕስና ንምሃብ ስለ ዘይኽእላ ካብ ንግዲ ባንኪ ኢትዮድያ ብውሕስና መንግድቲ እዚ ክልል ልቃሕ ዝረኽባሉ ኩነታት ምምችቻው ኣድላይ ኾይኑ ብምርካቡ፣

በዚ መሰረት ኣብ ንከተማታት ንዝርከባ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ኣብ 2001 ዓ/ም ንዘካይድኦ ልምዓታዊ ስራሕቲ መፈፀሚ ዝውዕል ውሕስና ልቃሕ ምሃብ ኣድላይ ምኻኑ ስለዝተኣመነሉ፣

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ዝተመሓየሸ ሕገ-መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/ሀ/ ክምኡ ‘ውን ፋይናንስን ምምሕዳር ኣዋጅ ቁፅሪ 26/1998 ዓንቀፅ 32 ዝተውሃበ ስልጣን ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

ኣዋጅ ቁጥር 154/2000 ዓ/ም ለከተማ ሕብረት ስራ ማሕበራት ዓለማ ማስፈፀሚያ ለሚደረገው የብድር ውል ዋስትና ለመስጠት የወጣ ኣዋጅ

ብከተሞች የሚገኙ የሕብረት ሥራ ማሕበራት ገባ በማረጋገት ፣ ሰፊ የሥራ ዕድል በመፍጠር ፣ የውጭ ምንዛሪ የሚያስገኙ ሥራዎች በመሰራት ከፍተኛ አስተዋፅኦ በመጫወት በክልል ደረጃ የምግብ ዋስትና ለማረጋገጥና ድህነት ለመቀነስ በሚደረግው ጥረት ዋነኛ ተዋናይ ሆነው እንዲገኙና ለሚያካሂዱት የልማት ሥራዎች የሚውል የፋይናንስ ዓቅማቸው ማጠናከር አስፈላጊ ሆኖ ስለተገኘ፣

የሕብረት ሥራ ማሕበራቱ አሁን ባላቸው ፋይናንሳዊ ዓቅም ለአበዳሪ ድርጅቶች በቂ ዋስትና ለመስጠት ስለማይችሉ ከኢትዮድያ ንግድ ባንክ በክልሉ መንግስት ዋስትና ብድር የሚያገኙበት ሁኔታ ማመቻቸት አስፈላጊ ሆኖ በመገኘቱ፣

በዚህ መሰረት በከተሞች የሚገኙ ሕብረት ሥራ ማሕበራት በ2001 ዓ/ም ለሚያካሂዱት የልማት ሥራዎች ማስፈፅሚያ የሚውል የብድር ዋስትና መስጠት አስፈላጊ መሆኑ ስለታመነበት፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት በተሻሻለው የክልሉ ሕገ-መንግስቲ ዓንቀፅ49/3/ሀ/ ብሎም የፋይናንስ አስተዳደር አዋጅ ቁጥር 26/1998 ዓንቀፅ 32 በተሰጠው ስልጣን መሰረት የሚከተለውን አዋጅ አውጥቷል።

ናይ ሓደ ዋጋ ያንዱ ዋጋ	ብር15.00

ነጋሪት ጋዜጣ ቁ.ፖ.ሳ ነጋሪት ጋዜጣ ፖ.ሳ.ቁ	291

www.abyssinialaw.com

1. **ሓፂር ርእሲ**

እዚ ኣዋጅ "ንዕላማታት ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ከተማታት መፈፀሚ ንዝግበር ውዕል ልቃሕ ውሕስና በጀት ንምሃብ ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 154/2000" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

2. **ውሕስና ዝተውሃበ መጠን ልቓሕ**

ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ከተማታት ካብዚ ንድሓር "ተለቃሓይ" እንዳተብሃለ ንዝፅውዓ ክሳብ ብር 50,000,000 (ሓምሳ ሚልዮን ብር) ካብ ንግዲ ባንኪ ኢትዮጵያ ክልቅሓ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ውሕስና ሂቡ ኣሎ።

3. **ኣፈፃፅማ እቲ ልቓሕ**

1. እቲ ዝርከብ ልቃሕ ኣብ ከተማታት ንዝካየድ ስራሕቲ ሕርሻ ፣ ምርባሕ እንስሳን ውዕኢት እንስሳን ፣ ንስራሕቲ ደቀቕትን ኣናእሽቶን ግልጋሎት ዝውዕሉ ማሽናት ንምዕዳግ ፣ ዕዳጋ ተኮር ዝኾኑን ዕድል ስራሕ ዝፈጥሩ ስራሕቲ ንምክያድ ፣ ዕዳጋ ንምርግጋፅ ዝኽእል ስራሕቲ ንምክያድ ዝውዕል ይኸውን፣
2. እቲ ልቃሕ ዝምለስ እቲ ውዕል ካብ ዝተኣሰረሉ ግዜ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ዓመት ኾይኑ ፣ መጠን ወለድን ኣገባብ ኣመላልስኡን መለቃይ ባንክን መንግስቲ እዚ ክልልን ብዝገርዎ ስምምዕ ዝውሰን ይኸውን።

4. **ግቡእ መንግስቲ ክልል ትግራይ**

1. ተለቃሓይ ዝተለቀሐ ገንዘብ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ብእዋኑ እንተዘይመሊሱ ካብ በጀት እዚ ክልል ተነኪዩ ዝኽፈል ይኸውን፣
2. መንግስቲ እዚ ክልል ነቲ ዘይተመለሰ ልቃሕ ብምእካብ ወይ ሕጋዊ ብዝኾነ ኣገባብ ብምምላስ ነቲ ዝተነከየ በጀት ክትክእ ኣለዎ።
3. ዝርዝር ተለቃሕቲ ፣ ኣግባብ ኣመላልሳ እቲ ልቃሕ ፣ ግደ በቢብርኩ ዝርከቡ ኣካላት ምምሕዳር ኣብ ምምላስ እቲ ልቃሕ ብዝምልከቶ ቢሮ ንግዲ ፣ ኢንዱስትርን ትራንስፖርትን ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን።

5. **እዚ ኣዋጅ ዝፀንዐሉ ግዘ**

እዚ ኣዋጅ እቲ ወዕሊ ካብ ዝተኣሰሩሉ ወይ ካብ ዝተፈረመሉ ዕለት ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

መቐለ

ፀጋይ በርሀ

ፕሬዚደንት ብሄራዊ
ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

1. **ኣጭር ርእስ**

ይህ ኣዋጅ "ለከተሞች ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ዓላማ ማስፈፀሚያ የሚውል የብድር ዋስትና ለመስጠት የወጣ ኣዋጅ ቁጥር 154/2000" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

2. **ዋስትና የተሰጠው የብድር መጠን**

የከተሞች ሕብረት ሥራ ማሕበራት ከዚህ በኋላ "ተበዳሪው" እየተባሉ የሚጠሩ እስከ ብር 50,000,000 (አምሳ ሚልዮን ብር) እንዲበደሩ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ዋስትና ሰጥቷል።

3. **የብድሩ አፈጻጸም**

1. የሚገኘው ብድር በከተሞች ለሚካዱድ የእርሻ ሥራዎች ፣ የእንስሳ ርቢ እና የእንስሳ ውጤቶች፣ ለአነስተኛና ጥቃቅን ሥራዎች የሚያገለግሉ ማሽኖች ለመግዛት ፣ ገበያ ተኮር የሆኑና ሰፊ የሥራ ዕድል የሚፈጥሩ ሥራዎች ለማካሄድ ፣ ገበያን ለማረጋጋት የሚያስችሉ ሥራዎች ለማከናወን የሚውል ይሆናል፣
2. ብድሩ የሚመለሰው ውሉ ከተፈፀመበት ጊዜ ጀምሮ በአምስት ዓመት ጊዜ ውስጥ ሆኖ የወለዱ መጠንና የሚመለስበት አኳኋን አበዳሪው ባንክ እና የክልሉ መንግስት በሚያድርጉት ስምምነት ይወሰናል።

4. **የክልሉ መንግስት ግዴታ**

1. የበዳሪው የተበደረው ገንዘብ በሙሉወይም በክፊል በጊዜው ካልመለሰ ከክልሉ በጀት ተቀንሶ የሚከፈል ይሆናል፣
2. የክልሉ መንግስት ያልተመለሰውን ብድር በመሰብሰብ ወይም ሕጋዊ በሆነ አገባብ በመመለስ የተቀነሰው በጀት መተካት አለበት።
3. የብድሩ አገባብ አመላለስ ፣ በየደረጃው የሚገኙ የአስተዳደር አካሎች ብድሩ መመለስ በሚመለከት ቢሮ ንግድ፣ ኢንዱስትርና ትራንስፖርት በሚያወጣው መመሪያ ይወሰናል።

5. **አዋጅ የሚፀናበት ጊዜ**

ይህ አዋጅ ውሉ ከተፈረመበት ቀን ጀምሮ የጸና የሆናል።

መቀሌ

ፀጋይ በርሀ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ
መንግስት ፕሬዝዳንት

www.abyssinialaw.com

www.abyssinialaw.com

ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 16 ዓመት ቁ.20
መቐለ 2 ሓምለ 2000 ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

16ኛ ዓመት ቁ.20
መቀለ ሓምለ 2/2000ዓ/ም

አዋጅ ቑፅሪ 155/2000 ዓ/ም
ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
ን2001 በጀት ዓመት ንውሳን ዝወፀ ኣዋጅ

ኣብ 2001 በጀት ዓመት ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንዝፍፀሙ መንግስታዊ ስራሕትን ግልጋሎታትን ዝውዕል በጀት ብምፅዳቅ ኣብ ስራሕ ክውዕል ምግባር ኣድላይ ብምኻኑ።

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49 (3) (ቸ) ን2001 በጀት ዓመት ኣብ ስራሕ ዝውዕል ዝስዕብ በጀት ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

1. <u>ሓፂር ርእሲ</u>

እዚ ኣዋጅ "ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ናይ 2001 ዓ/ም በጀት ንውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቑፅሪ 155/2000 ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

2. <u>ፍልፍል በጀት</u>

ካብ ሓምለ 1/2000 ክሳብ ሰነ 30/2001 ዓ/ም ኣብ ዘሎ በጀት እዋን ካብ ክልል መንግስቲ ዝርከብ ኣታዊ፣ ካብ ፌደራል መንግስቲ ዝውሃብ ድጎማ፣ ካብ ልቃሕን ሓገዝን ዝርከብ ብምጥቃም ምስ'ዚ ኣዋጅ ተታሓሒዞም ዘለው ሰደቓታት ንዝተጠቐሱ ሰራሕትን ግልጋሎትን ዝውዕል ፍልፍል በጀት፡-

ሀ. ካብ ፌደራል መንግስቲ ዝወሃብ
ድጎማ ---------- 1,175,590,000.00

- ካብዙይ ውሽጢ ካብ መንግስቲ ግምጃ ቤት
  ብር --------- 1,109,010,000
- ካብ ወፃኢ ልቓሕ ብር 14,800,000
- ካብ ናይ ወፃኢ ሓገዝ ብር 51,780,000

ለ. ካብ ክልል ዝእከብ እቶት ብር 350,000,000

አዋጅ ቁጥር 155/2000 ዓ/ም
የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የ2001
በጀት ዓመት ለመወሰን የወጣ አዋጅ

በ2001 በጀት ዓመት በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ለሚሰሩ ስራዎችና አገልግሎቶች ማስፈፀሚያ የሚውል በጀት ፀድቆ ስራ ላይ እንዲውል ማድረግ አስፈላጊ በመሆኑ፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ መንግስት ሕገ-መንግስት አንቀፅ 49(3) (ሀ) (ተ) መሰረት ለ2001 በጀት ዓመት የሚከተለው በጀት አዋጅ አውጥቷል።

1. <u>አጭር ርእስ</u>

ይህ አዋጅ "የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የ2001 ዓ/ም በጀት ለመወሰን የወጣ አዋጅ ቁጥር 155/2000" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

2. <u>የበጀት ምንጭ</u>

ከሓምሌ 1/2000 እስከ ሰኔ 30/2001 ዓ/ም ባለው በጀት ዓመት ከክልሉ መንግስት ከሚገኝ ገቢ፣ ከፌደራል መንግስት የሚሰጥ ድጎማ፣ ከሚገኘው ብድርና እርዳታ በመጠቀም ከዚህ አዋጅ ጋር ተያይዘው በቀረቡ ሰንጠረዦች ለተጠቀሱት ስራዎችና አገልግሎቶች የሚውል የበጀት ምንጭ፡-

ሀ. ከፌዴራል መንግስት
ድጎማ----------ብር 1,175,590,000

- ከመንግስት ግምጃ ቤት
  ብር-------- 1,109,010,000
- ከውጭ ብድር ብር 14,800,000
- ከውጭ ዕርዳታ ብር 51,780,000

ለ. ከክልል የሚሰበሰብ ገቢ ብር 350,000,000

www.abyssinialaw.com

ሐ. ካብ መንግስቲ ኣየር ላንድ ሓገዝ
ብር 61,600,000
ሓፈሻዊ ድምር ብር 1,587,190,000
(ሓደ ቢልዮንን ሓሙሽተ ሚኢትን ሰማንያን ሽውዓተን ሚልዮንን ሓደ ሚኢትን ቴስዓን ሽሕ ብር)

3. ድልድል በጀት

ሀ. ብክልል ንዝስርሑ ስራሕትን ግልጋሎታትን
1. ንስሩዕ በጀት ብር 323,858,290
   - ንመሃያ ብር 198,495,876
   - ንመካየዲ ስራሕ ብር 125,362,414
2. ንካፒታል በጀት ብር 201,483,524
3. ንክልል መሐለውታ ብር 25,551,746
4. ቃል ዝተኣተወሎም ወፃኢታት መሸፈኒ
   ብር 63,106,040
   ንኡስ ድምር ብር 613,999,600
(ሽዱሽተ ሚኢቲን ዓሰርተ ሰለስተ ሚሊዮንን ትሽዓተ ሚኢትን ቴስዓንትሽዓተን ሽሕን ሽዱሽተ ሚኢትን ብር)

ለ. ንወረዳታት
- ብቀመር ዝከፋፈል ብር 709,892,800.00
- ናይ ወረዳታት ኣፈላላይ ልምዓት ንምፅባብ ብር 20,000,000.00

ንኡስ ድምር ብር 729,892,800.00 (ሸውዓተ ሚኢትን ዒስራን ትሽዓተን ሚልዮንን ሸሞንተ ሚኢቲን ቴስዓን ክልተን ሽሕን ሸሞንተ ሚኢቲ ብር)

ሐ. ንከተማታት
- ንስሩዕ በጀት ብር 198,899,520.00
- ንካፒታል በጀት ብር 44,398,080.00

ንኡስ ድምር ብር 243,297,600.00
(ክልተ ሚኢትን ኣርባዓን ሰለስተን ሚሊዮንን ክልተ ሚኢትን ቴስዓን ሸውዓተን ሽሕን ሽዱሽተ ሚኢትን ብር)

ሓፈሻዊ ናይ ክልል፣ ገፀርን ከተማን ወረዳታትን ድምር ዝተደልደለ በጀት ብር 1,587,190,000.00
(ሓደ ቢልዮንን ሓሙሽተ ሚኢትን ሰማንያን ሽውዓተን ሚልዮንን ሓደ ሚኢትን ቴስዓን ሽሕ ብር)

4. እዚ ኣዋጅ ዝፀንዓሉ ግዜ

እዚ ኣዋጅ ካብ 2 ሓምለ 2000 ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀነዐ ይኸውን

መቐለ
ፀጋይ በርሀ

ፕሬዚደንት ብሄራዊ
ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

ሐ. ከአየርላንድ መንግስት የሚገኝ እርዳታ
ብር 61,600,000
አጠቃላይ ድምር ብር 1,587,190,000
(አንድ ቢልዮን አምስት መቶ ሰማንያ ሰባት ሚልዮን አንድ መቶ ዘጠና ሺ ብር)

3. የበጀት ድልድል

ሀ. በክልሉ ለሚሰሩ ስራዎችና አገልግሎቶች
1. ለመደበኛ በጀት ብር 323,858,290
   - ለደመወዝ ብር 198,495,876
   - ለሥራ ማስኬጃ ብር 125,362,414
2. ለካፒታል በጀት ብር 201,483,524
3. ለክልል መጠባበቂያ ብር 25,551,746
4. ቃል ለተገባላቸው ወጪዎች መሸፈኛ
   ብር 63,106,040
   ንኡስ ድምር ብር 613,999,600
(ስድስት መቶ አስራ ሶስት ሚሊዮን ዘጠኝ መቶ ዘጠና ዘጠኝ ሺ ስድስት መቶ ብር)።

ለ. ለወረዳዎች
- በቀመር የሚከፋፈል ብር 709,892,800.00
- የወረዳዎች የልማት ልዩነት ለማጥበብ ብር 20,000,000.00

ንኡስ ድምር ብር 729,892,800.00 (ሰባት መቶ ሃያ ዘጠኝ ሚልዮን ስምንት መቶ ዘጠና ሁለት ሺ ስምንት መቶ ብር)

ሐ. ለከተሞች
- ለመደበኛ በጀት ብር 198,899,520.00
- ለካፒታል በጀት ብር 44,398,080.00

ንኡስ ድምር ብር 243,297,600.00
(ሁለት መቶ አርባ ሶስት ሚሊዮን ሁለት መቶ ዘጠና ሰባት ሺ ስድስት መቶ ብር)

አጠቃላይ የክልል፣ የገጠርና የከተማ ወረዳዎች የተመደበ በጀት ድምር ብር 1,587,190,000.00 (አንድ ቢልዮን አምስት መቶ ሰማንያ ሰባት ሚልዮን አንድ መቶ ዘጠና ሺ ብር)

4. አዋጁ የሚፀናበት ጊዜ

ይህ አዋጅ ከሓምሌ 2/200 ዓ.ም ጀምሮ የፀና ይሆናል

መቀሌ
ፀጋይ በርሀ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ
መንግስት ፕሬዝዳንት

www.abyssinialaw.com

ኣብ ብ/ክ/መ/ትግራይ ዝርከባ ሴክተር ኣብያተ ዕዮታት ዝተገበረ ድልድል በጀት
01/00/000 ዝፀደቀ

በጀት ዓመት፡ 2001

ናይ በጀት ኮድ	ሽም መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮ	መሃያ (6100)	ስራሕ መካየዲ (6200+6300+6400)	ድምር ስሩዕ በጀት	ካፒታል በጀት	ሓፈሻዊ ድምር	%
	ናይ ክልል መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮ	189,495,876.00	126,362,414.00	323,858,290.00	201,483,524.00	526,341,814.00	85.56
100	ናይ መንግስቲ ኣካላት	68,877,343.00	55,310,983.00	124,188,326.00	37,920,872.00	162,109,198.00	26.40
111	ቤት ፅሕፈት ቤት ምኽሪ	1,112,364.00	1,298,408.00	2,410,772.00	5,000,000.00	7,410,772.00	1.21
112	ቤት ፅሕፈት ርእሰ ምምሕዳር	7,048,199,00	7,501,829.00	14,550,028.00	6,567,020.00	21,117,048.00	3.44
113	ቤት ፅሕፈት ዋና ኦዲተር	1,905,903.00	763,014.00	2,668,917.00		2,668,917.00	0.43
119	ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ	868,215.00	467,399.00	1,335,614.00	500,000.00	1,835,614.00	0.30
121	ቢሮ ፍትሒ	3,858,909.00	1,548,008.00	5,406,917.00		5,406,917.00	0.88
122	ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ	5,520,051.00	6,225,601.00	11,745,652.00	800,000.00	12,545,652.00	2.04
127	ኮሚሽን ፓሊስ	21,854,579.00	6,048,764.00	27,903,343.00	3,632,890.00	31,536,233.00	5.14
128	ኮሚሽን ስነ ምግባርን ፀረ ግዕዝይናን	1,452,424.00	862,677.00	2,315,101.00		2,315,101.00	0.38
129	ቤት ፅሕፈት ምምሕዳር ኣብያተ ህንፀት	14,457,524.00	20,957,373.00	35,414,897.00		35,414,897.00	5.77
132	ቃዲ ቤት ፍርዲ	210,707.00		210,707.00		210,707.00	0.03
134	ቢሮ ፀጥታን ጉዳያት ምምሕዳርን	1,102,508.00	1,024,129.00	2,126,637.00	2,000,000.00	4,126,637.00	0.67
152	ቢሮ ፋ/ኢ/ልምዓትን	4,447,918.00	3,419,638.00	7,867,556.00	14,420,962.00	22,288,518.00	3.63
153	ቢሮ ሓበሬታ	2,289,980.00	4,342,416.00	6,632,396.00	5,000.000.00	11,632,396.00	1.89
155	ቢሮ ህንፀት ዓቅሚ	2,748,062.00	851,727.00	3,599,789.00		3,599,789.00	0.59
200	ኢኮኖሚያዊ ልምዓት	53,970,571.00	14,864185.00	68,834,756.00	110,357.268.00	179,192,024.00	18.68
211	ቢሮ ሕርሻን ገፀርን ልምዓትን	13,728,130.00	5,555,772.00	19,283,902.00	35,039,085.00	54,322,987.00	8.85
213	ምርምር ሕርሻ	6,443,499.00	319,098.00	6,762,597.00		6,762,597.00	1.10

በት/ብ/ክ/መንግስት የሚገኙ የመንግስት ሴክተር መ/ቤቶች የተደረገ የበጀት ድልድል
01/00/000 የፀደቀ

በጀት ዓመት፡ 2001

ናይ በጀት ኮድ	ሽም መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮ	መሃያ (6100)	ስራሕ መካየዲ (6200+6300+6400)	ድምር ስሩዕ በጀት	ካፒታል በጀት	ሓፈሻዊ ድምር	%
	የክልል መንግስት መ/ቤቶች	189,495,876.00	126,362,414.00	323,858,290.00	201,483,524.00	526,341,814.00	85.56
100	የመንግስት ኣካል	68,877,343.00	55,310,983.00	124,188,326.00	37,920,872.00	162,109,198.00	26.40
111	የክልል ምክር ቤት ፅ/ቤት	1,112,364.00	1,298,408.00	2,410,772.00	5,000,000.00	7,410,772.00	1.21
112	የርእሰ መስተዳድር ፅ/ቤት	7,048,199,00	7,501,829.00	14,550,028.00	6,567,020.00	21,117,048.00	3.44
113	ዋና ኦዲተር ፅ/ቤት	1,905,903.00	763,014.00	2,668,917.00		2,668,917.00	0.43
119	የሴቶች ጉዳይ ቢሮ	868,215.00	467,399.00	1,335,614.00	500,000.00	1,835,614.00	0.30
121	የፍትሕ ቢሮ	3,858,909.00	1,548,008.00	5,406,917.00		5,406,917.00	0.88
122	ጠቅላላ ፍ/ቤት	5,520,051.00	6,225,601.00	11,745,652.00	800,000.00	12,545,652.00	2.04
127	የፖሊስ ኮምሽን	21,854,579.00	6,048,764.00	27,903,343.00	3,632,890.00	31,536,233.00	5.14
128	የስነ ምግባርና ኮምሽን	1,452,424.00	862,677.00	2,315,101.00		2,315,101.00	0.38
129	የማረምያ ቤቶች አስተዳደር	14,457,524.00	20,957,373.00	35,414,897.00		35,414,897.00	5.77
132	የቃዲ ፍ/ቤት	210,707.00		210,707.00		210,707.00	0.03
134	የፀጥታና ጉዳዮች አስተዳደር ቢሮ	1,102,508.00	1,024,129.00	2,126,637.00	2,000,000.00	4,126,637.00	0.67
152	የፋ.ይ/ኢ/ልማት ቢሮ	4,447,918.00	3,419,638.00	7,867,556.00	14,420,962.00	22,288,518.00	3.63
153	የማስታወቅያ ቢሮ	2,289,980.00	4,342,416.00	6,632,396.00	5,000.000.00	11,632,396.00	1.89
155	የአቅም ግንባታ ቢሮ	2,748,062.00	851,727.00	3,599,789.00		3,599,789.00	0.59
200	ኢኮኒሚያዊ ልማት	53,970,571.00	14,864185.00	68,834,756.00	110,357.268.00	179,192,024.00	18.68
211	የእርሻ እና ገጠር ልማት ቢሮ	13,728,130.00	5,555,772.00	19,283,902.00	35,039,085.00	54,322,987.00	8.85
213	የእርሻ ምርምር ኢንስቱትዩት	6,443,499.00	319,098.00	6,762,597.00		6,762,597.00	1.10

www.abyssinialaw.com

ኣብ ብ/ክ/መ/ትግራይ ዝርከባ ሴክተር ኣብያተ ዕዮታት ዝተገበረ ድልድል በጀት
01/00/000 ዝፀደቀ

በጀት ዓመት፡ 2001

ናይ በጀት ኮድ	ሽም መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮ	መሃያ (6100)	ስራሕ መካየዲ (6200+6300+6400)	ድምር ስሩዕ በጀት	ካፒታል በጀት	ሓፈሻዊ ድምር	%
217	ዕደጋ ፕሮሞሽን	521,453.00	404,419.00	925,872.00		925,872.00	0.15
219	በዓል መዚ ክባቢያዊ ሓለዋን ምም/ር መሬትን	1,265,160.00	297,455.00	1,562,615.00		1,562,615.00	0.25
221	ቢሮ ልምዓት ማይ ሓፍቲ፣ማዓድንን ኢነርጅን	6,668,866.00	522,880.00	7,191,746.00	50,392,788.00	57,584,534.00	9.38
231	ቢሮ ንንዲ ኢንድስትሪን ትራንስፖርትን	2,557,849.00	1,555,330.00	4,113,179.00	333,440.00	4,446,619.00	0.72
235	ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመት	489,428.00	384,943.00	874,371.00	673,000.00	1,547,371.00	0.25
242	ኮምሽን ባህልን ትሩዝምን	1,791,930.00	1,239,758.00	3,031,688.00	380,000.00	3,411,688.00	0.56
273	በዓል መዚ መንገድታት ትግራይ	3,504,656.00	272,828.00	3,777,484.00	1,939,231.00	5,716,715.00	0.93
277/01	ኢንስትትዩት ፕላን ከተማ	3,176,916.00	1,749,862.00	4,926,778.00	8,000,000.00	12,926,778.00	2.11
277/03	ኤጀንሲ ልምዓት ኣባይቲ	13,822,684.00	2,561,840.00	16,384,524.00	13,599,724.00	29,984,248.00	4.88
300	ማሕበራዊ ግልጋሎት	75,647,962.00	55,187,246.00	130,835,208.00	53,205,384.00	184,040,592.00	29.97
311	ቢሮ ትምህርቲ	17,259,265.00	26,422,818.00	43,682,083.00	18,515,625.00	62,197,708.00	10.13
312	ኮሚሽን ትምህርትን ስልጠናን ቴክኒክን ሞያን	13,699,336.00	8,789,045.00	22,488,381.00	233,361.00	22,721,742.00	3.70
331	ቢሮ ጉዳይ መናእሰይ ስፖርትን	1,186,564.00	284,890.00	1,471,454.00	2,100,000.00	3,571,454.00	0.58
341	ቢሮ ሓለዋ ጥዕና	41,699,414.00	17,770,457.00	59,469,871.00	32,356,398.00	91,826,269.00	14.96
351	ቢሮ ሰራሕተኛን ማሕበራዊ ጉዳይን	1,803,383.00	1,920,036.00	3,723,419.00		3,723,419.00	0.61
400	ካልኦት		88,657,786.00	88,657,789.00		88,657,786.00	14.44
	ዝተፈላለዩ ክፍሊታት		63,106,040.00	63,106,040.00		63,106,040.00	10.28
	መጠባበቂ		25,551,746.00	25,551,740.00		25,551,746.00	4.16
ሓፈሻዊ ድምር		198,495,876.00	214,020,200.00	412,516,076.00	201,483,524.00	613,999,600.00	89.49

በት/ብ/ክ/መንግስት የሚገኙ የመንግስት ሴክተር መ/ቤቶች የተደረገ የበጀት ድልድል
01/00/000 ዝፀደቀ

በጀት ዓመት፡ 2001

የበጀት ኮድ	የመንግስት መ/ቤት	መሃያ (6100)	ስራሕ መካየዲ (6200+6300+6400)	ድምር ስሩዕ በጀት	ካፒታል በጀት	ጠቅላላ ድምር	%
217	የገበያ ፕሮመሽን ኤጀንሲ	521,453.00	404,419.00	925,872.00		925,872.00	0.15
219	የኣከባቢ ጥበቃና የመሬት አስተዳደር ባለስልጣን	1,265,160.00	297,455.00	1,562,615.00		1,562,615.00	0.25
221	የወሃ ሃብት ማእድንና ኢነርጂ ልማት ቢሮ	6,668,866.00	522,880.00	7,191,746.00	50,392,788.00	57,584,534.00	9.38
231	የንግድን ኢንዳስትሪ ትራንስፖርት ቢሮ	2,557,849.00	1,555,330.00	4,113,179.00	333,440.00	4,446,619.00	0.72
235	የኢንቨስትመንት ፅ/ቤት	489,428.00	384,943.00	874,371.00	673,000.00	1,547,371.00	0.25
242	የባህልና ቱሪዝም ኮምሽን	1,791,930.00	1,239,758.00	3,031,688.00	380,000.00	3,411,688.00	0.56
273	የትግራይ መንገድ ባለስልጣን	3,504,656.00	272,828.00	3,777,484.00	1,939,231.00	5,716,715.00	0.93
277/01	ከተማ ፕላን ኢንስቲቱት	3,176,916.00	1,749,862.00	4,926,778.00	8,000,000.00	12,926,778.00	2.11
277/03	የቤቶች ልማት ኤጀንሲ	13,822,684.00	2,561,840.00	16,384,524.00	13,599,724.00	29,984,248.00	4.88
300	ማሕበራዊ አገልግሎቶች	75,647,962.00	55,187,246.00	130,835,208.00	53,205,384.00	184,040,592.00	29.97
311	ትምህርቲ ቢሮ	17,259,265.00	26,422,818.00	43,682,083.00	18,515,625.00	62,197,708.00	10.13
312	የቴክኒክ ሞያ እና ስልጠና ኮሚሽን	13,699,336.00	8,789,045.00	22,488,381.00	233,361.00	22,721,742.00	3.70
331	የወጣቶችና ጉዳዮች ቢሮ	1,186,564.00	284,890.00	1,471,454.00	2,100,000.00	3,571,454.00	0.58
341	የጤና ቢሮ	41,699,414.00	17,770,457.00	59,469,871.00	32,356,398.00	91,826,269.00	14.96
351	ሰራተኛ ማሕበራዊ ጉዳይ ቢሮ	1,803,383.00	1,920,036.00	3,723,419.00		3,723,419.00	0.61
400	ሌሎች		88,657,786.00	88,657,789.00		88,657,786.00	14.44
	የተለያዩ ክፍያዎች		63,106,040.00	63,106,040.00		63,106,040.00	10.28
	መጠባበቂያ		25,551,746.00	25,551,740.00		25,551,746.00	4.16
ጠቅላላ ድምር		198,495,876.00	214,020,200.00	412,516,076.00	201,483,524.00	613,999,600.00	89.49

www.abyssinialaw.com

ኣብ 2001 ዓ/ም ንገፀር ወረዳታት ዝተመደበ በጀት ዘመልክት ሰደቓ

ተ/ቁ	ናይ ወረዳታት ሽም	ናይ 2000 በጀት ብዕሒት	ናይ 2001 በጀት ብዕሒት	ኣፈላላይ
1	ገጠር ዓድዋ	16,782,099.00	20,398,587.25	3,616,488.25
2	ኣሕፈሮም	24,896,083.00	28,225,970.17	3,329,887.17
3	ቆላ ተምቤን	16,687,014.00	19,084,302.01	2,397,288.01
4	ላዕላይ ማይጨው	15,390,765.00	18,595,003.91	3,204,238.91
5	መረብ ለኸ	16,942,173.00	19,049,053.93	2,106,880.93
6	ናዕኢር ዓዲት	22,588,338.00	24,484,710.21	1,896,372.21
7	ታሕታይ ማይጨው	16,497,777.00	18,591,802.95	2,094,025.95
8	ጣንቋ ኣበርገለ	15,198,510.40	19,067,148.99	3,868,638.59
9	ወርዒ ለኸ	21,724,993.00	24,692,959.30	2,967,966.30
10	ኣፅቢ ወንበርታ	17,332,508.90	19,444,386.70	2,111,877.80
11	ኢሮብ	11,389,128.50	12,982,888.47	1,593,759.97
12	ጋንታ ኣፈሹም	17,465,098.00	19,657,074.09	2,191,976.09
13	ጎሎ መኸዳ	17,067,036.00	19,095,499.53	2,028,463.53
14	ሓውዜን	17,998,746.00	20,274,272.23	2,275,526.23
15	ክልተ ኣውላዕሎ	17,995,930.30	21,190,857.10	3,194,926.80
16	ሳ/ፃ/ኣምባ	21,566,352.60	24,221,982.08	2,655,629.48
17	ኣስገደ ፅምብላ	22,154,016.90	24,437,495.48	2,283,478.58
18	ላዕላይ ኣድያቦ	17,116,635.20	20,321,479.94	3,204,844.74
19	መደባይ ዛና	18,879,532.70	21,153,481.35	2,273,948.65
20	ታሕታይ ኣድያቦ	16,067,383.60	20,097,981.02	4,030,597.42
21	ታሕታይ ቆራሮ	14,935,420.50	17,971,949.22	3,036,528.72
22	ፀለምቲ	19,291,877.60	21,733,065.58	2,441,187.98
23	ደጉዓ ተምቤን	17,900,682.90	19,858,181.89	1,957,498.99
24	እንደርታ	18,378,778.50	21,234,960.88	2,856,182.38
25	ሕንጣሎ ዋጀራት	21,349,841.60	24,046,697.25	2,696,855.65
26	ሳሓርቲ ሳምረ	17,813,663.60	19,955,737.65	2,142,074.05
27	ኣላጀ	17,148,707.90	18,920,628.72	1,771,920.82
28	ገጠር ኣላማጣ	17,058,205.60	19,613,238.18	2,555,032.58
29	እንዳሞኮኒ	13,978,910.60	16,545,351.62	2,566,441.02
30	ኦፍላ	20,457,543.00	22,944,921.00	2,487,378.00
31	ራያ ዓዘቦ	17,967,287.00	20,284,429.51	2,317,142.51
32	ቃፍታ ሑመራ	19,679,179.60	25,171,645.26	5,492,465.66
33	ወጌደ	20,406,872.00	23,052,351.63	2,645,479.63
34	ወልቃይት	20,624,740.40	23,633,704.91	3,008,964.51
		618,731,831.90	709,892,800.01	91,160,968.33

በ 2001 ዓ/ም ለገጠር ወረዳዎች የተመደበ በጀት የሚያሳይ ሰንጠረዥ

ተ/ቁ	የወረዳዎች ስም	የ 2000 በጀት ድርሻ	የ 2001 በጀት ድርሻ	ልዩነት
1	ገፀር ዓድዋ	16,782,099.00	20,398,587.25	3,616,488.25
2	ኣሕፈሮም	24,896,083.00	28,225,970.17	3,329,887.17
3	ቆላ ተምቤን	16,687,014.00	19,084,302.01	2,397,288.01
4	ላዕላይ ማይጨው	15,390,765.00	18,595,003.91	3,204,238.91
5	መረብ ለኸ	16,942,173.00	19,049,053.93	2,106,880.93
6	ናዕኢር ዓዲት	22,588,338.00	24,484,710.21	1,896,372.21
7	ታሕታይ ማይጨው	16,497,777.00	18,591,802.95	2,094,025.95
8	ጣንቋ ኣበርገለ	15,198,510.40	19,067,148.99	3,868,638.59
9	ወርዒ ለኸ	21,724,993.00	24,692,959.30	2,967,966.30
10	ኣፅቢ ወንበርታ	17,332,508.90	19,444,386.70	2,111,877.80
11	ኢሮብ	11,389,128.50	12,982,888.47	1,593,759.97
12	ጋንታ ኣፈሹም	17,465,098.00	19,657,074.09	2,191,976.09
13	ጎሎ መኸዳ	17,067,036.00	19,095,499.53	2,028,463.53
14	ሓውዜን	17,998,746.00	20,274,272.23	2,275,526.23
15	ክልተ ኣውላዕሎ	17,995,930.30	21,190,857.10	3,194,926.80
16	ሳ/ፃ/ኣምባ	21,566,352.60	24,221,982.08	2,655,629.48
17	ኣስገደ ፅምብላ	22,154,016.90	24,437,495.48	2,283,478.58
18	ላዕላይ ኣድያቦ	17,116,635.20	20,321,479.94	3,204,844.74
19	መደባይ ዛና	18,879,532.70	21,153,481.35	2,273,948.65
20	ታሕታይ ኣድያቦ	16,067,383.60	20,097,981.02	4,030,597.42
21	ታሕታይ ቆራሮ	14,935,420.50	17,971,949.22	3,036,528.72
22	ፀለምቲ	19,291,877.60	21,733,065.58	2,441,187.98
23	ደጉዓ ተምቤን	17,900,682.90	19,858,181.89	1,957,498.99
24	እንደርታ	18,378,778.50	21,234,960.88	2,856,182.38
25	ሕንጣሎ ዋጀራት	21,349,841.60	24,046,697.25	2,696,855.65
26	ሳሓርቲ ሳምረ	17,813,663.60	19,955,737.65	2,142,074.05
27	ኣላጀ	17,148,707.90	18,920,628.72	1,771,920.82
28	ገጠር ኣላማጣ	17,058,205.60	19,613,238.18	2,555,032.58
29	እንዳሞኮኒ	13,978,910.60	16,545,351.62	2,566,441.02
30	ኦፍላ	20,457,543.00	22,944,921.00	2,487,378.00
31	ራያ ዓዘቦ	17,967,287.00	20,284,429.51	2,317,142.51
32	ቃፍታ ሑመራ	19,679,179.60	25,171,645.26	5,492,465.66
33	ወጌደ	20,406,872.00	23,052,351.63	2,645,479.63
34	ወልቃይት	20,624,740.40	23,633,704.91	3,008,964.51
		618,731,831.90	709,892,800.01	91,160,968.33

www.abyssinialaw.com

ኣብ 2001 ዓ/ም ንከተማ ምምሕዳራት ዝተመደበ በጀት ዘመልክት ሰደቓ ንከተማታት ን2001 ዓ/ም ዝተደልደለ በጀት

ተ/ቁ	ሽም ከተማ	ስሩዕ በጀት	ንካፒታል በጀት	ጠቅላላ በጀት
1	መቐለ	51,120,960.00	11,863,935.38	62,984,895.38
2	ማይጨው	14,506,867.70	3,085,068.72	17,591,936.42
3	ኮረም	9,148,920.00	2,088,465.30	11,237,385.30
4	ኣላማጣ	11,354,640.00	3,937,695.70	15,292,335.70
5	ዓዲግራት	19,058,160.00	4,835,479.90	23,893,639.90
6	ውቅሮ	14,205,050.30	2,428,190.90	16,633,241.20
7	ኣክሱም	17,257,680.00	3,417,890.70	20,675,570.70
8	ዓድዋ	17,507,160.00	2,991,876.90	20,499,036.90
9	ዓቢዓዲ	7,224,360.00	2,991,876.90	10,216,236.90
10	እንዳስላሴ	15,985,200.00	3,170,951.40	19,156,151.40
11	ሽራሮ	8,635,440.00	1,560,152.00	10,195,592.00
12	ሑመራ	12,895,080.00	2,026,496.00	14,921,576.00
		198,899,520.00	44,398,079.80	243,297,599.80

ኣብ 2001 ዓ/ም ንከተማ ምምሕዳራት ዝተመደበ በጀት ዘመልክት ሰደቓ ንከተማታት ን2001 ዓ/ም ዝተደልደለ በጀት

ተ/ቁ	ሽም ከተማ	ስሩዕ በጀት	ንካፒታል በጀት	ጠቅላላ በጀት
1	መቐለ	51,120,960.00	11,863,935.38	62,984,895.38
2	ማይጨው	14,506,867.70	3,085,068.72	17,591,936.42
3	ኮረም	9,148,920.00	2,088,465.30	11,237,385.30
4	ኣላማጣ	11,354,640.00	3,937,695.70	15,292,335.70
5	ዓዲግራት	19,058,160.00	4,835,479.90	23,893,639.90
6	ውቅሮ	14,205,050.30	2,428,190.90	16,633,241.20
7	ኣክሱም	17,257,680.00	3,417,890.70	20,675,570.70
8	ዓድዋ	17,507,160.00	2,991,876.90	20,499,036.90
9	ዓቢዓዲ	7,224,360.00	2,991,876.90	10,216,236.90
10	እንዳስላሴ	15,985,200.00	3,170,951.40	19,156,151.40
11	ሽራሮ	8,635,440.00	1,560,152.00	10,195,592.00
12	ሑመራ	12,895,080.00	2,026,496.00	14,921,576.00
		198,899,520.00	44,398,079.80	243,297,599.80

www.abyssinialaw.com

ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 16 ዓመት ቁ.21
መቐለ 10 ነሓሰ 2000 ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

16ኛ ዓመት ቁ.21
መቀለ ነሓሴ 1/2000ዓ/ም

አዋጅ ቁፅሪ 156/2000 ዓ/ም
ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንዝሰርሑ ጠበቓታት ብዛዕባ ኣዋሃህባ ፍቓድን ምዝገባን ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ

ግልጋሎት ጥብቅና ብሞያ ሕጊ ዝሰልጠነን ዓሚቕ ልምዲ ዘለዎ ፣ ምስ ሕጊ ዝተኣሳሰረ ኣሰራርሓ ቤት ፍርዲ ብዝግባች ፣ መንፈስ ተኣማንነት ቅንዕናን ሓቅነትን ዝተላበሰ ሰብ ንልዕልነት ሕግን ምስፋን ፍትሕን ምስ ኣካላት ፍትሒ ሓጋዚ ብምኽን ዝሰለፈሉ ሞያ ብምኽኑ፣

ኣብ ምዕባለ ስራሕቲ ፍትሒ ሰብ ሞያ ሕጊ ዘለዎም ኣስተዋፅኦ ብቐሊሉ ስለዘይርእን፣ ሕብረተሰብ ግቡእ ዝኾነ ግልጋሎት ሕጊ ንኽረክብ ኣብዚ ሞያ ንዝዋፈሩ ሰባት ሞያዊ ብቅዓቶም ንምምዛንን በዚ ሞያ'ዚ ንምስራሕ ዘድልዮ ረቂሕታት ብግልፂ ብምኽማጥ ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ንዝሰርሑ ጠበቓታት ብዛዕባ ኣዋሃህባ ፍቓድን ምዝገባን ብዝተማልአ ኣገባብ ብሕጊ ምድንጋግ ኣድላይ ኾይኑ ብምርካቡ፣

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/ሀ/ ዝሰፅብ ኣዋጅ ተኣዊጁ ኣሎ።

ክፍሊ ሓደ
ሓፈሻዊ

1. <u>ሓፂር ርእሲ</u>

እዚ ኣዋጅ " ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ንዝሰርሑ ጠበቓታት ኣወሃህባ ፍቓድን ምዝገባን ኣዋጅ ቁፅሪ 156/2000" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

አዋጅ ቁጥር 156/2000 ዓ/ም
በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ፍርድ ቤቶች ስለሚሰሩ ጠበቆች ፍቃድ አሰለጣጥና ምዝገባ ለመወሰን የወጣ አዋጅ

የጥብቅና አገልግሎት በህግ ሙያ የስልጠናና ሰፊ ልምድ ያለው ፣ ከህግ ጋር የተሳሰረ የፍርድ ቤት አሰራርን በውል የሚያውቅ ፣ የታማኝነት ፣ የቅንነትና እውነተኝነት መንፈስ የተላበሰ ሰው ለህግ የበላይነት ለፍትህ መስፈን ከፍትህ አካላት ጋር በአጋዥነት የሚሰለፍበት ሞያ በመሆኑ፣

በፍትህ ስራ እድገት የህግ ባለሞያዎች አስተዋጽኦ በቀላሉ የሚታይ ባለመሆኑና ሕብረተሰቡ ተገቢውን የህግ አገልግሎት እንዲያገኝ በዚህ ሙያ የተሰማሩ ሰዎች ሙያዊ ብቃት ለመመዘንና በሙያው ለመስራት የሚያስፈልጉ መመዘኛዎች በግልፅ በማስቀመጥ በትግራይ ክልል ፍርድቤቶች ለመስራት የሚችሉ ጠበቆችን ፍቃድ አሰጣጥና ምዝገባ በተሟላ አኳኋን በህግ መደንገግ አስፈላጊ ሆኖ በመገኘቱ፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ክልላዊ መንግስት ሕገ-መንግስቲ ዓንቀፅ49/3/ሀ/ መሰረት የሚከተለውን አዋጅ አውጇል።

ክፍል አንድ
ጠቅላላ

1. <u>አጭር ርእስ</u>

ይህ አዋጅ "በትግራይ ክልል ፍርድ ቤቶች ለሚሰሩ ጠበቆች ፈቃድ አሰጣጥና ምዝገባ አዋጅ ቁጥር 156/2000" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

www.abyssinialaw.com

2. **ትርጉም**

ኣብ ውሽጢ እዙ ኣዋጅ ፦

1. "ክልል" ማለት ብሄራዊ ክልል ትግራይ እዩ፣
2. "ግልጋሎት ጥብቅና" ማለት ክፍሊት ገንዘብ ብምቕባል ወይ ንቅድሚት ብዝርከብ ቀጥታዊ ወይ ተዘዋዋሪ ረብሓ ንምርካብ እንትብሃል ወይ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ንሕብረተሰብ ዝውሃብ ነፃ ግልጋሎትን ንቤት ፍርዲ ክቕርብ ዝኽእል ዝኾነ ዓይነት ስምምዕነት ውዕል፣ መጣየሺ ፣ መመሓየሺ ወይ መፍረሲ ትካል ሰነድ ምድላው ወይ ናብ ቤት ፍርዲ ዝቕርብ ሰነድ ምድላውን ንሳልሳይ ወገን ብምውካልኣብ ቤት ፍርዲ ቐሪብካ ምክርኻርን ዝኾነ ዓይነት ግልጋሎት ምኽሪ ሕጊ ምሃብን ዝሓወሰ'ዩ፣
3. "ጠበቓ" ማለት ግልጋሎት ሞያ ጥብቅና ንምሃብ ሽሙ ኣብ መዝገብ ዝተመዝገበ ብዓል ሞያ ሕጊ ነዩ፣
4. "ፀሓፊ ዋኒናት ሕጊ" ማለት ምኽርን ርኢቶን ሕጊ ብምሃብን ሕጊ ተንከፍ ዝኾኑ ሰነዳት ብምድላውን ንጠበቓ ዝሕግዝ ሰብ ነዩ፣
5. "ተሓጋጋዚ ጠበቓ" ኣብ ትሕቲ እቲ ጠበቓ ኮይኑ በቲ ጠበቓ ዝተዳለው ናይ ክሲ ማመልከቻታት ናብ ኣብያተ ፍርዲ ብምቕራብ ፋይል ዘኽፍት ፣ ካብ ኣብያተ ፍርዲ ዝወፁ መፀዋዕታታት ፣ ትእዛዛትን ቅዳሓት ፍርድን ኣውፂኡ ንዝምልከቶም ሰባት ዘብፅሕ ሰብ ዩ፣
6. "ዓሚል" ማለት ብዛዕባ ናይ ባዕሉ ወይ ካሊእ ሰብ ዋኒን ዝኾነ ግልጋሎት ጥብቅና ንምርካብ ምስ ጠበቓ ዝተወዓዓለ ወይ ናይቲ ዋኒን ቁም ነገር ኑቲ ጠበቓ ዘረድኣ ሰብ'ዩ፣
7. "መዝገብ" ማለት ጠበቓታት ዝምዝገብሉን ብቢሮ ፍትሒ ዝሕሎ ሪከርድ ነዩ፣
8. "ትካል ጥብቅና" ማለት ግልጋሎት ጥብቅና ዝህብ ትካል ንግዲ ዘይኮነ ሓላፊነቱ ዘይተወሰነ ማሕበር ነዩ፣
9. "ቢሮ ወይ ቢሮ ሓላፊ" ማለት ከከም ቅደም ሰዓቦም ቢሮ ፍትሒ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ወይ ሓላፊ ቢሮ ፍትሒ ክልል ትግራይ'ዩ፣
10. "ሰብ" ማለት ተፈጥሮኣዊ ሰብ ወይ ብሕጊ ሕጋዊ ሰውነት ዝተውሃቦ ኣካል ነዩ።

ክፍሊ ክልተ

3. **ብዛዕባ ኣዋሃህባ ፍቓድን ምዝገባን ጠበቓታት**

1. ግልጋሎት ጥብቅና ክህብ ዝደሊ ዝኾነ ኢትዮጵያዊ ፍቓድ ጥብቅና ክህልዎ ይግባእ፣

2. **ትርጉም**

በዚህ ኣዋጅ ውስጥ፦

1. "ክልል" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልል ነው፣
2. "ጥብቅና ኣገልግሎት" ማለት የገንዘብ ክፍያ በመቀበል ወይም ለወደፊት የሚገኝ ቀጥታዊ ወይም ተዘዋዋሪ ጥቅም ለማግኘት ሲባል ወይም በዚህ ኣዋጅ መሰረት ለሕብረተሰቡ የሚሰጥ ነፃ ኣገልግሎትና ለፍርድ ቤት ሊቀርብ የሚችል ማንኛውም ዓይነት የውል ስምምነት፣ የድርጅት ማቋቋሚያ ፣ ማሻሻያ ወይም ማፍረሻ ሰነድ ወይም ለፍርድ ቤት የሚቀርብ ሰነድ ማዘጋጀትና ሶስተኛ ወገኖችን በመወከል በፍርድ ቤት ቀርቦ መከራከርና ማንኛውም ዓይነት የህግ ኣገልግሎት መስጠት ያጠቃለላ ነው፣
3. "ጠበቃ" ማለት የጥብቅና ሙያዊ ኣገልግሎት ለመስጠት ስሙ በመዝገብ የተመዘገበ ባለሞያ ነው፣
4. "የህግ ጉዳይ ፀሓፊ " ማለት የህግ ምክር እና ኣስተያየት በመስጠት ህግ ነክ የሆኑ ሰነዶችን በማዘጋጀት ጠበቃውን የሚያግዝ ሰው ነው፣
5. "ረዳት ጠበቃ" ማለት በጠበቃ ስር ሆኖ በጠበቃው የተዘጋጁ የክስ ማመልከቻዎችን ለፍርድቤት በማቅረብ ፋይል የሚስከፍት ከፍርድ ቤት የሚወጡ መጥሪያዎችን ፣ ትይእዛዞችን እና የፍርድ ግልባጮችን በማውጣት ለሚመለከተቻው ሰዎች የሚያደርስ ሰው ነው፣
6. "ደንበኛ" ማለት ስለ ራሱ ወይም ስለ ሌላ ሰው ጉዳይ ማንኛውም የጥብቅና ኣገልግሎት ለማግኘት ከጠበቃው ጋር የተዋዋለ ወይም የጉዳዩን ፍሬ ነገር ለጠበቃው የሚያስረዳ ሰው ነው፣
7. "መዝገብ" ማለት ጠበቆች የሚመዘገብበትና በፍትህ ቢሮ የሚጠበቅ ሪኮርድ ነው፣
8. "የጥብቅና ድርጅት" ማለት የጥብቅና ኣገልግሎት የሚሰጥ የንግድ ድረጅት ሳይሆን ሓላፊነት ያልተወሰነ ማሕበር ነው፣
9. "ቢሮ ወይም ቢሮ ሓላፊ" ማለት እንደቅደም ተከተላቸው የትግራይ ፍትህ ቢሮ ወይም የትግራይ ፍትህ ቢሮ ሓላፊ ነው፣
10. "ሰው" ማለት ተፈጥሮኣዊ ወይም በህግ ሕጋዊ ሰውነት የተሰጠው ኣካል ነው።

ክፍል ሁለት

3. **ስለጠቆች ፍቃድ አሰጣጥና ምዝገባ**

1. የጥብቅና ኣገልግሎት ለመስጠት የሚፈልግ ማንኛውም ኢትዮጵያዊ የጥብቅና ፈቃድ ሊኖረው ይገባል፣

www.abyssinialaw.com

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 እንተሃለወ'ውን እዞም ዝስዕቡ ሰባት ብዘይፍቓድ ግልጋሎት ጥብቅና ክህቡ ይኽእሉ፣

ሀ. ናይ ባዕሉ ዋኒን ዝከራኸር ሰብ ፣

ለ. ብዘይክፍሊት ንበዓል ሓዳሩ ፣ ወለዱ ፣ ደቁ ፣ ኣቦ ሓጎታቱ፣ እናሓጎታቱ ፣ ንኣሕዋቱን ከምኡ'ውን ሞግዚት ወይ መመሓደሪ ንዝኾነሉ ሰብ ዝከራኸር ሰብ ፣

ሐ. ምስ ስርሑ ብዝተኣሳሰረ ዋኒን ዝኽራኸር ኣብ ዝኾነ ብርኪ ዝርከብ ዓቃቢ ሕጊ ክልል ትግራይ ፣

መ. ውልቀ ትካል ወይ ኩባንያ ኣብ ቤት ፍርዲ ንኽውከል ስልጣን ተዋሂብዎ ናይ ትካሉ ወየ ኩባንያኡ ዋኒናት ብዝምልከት ዝከራኸር ዝኾነ ሓላፊ ወይ ብዓል ሽርካ ፣ ወይ ወዳኢ ነባር

ረ. መንግስታዊ ቤት ዕዮ ወይ መንግስታዊ ትካላት ልምዓት ብዝምልከት ዝከራኸር ዝኾነ ናይቲ መንግስታዊ ቤት ዕዩ ወይ መንግስታዊ ትካላት ልምዓት ብዓል መዚ ወይ ሓላፊ ወይ ብኡ ዝተወከለ ሰብ ፣

ሰ. ዝኾነ ማሕበር ሓበራዊ ወይ ውልቃዊ ረብሓ ኣባላቱ ወኪሉ ዝከራኸር።

ሸ. ነፃ ግልጋሎት ጥብቅናን ምኽሪን ዝህቡ ትካላት።

4. <u>ፍቓድ ጥብቅና ንምርካብ ዝቐርብ ማመልከቻ</u>

1. ፍቓድ ጥብቅና ንምርካብ ዝቐርብ ማመልከቻ ብመሰረት ነዚ ተግባር'ዚ ከገልግል ተባሂሉ በቲ ቢሮ ዝተዳለወ ቅጥዒ ተመሊኡ ይቐርብ ፣

2. ኣመልካቲ ምስ ማመልከቻኡ እዞም ዝስዕቡ ሰነዳት ኣታሓሒዙ ክቐርብ ኣለዎ፦

ሀ. መረዳእታ ትምህርቲ ፦

ለ. ይሰርሓሉ ካብ ዝነበረ ቤት ዕዮ ብዛዕባ ስነ-ምግባሩን ኣፈፃፅማ ስርሑን ዝገልፅ ደብዳቤ ፣

ሐ. ከም ኣድላይነቱ ፍቓድ ጥብቅና ንምርካብ ዝውሃብ ናይ ሞያ መእተዊ ፈተና ዝሓለፈ ምኻኑ ዘርኢ መረዳእታ፣

መ. ክፍሊት ፍቓድ ዝኽፈለ ምኻኑ ዘርኢ መረዳእታ፣

ረ. ካልኦት በቲ ቢሮ ንኽቕርብ ዝሕተቱ መረዳእታታት፣

ሰ. እቲ ኣመልካቲ መንግስቲ ሰራሕተኛ እንተኾይኑ ካብቲ ዝሰርሓሉ ቤት ዕዮ ዝተሰናበት ምኻኑ ናይ ሰንብት ደብዳቤ ክቐርብ ኣለዎ።

2. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 የተደነገገ ቢኖርም የሚከተሉት ሰዎች ያለ ጥብቅና ፈቃድ አገልግሎት መስጠት ይችላሉ፦

ሀ. ስለራሱ ጉዳይ የሚከራከር ሰው፣

ለ. ያለክፍያ ለትዳር ጓደኛው ፣ ለወላጆቹ ፣ ለልጆቹ፣ ለአያቶቹ ለእህቱ ፣ ለወንድሙ እንዲሁም ሞግዚት ወይ አሳዳሪ ለሆነለት ሰው የሚከራከር ሰው፣

ሐ.ከስራው ጋር በተያያዘ ጉዳይ የሚከራከር በማናቸውም ደረጃ የሚገኝ የትግራይ ክልል አቃቤ ህግ፣

መ. የግል ድርጅት ወይም ኩባንያ በፍርድ ቤት ለመወከል ስልጣን ተሰጥቶት የድርጅቱን ወይም የኩባንያውን ጉዳዮች በሚመለከት የሚከራከር ማንኛውም የድርጅቱ ኃላፊ ወይ ሽሪክ ፣ ወይም ነባር ፊጂ፣

ሠ. የመንግስት መስሪያ ቤትን ወይም ልማት ድርጅትን የሚመለከት የሚከራከር ማንኛውም የመንግስት መስሪያ ቤትን ወይም የልማት ድርጅት ባለስልጣን ወይም ኃላፊ ወይም በእርሱ የተወከለ ሰው፣

ረ. ማንኛውም ማህበር የአባላቱ የጋራ ወይም የግል ጥቅም ወክሎ የሚከራከር።

ሰ. የጥብቅናና የምክር ነፃ አገልግሎት የሚሰጡ ተቋማት።

4. <u>የጥብቅና ፍቃድ ለማግኘት የሚቀርብ ማመልከቻ</u>

1. የጥብቅና ፍቃድ ለማግኘት የሚቀርብ ማመልከቻ ለዚህ ተግባር ተብሎ በቢሮው በተዘጋጀው ቅጽ ተሞልቶ ይቀርባል፣

2. አመልካች የሚከተሉትን ሰነዶች ከማመልከቻው ጋር አያይዞ ማቅረብ አለበት ፣

ሀ. የትምህርት ማስረጃ ፣

ለ. ከቀድሞ አሰሪው ስል ስነ-ምግባሩ ወይም ስለ ስራ አፈጻጸሙ የሚገልጽ ደብዳቤ፣

ሐ. እንደየ አስፈላጊነቱ ፈቃዱ ለማግኘት የሚሰጠውን የሙያ መግቢያ ፈተና ያለፈ መሆኑ የሚያሳይ ማስረጃ ፣

መ. የፈቃድ ክፍያ መክፈሉን የሚያሳይ ማስረጃ ፣

ሠ. ሌሎች በቢሮው እነዲቀርብ የተጠየቁ ፣ ማስረጃዎች

ረ. አመልካቹ የመንግስት ሰራተኛ ከሆነ ከስራው የተሰናበተ መሆኑ የሚያሳይ የስንበት ደብዳቤ ማቅረብ ይኖርበታል።

www.abyssinialaw.com

5. **ብዛዕባ ምሃብ ፍቓድ ጥብቅና**

1. እቲ ቢሮ ብመሰረት ዓንቀፅ 4 ማመልከቻ ፍቓድ ጥብቅና ተማሊኡ ምስቀረበሉ ካብ 30 መዓልቲታት ኣብዘይብልፅ ግዘ ውሽጢ ግቡእ ውሳነ ክህብ ኣለዎ፣
2. ኣብቲ ዝውሃብ ፍቓድ ጥብቅና ዝስዕቡ ክሕዝ ኣለዎ፣

ሀ. ሙሉእ ሽምን ዜግነትን እቲ ጠበቓ፣
ለ. ስሩፅ ኣድራሻ መንበሪኡን ስርሑን ፣
ሐ.ዓይነት /ብርኪ/ ፍቓድ፣
መ. ሽም ፣ ሓላፍነትን ፊርማን ውሃቢ ፍቓድ።

6. **ብዛዕባ ምሕዳስ ፍቓድ**

1. ፍቓድ ጥብቅና ካብ ዝተውሃበሉ ግዘ ጀሚሩ በቢ ዓመቱ ክሕደስ ኣለዎ፣
2. ፍቓድ ንምሕዳስ ዝቐርብ ሕቶ እቲ ፍቓድ ንኽነልግል ዝተውሃቦ ዓመት ቅድሚ ምውድኡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ክቕርብ ኣለዎ፣
3. ኣመልካቲ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ብዝወፅእ ደንቢ ዝውሰን ክፍሊት ግልጋሎት መሓደሲ ይኽፍል፣
4. በብእዋኑ ዘየሓደሰ ይቅፃፅ ። ዝርዝሩ ኣወሳስና እቲ ቅፅዓት ብደንቢ ይውሰን።

7. **ብርክታት ጥብቅና**

1. ኣብ ውሽጢ እዚ ክልል ዝውሃቡ ብርክታት ጥብቅና፦
   ሀ. ኣብዚ ክልል ዝርከቡ ኣብያተ ፍርዲ ወረዳታት ንምክርኻር ዘኽእል ካልኣይ ብርኪ ጥብቅና ፣
   ለ. ኣብዚ ክልል ዝርከቡ ኩሎም ኣብያተ ፍርዲ ንምክርኻር ዘኽእል ቀዳማይ ብርኪ ጥብቅና፣
   ሐ. ናይ ክልል ፍሉይ ጥብቅና።
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ፊደል "ሀ" ዝተደንገገ እንተሃለወ'ውን ኣብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ንዝጀመሮ ዋኒን ሒዙ ኣብ ዝኾነ ይግበኣኒን ሰበር ሰማዕን ቤት ፍርዲ ቐሪቡ ናይ ምክርኻር መሰሉ ዝተሓለወ ፡ዩ፣
3. ዝኾነ ጠበቓ ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ቐሪቡ ብሞያ ጥብቅና ክሰርሕ ኣይፍቀደሉን።

8. **ካልኣይ ብርኪ ፍቓድ ጥብቅና ንምርካብ ዘኽእሉ ረቂሕታት**

ካብዚ ንታሕቲ ንዝተዘርዘሩ ረቂሕታት ዘማልእ ካልኣይ ብርኪ ፍቓድ ጥብቅና ይወሃቦ፦

1. ሕጋዊ ኣፍልጦ ካብ ዝረኸበ ትካል ትምህርቲ ብሕጊ ብቀዳማይ ዲግሪ ዝተመረቐ ፣ መሰረታዊ ሕግታት ኢትዮጵያ ዝፈልጥን ሓደ ዓመት ስራሕ ልምዲ ዘለዎ፣

5. **የጥብቅና ፈቃድ ስለመስጠት**

1. ቢሮው የጥብቅና ፈቃድ ለመስጠት በአንቀጽ 4 መሰረት ማመልከቻው ተሚልቶ ሲቀርብለት ከ30 ቀናት ባልበለጠ ጊዜ ውስጥ ተገቢውን ውሳኔ ፣ መስጠት አለበት ፣
2. የሚሰጠው የጥብቅና ፍቃድ የሚከተሉትን ማካተት አለበት ፦

ሀ. የጠበቃው ሙሉ ስምና ዜግነት፣
ለ. መደበኛ የመኖሪያ እና የስራው አድራሻ ፣
ሐ. የፈቃዱ ደረጃ /ዓይነት/፣
መ. የፈቃድ ሰጪው ስም ፣ ሓላፊነትና ፊርማ።

6. **ፈቃድ ስለማደስ**

1. የጥብቅና ፈቃድ ከተሰጠበት ጊዜ ጀምሮ በየዓመቱ መታደስ አለበት ፣
2. ፈቃድ ለማሳደስ የሚቀርብ ማመልከቻ ፈቃዱ የሚያገለግልበት የአንድ ዓመት ጊዜ ከማለቁ ከአንድ ወር በፊት መቅረብ አለበት፣
3. አመልካች በዚህ አዋጅ መሰረት በሚወጣው ደንብ የሚወሰን የማሳደሻ ክፍያ ይከፍላል፣
4. በወቅቱ ያላሳደሰ ይቀጣል የቅጣቱ አወሳሰን ዝርዝር በደንብ ይወሰናል።

7. **የጥብቅና ደረጃዎች**

1. በዚህ ክልል ውስጥ የሚሰጡ የጥብቅና ደረጃዎችች ፦

ሀ. በክልሉ በሚገኙ የወረዳ ፍርድ ቤቶች ለመከራከር የሚያችል የሁለተኛ ደረጃ ጥብቅና ፣
ለ. በክልሉ በሚገኙ ሁሉም ፍርድ ቤቶች ለመከራከር የሚያስችል የአንደኛ ደረጃ ጥብቅና፣
ሐ. የክልል ልዩ ጥብቅና ።

2. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 ፊደል "ሀ" የተደነገገው ቢኖርም ከወረዳ ፍርድ ቤት ለጀመረው ጉዳይ ይዞ የመከራከር መብቱ የተጠበቀ ነው ፣

3. ማንኛውም ጠበቃ በማሕበራዊ ፍርድቤት ቀርቦ በጥብቅና ሙያ እንዲሰራ አይፈቀድለትም።

8. **የሁለተኛ ደረጃ የጥብቅና ፈቃድ ለማግኘት የሚያስችሉ መመዘኛዎች**

ከዚህ በታች የዘረዘሩት መመዘኛው የሚላ ሁለተኛ ደረጃ የጥበቅና ፈቃድ ይሰጠዋል፦

1. ሕጋዊ እውቅና ካለው የትምህርት ተቋም በህግ በዲግሪ የተመረቀ ፣መሰረታዊ የኢትዮጵያ ህጎችን የሚያውቅና አንድ ዓመት የስራ ልምድ ያለው፣

www.abyssinialaw.com

2. ሕጋዊ ኣፍልጦ ካብ ዘለዎ ትካል ትምህርቲ ብሕጊ ዲፕሎማ ዝተመረቐ ፣ መሰረታዊ ሕግታት ኢትዮድያ ዝፈልጥን ኣብ መንግስታዊ ቤት ዕዮን ወይ ኣብ ዝተፈለጠ ትካል ብሓላፊ ግልጋሎት ሕጊ ወይ ብወዳኢ ነገር ወይ ካልኦት ናይ ሕጊ ስራሕቲ ክልተ ዓመት ዘገልገለ፣
3. ሕጋዊ ኣፍልጦ ካብ ዘለዎ ትካል ትምህርቲ ብሰርቲፊኬት ዝተመረቐን ኣብ መንግስታዊ ቤት ዕዮ ወይ ኣብ ዝተፈለጠ ትካል ብሓላፊ ፍልጋሎት ሕጊ ወይ ብወዳኢ ነገር እንተወሓደ ንሓሙሽተ ዓመት ዘገልገለ።

9. ቀዳማይ ብርኪ ፍቓድ ጥብቅና ንምርካብ ዘኽእሉ ረቂሕታት

ካብዚ ንታሕቲ ንዝተዘርዘሩ ረቂሕታት ዘማልአ ቀዳማይ ብርኪ ፍቓድ ጥብቅና ይውሃቦ

1. ሕጋዊ ኣፍልጦ ካብዝረኸበ ትካል ትምህርቲ ብሕጊ ብቀዳማይ ዲግሪ ዝተመረቐ ፣ መሰረታዊ ሕግታት ኢትዮድያ ዝፈልጥን ኣብ መንግስታዊ ቤት ዕዮ ወይ ኣብ ዝተፈለጠ ትካል ብሕጊ ሞያ ክልተ ዓመተ ዘገልገለ፣
2. ሕጋዊ ኣፍልጦ ካብ ዝረኸበ ትካል ትምህርቲ ብሕጊ ዲፕሎማ ዝተመረቐ ፣ መሰረታዊ ሕግታት ኢትዮድያ ዝፈልጥ ኣብ መንግስታዊ ቤት ዕዮ ወይ ኣብ ዝተፈለጠ ትካል እንተወሓደ ንዓሰርተ ዓመት ዘገልገለ፣
3. ብካልኣይ ብርኪ ፍቓድ ጥብቅና ንዓሰርተ ዓመት ዝሰርሐ።

10. ሓፈሻዊ ረቂሕታት

1. ነቲ ብርኪ ጥብቅና ዝውሃብ መእተዊ ፈተና ዝሓለፈ፣
2. ንስራሕቲ ጥብቅና ዝስማማዕ ፅቡቕ ስነ-ምግባር ዘለዎ፣
3. ንሕማቕ ስነ-ምግባር መግለፂ ብዝኾነ ገበን ተኽሲሱ ዘይተቐፅዐ ወይ ዝተሰየመ፣
4. መድሕን ውሕስና ንሞያ ሓላፍነት ዝኣተወ ምኻኑ ዘርኢ መረዳእታ ዘቕረበ፣
5. ካብ ናይ መንግስቲ ስራሕ ዝተሰናበተ ምኻኑ ዘርኡ መረዳእታ ፣
6. ቋንቋ ትግርኛ ዝፈልጥ።

2. ሕጋዊ እውቅና ካለው የትምህርት ተቋም በህግ በዲፕሎማ የተመረቀ ፣ መሰረታዊ የኢትዮድያ ህጎች የሚያውቅና በመንግስታዊ መስሪያቤት ወይም በታወቀ ድረጅት በህግ አገልግሎት ኃላፊ ወይም በነገረ ፈጅነት ወይም ከሌሎች የህግ ስራዎች ሁለት ዓመት ያገለገለ፣
3. ሕጋዊ እውቅና ካለው የትምህርት ተቋም በሰርቲፊኬት የተመረቀና ቢያንስ በመንግስታዊ መስሪያቤት ወይም በታወቀ ድርጅት ብህግ አገልግሎት ሓላፊ ወይም ነገር ፈጅነት አምስት ዓመት ያገለገለ።

9. የአንደኛ ደረጃ የጥብቅና ፈቃድ ለማግኘት የሚያስችሉ መመዘኛዎች

ከዚህ በታች የተዘረዘሩት መመዘኛዎች ያሟላ አንደኛ ደረጃ የጥብቅና ፈቃድ ይሰጠዋል፦

1. ሕጋዊ እውቅና ካለው የትምህርት ተቋም በህግ በዲግሪ የተመረቀ ፣ መሰረታዊ የኢትዮድያ ህጎችን የሚያውቅና በመንግስታዊ መስሪያቤት ወይም በታወቀ ድርጅት በህግ ሙያ ሁለት ዓመተ ያገለገለ፣
2. ሕጋዊ እውቅና ካለው የትምህርት ተቋም በህግ በዲፕሎማ የተመረቀ ፣ መሰረታዊ የኢትዮድያ ህጎችን የሚያውቅና በመንግስታዊ መስሪያ ቤት ወይም በታወቀ ድርጅት ቢያንስ ለአስር ዓመት ያገለገለ፣
3. በሁለተኛ ደረጃ የጥብቅና ፈቃድ ለአስር ዓመት የሰራ።

10. አጠቃላይ መመዘኛዎች

1. ለደረጃው የሚሰጠው የመግቢያ ፈተና ያለፈ፣
2. ለጥብቅና ስራ የሚስማማ መልካም ስነ-ምግባር ያለው፣
3. ምግባረ ብልሹነት በሚያመለክት ወንጀል ተከሶ ያልተቀጣ ወይም የተሰየመ፣
4. የሙያ የኃላፊነት መድን ዋስትና መግባቱን የሚያሳይ ማስረጃ ያቀረበ፣
5. ከመንግስት ሥራ የተሰናበተ መሆኑ የሚያሳይ ማስረጃ፣
6. ትግርኛ ቋንቋ የሚያውቅ።

11. የክልል ልዩ ጥብቅና

www.abyssinialaw.com

11. ናይ ክልል ፍሉይ ጥብቕና

1. ሓፈሻዊ መሰልን ጥቕምን እቲ ሕብረተሰብ ንምኽባር ዝግኑትን ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቋሕታት ዘማልአ ኣመልካቲ ናይ ክልል ፍሉይ ፍቓድ ጥብቕናይውሃቦ ፦

ሀ. ሕጋዊ ኣፍልጦ ካብ ዝረኸበ ትካል ትመህርቲ ብሕጊ ዲግሪ ዝተመረቐ፣ መሰረታዊ ሕግታት ኢትዮድያ ዝፈልጥን እንተወሓደ ሓሙሽተ ዓመት ብሕጊ ሞያ ልምዲ ስራሕ ዘለዎ ፣

ለ. ካብ ዝወከሎ ክፍሊ ሕብረተሰብ ወይ ዓሚል ምንም ክፍሊት ዘይቕበል፣

ሐ. ነዚ ሓላፍነት'ዚ ዝስማማዕ ፅቡቕ ፀባይ ዘለዎ፣

መ. ንሕማቕ ስነ -ምግባር መግለፂ ብዝኾነ ገበን ተኸሲሱ ዘይተቐፅዐ ወይ ዝተሰየመ።

2. ፍቓድ ጥብቕና ዘለዎን ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተገለፁ ረቋሕታት ዘማልአ ዝኾነ ሰብ ፍሉይ ፍቓድ ጥብቕና ከይኣድልዮ ንቢሮ ኣፍሊጡ ግልጋሎት ክህብ ይኽእል፣

3. እቲ ቢሮ ብዛዕባ ኣዋሃህባ ፍቓድ ፍሉይ ጥብቕና ፣ ብዛዕባ ዓይነትን ዕሬትን በቲ ፍቓድ ዝውሃቡ ግለጋሎታትን ስነ -ምግባር ሰብ ፍቓድን ኣመልኪቱ ዝርዝር መምርሒ የውፅእ ።

12. ብዛዕባ መእተዊ ፈተና ንሞያ ጥብቕና

1. ብመሰረት ዓንቀፅ 8፣ 9ን 10ን እዚ ኣዋጅ ፍቓድ ጥብቕና ዝሓቶ ረቋሕታት ዘማልአ ዝኾነ ኣመልካቲ ናብቲ ፈተና ንምእታው ዘኽእል ክፍሊት ከፊሉ ናብቲ መእተዊ ፈተና ሞያ ጥብቕና ክኣተው ኣለዎ። ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብደንቢ ይውሰን።

2. ኣብ ላዕለዋይ ትካላት ትምህርቲ ኢትዮድያ ብሕጊ እንተነኣሰ ለክቸራር ኮይኑ 4ተ ዓመት ዝሰርሓ ወይ ቀዳማይ ዲግሪ ሃሊይዎ ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ፌደራል ወይ ክልላት ብስራሕ ዳይነት ወይ ዓቃቢ ሕግነት ወይ ኣብ ዝተፈለጡ መንግስታዊ ቤት ፅዮታትን መንግስታዊ ናይ ልምዓት ትካላትን ብሕጊ ኣማኻርነት ወይ ወዳኢ ነባር እንተወሓደ ንሓሙሽተ ዓመት ዘገልገለ ኣመልካቲ ስርሑ ምስለቐቐ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ፍቓድ ጥብቕና ንኽውሃቦ እንተኣመልኪቱ መእተዊ ፈተና ንክወስድ ኣይግደድን።

1. የሕብረተሰቡን ኣጠቃላይ ጥቅምና መብት ለማስከበር የሚሟጎትና ከዚህ በታች የተዘረዘሩት መመዘኛዎች ያሟላ አመልካች የክልል ልዩ ጥብቅና ፈቃድ ይሰጣዋል፣

ሀ. ሕጋዊ እውቅና ካለው የትምህርት ተቋም በህግ በዲግሪ የተመረቀ ፣ መሰረታዊ የኢትዮድያ ህጎችን የሚያውቅና ቢያንስ በህግ ሙያ ለአምስት ዓመት የስራ ልምድ ያለው፣

ለ. ከሚወከለው ሕብረተሰብ ወይ ደንብኛ ምንም ዓይነት ክፍያ የማይቀበል፣

ሐ. ለዚህ ኃላፊነት የሚስማማ ፀባይ ያለው፣

መ. ምግባረ ብልሽነትን በሚያመለክት ወንጀል ተከሶ ያልተቀጣ ወይም የተሰየመ።

2. የጥብቅና ፈቃድ ያለው በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 የተገለጹትን መመዘኛዎች ያሟላ ማንኛውም ሰው ልዩ የጥብቅና ፈቃድ ሳያስፈ ልገው ለቢሮው በማሳወቅ አገልግሎት መስጠት ይችላል፣

3. ቢሮው ስለ ልዩ የጥብቅና ፈቃድ አሰጣጥ ፣ በፈቃዱ ስለሚሰጠው አገልግሎት ዓይነት ፣ የአገልግሎት ጥራት እና ስለ ባለ ፈቃዶች ስነ-ምግባር ዝርዝር መመሪያ ያወጣል።

12. ስለ ጥብቅና ሙያ መግቢያ ፈተና

1. በዚህ አዋጅ አንቀጽ 8፣9 እና 10 መሰረት የጥብቅና ፈቃድ የሚጠይቀውን መመዘኛ የሚያሟላ ማንኛውም አመልካች የፈተና መመዝገቢያ ክፍያ ፈጽሞ የጥብቅና ሙያ መግቢያ ፈተና መውሰድ ይኖርበታል ፣ ዝርዝር አፈጻጸሙ በሚወጣው ደንብ ይወሰናል፣

2. በከፍተኛ የኢትዮድያ የትምህርት ተቋማት ቢያንስ ለክቸረር ሆኖ 4 ዓመት የስራ ወይም የመጀመሪያ ዲግሪ ኖሮት በፌደራልና በክልል ፍርድ ቤቶች በዳኝነት ወይም አቃቤ ህግነት ወይም በታወቁ የመንግስት መስሪያቤቶችና የልማት ድርጅቶች በህግ አማካሪነት እና ነባር ፈጅነት ቢያንስ ለአምስት ዓመት ያገለገለ ማንኛውም ሰው ስራውን በለቀቀ በአንድ ዓመት ጊዜ ውስጥ የጥብቅና ፈቃድ ማመልከቻ ካቀረበ የጥብቅና መግቢያ ፈተና እንዲወስድ አይገደድም።

13. ስለ መድን ዋስትና መግባት

www.abyssinialaw.com

13. **ብዛዕባ መድሕን ውሕስና ምእታው**

1. ናይዚ ክልል ቤት ፍርዲ ጠበቓ ወይ ትካል ግልጋሎት ጥብቅና መድሕን ውሕስና ሞያዊ ሓላፍነት ክኣቱ ኣለዎ፣ እቲ ቢሮ ናይዚ ክልል ቤት ፍርዲ ጠበቓታት ብዛዕባ ምእታው መድሕን ውሕስና ብዝተመልከተ እኹል መፅናዕቲ ብምግባር ናብ ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ብምቕራብን ብዝወፅእ ደንቢ ይውሰን፣
   ሀ. ድልድል ተጀምሮ የሚያልቅበት እቅድ በማዘጋጀት በመስሪያቤቱ የበላይ ሓላፊ እንዲፀድቅ ይደረጋል፣
   ለ. የእያንዳንዱ ሰራተኛ ማስረጃ ተሰብስቦና ተዋድዶ ከሰው ሃይል ዕድገት (አስተዳደር) ሓላፊ የደረሰው መሆኑ ያረጋግጣል። አስፈላጊ ሆኖ ካገኘው ዋናውን መዝገብ በመሳብ ትክክለኛነቱን ማረጋገጥ ይችላል፣
   ሐ. የሰራተኞች ድልድል ሲያልቅ ለመስሪያቤቱ የበላይ ሓላፊ በማቅረብ እንዲፀድቅ ይደረጋል፣
   መ. በድልድል አፈፃፀም አገባብ የታዩ ችግሮችና የተወሰዱ መፍትሔዎችን የሚገልፅ ሪፖርት ለመስሪያ ቤቱ የበላይ ሃላፊ ያቀርባል፣
   ሠ. የድልድል ኮሚቴ ሙሉ በሙሉ በዚህ ደንብ የመስራት ሓላፊነት አለው። ኮሚቴው ሰራተኞች ከዚህ ደንብ ድንጋጌ ውጭ በመደለደል በመስራት ችግሮች ሲያጋጥሙ ቢጋራና በግል ተጠያቂዎች ናቸው።

www.abyssinialaw.com

4. ተግባርን ሓላፍነትን ኣካቢ ኮሚቴ ድልድል፦
ኣካቢ ኮሚቴ ድልድል ዝስዕቡ ተግባራትን ሓላፍነትን ይህልውዎ፦
ሀ. ኣካቢ ኮሚቴ ኽይኑ ይመርሕ፣
ለ. ብዝወፀ ዝርዝር መፈፀሚ ሰሌዳ ትልሚ መሰረት ድልድል ከውዳእ የተሓባብር፣
ሐ. ኣፈፃፅማ ድልድል ኣመልኪቱ በቢእዋኑ ንላዕለዋይ ሓላፊ ቤት ዕይኡ ፀብፃብ የቕርብ።

5. ተግባርን ሓላፍነትን ፀሓፊ ኮሚቴ ድልድል፦
ፀሓፊ ኮሚቴ ድልድል ብኣባልነት ኮሚቴ ድልድል ዝፃወቶ ግዲ ከምዘሎ ኽይኑ ብተወሳኺ ዝስዕቡ ተግባራትን ሓላፍነትን ይህልውዎ፦

ሀ. በቢእዋኑ ናይ ዝግበሩ ኣኼባ ድልድል ቃለ ኣኼባ ይሕዝ፣
ለ. ፋይላት ድልድል ይሽፍት፣ የዋድድ ብዝምልከቶ ኣካል ክሕተት እንተሎ ኣድላይ መዝገብ የቕርብ፣

6. ኣብ እዋን ድልድል ግዲ ዝተፈላለዩ ኣካላት፦
ኣብ ድልድል ግዲ ዘለዎም ኣካላት ዝስዕብ ሓላፍነት ይህልዎም፦
ሀ. ሓላፊ ምዕባለ/ምምሕዳር/ ሓይሊ ሰብ ዝርዝር መረዳእታ ሓይሊ ሰብ ንኮሚቴ ድልድል የቕርብን ትኽክለኛነቱ የረጋግፅን፣

ለ. ላዕለዋይ ሓላፊ ቤት ዕዮ እቲ ድልድል ብዝተቐመጠሉ ጊዜ ሰሌዳ ይፍፀም ምህላዉ ይከታተል፣ ኣብ እዋን ድልድል ዝለዓለ ወገግት እዋኑ ይፈትሕ፣ ንድልድል ዝተሓረየ ሰራሕተኛ የፅድቕ፣

ሐ. ነብሲ ወከፍ ሰራሕተኛ ቕድም ክብል ዘየተሓሓዘ መረዳእታ ትምህርቲ፣ ዝወሰዶ ዓይነት ስልጠናን ልምዲ ስራሕን እንተሊዩ ንቤት ፅዮኑ ክቕርብ ይኽእል። ኮይኑ ግና ዘቕርቦ መረዳእታ ትኽክለኛ ክኸውን ኣለዎ።

7. ምልኣተ ጉባኤ፦
ዝግበር ድልድል ክንዲ ዝኾነ ኩሎም ኣባላት ኮሚቴ ድልድል ኣብ ዝተረኽቡሉ ይፍፀም። ኽይኑ ግና ክብ ዓቕሚ ንላዕሊ ብዘየንሰ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ኩሎም ኣባላት ኣብዘይርከቡሉ እዋን ኣካቢ ሓፂሩ ፍርቅን ተወሳኺ ሓደ ኣባልን እንተተረኺቦም ምልኣተ ጉባኤ ኽይኑ ድልድል ክፍየድ ይኽእል።

4. የድልድል ኮሚቴ ሰብሳቢ ተግባርና ሓላፊነት፦
የድልድል ኮሚቴ ሰብሳቢ የሚከተሉት ተግባራትና ሓላፊነት ይኖሩታል፦
ሀ. የኮሚቴ ሰብሳቢ ሆኖ ይመራል፤
ለ. በሚወጣው የአቅድ ማስፈፀሚያ ሰሌዳ ዝርዝር መሰረት ድልድሉ እንዲያልቅ ያስተባብራል፤
ሐ. የድልድል አፈፃፀም በሚመለከት በየጊዜው ለመሰሪያቤቱ የበላይ ሓላፊ ሪፖርት ያቀርባል።

5. የድልድል ኮሚቴ ፀሓፊ ተግባርና ሓላፊነት
የድልድል ኮሚቴ ፀሓፊ በኮሚቴ አባልነቱ በድልድሉ የሚጫወተው ሚና እንዳለ ሆኖ በተጨማሪ የሚከተሉት ተግባርና ሃላፍነት ይኖሩታል፦
ሀ. በየጊዜው የሚደረጉ የድልድል ስብሰባዎች ቃለ ጉባኤ ይይዛል፤
ለ. የድልድል ፋይሎችን ይከፍታል፤ ያዋድዳል፤ በሚመለከተው አካል ሲጠየቅ አስፈላጊ መዝገብ ያቀርባል።

6. በድልድል ጊዜ የተለያዩ አካሎች ሚና፦
በድልድል ሚና ያላቸው አካሎች የሚከተለው ሓላፊነት ይኖራቸዋል፦
ሀ. የሰው ኃይል ዕድገት /አስተዳደር/ ዝርዝር ማስረጃ የሰው ሃይል ለድልድል ኮሚቴ ያቀርባል፤ ትክክለኛነቱ ያረጋግጣል፤

ለ. የመሰሪያቤቱ የበላይ ሓላፊ ድልድሉ ተቀመጠለት የጊዜ ሰሌዳ አየተፈፀመ መሆኑን ይከታተላል። በድልድል ጊዜ የሚነሱ ችግሮች በጊዜው ይፈታል። ለድልድል የተመረጡ ሰራተኞች ያፀድቃል፤
ሐ. አያንዳንዱ ሰራተኛ ቀደም ሲል ያላያዘው የትምህርት ማስረጃ የወሰደው ዓይነት ስልጠናና የስራ ልምድ ካለ ለመሰሪያቤቱ ማቅረብ ይችላል። ሆኖም ያቀረበው ማስረጃ ትክክለኛ መሆን አለበት።

7. ምልኣተ ጉባኤ፦
የሚደረግ ድልድል በተቻለ መጠን ሁሉም የድልድል ኮሚቴ አባሎች በተገኙበት ይፈፀማል። ሆኖም ከዓቅም በላይ በሆነና በተለያዩ ምክንያቶች ሁሉም አባሎች ባልተገኙበት ጊዜ ሰብሳቢው ጨምሮ ግማሽና አንድ ተጨማሪ አባል ከተገኙ ምልአተ ጉባኤ ሆኖ ድልድል ማካሄድ ይችላል።

www.abyssinialaw.com

8. ኣቑሃህላ ውሳነ

ኮሚቴ ድልድል ኣብ ነብሲወከፍ መደብ ስራሕ ኣብ ዝገብሮ ውድድር ዝህቦ ውሳነ ክንዲ ዝካኣል ኣብ ሓባራዊ ስምምዕ ዝተመስረተ ይኸውን። ኮይኑ ግና ኣብ ምድማዕ እንተብዚሓምን ማዕረ ድምዒ እንተኮይኖምን ድምዒ ኣካቢ ዘለዎ ወገን ውሳነ ናይቲ ኮሚቴ ኮይኑ ይሓልፍ። ዝተፈለየሉ ምክንያት እንተልዩ ኣብ ታሪ ኣኼባን ኣብ ውሳነ ሓሳብ መቕረቢ ቅጥዒን ብዕሑፍ ክስፍር ኣለዎ።

9. ምውዳእ መረፃ ሰራሕተኛታት

ኮሚቴ ድልድል ሕቡያት ተወዳደርቲ ምስ ኣወዳደረ ውሳነ ሓሳቡ ንላዕለዋይ ሓላፊ ቤት ዕዮኡ ብምቕራብ ላዕለዋይ ሓላፊ ዝተሰማማዕ ምኻኑ፣ ወይ እቲ ሓላፊ ቤት ዕዮ - ኮሚቴ ድልድል ካብ ዝሓረዮ ሰብ ወፃኢ ኾልኣ ዝተወዳዳረ ሰብ ዝመረፀ ምኻኑ፣ ብፈርምኡ ክረጋገፅ እንተሎ ድልድል ሰራሕተኛ ይፀድቕ።

10. ኣከፋፍላ መሃያ

ብመሰረት መፅናዕቲ መሰረታዊ ለውጢ ክይዲ ስራሕ ዝድልደሉ ሰራሕተኛታት ሓዲሾም ዝወጉሑ መሃያን ጥቕማጥቕምን ይኸፈሉዎ።

11. ዝነኣሰ መሕለፊ ነጥቢ ድልድል

ሰራሕተኛ ኣብ ዝተወዳደረሉ መደብ ስራሕ ተመሪፁ ክድልደል ዝኽእል እንተነኣሰ ሓፈሻዊ ድምር መወዳደሪ ረቂሒ ሓምሳን ልዕሊኡን ሚኢታዊ ክረክብ እንተሎ እዩ።

12. ኣወንታዊ ኣፈላላይ ምግባር

ሀ. ደቂ ኣንስትዮ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ዝወዳደራሉ እዋን ናብቲ ዝረኽቦኦ ነጥቢ 3 ነጥቢ ተወሲኽወን ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ ነጥቢ እንተረኺቦን ንደቂ ኣንስትዮ ቅዳምነት ተዋሂቡወን ይድልደላ።

ለ. ኣካል ጉድኣት ተወዳደርቲ ዝነኣሰ ተደላይ ኽእለት ኣማሊኦም ንክይዲ ሰራሕ ዘድሊ ብቕዓት ዘለዎም ምኻኑ እንተተረጋጊፁ ቀዳምነት ተዋሂብዎም ክድልደሉ ይኽእሉ።

13. ካብ ኣባልነት ብዛዕባ ምልዓል

ኣባላት ኮሚቴ ድልድል ብዝስዕቡ ኣግባብ ካብ ኣባልነቶም ክለዓሉ ይኽእሉ።

ሀ. ናይ ባዕሎም ድልድል ክረኽ እንተሎ፣

8. የውሳኔ አሰጣጥ

የድልድል ኮሚቴ በእያንዳንዱ የስራ መደብ በሚያደርገው ውድድር የሚሰጠው ውሳኔ በተቻለ መጠን በጋራ መረዳዳት የተመሰረተ ይሆናል። ሆኖም ድምፁ ላይ ከደረሱና አኩል ድምፅ ከሆኑ የሰብሳቢው ወገን ያሰው ውሳኔ የኮሚቴው ሆኖ ያልፋል። የተለየበት ምክንያት ካለ በታለ ጉባኤው በውሳኔ ሃሳብ ማቅረቢያው ቅፅ ላይ በፅሑፍ መስፈር አለበት።

9. የሰራተኞች ምርጫ መጨረሰ

የድልድል ኮሚቴ ዕጩ ተወዳዳሪዎች አወዳድሮ የውሳኔ ሃሳብ ለመስሪያቤቱ የበላይ ሓላፊ በማቅረብ ሓላፊው የተስማማ መሆኑ ወይም የመስሪያቤቱ ሓላፊ የድልድል ኮሚቴ ከመረጠው ሰው ውጪ ሌላ የተወዳደረ ሰው የመረጠ መሆኑ በፊርማ ሲያረጋግጥ የሰራተኛ ድልድል ይፀድቃል።

10. የደመወዝ አከፋፈል

በመሰረታዊ የስራ ሂደት ለውጥ ጥናት መሰረት የሚደለደሉ ሰራተኞች ይዘውት የቆዩ ደመወዝና ጥቅማ ጥቅሞች ይከፈላቸዋል።

11. አነስተኛ የድልድል ማለፊያ ነጥብ

ሰራተኛ በተወዳደረበት የስራ መደብ ተመርጦ ሊደለደል የሚችለው ቢያንስ አጠቃላይ ድምር መወዳደሪያ መመዘኛ ሃምሳ መቶኛና ከዛ በላይ ሲያገኝ ነው።

12. አወንታዊ ልዩነት ማድረግ

ሀ. ሴቶች ከወንዶች ጋር በሚወዳደሩበት ጊዜ ሴቶች ወደ አገኙት ነጥብ 3 ተጨምሮላቸው ከወንዶች አኩል ነጥብ ካገኙ ሴቶች ቅድሚያ ተሰጥቷቸው ይደለደላሉ፤

ለ. አካል ጉዳተኛ ተወዳዳሪዎች አነስተኛ ተፈላጊ ችሎታ አሚልተው ለስራ ሂደቱ የሚያስፈልግ ብቃት ያላቸው መሆኑ ከተረጋገጠ ቅድሚያ ተሰጥቷቸው መመደብ ይችላሉ።

13. ከአባልነት ስለመነሳት

የድልድል ኮሚቴ አባሎች በሚከተሉት አግባብ ከአባልነታቸው ሊነሱ ይችላሉ፦

ሀ. የራሳቸው ድልድል ሲታይ፣

www.abyssinialaw.com

ለ. ናይ ዕጋ ወይ ሓዳር ዝምድና ዘለም ሰራሕተኛ ድልድል ክረአ እንተሎ ብቀጥታ ባዕሉ ይሰዓል ኾይኑ ማና ባዕሉ እንድሕር ዘይተሰዓለ ኮሚቴ ድልድል የልዕሎ

ሐ. ቕድሚ ሙዕኢት ድልድል ዕላዊ ምኻኑ ሚስጠር እንተውሂኑ

መ. ኾነ ኢሉ ንክሕግዝ ወይ ንኽኮድእ ንተደልዶሉ ሰራሕተኛ ዘይግበኡ እምንታዊ ይኹን ኣሉታዊ ሓሳባት ብምቕራብ ክምደብ ወይ ካብ ድልድል ክተርፍ ዝገበረ።

14. ኣመላልኣ ነጥቢ

በዚ ብርኩ ኣብ ዝርከቡ ከይዲ ሰራሕቲ ዝተቐመጡ መወዳደሪ ነጥብታት መወዳደሪ ሮቓሒ ዝምልኡ ብዝሰዕብ ኣማላብዮ።

1. ወነንቲ ኣሙራ ከይዲ ሰራሕ፦

ንወነንቲ ኣሙራ ከይዲ ሰራሕ ዝተቐመጡ መወዳደሪ ረቓሒ ብላዕለዋይ ሓላፊ ቤት ዕዮ እናተገምገመ ዝምላእ ኾይኑ ምደባ ገካየድ ድማ እቲ ሓላፊ ብዘቕርቦ መበገሲ ሓሳብ ቤትምኽሪ ፈቓዲት ስራሕ ክልል ትግራይ ይወድኞ። ወይ እቲ ቤትምኽሪ ውክልና እንተሂብዎ ባዕሉ ሓላፊ ቤት ዕዮ ክምድብ ይኽእል።

2. ጉጅለ ፈፀምቲ ከይዲ ሰራሕ፦

ንጉጅለ ፈፀምቲ ከይዲ ሰራሕ ዝተቐመጡ መወዳደሪ ረቓሒ ብወነንቲ ኣሙራ ከይዲ ሰራሕን ተመሳሳሊ ብርኪ ሓላፍነት ብዘለዎምን ይምላእ።

3. ፈፃሚ ከይዲ ሰራሕ

ንፈፃሚ ከይዲ ሰራሕ ዝተቐመጡ ነጥብታት መወዳደሪ ረቓሒ ብወነንቲ ኣሙራ ከይዲ ሰራሕን ተመሳሳሊ ብርኪ ሓላፍነት ብዘለዎምን ይምላእ።

4. ፈፀምቲ ከይዲ ሰራሕ ድጋፍ ወሃብቲ

ንፈፀምቲ ከይዲ ሰራሕ ድጋፍ ወሃብቲ ዝተቐመጡ ነጥብታት መወዳደሪ ረቓሒ ብወነንቲ ኣሙራ ከይዲ ሰራሕን ተመሳሳሊ ብርኪ ሓላፍነት ብዘለዎምን ይምላእ።

ለ. የስጋ ወይም የጋብቻ ዝምድና ያለው ሰራተኛ ድልድል ሲታይ በቀጥታ ራሱ ይነሳል። ሆኖም ራሱ ካልተነሳ ድልድል ኮሚቴው ያንሳዋል፤

ሐ. የድልድል ውጤት ግልፅ ከመሆኑ በፊት ሚስጥር ካወጣ፤

መ. ሆን ብሎ ሰማንዝ ወይም ሰመጉዳት ስተመጻቢው ሰራተኛ የማይገባውን አወንታዊ ይሁን አሉታዊ ሓሳብ በማቅረብ ለመመደብ ወይም ከድልድል እንዲቀር ያደረገ።

14. የነጥብ አሞላል

በየደረጃው በሚገኙ የስራ ሂደቶች የተቀመጡ የመወዳደሪያ ነጥቦች መመዘኛ የሚሞሉት በሚከተለው አገባብ ነው።

1. የዋናው የስራ ሂደት ባለቤቶች፦

ለዋናው የስራ ሂደት ባለቤቶች የተቀመጡ መወዳደሪያ መመዘኛ በመስሪያቤቱ የበላይ ሓላፊ እየተገመገመ የሚሞላ ሆኖ ምደባ የሚካሄደው ደግሞ ሓላፊው በሚያቀርበው የመነሻ ሃሳብ በክልሉ የስራ አስፈፃሚ ምክርቤት ይፀድቃል ወይም ምክር ቤቱ ውክልና ከሰጠው ራሱ የመስሪያቤቱ ሓላፊ ሊመድብ ይችላል፤

2. የስራ ሂደት አስፈፃሚ ቡድን

ለስራ ሂደት አስፈፃሚ ቡዱን የተቀመጡ መወዳደሪያ መመዘኛዎች በዋናው ስራ ሂደት ባለቤቶችና ተመሳሳይ ሓላፊነት ደረጃ ባለቸው ይሞላል፤

3. የስራ ሂደት አስፈፃሚ

ለስራ ሂደት አስፈፃሚ የተቀመጡ ነጥቦች የመወዳደሪያ መስፈርት በዋናው ስራ ሂደት ባለቤቶችና ተመሳሳይ ሓላፊነት ደረጃ ባለቸው ይሞላል፤

4. የስራ ሂደት አስፈፃሚ ድጋፍ ሰጪዎች

ለዋናው ስራ ሂደት አስፈፃሚ ድጋፍ ሰጪዎች የተቀመጡ መወዳደሪያ መመዘኛ ነጥቦች በስራ ሂደት ባለቤቶችና ተመሳሳይ ሓላፊነት ደረጃ ባለቸው ይሞላል፤

www.abyssinialaw.com

ክፍሊ ሓርባዕተ

መመጻደፊ ረቂቒ ተጻባጻቢ ብቕዓት

15. መመዘኒ ረቂቕትን ዝሞሳቦም ነጥብን

1. ደረጃ ትምህርቲ

ንዝተነፀረ ዓይነት ስራሕን ቦታን ዘድሊ ደረጃ ትምህርቲ ምምላእ ንውድድር ቅድመ ኹነት እዩ። ነዚ ዘማለአ ናብ ውድድር ይኣቱ ዘየማለአ ናብ ውድድር ኣይኣቱን። ንዝተነፀረ ደረጃ ትምህርቲ ዘማልኡ ሰራሕተኛታት ናብ ውድድር እንትቀርቡ ብዝስዕብ መምዘኒ ረቂሒ ብቕዓት ይፍለዩ።

2. መምዘኒ ረቂቒ

መምዘኒ ረቒሒ ተጻባጺ ብቕዓት ኣብዞም ዝስዕቡ 7 ዓበይቲ ነጥቢታት ዝተመሰረተ'ዩ። እቶም መምዘኒታት ብዓይነት ስራሕ ምስ ዝተወሃቦም ነጥቢ ብሚእታዊት ክምዝስዕብ ይቅመጡ።

ቁ.ተ	መምዘኒ ረቒሒ	ዝወሃቦም ሓፈሻዊ ነጥቢ ብምእታዊት			
		ወናኒ ኣውራ ክይዲ ስራሕ	ንኣባላት ጉጅለ ፈፀምቲ ክይዲ ስራሕ	ንሰራሕተኛ ፈፃሚ ክይዲ ስራሕ	ንወሃብቲ ደገፍ ክይዲ ስራሕ
1	ኣብ ሕገ-መንግስቲ፣ ፖሊሲታትን ስትራቴጂታትን መንግስቲ ዘለዎ ግንዛበን ብቕዓት ምፍላምን	30	22	20	20
2	ኣወሃህዛ ግልጋሎት	25	27	28	32
3	ቴክኒካዊ ብቕዓት	15	21	22	18
4	ውዕኢት ተኸር	5	5	5	5
5	ልምዲ ስራሕን ስልጠናን	10	10	10	10
6	ስነ - ምግባር	10	10	10	10
7	ፅርየት ማህደር	5	5	5	5

16. ዝርዝር ረጂሒቲ መምዘኒ ብቕዓትን ዝተሞሳቦም ነጥብን

ነብሲ ወከፍ መምዘኒ ረቒሒ ዝሓዞ መጠን ነጥብን ዝትንተነሉ ኣንባብን ክምዝስዕብ ይኸውን

ሓፈሻዊ ረጂሒ	ዝርዝር ረጂሒ	ወናኒ ኣውራ ክይዲ ስራሕ	ጉጅለ ፈፃሚ ክይዲ ስራሕ	ፈፃሚ ክይዲ ስራሕ	ፈፃሚ ድጋፍ ዋሃቢ ክይዲ ስራሕ
1. ኣብ ሕገ-መንግስቲ፣ ፖሊሲታትን ስትራቴጅታትን መንግስቲ ዘለዎም ግንዛበን ብቕዓትን ምፍላም	- ንሕገ መንግስቲ ታኣማኒ ዝኾነ	6	4	4	4
	- ፖሊሲታትን ስትራቴጂታትን መንግስቲ ናይ ምፍላጥን ምርዳእን ብቕዓትን መሳርሕቲ ተመሳሳሊ ፍልጠት ከህልዎም ናይ ምግባርን ብቕዓት	6	4	4	4
	- ሕግታት፣ ደምብታትን መምርሒታትን ተቐቢሉ ናይ ምትግባርን ኣብዚኦም ተተርኢሉ ናይ ምስራሕን ብቕዓት፣	6	4	4	4
	- ይተኣታተዉ ንዘለዉ ለውጥታት ብውነ ናይ ምቕባልን ምምራሕን ብቕዓት፣	6	4	4	4
	- ዝሃቡ ውሳነ ዝወስዱ ስንምቲን ኣብ ተግልግልትን የእትወና በሃልቲ ዝህልም ትርጉም ኣቐዲሙ ናይ	6	4	4	4

www.abyssinialaw.com

	ምግንዛብን ፍታሕ ናይ ምቕማጥን ብቕዓት				
2. አዋሃህባ ግልጋሎት /ተገልጋላይ ተኮር ምኹን/	- ንናይ ውሽጥን ደገን ተገልገልቲ ብመሰረት እቲ ሓዱሽ ስርዓት አሰራርሓ ንምትእንጋድ ዘለም ድልየትን ብቕዓትን - ተገልገልቲ ብቑሲሉ ዝረኽብሉ ስርዓት አዋሃህባ ግልጋሎት ናይ ምቕራፅ ብቕዓት፣ - ህውፅን ተለዋዋጥን ዝኾነ ድልየት ተገልገልቲ ናይ ምፍላይ፣ ምምላእ፣ ቁልጡፍ ምላሽ ምሃብ ቀዳምነት ንዝዋሃቦም ድልየት ተገልገልቲ ቀዳምነት ብምሃብን ፀገም ተገልገልቲ ናይ ምፍታሕ ብቕዓት - ምስ ተገልገልቲ እብ ምትእምማን ዝተመስረተን ተቑባልነት ዘለዎን ዝምድና ናይ ምህናፅን ብኽብርን ትሕትናን ናይ ምትእንጋድ ብቕዓት - ዕማበትን ድልየትን ተገልገልትን ዝምዝነሉን ዘድህሰሰሉን መስርሕ ናይ ምዝርጋሕ ርኢቶ ተገልገልቲ ብምእካብ አፈፃፅማ ስራሕ ናይ ምምሕያሽ ብቕዓት	5 5 5 5 5	5.4 5.4 5.4 5.4 5.4	5.6 5.6 5.6 5.6 5.6	6.4 6.4 6.4 6.4 6.4
3. ቴክኒካዊ ብቕዓት	<u>ብቕዓት ጉጅላዊ ስራሕ ምስራሕ /ንመራሒ እውራ ክይዲ ስራሕን ንኣባላት ጉጅለ ፈፀምቲ ክይዲ ስራሕን ጥራሕ ዝምልከት</u> - ንታሕተምት ስራሕተኛታት ሓላፍነትን ስልጣን ናይ ምክፍፋልን ንዕብየት ቤት ዕዩኡን መሳርሕቱን ብምግዳስ ተግባራዊ ስልጠና ናይ ምሃብን ብቕዓት፣ - ጎንፂታት ቀልጢፍካ ናይ ምርኣይን ምእላይን ብቕዓት - ቁልጡፉን ዕማበት ተገልገልቲ ዘረጋግፅ ግልጋሎት ንምሃብ ምስ ተገልገልቲን መሻርኽትን እብ ምትእምማን፣ ምክብባርን፣ ዝለዓለ ተወፋይነትን ዝተመስረተ ምዕራይ ርክብ ስራሕ ናይ ምፍጣር ብቕዓት፣ - ቤት ዕዩኡ ቀዳምነት ዝህቦም ባዕላታት ናይ ምፍላይን ምርዳእን፣ ፕሮጀክትታትን ፕሮግራማትን ክዕወቱ ጉጅለ ኣታሓባቢሩ ናይ ምስራሕን፣ መሉእ ዓቕሙን ክእለቱን ንመሳርሕቱ ናይ ምውፋይን ብቕዓት፣	3	5.25	-	-
	<u>ብቕዓት ምትላም /ንመራሒ እውራ ክይዲ ስራሕ፣ ንኣባላት ጉጅለ ፈፀምቲ ክይዲ ስራሕን ንውሃብቲ ደገፍ ክይዲ ስራሕን ጥራሕ ዝምልከት</u> - ብቕዓት ምድላው ስትራተጂክን ዓመታውን ትልሚ - ብቕዓት ስራሕቲ ምውዳብን ምትሕብባርን - ብቕዓት እፈፃፅማ ትልሚ ምክትታል ምድጋፍን ምዕቃንን	3	5.25	-	4.5

www.abyssinialaw.com

	- ብቕዓት ንታሕተምት ሰራሕተኛታት ምብቃዕን ምትብባዕን				
	<u>ብቕዓት ምምሕዳር ሃብቲ / ንመራሒ ኣውራ ክይዲ ስራሕን ንውሃብቲ ደንፍ ክይዲ ስራሕን ጥራሕ ዝምልክት</u> - ዕግበት ተገልገልቲ ንምርግጋፅ ዘኽእል ትልሚ ሃብትታት /ሓይሊሰብ፣ ፋይናንስ፣ ቴክኖሎጂ፣ ሓበሬታ፣ ንብረት/ ናይ ምትላምን ዝተነፀሩ ሃብትታት ክምደቡሉ ናይ ምርግጋፅን ብቕዓት - ትልሚ ድልየት ሃብቲ ምስ ስትራተጂክን ዓመታዊን ትልሚ ቤት ዕዮኡ ዘለዎ ዝምድና ብውነ ናይ ምግንዛብ ብቕዓት፣ - ብኽእትን ብሃብቲ መንግስቲ ብዘይሕግባብ ብኣቋራፂ ምህፍታምን ክይመፅእ ሕጊ ደንብን መምርሒታትን ፋይናንስ ተኽቲሉ ናይ ምስራሕ፣ ኣጠቓቕማን ሃብቲ ኣብ ትልሚ ንዝተትሓዙ ስራሕቲ ጥራሕ ምውዓሉን ውፅኢት ስራሕን ወሳኢ በጀትን ተመጣጣንን ኣግባብነት ዘለዎን ምኻኑ ናይ ምክትታል ብቕዓት	3	-	-	4.5
	<u>ብቕዓት ውፅኢታዊ ስራሕ ምስራሕ</u> - ልዕሊ ዝተቐመጡ ስታንዳርድ መዐቀንታት ኣዋሃህባ ግልጋሎት ብምስራሕ ፀብለልታ ዘለዎ ውፅኢት ስራሕ ናይ ምምዝጋብ ብቕዓት - ጌጋታትን፣ ውድቀታትን፣ ካልእት ውልቃዊ ፀገማትን ንውፅኢት ቤት ዕዮ ብኣሉታ ክይፀልዉን ኣብ ሓደጋ ክየውድቑን ብብልሓት ብምትሓዝ ውፅኢት ናይ ምምዝጋብ ብቕዓት - ህፀት ምፍታሕ ፀገማትን ፅርየት ዘለዎ ግልጋሎት ምሃብን ብዝግባእ ብምግንዛብ ሕጋውን እዋናውን ኣፈፃፅማ ስራሕ ጉጅለ ናይ ምምሕያሽ ብቕዓት	3	5.25	11	4.5
	<u>ብቕዓት ርክብ</u> - ስራሕቲ ተፈጥሮኣዊ ቅደም ሰነባበም ሓሊዮም ተጠቀምቲ ብቓልን ብፅሑፍን ብዝርድእዎ ግልፂ ኮይንኻ ፀብፃባት ናይ ምኽራብን ምርዳእን ብቕዓት - ዝዋሃብዎ ስራሕትን ሓሳባትን ብውነ ናይ ምግንዛብን ምፍፃምን ብቕዓት - ፀብፃብ ዝተፈላለዩ ዘመናዊ ሶፍትዌራት ብምጥቃም ናይ ምድላውን ምኽራብን ብቕዓት	3	5.25	11	4.5

www.abyssinialaw.com

4. ውፅኢት ተኮር	- እገዩ ልዑል - ልዑል - አፅጋቢ - ትሑት * ብዝተፈላለየ ምቹንያት ነጥቢ ውፅኢት ተኮር ዘይተመላእሉም ሓለፍትን ፈፃሚ ስራሕን ቤት ፅዮም ብዝኣመነሉ ኣግባብ መተከኢታ ነጥቢ ክመልእሉም ይግባእ።	5 4 3 0			
5. ልምዲ ስራሕን ስልጠናን		1-2ዓመት =2 ነጥቢ 3-5= 4 6-10=6 11-15=8 >15=10	1-2ዓመት =2ነጥቢ 3-5 =4 6-10=6 11-5=8 >15=10	1-2ዓመት =2ነጥቢ 3-5=4 6-10=6 11-15=8 >15=10	1-2 ዓመት =2 ነጥቢ 3-5=4 6-10=6 11-15 =8 >15=10
6. ሰነ- ምግባር	- ግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራረሓን ንምቕላሰን ንምቕላፅን ዘለም ቁርፀኝነት - ተገልጋላይ እብ መንግስትን ኣሰራርሑኡን ኣመኒታ ክሓድሮ ብሓቂ፣ ብተኣማንነነትን ብግልፅን ንረብሓ ህዝቢ ናይ ምስራሕ፣ ካብ ኣድልዎ ነፃ ብዝኾነ ኣግባብ ህዝቢ ናይ ምግልጋልን ሚስጢር ናይ ምሕላው ብቕዓትን፣ - ደሃልቲ ሓሳባት ካብ ምቕራብ ብምፅቃብ ካብ መሳርሕቱ፣ ተገልገልትን የእትወና ብሃልቲን ንናኒ ርኢቶታት ብፀጋ ተቐቢሉ ናይ ምስራሕ ብቕዓት	3.34 3.33 3.33	3.34 3.33 3.33	3.34 3.33 3.33	3.34 3.33 3.33
7 ፅሬየት ማህደር	- ካብ ዝነበሮ ደረጃን መሃያን ምትሓት - ካብ ሓደ ክሳብ 3 ወርሒ መቕፃፅቲ መሃያ መቕፃፅቲ መሃያ ክሳብ ሓደ ወርሒ - መጠንቀቕታ ፅሑፍ - ሪከርድ መቕፃፅቲ ዘይብሉ * እብ ማሕደር ሰራሕተኛ ዘለው ቅፅዓት ተፈፂሙቲ ዝኾኑ ካብ 1/11/1997 ዓ.ም ጀሚሩ ክሳብ ሕጂ ዘለው ይኾኑ።	0 1 2 3 5			

www.abyssinialaw.com

ክፍል አራት

የተፈላጊ ብቃት ማወዳደሪያ መመዘኛ

15. ለመመዘኛ መስፈርቶች የሚሰጣቸው ነጥብ

1. የትምህርት ደረጃ፡-
   ግልፅ ለሆኑ የስራ ዓይነትና ቦታ የሚያስፈልግ የትምህርት ደረጃ ማሟላት ለመወዳደር ቅድመ ሁኔታ ነው። ይህን ያሟላ ወደ ውድድር ይገባል። ያላሟላ ወደ ውድድር አይቀርብም። የተገለፀ ትምህርት ደረጃ ያሟሉ ሰራተኞች ወደ ውድድር ሲቀርቡ በሚከተለው የብቃት መመዘኛ መስፈርት ይለያሉ፡
2. መመዘኛ መስፈርት፡-
   መመዘኛ መስፈርት ተፈላጊ ብቃት በሚከተሉት 7 አባይት ነጥቦች የተመሰረተ ነው መመዘኛዎቹ በስራ ዓይነት በተሰጣቸው ነጥብ በመቶኛ እንደሚከተለው ይቀመጣሉ።

ቁ.ተ	መመዘኛ መስፈርት	የሚሰጣቸው አጠቃላይ ነጥብ በመቶኛ			
		ዋና የስራ ሂደት ባለቤት	በስራ ሂደት አስፈፃሚ ቡዱን አባሎች	ለሰራተኛ የስራ ሂደት አስፈፃሚ	ለስራ ሂደት ድጋፍ ሰጭዎች
1	በሕገ-መንግስት ፖሊሲዎችና ስትራቴጂዎች መንግስት ያለው የመፈፀም ብቃትና ግንዛቤ	30	22	20	20
2	አገልግሎት አሰጣጥ	25	27	28	32
3	ቴክኒካዊ ብቃት	15	21	22	18
4	ውጤት ተኮር	5	5	5	5
5	የስራ ልምድና ስልጠና	10	10	10	10
6	ስነ - ምግባር	10	10	10	10
7	ለማሀደር ጥራት	5	5	5	5

16. ዝርዝር የብቃት መመዘኛ መስፈርቶች እና የተሰጣቸው ነጥብ

እያንዳንዱ መመዘኛ መስፈርት የያዘው ነጥብ መጠንና የሚተነተንበት አግባብ እንደሚከተለው ይሆናል።

ጠቅላላ መስፈርት	ዝርዝር መስፈርት	ዋና የስራ ሂደት ባለቤት	የስራ ሂደት አስፈፃሚ ቡዱን	የስራ ሂደት አስፈፃሚ	የስራ ሂደት ድጋፍ ሰጭ አስፈፃሚ
1. በሀገ-መንግስት የመንግስት ፖሊሲዎችና ስትራቴጂዎች ያላቸው የአፈፃፀም ብቃትና ግንዛቤ	- ለሀገ መንግስቲ ታማኝ የሆነ፣	6	4	4	4
	- የመንግስት ፖሊሲዎችና ስትራቴጂዎችን የማወቅና የመረዳት ብቃት፣ የስራ ባልደረቦቹ ተመሳሳይ እውቀት እንዲኖራቸው የማድረግ ብቃት፣	6	4	4	4
	- ህጎች፣ ደንቦችና መመሪያዎች ተቀብሎ የመተግበርና እነዚህ በመንተራስ የመስራት ብቃት፣	6	4	4	4
	- እየተጀመሩ ላሉ ለውጦች በልብ የመቀበልና መስራት ብቃት፣	6	4	4	4
	- የሚሰጠው ውሳኔ፣ የሚወሰደው እርምጃ በተገልጋዮችና ይመለከተናል ባዮች የሚኖረው ትርጉም አስቀድሞ የመገንዘብና መፍትሄ የማስቀመጥ ብቃት				

www.abyssinialaw.com

2. የአገልግሎት አሰጣጥ /የተገልጋይ ተኮር መሆን/	- ለውስጥና ለውጭ ተገልጋዮች በአዲሱ የአሰራር ስርዓት መሰረት ለማስተናገድ ያለው ፍላጎት ብቃት፣ - ተገልጋዮች የአገልግሎት አሰጣጥ በቀላሉ የሚያገኙበት ስርዓት የመቅረፅ ብቃት - አስቸኳይና ተለዋዋጭ የሆነ የተገልጋዮች ፍላጎት የመለየት ፣ ማሟላትና ቀልጣፋ መልስ መስጠት፣ - ቅድሚያ የሚሰጣቸው የተገልጋዮች ፍላጎት ቅድሚ በመስጠት የተገልጋዮች ችግር የመፍታት ብቃት - ከተገልጋዮች ጋር በመተማመን ላይ የተመሰረተና ተቀባይነት ያለው ዝምድና በመገንባት በአክብሮትና በትህትና የማስተናገድ ብቃት፣ - የተገልጋዮች እርካታ ፍላጎት የሚመዘንበት እና የሚፈተሽበት አሰራር የመዘርጋትና የተገልጋዮች አስተያየት በመሰብሰብ የስራ አፈፃፀም የመሻሻል ብቃት	5 5 5 5 5 5	5.4 5.4 5.4 5.4 5.4 5.4	5.6 5.6 5.6 5.6 5.6 5.6	6.4 6.4 6.4 6.4 6.4 6.4
3. ቴክኒካዊ ብቃት	<u>ቡድናዊ ስራ የመስራት ብቃት /ለሞና የስራ ሂደት መሪና ለስራ ሂደት አስፈፃሚ ቡድን አባላት ብቻ የሚመለከት</u> - ለበታች ሰራተኞች ሓላፍነትና ስልጣን የሚከፋፈልና ለመሰሪያቤቱ ዕድገትና ለስራ ባልደረቦቹ በማሰብ ተግባራዊ ስልጠና የመስጠት ብቃት፣ - ግጭቶች ፈጥኖ የማየትና የመፍታት ብቃት - ቀልጣፋና የተገልጋዮች እርካታ የሚያረጋግጥ አገልግሎት ለመስጠት ከተገልጋዮችና ያገባናል ባዮችን በመተማመን፣ መከባርና በከፍተኛ ተነሳሽነት ላይ የተመሰረተ የተስተካከለ የስራ ግንኙነት የመፍጠር ብቃት፣ - መስሪያቤቱ ተዳምኑት የሚሰጣቸው ጉዳዮች የመለየትና መረዳት ፕሮጀክችንና ፕሮግራሞቹን እንዲሳኩ ቡድን አስተባብሮ መስራት ሙሉ አቅሙንና ብቃቱን ለስራ ባልደረቦች የማቅረብ ብቃት ፣	3	5.25	-	

www.abyssinialaw.com

	<u>የማቱድ /እትድ ማውጣት/ ብቃት ለዋና የስራ ሂደት፣ መሪ፣ ለስራ ሂደት አስፈፃሚ ቡድን አባልና ለስራ ሂደት ድጋፍ ሰጪ ብቻ የሚመለከት</u> - አመታዊ እቅድና ስትራተጂ የማዘጋጀት ብቃት - ስራዎች የመመደብና የማስተባበር ብቃት - የአፈፃፀም እቅድ መከታተልና መደገፍና መለካት፣ - የበታች ሰራተኛ ብቁ የማድረግና ማበረታታት ብቃት	3	5.25	-	4.5
	<u>ሃብት የማስተዳደር ብቃት /ለዋና የስራ ሂደት መሪና ለስራ ሂደት ደጋፍ ሰጭዎች የሚመለከት ብቻ</u> - የተግልጋዮች እርካታ ማረጋገጥ የሚያስችል ሃብቶች እቅድ /የሰው ሃይል፣ ፋይናንስ፣ ቴክኖሎጂ፣ መረጃ ፣ ንብረት/ የማቀድና ግልፅ የሆኑ ሃብቶች እንዲመደበለት የማረጋገጥ ብቃት፣ - የሃብት ፍላጎት እቅድ ከስትራቴጅና አመታዊ የመስሪያቤቱ እቅድ ያለው ዝምድና በልብ የመገንዘብ ብቃት - ብኩንነትና በመንግስት ሃብት ያለአግባብ በአቃራጭ ሃብታም መሆን እንዳይመጣ ሕግ፣ ደንብና የፋይናንስ መመሪያዎችን ተከትሎ የመስራት የሃብት አጠቃቀም በእቅድ ለተያዙ ስራዎች ብቻ መዋሉንና የስራ ውጤትና የበጀት ወጪ ተመጣጣይና አግባብነት ያለው መሆኑን የመከታተል ብቃት	3	-	-	4.5
	<u>ውጤታማ ሰራ የመስራት ብቃት</u> - ከተቀመጠበት ስታንዳርድ መመዘኛዎች በላይ የአገልግሎት አሰጣጥ መሰፈርት በመስራት ብልጫ ያለው የስራ ውጤት የማስመዝገብ ብቃት፣ - ስህተቶች፣ ውድቀቶችና ሊሎች ግላዊ ችግሮች ለመስሪያቤቱ ውጤት በአሉታ እንዳይነኩ፣ አደጋ ላይ እንዳይጥሉት በዘዴ በመያዝ ውጤት የማስመዝገብ ብቃት ፣ - በአስቸኳይ ችግሮች በመፍታት ጥራት ያለው አገልግሎት መሰጠትና በሚገባ መገንዘብ ሕጋዊና ወቅታዊ የቡድን ስራ አፈፃፀም የማሻሻል ብቃት፣	3	5.25	11	4.5
	<u>የግንኙነት ብቃት</u> - ስራዎች የተፈጥሮ ቅድም ተከተላቸው ተጠብቀው ተጠቃሚዎች በቃልና በፅሑፍ በሚረዳቸው ግልፅ ሆኖ ሪፖርቶች የማቅረብና	3	5.25	11	4.5

www.abyssinialaw.com

	የማስረዳት ብቃትና - የተሰጡት ስራዎችና ሃላፊች በትክክል /ከልብ/ የመገንዘብና መፈፀም ብቃት - በተለያዩ ዘመናዊ ስፍትዎሮች በመጠቀም ሪፖርት የማዘጋጀትና የማቅረብ ብቃት				
4. ውጤት ተኮር	- በጣም ከፍተኛ - ከፍተኛ - መካከለኛ - ዝቅተኛ * በተለያዩ ምክንያቶች ውጤት ተኮር ያልተሞላላቸው ሓላፊዎችና ስራ አስፈፃሚዎች መስሪያቤታቸው ባመነበት አገባብ መለኪያ ነጥብ ሊሞላላቸው ይገባል።	5 4 3 0			
5. የስራ ልምድና ስልጠና		1-2 ዓመት =2 ነጥቢ 3-5= 4 6-10=6 11-15=8 >15=10	1-2ዓመት =2ነጥቢ 3-5 =4 6-10=6 11-5=8 >15=10	1-2 ዓመት =2ነጥቢ 3-5=4 6-10=6 11-15=8 >15=10	1-2 ዓመት =2 ነጥቢ 3-5=4 6-10=6 11-15 =8 >15=10
6. ስነ- ምግባር	- ሙስናና የተበላሸ አሰራር ለመታገልና ለማጋለጥ ያለው ቁርጠኝነት፣ - ተገልጋይ በመንግስትና በአሰራሩ እምነት እንዲ ያድርበት በሓቅ፣ በታማኝነትና በግልፅ ለህዝብ ጥቅም የመስራት፣ ከአድልዎ ነፃ በሆነ አገባብ ህዝብ የሚገልገልና ምስጢር የመጠበቅ ብቃት፣ - ከብረነክ /አሸማቃቂ/ የሆኑ ሃሳቦችን ከማቅረብ በመታቀብ፣ ከስራ ባልደረቦቹ፣ ከተገልጋዮችና ያገባናል ባዮች ገንቢ አስተያየቶችን በደስታ ተቀብሎ የመስራት ብቃት	3.34 3.33 3.33	3.34 3.33 3.33	3.34 3.33 3.33	3.34 3.33 3.33
7. የግህደር ጥራት	- ከአበረው ዶረጃና ደመወዝ ዝቅ ማለት - ከአንድ እስከ 3 ወር የደመወዝ ቅጣት - የዕሑፍ ማስጠንቀቅያ - የቅጣት ሪከርድ የሌለው * በሰራተኛው ግህደር ያሉ ቅጣቶች ተፈፃሚ የሚሆኑ ከ1/11/1997 ዓ.ም ጀምሮ እስከ አሁን ያሉ ይሆናል።	0 1 2 3 5			

www.abyssinialaw.com

ክፍሊ ሓሙሽተ

ኩነታት ኣብ ምደባ ዘይተሓቐፉ ሰራሕተኛታት

17. ኣብ ድልድል ዘይተሓቐፉ ሰራሕተኛታት

ኣብ ሓደ ቤት ዕዮ ኣብ ዘለው ከይዲታት ስራሕ ዘይተመደቡ ሰራሕተኛታት ኣብ ማሕበራዊ ቅልውላው ብዘይኣትውሉ፣ ሃፍቲ እቲ ክልል ብዝሽከመሉ መጠንን ብመሰረት ሕጊ መምርሕን ኣሰራርሓን እዚ ክልል ህይወቶም ዝመርሑሉ ስርዓት ምምችቻው ኣድላይ'ዩ። ብመሰረት'ዚ እዞም ዝስዕቡ ኣማራጺታት ተግባራዊ ይኾኑ፡-

1. ፖሊሲን ስትራተጂን መንግስቲ ንምትግባርን ኣብ ውሽጢ እቲ ለውጢ ንምስራሕን ብቕዓት ዘለዎም ሰራሕተኛ ታት ኣብ ካልኦት ኣብያተዕዮ ተመዲቦም ዝስርሑሉ ኩነታት ምምችቻው፣
2. ብዕድመ መናእሰይ ዝኾኑ ብምምራፅ ናይ ነዊሕ ግዜ ስልጠና ተዋሂብዎም ኣብ ዝተፈላለዩ መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮ ተመዲቦም ክሰርሑ ምግባር
3. ክም ብሓዱሽ ኣብ ዝተቖረፀ ከይዲታት ስራሕ ተመዲቦም ክሰርሑ ሙሉእ ድልየት፣ ዝተቖራረበ ክእለትን ሞያዊ ምትእስሳርን ዘለዎም ሰራሕተኛታት ብውሱን ተኽታታሊ ስልጠና ዓቕሞም ብምጉልባት ምጥቃም።
4. ብመንፅር ግልጋሎቶምን ዕድመኦምን ካልኦት መምዘኒታትን ኣብቶም ከይዲ ታት ስራሕን ኣብ ካልኦት ኣብያተ ዕዮን ተመዲቦም ክገልግሉ ብቑዓትን ውዕዪታውን ዘይኾኑ ሰራሕተኛታት ብጡረታ ምስንባት፣
5. ኣብቲ ሓዱሽ ከይዲ ስራሕ ዘይተሓቐፉን ኣብ ካልኦት ኣብያተ ዕዮ ንምምዳብ'ውን ብመሰረት'ቲ ምዘኒ ብቕዓት ውዕዪታውን ዘይኾኑን ዕድመኦም ብመሰረት ሕገ-መንግስቲ መሰል ጡረታ ዘይረኽቡ እንተኾይኖም ሞያዊ ስልጠና ተዋሂቡዎምን ኩለ መዳያዊ ድጋፍ ተገይሩሎምን ናብረኦም ብባዕሎም ክመርሑ ይግበር፣
6. ካብ ቁፅሪ 1-5 ብዘለዉ ነጥብታት ዘይተኣናገዱ ሰራሕተኛታት ኣዋጅ ቑፅሪ 66/95 ዓንቀፅ 83 ንኡስ ዓንቀፅ 1 ፊደል "ሀ-ለ" ብዝእዝዞ መሰረት ክፍሊት እገሪ መትከሊ ተኽፊሊዎም ይሰናበቱ፣
7. ናይ ኮንትራት ሰራሕተኛታት ብመሰረት ዝኣተውዎ ስምምዕ ስራሕ ውዕል ምቁራፅ።

ክፍል አምስት

በድልድል ያልታቀፉ ሰራሕተኛች ሁኔታ

17. በድልድል ያልታቀፉ ሰራተኞች

በአንድ መስሪያቤት ባሉ የስራ ሂደቶች ያልተመደቡ ሰራተኞች በማህበራዊ ቀውስ በማይገቡበት፣ የክልሉ ሃብት በሚሸከምበት መጠንና በዚህ ክልል ህግ፣ መመሪያና አሰራር መሰረት ህይወታቸው የሚመሩበት ስርዓት ማመቻቸት ያስፈልጋል። በዚህ መሰረት የሚከተሉት አማራጮች ተግባራዊ ይሆናሉ።

1. የመንግስት ፖሊሲና ስትራቴጂ ለመተግበርና በለውጡ ውስጥ ለመስራት ብቃት ያላቸው ሰራተኞች በሌሎች መስሪያቤቶች ተመደበው የሚሰሩበት ሁኔታ ማመቻቸት፣
2. በእድሜ ወጣቶች የሆኑ በመምረጥ፣ የረዥም ጊዜ ስልጠና ተሰጥቷቸው በተለያዩ የመንግስት መስሪያቤቶች ተመደበው እንዲሰሩ ማድረግ፣
3. እንደአዲስ በተቀረፀው የስራ ሂደቶች ተመደበው እንዲሰሩ ሙሉ ፍላጎት፣ የተቀራረበ ችሎታና ሞያዊ መተሳሰር ያላቸው ሰራተኞች በውስን ተከታታይ ስልጠና አቅማቸው በማጎልበት መጠቀም፣
4. በአገልግሎታቸው እንዳር እድሜያቸውና ሌሎች መመዘኛዎች በስራ ሂደቶችና በሌሎች መስሪያቤቶች ተመድበው ለማገልገል በቁና ውጤታማ ያልሆኑ ሰራተኞች በጡረታ ማሰናበት፣
5. በአዲሱ የስራ ሂደት ያልታቀፉና በሌሎች መስሪያቤቶች ለመመደብም በዝቃት መመዘኛው ውጤታማ ያልሆኑና እድሜአቸው በህገ-መንግስት መሰረት የጡረታ መብት ያላገኙ ከሆነ የሞያ ስልጠና ተሰጥቷቸውና ሁለንተናዊ ድጋፍ ተደርጎላቸው ኑራቸው ራሳቸው እንዲመሩ ይደረጋል፣
6. ከቁጥር 1-5 ባሉ ነጥቦች በማይተናገዱ ሰራተኞች በአዋጅ ቁጥር 66/95 አንቀጽ 83 ንኡስ አንቀጽ 1 ፊደል "ሀ - ለ" በሚያዝዘው መሰረት ማቋረጫ ተከፍላቸው ይሰናበታሉ፣
7. የኮንትራት ሰራተኞች በገቡት ውል መሰረት የስራ ውላቸው ማቋረጥ።

www.abyssinialaw.com

18. ብዛዕባ ምጥያሽ ጊዚያዊ ክልላዊ ኮሚቴ ተግባረ አማራጺታት

ነብሲ ወከፍ ኣብያተ ዕዮ ግቡእ ሃፅሪ ድሕሪ ምክያድ ኣብ ከይዲታት ሰራሕ ሓደ ቤት ዕዮ ዘይትሓጮፉ ሰራሕተኛታት ኩነታቶም ንምምዮችው ኣብ ዓንቀፅ 17 ካብ 1 - 5 ዝተጠቐሱ አማራጺታት ተግባራዊ ብምግባር ውሕስነት መነባብሮኦም ንምርግጋፅ ንኽክኣል ብደረጃ ክልል እቲ ሰራሕ ዝመርሕን ዘተሓባብርን ሓደ ግዚያዊ ኣካል ኣማይሽካ ብሙሉእ ግዜኡ ክሰርሕ ምግባር ኣድላይ ብምኻኑ እዞም ዝስዕቡ ኣብያተ ዕዮ ዝሳተፉሉ ኮሚቴ ተጣይሹ'ሎ፡-

1. ኣባላት እቲ ኮሚቴ

ሀ. ቢሮ ህንፀት ዓቕሚ . . . . . ኣካቢ

ለ. ዘፈር ምዕባለ ሓይሊ ሰብ ቢሮ ህንፀት ዓቕሚ ብዘይድምሚ . . . . . ፀሓፊ

ሐ. ቢሮ ጉዳይ ሰራሕተኛን ማሕበራውን . . . . . ኣባል

መ. ቤት ፅሕፈት ርእሰ ምምሕዳር .. ኣባል

ረ. ቢሮ ፍትሒ . . . . . ኣባል

ሰ. ቢሮ ንግድን ኢንዱስትሪን . . .. ኣባል

ሸ. ቢሮ ፋይናንስን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን . . . . . ኣባል

ቀ. ፕሮጀክት ዋሃቢ ድጋፍ ዕድል ሰራሕ . . ..ኣባል

2. ሓላፍነት እቲ ኮሚቴ

ተፀዋዕነት'ቲ ኮሚቴ ንርእሰ ምምሕዳር ኮይኑ፡-

ሀ. ኣብ ነብሲ ወከፍ ከይዲታት ሰራሕ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ናይ ዘይተሓጮፉ ሰራሕተኛታት ዝርዝርን ብመሰረት'ቲ መምዘኒ ዝተገምገሙ መረዳእታን ይቕበል፣

ለ. ብመሰረት'ዚ ደንቢ ናብ ካልኦት ኣብያተ ዕዮ ዝምደቡ፣ ብጡረታ ዝግለሱን ንነዊሕ ግዜ ናብ ስልጠና ዝላኣኹን ፈልዩ ኣንፈት ይህብ፣

ሐ. ብጡረታ ዝግለሱ ሰራሕተኛታት ምስ በዓል መዚ ማሕበራዊ ውሕስነት ብምርኻብ ጡረቶኦም ዝረጋገፀሉ ኣሰራርሓ ብምዝርጋሕ ተግባራዊ የግብር፣

መ. ተንሳፈፍቲ ሰራሕተኛታት ናብ ካልኦት ኣብያተ ዕዮ ንምምዳብ በቢኣብያተ ዕየኡ ዘለዉ ዝርዝር ክፍቲ መደባት ሰራሕ ይእክብ፣ ሰራሕተኛታት ይምድብ፣

18. ስለ ኣማራጮች አስፈፃሚ ግዚያዊ ክልላዊ ኮሚቴ ማቋቋም

እያንዳንዱ መስሪያቤት ተገቢ ጥረት ካካሄደ በኃላ በእንድ መስሪያቤት የስራ ሂደቶች ያልታቀፉ ሰራተኞች ሁኔታቸው ለማመቻቸት በአንቀጽ 17 ከ1-5 የተጠቀሱ አማራጮች ተግባራዊ በማድረግ የኑሯቸው ዋስትና ማረጋገጥ አንዲችል በክልል ደረጃ ስራው የሚመራና የሚያስተባብር አንድ ጊዚያዊ አካል አቋቅሞ ሙሉ ጊዜውን አንዲሰራ ማድረግ አስፈላጊ በመሆኑ የሚከተሉት መስሪያቤቶች የሚሳተፉበት ኮሚቴ ተቋቁመዋል፡-

1. የኮሚቴው አባሎች

ሀ. የአቅም ግንባታ ቢሮ . ... ሰብሳቢ

ለ. የአቅም ግንባታ ቢሮ የሰው ሃይል ዕድገት ዘርፍ ያለድምፅ . . .. ፀሓፊ

ሐ. የሰራተኛና ማህበራዊ ጉዳይ ቢሮ ... አባል

መ. የርእሰ መስተዳደር ጽሕፈት ቤት . . አባል

ሠ. የፍትህ ቢሮ . . . . አባል

ረ. የንግድና ኢንዱስትሪ ቢሮ . ... አባል

ሰ. ቢሮ ፋይናንስና ኢኮኖሚያዊ ልማት ... አባል

ሸ. የስራ እድል ድጋፍ ሰጭ ፕሮጀክት..... አባል

2. የኮሚቴው ሓላፍነት

የኮሚቴው ተጠሪነት ለርእሰ መስተዳደሩ ሆኖ፡-

ሀ. በእያንዳንዱ የመንግስት መስሪያቤት የስራ ሂደቶች ያልታቀፉ ሰራተኞች ዝርዝርና በመመዘኛው መሰረት የተገመገሙበት ማስረጃ ይቀበላል፣

ለ. በዚህ ደንብ መሰረት ወደ ሌሎች መስሪያ ቤቶች የሚመደቡ በጡረታ የሚገለሱና ለረዥም ጊዜ ወደ ስልጠና የሚላኩ ለይቶ መመሪያ ይሰጣል፣

ሐ. በጡረታ የሚገለሱ ሰራተኞች ከማህበራዊ ዋስትና ባለስልጣን በመገናኘት ጡረታቸው የሚረጋገጥበት አሰራር በመዘርጋት ተግባራዊ ያስደርጋል፣

መ. ተንሳፋፊ ሰራተኞች ወደ ሌሎች መስሪያ ቤቶች ለመመደብ የመስሪያቤቱ ያሉ ዝርዝር ክፍት የስራ መደቦች ይለበስባል። ሰራተኞች ይመድባል፣

www.abyssinialaw.com

ረ. ውሕስነት ጡረታ ዘይረኸቡን ናብረኦም ብውልቀ ስራሖም ክመርሑ ዝተነፀሩን ብመሰረት ሕገ-መንግስቲ ዝግብኦም ጥቅሚ[20] ወይ ካሕሳ ክርኸቡ ይገብር፣ ንድልየቶም መበገሲ ዝገበረ ስልጠና ክረኸቡ ኘሮጀክት ኣዳሊዩ፣ ፈንድ ኣታኣሳሲኹን እኹል ግልጋሎት ልቓሕ ዝረኸቡሉ ባይታ ኣመቻችዩ ናብ ስራሕ ክዋፈሩ ይገብር።

ሰ. ግቡእ ውዕል ትምህርቲ ዘለዎም ሰራሕተኛታት ተተንሳፈፍም ውዕል ግዴቶኦም ክፍፅሙ ኣይግደዱን፣

ሸ. ኣቓዲሞም ብጥሮታ ብፍቓዶም ክወፁ ዝደልዩን ብፍቓዶም ክንከዩ ዝደልዩን ሰራሕተኛታት ኣግባብ ብዘለዎ ሕጊ ማሕበራዊ ውሕስና መሰረት ኣቓዲሞም ጥሮታ ዝወፅሉን ጥቅማ ጥቅሚን ዝኣመሰሉን ረኺቦም ዝሰናበትሉን ኩነታት የመቻቹ።

19. ስርዓት ኣቀራርባ ቅሬታ

ብምሽንያት መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ስራሕ ኣብ ዝተዝበረ ድልድል ዝለዓሉ ቅሬታት ብዝስዕብ ኣግባብ እናተረኣዩ ይፍፀሙ፦

1. ጥርዓን ምቕራብ፦

በቲ ድልድል ዘይተሰማምዐ ዝኾነ ሰራሕተኛ እቲ ድልድል ግልፂ ካብ ዝኾነሉ መዓልቲ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልትታት ቅሬትኡ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ቁፅሪ 2 ንዝተጣየሸ ኮሚቴ የቕርብ።

2. ምጥያሽ ኮሚቴ ሰማዒ ቅሬታ

ሕድ ሕድ ቤት ፅኑ ብምሽንያት መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ስራሕ ዝተገበረ ድልድል ዝለዓሉ ቅሬታት ኣግራቡ ውሳነ ሓሳብ ዘቕርብ 3 ኣባላት ዘለዉም ኮሚቴ የጣይሽ።

3. ውሳነ ሓሳብ ዝቕርበሉ ግዘ ገደብ

ኮሚቴ ሰማዒ ጥርዓን ጥርዓን ብፅሑፍ ካብ ዝቕረበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልቲ ውሳነ ሓሳብ ንላዕለዋይ ሓላፊ ክቕርብ ኣለዎ።

4. ላዕለዋይ ሓላፊ ውሳነ ዘፍልጠሉ ግዘ ገደብ

ላዕለዋይ ሓላፊ ውሳነ ሓሳብ ካብ ዝቕረበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 2 ማዓልቲ ናይ መወዳኣታ ውሳነ ክህብ ኣለዎ። ኣድላይ እንተኾይኑ ውሳኒኡ ንጥርዓን መቕረቢ ብፅሑፍ ክፍልጥ ኣለዎ።

ሠ. የጡረታ ዋስትና ያላገኙ ኑሯቸው በግል ስራቸው እንዲመሩ የተሰዩ በሀገ-መንግስት መሰረት የሚገባቸውን ጥቅም ወይም ካሳ እንዲያገኙ ይደረጋል። ፍላጎታቸው መነሻ ያደረገ ስልጠና እንዲያገኙ ፕሮጀክት አዘጋጅቶ፣ ፈንድ አፈላልጎ በቂ የብድር አገልግሎት የሚያገኙበት ሁኔታ አመቻችቶ ወደ ስራ እንዲሰማሩ ያደርጋል፣

ረ. የትምህርት የውል ግዴታ ያላቸው ሰራተኞች ከተንሳፈፉ የውል ግዴታቸው እንዲፈፀሙ አይገደዱም፣

ሰ. አስቀድሞው በፈቃዳቸው ጡረታ መውጣት የሚፈልጉና በፈቃዳቸው መቀነስ የሚፈልጉ ሰራተኞች አግባብ ባላቸው የማህበራዊ ዋስትና ህግ መሰረት አስቀድሞው ጡረታ የሚወጡበትና ጥቅማ ጥቅሞችን የመሳሰሉ አግኝተው የሚሰናበቱበት ሁኔታ ያመቻቻል።

19. የቅሬታ አቀራረብ ስርዓት

መሰረታዊ ለውጥ የስራ ሂደት በተደረገ ድልድል ምክንያት የሚነሱ ቅሬታዎች በሚከተለው አግባብ እየታዩ ይፈፀማሉ፣

1. አቤቱታ ማቅረብ

በድልድሉ ያልተሰማማ ማንኛውም ሰራተኛ ድልድሉ ከተገለፀበት ዕለት ጀምሮ በ5 ቀናት ውስጥ ቅሬታው በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 2 ለተቋቋመ ኮሚቴ ያቀርባል።

2. የቅሬታ ሰሚ ኮሚቴ ማቋቋም

እያንዳንዱ መስሪያ ቤት በመሰረታዊ ለውጥ የስራ ሂደት በተደረገ ድልድል ምክንያት የሚነሱ ቅሬታዎች አጣርቶ የውሳኔ ሃሳብ የሚያቀርብ 3 አባሎች ያሉው ኮሚቴ ያቋቁማል።

3. የውሳኔ ሃሳብ የሚቀርብበት የጊዜ ገደብ

የቅሬታ ሰሚ ኮሚቴ ቅሬታው በፅሑፍ ከቀረበበት ዕለት ጀምሮ በ5 ቀናት ውስጥ የውሳኔ ሃሳብ ለበላይ ሓላፊ ማቅረብ አለበት።

4. የበላይ ሓላፊ ውሳኔ የሚያሳወቅበት የጊዜ ገደብ

የበላይ ሓላፊ የውሳኔ ሃሳብ ከቀረበለት ዕለት ጀምሮ በ2 ቀናት ውስጥ የመጨረሻ ውሳኔ መስጠት አለበት። አስፈላጊ ከሆነ ውሳኔው ለቅሬታ አቅራቢው በፅሑፍ ማሳወቅ አለበት።

www.abyssinialaw.com

20. ይግባኒ ምቕራብ

ብውሳነ ቤት ዕዮኡ ዘይዓገበ ሰራሕተኛ ይግበኣኒ ጥርዓን ክቕርብ ዝኽእል ብዝስዕብ ኣግባብ'ዩ።

1. ምጥያሽ ኮሚቴ ሰማዒ ይግባኒ
ብውሳነ ቤት ዕዮኡም ዘይዓገቡ ሰራሕተኛታት ይግባኒ ሕቶኡም መርሚሩ ናይ መወዳእታ ውሳነ ዝህብ 3 ኣባላት ዘለውዎ ክልላዊ ኮሚቴ ብቢሮ ሀንፀት ዓቕሚ የጣይሽ።

2. ገደብ ግዘ ይግበኣኒ ጥርዓን መቕረቢ
ብቤት ዕዮኡ ዝተዋሃበ ውሳነ ዘይተሰማምዐ ሰራሕተኛ ውሳነ ካብ ዝተነገሮ ወይ ብፅሑፍ ካብ ዝበፀሐ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 2 ማዓልቲ ንክልል ይግበኣኒ ሰማዒ ኮሚቴ ብፅሑፍ ከመልክት ኣለዎ።

3. ናይ መወዳእታ ውሳነ ኮሚቴ ይግበኣኒ ዝህበሉ ግዘ ገደብ
ክልል ኮሚቴ ይግበኣኒ ሰማዒ ድማ መመልከቲ ይግበኣኒ ካብ ዝበፀሐ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 3 መዓልቲ ናይ መወዳእታ ውሳነ ክህብ ኣለዎ ክልል ኮሚቴ ዝህቦ ውሳነ ናይ መወዳእታ'ዩ።

21. ኣወዳድባ ስርዓት ቅሬታ ዞባን ወረዳን

ኣብ ዞባታትን ወረዳታት'ውን ኣብዚ ደንቢ ካብ ዓንቀፅ 19-20 ብዝተደንገገ መሰረት ኣወዳድባ ስርዓት ኣቀራርባ ቅሬታ ይህሉ።

22. መምርሒ ናይ ምውፃእ ስልጣን

ቢሮ ሀንፀት ዓቕሚ ነቲ ደንቢ ንምፍፃም ዘኽእል መምርሒ ክወፅእ ይኽእል።

23. እዚ ደንቢ ዝፀንዐሉ ግዜ

እዚ ደንቢ ካብ 17 ሓምለ 2000 ዓ.ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

መቐለ
፱ጋይ ፲፫ሀ

ፕረዝደንት ብሄራዊ ክልላዊ
መንግስቲ ትግራይ

20. ይግባኝ ማቅረብ

በመስሪያቤቱ ውሳኔ ያልረካ ሰራተኛ የይግባኝ አብየቱታው ማቅረብ የሚችለው በሚከተለው አግባብ ነው

1. የይግባኝ ሰሚ ኮሚቴ ማቋቋም
በመስሪያቤቱ ያልረኩ ሰራተኞች የይግባኝ ጥያቄአቸው መርምሮ የመጨረሻ ውሳኔ የሚሰጥ 3 አባሎች ያሉት ክልላዊ ኮሚቴ በአቅም ግንባታ ቢሮ ይቋቋማል።

2. የይግባኝ ቅሬታ የማቅረቢያ ጊዜ ገደብ
በመስሪያቤቱ የተሰጠው ውሳኔ ያልተሰማማ ሰራተኛ ውሳኔው ከተነገሮው ወይም በፅሑፍ ከደረሰው ዕለት ጀምሮ በ2 ቀን ውስጥ ለክልል ይግባኝ ሰሚ ኮሚቴ በፅሑፍ ማመልከት አለበት።

3. ይግባኝ ሰሚው ኮሚቴ የመጨረሻ ውሳኔ የሚሰጥበት ጊዜ ገደብ
የክልል ይግባኝ ሰሚ ኮሚቴ ዳግም የይግባኝ መልከቻ ከደረሰበት ዕለት ጀምሮ በ3 ቀናት ውስጥ የመጨረሻ ውሳኔ መሰጠት አለበት። የክልል ኮሚቴ የሰጠው ውሳኔ የመጨረሻ ይሆናል።

21. የዞንና የወረዳ የቅሬታ አደረጃጀት ስርዓት

በዞኖችና በወረዳዎች በዚህ ደንብ ከአንቀጽ 19-20 በተደነገገው መሰረት የቅሬታ አቀራረብ አደረጃጀት ስርዓት ይኖራል።

22. መመሪያ የማውጣት ስልጣን

የአቅም ግንባታ ቢሮ ደንቡን ማስፈፀም የሚያስችል መመሪያ ሊያወጣ ይችላል።

23. ደንቡ የሚፀናበት ጊዜ

ይህ ደንብ ከሐምሌ 17/2000 ዓ.ም ጀምሮ የፀና ይሆናል።

መቀሌ
፱ጋይ ፲፫ሀ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ
መንግስት ፕሬዚዳንት

www.abyssinialaw.com

ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 17ዓመት ቁ.1
መቐለ 20 ጥሪ 2001ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

17ኛ ዓመት ቁ.1
መቐለ ጥር 20/2001ዓ/ም

ኣዋጅ ቁፅሪ 158/2001 ዓ/ም
ኣብያተ ፍርዲ ሽሪዓ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምጥንኻር ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 133/1999 ንምምሕያሽ ዝወፀ ኣዋጅ

ኣብ ኣብያተ ቤት ፍርዲ ሽሪዓ ተመዲቦም ዝሰርሑ ቃዲታት ካብ ስራሕ ብጡረታ ዝወፅሉ ዕድመ ምስ ሕግታት ፌደራልን ካልኦት ክልላትን ተመሳሳሊ ምግባር ኣድላይ ኮይኑ ብምርካቡ።

ብመሰረት ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49(3)(ሀ) ቤት ምኽሪ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዚ ዝስዕብ መመሓየሺ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

1. ሓፂር ርእሲ

እዚ ኣዋጅ "ኣብያተ ፍርዲ ሽሪዓ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምጥንኻር ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 133/1999 ንምምሕያሽ ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 158/20001" ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

2. መመሓየሺ

ዓንቀፅ 23 ቃዲታት ካብ ስራሕ ብጡረታ ዝሰናበትሉ ዕድመ 65 ዓመት ይኸውን ዝብል ተሰሪዙ በዚ ዝስዕብ ተተኪኡ ኣሎ።

ናይ ሓደ ዋጋ ያንዱ ዋጋ	ብር7.72

አዋጅ ቁጥር 158/2001 ዓ/ም
የትግራይ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስት ሸሪዓ ፍርዲ ቤቶች ለማጠናከር የወጣ አዋጅ ቁጥር 133/1999 ለማሻሻል የወጣ አዋጅ

በሸሪዓ ፍርድ ቤቶች ተመድበው የሚሰሩ ቃዲዎች ከስራ በጡረታ ሚሰናበቱበት ዕድሜ ከፌደራልና ሌሎች ክልሎች ሕጎች ጋር ተመሳሳይ ማድረግ አስፈላጊ ሆኖ በመገኘቱ፣

የትግራይ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ሕገ-መንግስት አንቀፅ 49(3)(ሀ) መሰረት የሚከተለው የማሻሻያ አዋጅ አውጥቷል

1. አጭር ርእስ

ይህ አዋጅ "የትግራይ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስት ሸሪዓ ፍርድ ቤቶች ለማጠናከር የወጣ አዋጅ ቁጥር 133/1999 ለማሻሻል የወጣ አዋጅ ቁጥር 158/20001" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

2. ማሻሻያ

አንቀፅ 23 ቃዲዎች ከስራ በጡረታ የሚሰናበቱበት ዕድሜ 65 ዓመት ይሆናል የሚለው ተሰርዞ በሚከተለው ተተክቷል፡

ነጋሪት ጋዜጣ ቁ.ፖ.ሳ	291
ነጋሪት ጋዜጣ ፖ.ሳ.ቁ ዋጋ	291

www.abyssinialaw.com

"ዓንቀፅ 23 ቃዲታት ካብ ስራሕ ብጡረታ ዝሰናበትሉ ዕድመ 60 ዓመት ይኸውን።"

3. <u>ዝተሰዓሩ ሕግታ</u>

ምስ እዚ ኣዋጅ ዝጓነፅ ዝኾነ ኣዋጅ ፣ ደንብን መምርሕን በዚ ኣዋጅ ንዝተሸፈኑ ጉዳያት ተፈፃምነት የብሉን።

4. <u>እዚ ኣዋጅ ዝፀንብዐሉ ግዜ</u>

እዚ ኣዋጅ ካብ 20 ጥሪ 2001 ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

<u>መቐለ</u>

ፀጋይ በርሀ

ፕሬዚደንት ብሄራዊ
ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

"አንቀፅ 23 ቃዲዎች ከስራ በጡረታ የሚሰናበቱበት እድሜ 60 ዓመት ይሆናል።"

3. <u>የተሻሩ ሕጎች</u>

ከዚህ አዋጅ ጋር የሚቃረን ማንኛውም አዋጅ፣ ደንብና መምሪያ በዚህ አዋጅ ለተሸፈኑ ጉዳዮች ላይ ተፈፃምነት የለውም።

4. <u>አዋጁ የሚፀናበት ጊዜ</u>

ይህ አዋጅ ከጥር 20/2001 ዓ/ም ጀምሮ የፀና ይሆናል።

<u>መቀሌ</u>

ፀጋይ በርሀ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ
መንግስት ፕሬዚዳንት

www.abyssinialaw.com

ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 17ዓመት ቁ.2
መቐለ 24ሕዳር 2001ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

17ኛ ዓመት ቁ.2 ሕዳር 24/2001ዓ/ም

ኣዋጅ ቑፅሪ 159/2001 ዓ/ም
ኣብ 2001 በጀት ዓመት ናይ ኤጀንሲ ልምዓት ኣባይቲ ተወሳኺ በጀት ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

ኣብ 2001 በጀት ዓመት ኣብ ውሽጢ እዚ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ንዝፍፀሙ መንግስታዊ ስራሕትን ግልጋሎታትን ዝውዕል ተወሳኺ በጀት ብምፅዳኞ ኣብ ስራሕ ክውዕል ምግባር ኣድላይ ብምኻኑ፣

ብመሰረት ኣብ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝተዋደደ ፕሮግራም ልምዓት ኣባይቲ ንምስራሕ ልቓሕ መፅደቂ ኣዋጅ ቑፅሪ 120/1999 ዓንቀፅ 3 ከምኡ እውን ሕገ-መንግስቲ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49 (3)(ቸ) ኣብ ስራሕ ዝውዕል ዝስዕብ ተወሳኺ በጀት ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

1. ሓፂር ርእሲ

እዚ ኣዋጅ "ብኤጀንሲ ልምዓት ኣባይቲ ንዝህነፁ ናይ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ ተወሳኺ በጀት ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቑፅሪ 159/2001" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

2. መመሓየሺ

ካብ ሓምለ 1/2000 ክሳብ ሰነ 30/2001 ዓ/ም ኣብ ዘሎ በጀት ዓመት ካብ ዓዲ ውሽጢ ባንኪ ዝርከብ ልቓሕ ብር 472,901,292.00 እዩ።

ናይ ሓደ ዋጋ	ብር18.25
የንዱ ዋጋ	

ኣዋጅ ቁጥር 159/2001 ዓ/ም
የትግራይ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስት በ2001 በጀት ዓመት የቤቶች ልማት ኤጀንሲ ተጨማሪ በጀት ለመወሰን የወጣ ኣዋጅ

በ2001 በጀት ዓመት በትግራይ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስት ለሚሰሩ ሰራዎችና ኣገልግሎቶች ማስፈፀሚያ የሚውል ተጨማሪ በጀት ፀድቆ ስራ ላይ እንዲውል ማድረግ አስፈላጊ በመሆኑ፣

በትግራይ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስት የተቀናጀ የቤቶችች ልማት ፕሮግራም ቤቶችን ለመስራት የብድር ማፅደቂያ ዋጅ ቁጥር 120/1999 ዓንቀፅ 3 እንደዚሁም ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ብሂራዊ ክልላዊ ሕገ-መንግስት አንቀፅ 49 (3)(ተ) መሰረት ስራ ላይ የሚውል የሚከተለው ተጨማሪ በጀት አዋጅ አውጥታል ።

1. አጭር ርእስ

ይህ አዋጅ "በቤቶች ልማት ኤጀንሲ ለሚገነቡ የጋራ መኖሪያ ቤቶች ተጨማሪ በጀት ለመወሰን የዋጣ አዋጅ ቁጥር 159/2001" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

2. የበጀት ምንጭ

ከሓምሌ 1/2000 እስከ ሰኔ 30/2001 ላለው በጀት ዓመት ከአገር ውስጥ ባንክ ብድር የሚገኘውን ብር 472,901,292.00 ነው።

ነጋሪት ጋዜጣ ቑ.ፓ.ሳ	291
ነጋሪት ጋዜጣ ፓ.ሳ.ቁ	

www.abyssinialaw.com

3. **ድልድል በጀት**

ኣብ ናይ 2000 በጀት ዓመት ዝተጀመሩን ኣብ ከይዲ ንዘለውን ናይ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ ህንፀት መፈፀሚ ዝውዕል ተወሳኺ በጀት 472,901,292.00 ብር ፀዲቑ ኣሎ።

4. **እቲ ኣዋጅ ዝፀንዓሉ ግዜ**

እዚ ኣዋጅ ካብ 24 ሕዳር 2001 ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

መቐለ

ፀጋይ በርሀ

ፕሬዚደንት ብሄራዊ
ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

3. **የበጀት ድልድል**

በ2000 በጀት ዓመት ለተመጀሩና በሂደት ላይ ላሉ የጋራ መኖሪያ ቤቶች ግንባታ ማስፈፀሚያ የሚውል ተጨማሪ በጀት 472,901,292.00ብር ፀድቋል።

4. **ኣዋጁ የሚፀናበት**

ይህ ኣዋጅ ከሕዳር 24/2001 ዓ/ም ጀምሮ የፀና ይሆናል።

መቀሌ

ፀጋይ በርሀ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ
መንግስት ፕሬዚዳንት

www.abyssinialaw.com

ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 17ዓመት ቁ.3
መቐለ 24ሕዳር 2001ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

17ኛ ዓመት ቁ.3 ሕዳር 24/2001 ዓ/ም

አዋጅ ቁፅሪ 160/2001 ዓ/ም
ሓወልቲ ሰማእታትን ኣብ ትሕትኡ ዝርከቡ ትካላትን
ንብረትን ብመንግስቲ እዚ ክልል ንክመሓዳደር ዝተገበረ ስምምዕ መፅደቒ አዋጅ

ሓወልቲ ሰማእታት መግለፂ ህዝባዊ ተጋድሎን ፅንዓት መሪር ቃልስን ህዝቢ ትግራይ ህያው ምስክር ኾይኑ ትካላዊ መልክዕ ሒዙ ክቕፅል ስለዝተኣመነሉ፣

ዕላማታት ህዝባዊ ወያነናን ሕድሪ ስውኣትናን ንቕድሚት እናሰጎመ ዝቕፅል ትካል ክኸውን ብህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይ እንትመሓደር ምኻኑ ብፅንዓት ስለዝተኣመነሉ።

ነዚ ዕላማ እዚ ንምዕዋት መቐለ ዝርከብ ሓወልቲ ሰማእታትን ምስ ኣብ ትሕትኡ ዝርከብ ንብረትን ትካላትን መንግስቲ እዚ ክልል ከመሓዳድሮ ኣብ መንነ ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ እዚ ክልልን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ስምምዕ ርክክብ ስለ ዝተፈረመ፣

ብመሰረት ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/ሀ/ እዚ ዝስዕብ ኣዋጅ ተኣዊጁ ኣሎ።

አዋጅ ቁጥር 160/2001
የሰማዕታት ሓወልትና በስሩ የሚገኙ ንብረቶችና ተቋማት በክልሉ መንግስት እንዲተዳደር የተደረገውን ስምምነት ማፅደቂያ አዋጅ

የሰማዕታት ሓወልት የትግራይ ህዝብ የህዝባዊ ተጋድሎውና መራራ ትግል ፅናት መገለጫ ህያው ምስክር ሆኖ ተቋማዊ መልክ ይዞ መቀጠል እንዳለበት ስለታመነበት፣

የህዝባዊው ኣብዮት ዓላማዎችና የሰማዕታት አደራ ወደፊት እያራመደ ቀጣይነት ያለው ተቋም የሚሆነው በትግራይ ህዝብና መንግስት ስር እንዲተዳደር በማድረግ መሆኑን በፅናት ስለታመነበት፣

ይህንን ዓላማ ዕውን ለማድረግ መቀሌ የሚገኘው የሰማዕታት ሓወልትና በስሩ የሚገኝ ሌሎች ንብረቶችና ተቋማት የክልሉ መንግትስት እንዲ ያስተዳድረው በክልሉ ስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት እና በህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ መካከል የርክክብ ስምምነት በመፈረሙ፣

ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ህገ-መንግስት አንቀፅ 49/3/ሀ/ መሰረት የሚከተለው አዋጅ ታውጇዋል።

ናይ ሓደ ዋጋ ብር 18.25
ያንዱ ዋጋ

ነጋሪት ጋዜጣ ቁ.ፓ.ሳ 291
ነጋሪት ጋዜጣ ፓ.ሳ.ቁ

www.abyssinialaw.com

1. **<u>ሓፂር ርእሲ</u>**
እዚ ኣዋጅ "ሓወልቲ ሰማእታትን ኣብ ትሕቲኡ ዝርከቡ ንብረትን ትካላትን ብመንግስቲ እዚ ክልል ንክመሓደር ዝተገበረ ስምምዕ መዕደቒ ኣዋጅ ቁፅሪ 160/2001ዓ/ም" ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

2. **<u>ምፅዳቅ እቲ ስምምዕ</u>**
ኣብ መንነ ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ክልል ትግራይን ህወሓትን ሓወልቲ ሰማእታትን ኣብ ትሕቲኡ ዝርከቡ ትካላትን ንብረታትን ብመንግስቲ እዚ ክልል ክመሓዳደር ዝተገበረ ስምምዕ ፀዲቑ ኣሎ።

3. **<u>ስልጣን ዝምልከቶም ፈፀምቲ ኣካላት</u>**
ኣብቲ ስምምዕ ዝተኻተቱ ዝምልከቶም ፈፀምቲ ኣካላት እዚ ክልል በቢ ስራሕ ዘርፎም እቲ ስምምዕ ኣብ ስራሕ ክውዕል ናይ ምግባር ሓላፍነት በዚ ኣዋጅ ተዋሂብዎም ኣሎ።

4. **<u>እቲ ኣወጅ ዝፀንዓሉ ጊዜ</u>**
እዚ ኣዋጅ ካብ 24 ሕዳር 2001ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

<u>መቐለ</u>
ፀጋይ በርሀ

ፕሬዚደንት ብሄራዊ
ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

1. **<u>ኣጭር ርእስ</u>**
ይህ ኣዋጅ "የስማዕታት ሓወልትና በስሩ የሚገኝ ንብረትና ተቋማት በክልሉ መንግስት እንዲተዳደር የተደረገውን ስምምነት ማፅደቅያ ኣዋጅ ቁጥር 160/200" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል፣

2. **<u>ስምምነቱ ስለመፅደቅ</u>**
በክልሉ ስራ አስፈፃሚ ምክር ቤትና በህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ መካከል የተፈረመው የሰማዕታት ሓወልትና በስሩ የሚገኙ ተቋማትና ንብረት በክልሉ መንግስት እንዲተዳደር የተደረገው ስምምነት ጸድቋል።

3. **<u>የሚመለከታቸው አስፈፃሚ ኣካላት ስልጣን</u>**
በስምምነቱ የተካተቱት የሚመለከታቸው የክልሉ አስፈፃሚ አካላት በየስራ መስካቸው ስምምነቱ በስራ ላይ እንዲውል የማድረግ ሓላፍነት በዚህ ኣዋጅ ተሰጥቷቸል።

4. **<u>ኣዋጁ የሚፀናበት</u>**
ይህ ኣዋጅ ከሕዳር 24/2001ዓ/ም ጀምሮ የፀና ይሆናል።

<u>መቀሌ</u>
ፀጋይ በርሀ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ
መንግስት ፕሬዚዳንት

www.abyssinialaw.com

ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 17ዓመት ቁ.4
መቐለ 20 ጥሪ 2001ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሂራዊክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
ዝወፀ

17ኛ ዓመት ቁ.4 መቀሌ
ጥር 20/2001 ዓ/ም

አዋጅ ቁፅሪ 161/2001 ዓ/ም
ማእኸል ሓወልቲ ሰማእታት ትግራይ ንምጥያሽን ምምሕዳሩ ንምውሳንን ዝወፀ አዋጅ

ሓወልቲ ሰማእታት ትግራይ ህያው ምስክርን መግለፂ ዕንዓትን ህዝባዊ ተጋድሎን መሪር ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ኮይኑ ክቕፅል ስለዘለዎ፣

እዚ ትካል ዕላማታት ህዝባዊ ወያነናን ሕድሪ ሰማእታትን ንቕድሚት ዘሰጉሞ ዘላቒ ትካል ክኸውን ከም ዘለዎ ብምእማን፣

ማእኸል ምርምርን መዕናዕትን ብምኻን ኣብ ልምዓት፣ ቋንቋ ፣ ታሪኽን ባህልን እዚ ክልልን ህዝቢ ትግራይን ከምኡ እውን እዚ ሃገር ኣወንታዊ ብዕሒቱ ከበርክት ከም ዘለዎ ስለዝተኣመነሉ፣

ነዚ ዕላማ ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ ኣብ ከተማ መቐለ ዓዲ ሓቂ ኣብ ዝበሃል ቦታ ዝርከብ ሓወልቲ ሰማእታት ምስ ኣብ ትሕቲኡ ዝርከቡ ንብረታትን ትካላቱን መንግስቲ እዚ ክልል ብሓደራ ተረኺቡ ከማሕድሮ ስምምዕ ምግባሩን እቲ ስምምዕ ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ብኣዋጅ ቁፅሪ 160/2001 ዓ/ም 24 ሕዳር 2001ዓ/ም ኣብ ዝገበሮ ኣኼባ ዘፅደቖ ብምኻኑ፣

አዋጅ ቁጥር 161/2001
የትግራይ የሰማእታት ሓወልት ማዕከል ለማቋቋማና አስተዳደሩን ለመወሰን የወጣ አዋጅ

የትግራይ ሰማእታት ሓውልት የህዝባዊው ተጋድሎና የመራራ ትግል ፅናት መገለጫ ህያው ምስክር ሆኖ መቀጠል ስላለበት፣

ተቋሙ የህዝባዊው ኣብዮት ዓለማዎችና የሰማእታት አደራ ወደፊት የሚያራምድ ዘላቂ ተቋም መሆን እንዳለበት በማመን፣

የጥናትና ምርምር ማዕከል በመሆን በክልሉ እና ሃገሪቱ የልማት፣ ቋንቋ፣ ታሪክና ባህል እንቅስቃሴ አወንታዊ ድርሻውን መወጣት እንዳለበት ስለታመነበት፣

ይህንን ዓላማ እግቡ ለማድረስ በመቀለ ከተማ/ዓዲ ሓቂ በሚባል ቦታ የሚገኘው የሰማዕታት ሓወልትና በስሩ የሚገኙ ንብረቶችና ተቋማት የክልሉ መንግስት በአደራ ተረክቦ እንዲያስተዳድረው ስምምነት መደረጉንና ስምምነቱም የትግራይ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት በአዋጅ ቁጥር 160/2001 ዓ/ም ሕዳር 24/2001 ዓ/ም ባደረገው ስብሰባ ያጸደቀው በመሆኑ፣

ናይ ሓደ ዋጋ ብር 7.72
ያንዱ ዋጋ

ነጋሪት ጋዜጣ ቁ.ፓ.ሳ
ነጋሪት ጋዜጣ ፓ.ሳ.ቁ 291

www.abyssinialaw.com

ብመሰረት ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/ሀ/ ዝስዕብ ተኣዊጁ ኣሎ።

ክፍሊ ሓደ

ሓፈሻዊ

1. ሓፂር ርእሲ

እዚ ኣዋጅ "ማእኸል ሕድሪ ወለዶ ትግራይ ንምጥያሽን ምምሕድዳሩ ንምውሳንን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 161/2001ዓ/ም" ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

2. ምጥያሽ

1. ማእኸል ትካል ሕድሪ ወለዶ ትግራይ ድሕሪ እዚ "ማእኸል" እናተብሃለ ዝፅዋዕ ዓርሱ ዝኽእል ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ትካል ኮይኑ በዚ ኣዋጅ ተጣይሹ ኣሎ።
2. እዚ ማእኸል ናይ ባዕሉ ማሕተምን ምእንቲ ምርግጋፅ ሰብኣውን ዲሞክራዊያውን መሰላት ፣ ልምዓት፣ ፍትሕን ሰላምን ህዝብናን ሃገርናን ክቡር ሂወቶም ዘወፈዩ ጀጋኑ ሰማእታት ታሪኽን ገድሎምን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝሰጋገር ዘልኣለማዊ ክብሪ ከም ዘለዎ ዘረጋገፅ ብቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ክልል ትግራይ ዝፀደቐ መፍለይ ምልክት /ኣርማ/ ይህልዎ፣
3. ተፀዋዕነት እዚ ማእኸል ንርእሰ ምምሕድዳር ይኸውን፣

3. ዋና ቤት ፅሕፈት

1. ዋና ቤት ፅሕፈት እቲ ማእኸል ኣብ ከተማ መቐለ ይኸውን፣
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ ከም ዘሎ ኮይኑ ስራሕቱ ንምስላጥ ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብ ብውሳነ ቦርድ በዓል ሕድሪ እቲ ማእኸል ጨንፈር ቤት ፅሕፈት ክኸፍት ይኽእል።

4. ዕላማ

1. ዕላማታት ህዝቢ ትግራይን ንዐኦም ንምዕዋት ዝተገበረ ቃልስን ዝተኸፈለ መስዋእትን ህያው ኮይኑ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክሰጋገርን መግለፂ ልምዓት ፣ ዲሞክራሰን ሰናይ ምምሕድዳርን ኮይኑ ክኽቅፅል ዓብዪተራ ንምዕዋት፣
2. ማእኸል ምርምርን መፅናዕትን ብምኻን ቋንቋ

ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ሕገ-መንግስት አንቀፅ 49/3/ሀ/ የሚከተለው ታውጇል።

ክፍል አንድ

ጠቅላላ

1. አጭር ርእስ

ይህ አዋጅ "የትግራይ የትውልድ ባለአደራ ማዕከል ለማቋቋምና አስተዳደሩን ለመወሰን የወጣ አዋጅ ቁጥር 161/2001ዓ/ም" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

2. መቋቋም

1. የትግራይ የትውልድ ባለአደራ ማዕከል ከዚህ በኃላ "ማዕከል" እየተባለ የሚጠራ ራሱን የቻለ የህግ ሰውነት ያለው ተቋም ሆኖ በዚህ አዋጅ ተቋቁሟል፣
2. ማዕከሉ የራሱ ማሕተምና የህዝብን ሰብኣዊና ዲሞክራሲያዊ መብቶች እንዲረጋገጡ፣ ለልማት፣ ፍትሕና ሰላም ሲሉ ክቡር ህይወታቸውን የከፈሉ ጅግኖች ሰማዕት ታሪክና ገድላኣቸው ክትውልድ ወደ ትውልድ የሚሸጋገር ዘለኣለማዊ ክብር እንዳለው የሚያረጋግጥ በክልሉ ስራ ኣፈጻሚ ምክር ቤት የሚጸድቅ መለያ ምልክት /አርማ ይኖረዋል፣
3. የማዕከሉ ተጠሪነት ለርእሰ መስተዳድሩ ይሆናል።

3. ዋና ቤት ፅሕፈት

1. የማዕከሉ ዋና መስሪያቤት በመቀሌ ከተማ ይሆናል፣
2. በዚህ አንቀጽ ንኡስ ኣንቀፅ 1 የተገለጸው እንደተጠበቀ ሆኖ ለስራው ቅልጥፍና ኣስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ በባለ አደራው ቦርድ ውሳኔ ማዕከሉ ቅርንጫፍ መስሪያቤት ሊከፍት ይችላል።

4. ዓላማ

1. ማዕከሉ የትግራይ ህዝብ ዓላማና እነዚህ ዓላማዎችን ለማሳካት የተደረገው ትግልና የተከፈለው መስዋዕትነት ህያው ሆኖ ከትውልድ ወደ ትውልድ እንዲሸጋገርና የልማት ፣ ዲሞክራሲና መልካም አስተዳደር መግለጫ ሆኖ እንዲቀጥል ድርሻውን ለመወጣት፣
2. የምርምርና ጥናት ማዕከል በመሆን የክልሉ ህዝብ

www.abyssinialaw.com

፣ታሪኽን ባህልን ህዝቢ እዚ ክልል ኣብ ምምዕባል ርኡይ ኣስተዋፅኦ ብምግባር ታሪኽን ባህልን ህዝቢ ትግራይ ምዕቃብ፣ ምፍላጥን ምስፍሕፋሕን፣

3. ዕላማ እዚ ማእኸል ቀፃልነት ክህልዎ ዘረጋግፅ ሓንዝ ገንዘብን ንብረትን ከምኡ እውን ፍልፍል እቶት ዝረኽበሉ መንገዲ ምምቻቻው
4. ካልኦት በቲ ስምምዕ ቃል ዝኣተውሎም ጉባኣትን ተግባራትን ምፍፃም።

ክፍሊ ክልተ

ስልጣንን ተግባርን ኣመራርሓን እቲ ማእኸል

5. ስልጣንን ተግባርን እቲ ማእኸል

እዚ ማእኸል፡-

1. ሓወልቲ ሰማእታትን ኣብ ብትሕቲኡ ዝርከቡ ኣዳራሽ ፣ ሙዝየም ፣ ቤተመፃሕፍቲ፣ መዘናግዕን ካልኦት ንብረታትን ክፍልታትን እቲ ማእኸል የመሓዳድር ፣ ይከናኸን፣ የመሓይሽ፣ የሰፋሕፍሕ፣ ንተጠቃማይ ግልጋሎት ክህብ ይገብር፣
2. ዕላምኡ መሰረት ዝገበረ ስራሕቲ ምርምርን መፅናዕትን የካይድ ፣ ክካየድ ይገብር፣
3. ኣብ ታሪኽ ፣ ባህልን ህዝባዊ ቃልስን ልዑል መፅናዕትን ምርምርን ንዝገበሩ ሽልማት ዝረኽብሉን ዝተባብዕሉን ኩነታት ይፍጥር፣
4. ሃፍቲ መረዳእታታት ሕሉፍ ቃልሲ እዚ ክልል ብምትእኽኻብ ፣ ብምውዳብን ብምክንኻን ሓልዩ ንመፅናዕትን ምርምርምን ከምኡ እውን ንመጣዋሲ /ሪፈረንስ/ ግልጋሎት ክቐርብ ይገብር፣
5. ሕሉፍ ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ንቀፃሊ መሰረት ቃልሲ ልምዓት ፣ ዲሞክራሲን ሰናይ ምምሕዳርን ክኸውን ግንዛበን ፍልጠትን ዘዕብዩ ኤግዚቪሽን የዳሉ፣ ሙዝየም ማዕከል ዶክመንቴሽን ሓበሬታን የጣይሽ፣
6. ኣብዚ ክልል ኮነ ሃገርና ካብ ዝርከቡ ቤተ መዛግብቲ፣ በተ መፃሕፍትን ማእኸላት ዶክመንተሽንን ካልኦት ሓበሬታ ወሃብቲ ኣካላት ናይ ሓባር ርክብ ብምፍጣር ሃፍቲ መረዳእታ እዚ ታሪክ ፣ ባህልና ቋንቋ በማሳደግ ጉልህ ኣስተዋፅኦ በማድረግ የትግራይ ህዝብ ታሪክና ባህል ማቀብ ፣ ማስተዋወቅ፣ ማመቻቸት
3. የማዕከሉ ዓላማ ቀጣይነት እንዲኖረው ለማረጋገጥ የገንዘብና ንብረት ድጋፍ እንዲሁም የገቢ ምንጭ የሚያገኝበት መንገድ ማረጋገጥ፣
4. ሊሎች በስምምነቱ ቃል የተገባላቸው ግዴታዎችና ተግባራት መፈፀም።

ክፍል ሁለት

የማዕከሉ ስልጣንና ተግባር እና አመራር

5. የማእከሉ ስልጣንና ተግባር

ማዕከሉ፡-

1. ማዕከሉ የሰማዕታት ሓውልትና ከስሩ የሚገኙ ኣዳራሽ፣ ሙዝየም፣ መፃሕፍት ቤት ፣ መዝናኛና ሌሎች ንብረቶችና ክፍሎች ያስተዳድራል፣ ይንከባከባል፣ ያሻሽላል፣ ያስፋፋል፣ ለተጠቃሚዎች አገልግሎት እንዲሰጥ ያደርጋል፣
2. ዓላማውን መሰረት ያደረገ የጥናት እና ምርምር ስራዎች ያካሂዳል፣ እንዲካሄድ ያደርጋል፣
3. በህዝቡ ታሪክ ፣ ባህልና ህዝባዊ ትግል የላቀ ጥናትና ምርምር ላደረጉ ሰዎች ሽልማት የሚያገኙበትና የሚበረታቱበት ሁኔታ ይፈጥራል፣
4. የክልሉ ያለፈው የትግል የመረጀ ሃብት በማሰባሰብ ፣ በማደራጀትና በመንከባከብ ጠብቆ ለጥናት እና ምርምር እንዲሁም መጣቀሻ /ሪፈረንስ/ አገልግሎት እንዲቀርብ ያደርጋል፣
5. የትግራይ ህዝብ የትግል ታሪክ ለቀጣዩ የልማት ፣ ሰላም፣ ዲሞክራሲና መልካም አስተዳደር መሰረት እንዲሆን ግንዛቤና ዕውቀት የሚያሳዱጉ ኤግቪሽን ያዘጋጃል፣ ሙዝየም እና የደክመንቴሽንና የመረጃ ማዕከል ያቋቁማል፣
6. በክልሉም ሆነ በሃገሪቱ ከሚገኙ ቤተ መዛግብት ፣ ቤተ መፃሕፍት፣ የዶክመንቴሽን ማዕከላትና በሌሎች መረጃ ሰጪ አካላት መካከል የጋራ ትብብር በመፍጠር የክልሉ የመረጃ ሃብት ወጥነት ባለው ሁኔታ ያደራጃል ፣ የመረጃ

www.abyssinialaw.com

ክልል ተመሳሳልነት ብዘለዎ ኩነታት ይውድብ ፣ ባንኪ መረዳእታ /ዳታ ቤዝ/ ይፈጥር ፣ ምስ ዝምልከቶም ብምኻን ብኣግባቡን ብዝሰለጠን ሜላ ንምዋቃም ዘኽእል ክልላዊ ስርዓት መረዳእታ ይዝርግሕ፣

7. ኣብዚ ክልል ካብ ዝርከብ ዝኾነ መንግስታዊ ትካል ዝፍልፍሉ ሪከርድታት ናብቲ ማእኸል ቅድሚ ምዝዋሮም ኣብ ዘለውሉ ኣካል ኣብ እኹል ቦታ ብዘተኣማምን ኩነታትን ክተሓዙ ይገብር ፣ ተግባሮም ዝወድኡ ሪከርድታት ኣብያተ ዕዮን በዓል ዋና ዘይብሎም መዛግብቲ ናብቲ ማእኸል ክዛወሩ ይገብር፣ ይከናኸን፣

8. ነቲ ሕብረተሰብ ከምህሩን ከዛናግዑን ዝኽእሉ ባህላውን ዘመናውን ስራሕቲ ኪነ ጥበብ መቕረቢ መድረኽ ብምኻኑ የገልግል፣

9. ዝተፈላለዩ ኣካላት ብፍላይ ድማ ኣብያተ ምኽርታትን ፈፀምቲ ኣካላትን ንኣባላቶምን ካልኦት ተሳተፍትን ዘዳልውዎም ኣኼባታት ፣ ዋዕላታትን፣ ሰሚናራትን የተኣናግድ፣

10. እቲ ማእኸል መስሕብ ቱሪዝም ክኸውን ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምኻን ብበዓሕቲ /ንብነይቲ/ ክፍለጥ ይገብር፣

11. ንዝህቦ ግልግሎት ብመሰረት ቦርድ በዓል ሕድሪ ዘውፅኡ ተመን ግልጋሎት ክፍሊት የኽፍል፣

12. እቶቱ ንምምዕባለ ኣብ ዝሕግዙ ተግባራት ይሳተፍ፣

13. መንግስቲ እዚ ክልል ነዚ ትካል እንትርከብ ዝኣተዎ ስምምዕ ተግባራዊ ይገብር፣ ብመሰረት እቲ ስምምዕ ጉቡኡ ይፍፀም፣

14. ምስ ዕላምኡ ዝተጉዳዘሉ ካልኦት ተዛመድቲ ተግባራት ይፍፅም።

6. <u>ኣመራርሓ እዚ ማእኸል</u>

እዚ ማእኸል፡-

1. ቦርድ በዓል ሕድሪ/Board Of Trustees/፣

ባንክ /ዳታ ቤዝ/ ይፈጥራል ፣ ከሚመለከተው ጋር በመሆን በአግባቡና በተቀላጠፈ ዘዴ ለመጠቀም የሚያስችል ክልላዊ መረጃ ስርዓት ይዘረጋል፣

7. በክልሉ ከሚገኙ ማንኛውም መንግስታዊ ተቋም የመነጩ ሪከርዶች ወደ ማዕከሉ ከመዛወራቸው በፊት በያሉበት ተቋም በበቂ ቦታና አስተማማኝ ሁኔታ እንዲያዙ ያደርጋል፣ ተግባራቸውን ያቋረጡ የመስረያ ቤቶችን ሪከርዶችና ባለቤት የሌላቸውን መዛግብት ወደ ማዕከሉ እንዲዛወሩ ያደርጋል፣ ይንከባከባል፣

8. ሕብረተሰቡን ሊያስተምሩና ሊያዝናኑ የሚችሉ ባህላዊና ዘመናዊ የኪነጥበብ ስራዎች ማቅረቢያ መድረክ በመሆን ያገልግላል፣

9. ልዩ ልዩ አካላት በተላይ ምክር ቤቶችና አስፈፃሚ አካላት ለአባሎቻቸውና ለሌሎችም ተሳታፊዎች የሚያዘጋጅዋቸውን ሰብሰባዎች፣ ሰሚናሮችና ወርክሾፖች ያስተናግዳል፣

10. ማዕከሉ ለቱሪዝም መሰሕብ እንዲሆን ከሚመለከታቸው አካላት ጋር በመሆን በጎብኝዎች እንዲታወቅ ያደርጋል፣

11. የባለአደራው ቦርድ በሚያወጣው ተመን መሰረት ለሚሰጠው አገልግሎት ክፍያ ያስከፍላል፣

12. ገቢውን ለማሳደግ በሚያስችሉ ተግባራት ይሳተፋል፣

13. የክልሉ መንግስት ተቋሙን ሲረከብ የገባውን ስምምነት ተግባራዊ ያደርጋል፣ በሰምምነቱ መሰረት ግዴታውን ይፈፅማል፣

14. ከዓላማው ጋር የተያያዙ ሌሎች ተዛማጅ ተግባራት ይፈጽማል።

6. <u>የማዕከሉ አመራር</u>

ማዕከሉ፡-

1. የባለ አደራ ቦርድ፣

2. ዋና መካየዲ ስራሕ፣
3. ኣድለይቲ ስራሕተኛታት ይህልውዎ፣

7. ምጥያሽ ቦርድ በዓል ሕድሪ

1. ነዚ ማእኸል ብላዕለዋይነት ዝመርሕ ቦርድ በዓል ሕድሪ/ድሕሪ እዚ ቦርድ እናተብሃላ ዝፅዋዕ/ በዚ ኣዋጅ ተጣይሹ ኣሎ።
2. ተፀዋዕነት እቲ ቦርድ ንርእሰ ምምሕድዳር ክልል ትግራይ ኮይኑ ነቲ ኣካቢ ሓዊሱ ብርእሰ ምምሕዳር ዝሰየሙ ኣባላት ይህልውዎ፣ በዓል ዋና እዚ ትካል ብዘሳትፍ መልክዑ ተዋፅኦኦምን በዝሓምን ከም ኣድላይነቱ ይውስን፣
3. ዘበን ስራሕ ሕድ ሕድ ኣባል ቦርድ ሓሙሽተ ዓመት ኮይኑ ርእሰ ምምሕዳር እንተኣሚንሉ ንካልኣይ ግዜ ክስየም ይኽእል፣
4. መካየዲ ስራሕ እቲ ማእኸል ኣባል ቦርድ ኮይኑ ክሰርሕ ይኽእል።

8. ስልጣንን ተግባርን ቦርድ

1. ናይ ሓፂር ፣ ማእኸላይን ነዊሕን ትልሚ እቲ ማእኸል የፅድቅ ፣ ዝወፁ ፖሊሲታትን መደባትን ውዕኢታዊ ብዝኾነ መንገዲ ይትግበሩ ምህላዎም የረጋግፅ፣
2. ሓፈሻዊ ስራሕቲ እቲ ማእኸል ብላዕለዋይነት ይመርሕ ፣ ይቆፃፀር ፣ ብመሰረት ዕላምኡ ይሰርሕ ምህላው የረጋግፅ፣
3. መሓውርን ስራሕ ትልምን እቲ ማእከል ከምኡ እውን ዓመታዊ በጀትን ሪፖርትን የፅድቅ ፣ ናብ ዝምልከቶ ኣካል መንግስቲ ክቐርብ ይውስን።
4. ዋና መካየዲ ስራሐን ከም ኣድላይነቱ ምክትል ስራሕ መካየድን እቲ ማዕከል ይስይም፣
5. ኣመራርሓን ሰራሕተኛታትን እቲ ማእኸል ዝመሓደርሉ መምርሒ የፅድቅ፣ ነቲ ዋና ስራሕ መካየዲ ተፀዋዕቲ ዝኾኑ ሓለፍቲ እቲ ማእኸል ቁፃርን ምደባን የፅድቅ፣
6. ምምሕድዳር ፋይናንስን ንብረትን እቲ ማእኸል ዝምልከት መምርሒ የፅድቅ ፣ ኣፈፃፅምኡ ይከታተል፣

2. ዋና ስራ ኣስኪያጅ፣
3. ኣስፈላጊ የሆኑ ሰራተኞች ይኖሩታል።

7. የባለአደራ ቦርድ መቋቋም

1. ማዕከሉን በበላየነት የሚመራ ባለአደራ ቦርድ ከዚህ በኃላ ቦርድ እየተባለ የሚጠራ በዚህ አዋጅ ተቋቁማል፣
2. የቦርዱ ተጠሪነት ለክልሉ ርእሰ መስተዳድር ሆኖ ሰብሳቢውን ጨምሮ በርእሰ መስተዳድሩ የሚሰየሙ አባላት ይኖሩታል፣ የተቋሙን ባለቤት በሚያሳትፍ መልኩ ተዋጽኦቸውና ቁጥራቸው እንደ አስፈላጊነቱ ይወሰናል፣
3. የቦርድ አባላት የስራ ዘመን አምስት አመት ሆኖ ርእሰ መስተዳድሩ ካመነበት ለሁለተኛ ግዜ መሰየም ይችላል፣
4. የማዕከሉ ስራ አስኪያጅ የቦርድ አባል ሆኖ ሊሰራ ይችላል፣

8. የባለአደራ ቦርድ ስልጣንና ተግባር

1. የማዕከሉ የአጭር ፣ መካከለኛና ረዥም ጊዜ ዕቅድ ያጸድቃል ፣ ያወጡት ፖሊሲዎችና ፕሮግራሞች ውጤታማ በሆነ መንገድ መተግበራቸውን ያረጋግጣል፣
2. የማእከሉን አጠቃላይ ስራዎች በበላየነት ይመራል ፣ ይቆጣጠራል ፣ በዓላማው መሰረት እየሰራ መሆኑን ያረጋግጣል፣
3. የማዕከሉን መዋቅርና የስራ ፕሮግራም እንዲሁም ዓመታዊ በጀትና ሪፖርት ያጸድቃል፣ ለሚመለከተው የመንግስት አካል እንዲቀርብ ይወሰናል፣
4. የማዕከሉ ስራ አስኪያጅና እንደአስፈላጊነቱ ምክትል ስራ ኣስኪያጅ ይሰይማል፣
5. የማዕከሉ ማኔጅመንትና ሰራተኞች የሚተዳደሩበትን መመሪያ ያጸድቃል፣ ለዋናው ስራ አስኪያጅ ተጠሪ የሆኑትን የማእከሉ ሓላፊዎች ቅጥርና ምደባ ያጸድቃል፣
6. የማዕከሉ የፋይናንስና ንብረት አስተዳደር መመሪያ ያጸድቃል፣ አፈፃፀሙ ይከታተላል፣

7. ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 12 ንኡስ ኣንቀፅ 3 ካብ ዝተመልከተ ፍሉይ ፈንድ ዝተፈቐደ ክፍሊት ዝፍፀመሉ ስርዓት ዝምልከት ዝርዝር መምርሒ የውፅእ፣
8. ኩነታት ፋይናንስን ንብረትን ከምኡ እውን ኣሰራርሓን ኣፈፃፅማን እቲ ማዕከል ዝምልከት ሪፖርት እንተወሓደ ኣብ ዓመት ሓደ ግዘ ክቀርበሉ ይገብር፣ ኣድላይ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ሒሳብን ሰነዳትን እቲ ማዕኸል ብናይ ደገ ኦዲተር ክምርመር ይገብር፣ ኣብዚ ኣመልኪቱ ውሳነታት የሕልፍ፣
9. ተግባራት ስራሕ መካየዲ እቲ ማእኸል ብቐረባ ይከታተል፣ ይቆፃፀር ፣ የሰናብት፣

9. ኣኼባ ቦርድ በዓል ሕድሪ

1. እቲ ቦርድ ኣብ ሰለስተ ወርሒ ሓደ ግዘ ይእከብ፣ ኮይኑ ግና ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብ እቲ ኣካቢ ኣብ ዝኾነ እዋን ኣኼባ ክፅውዕ ይኽእል።

2. ካብ ኣባላት እቲ ቦርድ ልዕሊ ፍርቂ /50%+1/ እንተተረኺቦም ምልኣት ጉባኤ ይኸውን፣

3. እቲ ቦርድ ውሳነታት ዘሕልፍ ብኣብላሚ ድምፂ /50%+1/ ይኸውን፣ ኮኑ ግና ድምፂ ማዕረ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ኣካቢ እቲ ቦርድ ዘለሉ ወገን ሓሳብ ናይቲ ቦርድ ውሳነ ኮይኑ ይሓልፍ፣
4. ድንጋጌታት እዚ ዓንቀፅ ሕልዋት ኮይኖም እቲ ቦርድ ናይ ባዕሉ ናይ ኣኼባ ደንቢ ስነ-ስርዓት ከውፅእ ይኽእል።

10. ስልጣንን ተግባርን ዋና መካየዲ ስራሕ እቲ ማእኸል

1. ዋና መካየዲ ስራሕ ዋና መፈፀሚ ስራሕ እቲ ማእኸል ኮይኑ ፣ ቦርድ በዓል ሕድሪ ብዝህቦ ሓፈሻዊ መምርሒ መሰረት ዕለታዊ ስራሕቲ እቲ ማእኸል ይመርሕ የመሓድር፣
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተመልከተ ሓፈሻዊ ኣገላልፃ ሕልው ኮይኑ ዋና መካየዲ ስራሕ፦
   ሀ. ብኣባልነት እንተተሰይሙ ኣብ ኣኼባታት እቲ ቦርድ ብኣባልነት ይሳተፍ፣

7. በዚህ ኣዋጅ ኣንቀፅ 12 ንኡስ ኣንቀፅ 3 ከተመለከተው ልዩ ፈንድ የተፈቀደ ክፍያ የሚፈጸምበትን ስርአት የሚመለከት ዝርዝር መመሪያ ያወጣል፣

8. የማዕከሉ የፋይናንስና ንብረት ሁኔታ እንዲሁም ኣሰራርና ኣፈጻጸም የሚመለከት ሪፖርት በአመት ቢያንስ ኣንድ ጊዜ እንዲቀርብለት ያደርጋል፣ ኣስፈላጊ በሆነበት ጊዜ በውጭ ኦዲተር እንዲመረመር ያደርጋል፣ በዚህ ተመስርቶ ውሳኔ ያስተላልፋል፣

9. የስራ አስኪያጅ ተግባራት ከቅርብ ይከታተላል፣ ይቆጣጠራል፣ ያሰናብታል፣

9. የባለአደራ ቦርድ ስብሰባ

1. ቦርዱ በሶስት ወርአንድ ጊዜ ይሰበሰባል፣ ሆኖም አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ በሰብሳቢው በማናቸውም ጊዜ ስብሰባ ሊጠራ ይችላል፣

2. ከቦርዱ ኣባላት ከግማሽ በላይ /50%+1/ የመኪሆኑት በስብሰባው ላይ ከተገኙ ምልኣተ ጉባኤ ይሆናል፣

3. ቦርዱ ውሳኔ የሚያሳልፈው በድምፅ ብልጫ /50%+1/ ይሆናል፣ ሆኖም ድምፅ እኩል በእኩል የተከፈለ እንደሆነ ሰብሰባሲው ያለበት ወገን ሃሳብ የቦርዱ ውሳኔ ሆኖ ያልፋል፣
4. የዚህ ኣንቀፅ ድንጋጌዎች እንደተጠበቁ ሆኖ ቦርዱ የራሱን የስብሰባ ስነ-ስርዓት ደንብ ሊያወጣ ይችላል።

10. የዋናው ስራ አስኪያጅ ስልጣንና ተግባር

1. ዋናው ስራ አስኪያጅ የማዕከሉ ዋና ስራ አስፈጻሚ ሆኖ፣ የባለአደራ ቦርዱ በሚሰጠው አጠቃላይ መመሪያ መሰረት የማእከሉን ስራዎች ይመራል፣ ያስተዳድራል፣
2. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 የተመለከተው አጠቃላይ አነጋገር እንደተጠበቀ ሆኖ ዋናው ስራ አስኪያጅ፡
   ሀ. በአባልነት ሲሰየም በቦርዱ ስብሰባዎች በአባልነት ይሳተፋል፣

www.abyssinialaw.com

ለ. በዚ አዋጅ ዓንቀፅ 5 ነቲ ማእኸል ዝምልከቱ ስልጣንን ተግባርን ኣብ ስራሕ የውዕል፣ ግልፅነትን ተሓታትነትን መሰረት ዝገበረ ኣመራሓ ይህብ።

ሐ. ቦርድ ብዘፅደቐ መምርሒ ምምሕድዳር ሰራሕተኛታት መሰረት ሰራሕተኛታት እቲ ማእኸል ይቐፅር፣ የመሓዳድር፣

መ. በጀትን ስራሕ ትልምን እቲ ማእኸል ኣዳልዩ ንቦርድ የቕርብ፣ ብዝምልከቶ እንትፍቀድ ኣብ ስራሕ የውዕል፣

ረ. ብመሰረት ነቲ ማእኸል ዝተፈቐደሉ በጀትን ትልሚ ስራሕን እቲ ቦርድ ብዘውፅኦ መምርሒ መሰረት ገንዘብ ወፃኢ ይገብር፣

ሰ. ምስ ሳልሳይ ወገናት ኣብ ዝግበሩ ርክባት ነቲ ማእኸል ይውክል፣

ሸ. ኣፈፃፅማ ስራሕን ፀብጠፃ ሒሳብ እቲ ማእኸል ኣዳልዩ ንቦርድን ንዝምልከቶ ኣካል መንግስቲ እዚ ክልል የቕርብ፣

3. እቲ ዋና መካይዲ ስራሕ ነቲ ማእኸል ስራሕ ሰለጠንን ውዕኢታውነትን ብዘድሊ መጠን ካብ ሰልጣኑን ተግባሩን ብክፋል ንሓለፍትን ሰራሕተኛታትን እቲ ማእኸል ብውክልና ክህብ ይኽእል።

ክፍሊ ሰለስተ

ዝተፈላለዩ ድንጋጌታት

11. ምምሕላፍ ንብረት ፣ መሰልን ግቡእን

1. ብመሰረት ዝተገበረ ስምምዕ ካብ ውድብ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ /ህወሓት/ ዝተመሓላለፉ ሓወልቲ ሰማእታትን ካልኦት ንብረታትን ትካላትን ንብረት እዚ ማእኸል ይኸውን፣
2. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ1 ቅድም ክብል በቲ ትካል ዝተፈጠሩ መሰላትን ግቡኣን ናብዚ ማእኸል ተመሓላሊፎም ኣለዉ።

12. ፍልፍል እቶትን በጀትን

1. በጀት እዚ ማእኸል፡-

ሀ. ካብ ክልል መንግስቲ ዝወሃብ ድጎማ፣

ለ. ካብ ዝህቦም ግልጋሎታት ዝእክቦ ክፍሊት ዝርከብ እቶት፡-

ሐ. ካብ ውህብቶን ሓገዝን ዝርከብ ገንዘብን ንብረትን ይኸውን፡

ለ. በዚህ አዋጅ አንቀጽ 5 መሰረት ለማእከሉ የሚመለከቱ ስልጣንና ተግባራት በስራ ላይ ያውላል፣ ግልፅነትና ተጠያቂነት ያለው አመራር ይሰጣል፣

ሐ. ቦርዱ በጸደቀው የሰራተኞች አስተዳደር መመሪያ መሰረት የማዕከሉን ሰራተኞች ይቀጥራል፣ ያስተዳድራል፣

መ. የማዕከሉን በጀትና የስራሕ እቅድ አዘጋጅቶ ለቦርዱ ያቀርባል፣ በሚመለከተው ሲፈቀድም ስራ ላይ ያውላል፣

ሠ. ለማዕከሉ በተፈቀደለት በጀትና የስራሕ እቅድ ቦርዱ በሚያወጣው መመሪያ መሰረት ገንዘብ ወጪ ያደርጋል

ረ. ከሶስተኛ ወገኖች ጋር በሚደረጉ ግንኙነቶች ማዕከሉን ይወክላል፣

ሰ. የማዕከሉን የስራ አፈጻጸምና የሂሳብ ሪፖርት አዘጋጅቶ ለቦርዱ እና ለሚመለከተው የክልሉ መንግስታዊ አካል ያቀርባል፣

3. ዋናው ስራ አስኪያጅ ለማዕከሉ ስራ ቅልጥፍና እና ውጤታማነት ባስፈለገ መጠን ስልጣንና ተግባሩን በከፊል ለማዕከሉ ሓላፊዎችና ሌሎች ሰራተኞች በውክልና ሊያስተላልፍ ይችላል።

ክፍል ሶስት

ልዩ ልዩ ድንጋጌዎች

11. የንብረት፣ መብትና ግዴታዎች ማስተላለፍ

1. በተደረገው ስምምነት መሰረት ከህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ የተላለፉት የሰማዕታት ሓውልትና ሌሎች ንብረቶች የማእከሉ ንብረት ይሆናሉ፣
2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 መሰረት ቀደም ብሎ በተቋሙ ተፈጥረው የነበሩት መብቶችና ግዴታዎች ወደ ማዕከሉ ተላልዋል።

12. ስለ በጀትና የገቢ ምንጭ

1. የማዕከሉ በጀት፡-

ሀ. ከክልሉ መንግስት በሚሰጠው ድጎማ፣

ለ. ማዕከሉ ከሚሰጣቸው ማናቸውም አገልግሎት ከሚሰበሰቡ ክፍያዎች የሚገኘው ገቢ፣

ሐ. ከስጦታና በእርዳታ ከሚገኝ ገቢ ይሆናል

www.abyssinialaw.com

2. ካብቲ ማእኸል ዝርከብ እቶትን ንብረትን ንመፈፀሚ ዕላማታት እቲ ማእኸል ጥራሕ ይውዕል፣

3. ክልል መንግስቲ ኣድላይ ኮይኑ እንተረኺቡዎ ንመፈፀሚ ዕላማ እዚ ማእኸል ፍሉይ ፈንድ ክጣይሽ ይኽእል፣ ፍልፍል ገንዘብ እቲ ፈንድን እቲ ፈንድ ኣብ ጥቅሚ ዝውዕለሉ ኣገባብን ኩነታትን ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ክልል ትግራይ ብዘውፀኦ ደንቢ ይውሰን።

13. መዛግብቲ ሒሳብ

1. እቲ ማእኸል ሕጊ ፋይናንስ ዝተኽተለ፣ ዝተማልኣን ትኽክለኛን ዝኾነ ናይ ባዕሉ መዛግብቲ ሒሳብ ይሕዝ፣
2. መዛግብቲ ሒሳብን ገንዘብ ተንከፍ ሰነዳትን እቲ ማእኸል ብዋና ኦዲተር ወይ ንሱ ብዝስይሞም ወይ ናይ ደገ ኦዲተራት ይምርመር።

14. እዚ ኣዋጅ ዝፀንዓሉ እዋን

እዚ ኣዋጅ ካብ 20 ጥሪ 2001ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

መቐለ

ፀጋይ በርሀ

ፕሬዚደንት ብሄራዊ
ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

2. ከማዕከሉ የሚገኝ ገቢና ንብረት ለማዕከሉ ዓላማ ማስፈፅምያ ብቻ ይውላል፣

3. የክልሉ መንግስት አስፈላጊ ሆኖ ሲያገኘው ለማዕከሉ ዓላማ ማስፈጸም ልዩ ፈንድ ሊያቋቁም ይችላል፣ የፈንዱ የገንዘብ ምንጭና ፈንዱ ጥቅም ላይ የሚውለበት አገባብና ሁኔታ የክልሉ ስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት በሚያወጣው ደንብ ይወሰናል።

13. ስለ ሂሳብ መዛግብት

1. ማዕከሉ የፋይናንስ ሕግ የተከተለ፣ የተሟላና ትክክለኛ የሆነ የራሱ የሒሳብ መዛግብት ይይዛል፣

2. የማዕከሉ የሒሳብ መዛግብትና ገንዘብ ነክ ሰነዶች በክልሉ ዋና ኦዲተር ወይም ዋናው ኦዲተር በሚሰይማቸው ኦዲተሮች ወይም በውጭ ኦዲተሮች ይመረመራል።

14. አዋጁ የሚጸናበት ጊዜ

ይህ አዋጅ ከጥር 20/2001ዓ/ም ጀምሮ የጸና ይሆናል።

መቀሌ

ፀጋይ በርሀ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ
መንግስት ፕሬዚዳንት

www.abyssinialaw.com

ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 17ዓመት ቁ.5
መቐለ 24 ሕዳር 2001ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

17ኛ ዓመት ቁ.5
መቀሌ ሕዳር 24/2001 ዓ/ም

ኣዋጅ ቁፅሪ 162/2001 ዓ/ም ን2001 በጀት ዓመት ተወሳኺ በጀት ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

ኣብ 2001 በጀት ዓመት ኣብ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንዝፍፀሙ መንግስታዊ ስራሕትን ግልጋሎታትን ዝውዕል ተወሳኺ በጀት ብምፅዳኞ ኣብ ስራሕ ክውዕል ምግባር ኣድላይ ብምኻኑ።

ብመሰረት ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/ /ሀ//ቸ/ ን2001 በጀት ዓመት ኣብ ስራሕ ዝውዕል ዝስዕብ ተወሳኺ በጀት ተኣዊጁ ኣሎ።

1. <u>ሓፂር ርእሲ</u>

እዚ ኣዋጅ "ኣብ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ን2001 በጀት ዓመት ተወሳኺ በጀት ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቑፅሪ 162/2001" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

ናይ ሓደ ዋጋ ያንዱ ዋጋ	ብር 17.50

አዋጅ ቁጥር 162/2001 የትግራይ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስት የ2001 በጀት ዓመት ተጨማሪ በጀት ለመወሰን የወጣ አዋጅ

በ2001 በጀት ዓመት በትግራይ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስት ለሚሰሩ ስራዎችና አገልግሎቶች ማስፈፀሚያ የሚውል ተጨማሪ በጀት ፀድቆ ስራ ላይ እንዲውል ማድረግ አስፈላጊ በመሆኑ፣

ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስት ሕገ-መንግስት አንቀፅ49/3/ /ሀ/ /ተ/ መሰረት ለ2001 በጀት ዓመት የሚከተለው ተጨማሪ በጀት ታውጇል።

1. <u>አጭር ርእስ</u>

ይህ አዋጅ "የትግራይ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስት የ2001 በጀት ዓመት ተጨማሪ በጀት ለመወሰን የወጣ አዋጅ ቁጥር 162/2001" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

ነጋሪት ጋዜጣ ቹ.ፓ.ሳ ነጋሪት ጋዜጣ ፓ.ሳ.ቁ	291

www.abyssinialaw.com

2. ፍልፍል በጀት	**2. የበጀት ምንጭ**
ምስ እዚ ኣዋጅ ተታሓሒዞም ዘለዉ ሰደቓታት ንዝተጠቐሱ ስራሕትን ግልጋሎትን ዝውዕል በጀት ካብ ዝስዕቡ ፍልፍላት ኣታዊ ዝርከብ እዩ።	ከዚህ ኣዋጅ ጋር ተያየዘው በቀረቡ ሰንጠረገሮች ለተጠቀሱት ስራዎችና ኣገልግሎቶች የሚውል በጀት ከሚከከተሉት ምንጮች ገቢ የሚገኝ ነው።
ሀ. ኣብ 2000 በጀት ዓመት ካብ ዝኣተወ በጀት ዘይተጠቐምናሉ ተመላሲ - ብር 80,000,000.00	ሀ. በ 2000 በጀት ዓመት ከታወጀው በጀት ውስጥ ተመላሽ የሆነ ..... ብር 80,000,000.00
ለ. ኣብ 2001 በጀት ዓመት ክእከብ ካብ ዝተኣወጅ ትልሚ እቶት ተወሳኺ ንምእካብ ዝተትሓዘ ትልሚ - ብር 50,000,000.00	ለ. በ 2001 በጀት ዓመት ይሰበሰባል ተብሎ ከታወጀ እቅድ ተጨመሪ ገቢ ይገኛል ተብሎ የታቀደ...ብር 50,000,000.00
ሐ. ኣብ 2000 በጀት ዓመት ክእከብ ካብ ዝተተለመ ሕልፊ ዝተኣከበ -ብር 49,000,000.00	ሐ. በ 2000 በጀት ዓመት እቅድ ከተያዘ ገቢ በላይ የተሰበሰበ ..... ብር 49,000,000.00
መ. ካብ መንግስቲ ኣየርላንድ ልምዓት ሓገዝ ንቢሮ ፋይናንስን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ዓቕሚ መዕበይ ብፍሉይ ተመዲቡ ዝነበረ ብር 1,898,090.00	መ. ከኣየርላንድ ልማት እርዳ ለፋይናንስ እና ኢኮኖሚ ልማት ቢሮ ለኣቅም ግንባታ ስራ ተመድቦ ከነበረ .....ብር 1,898,090.00
ሓፈሻዊ ድምር--- ብር 180,898,090.00 /ብር ሓደ ሚኢትን ሰማንያን ሚለዮን ሸሞንተ ሚኢትን ቴስዓን ሸሞንተን ሺሕን ቴስዓን/	ኣጠቃላይ ድምር.....ብር 180,898,090.00 /አንድ መቶ ሰማንየ ሚልዮን ስምንት መቶ ዘጠና ስምንት ሺ ዘጠና ብር/
3. ድልድል በጀት	**3. የበጀት ድልድል**
ሀ. ብክልል ንዝስርሑ ስራሕትን ግልጋሎታትን 1. ንካፒታል በጀት ብር 163,715,314 2. ንስሩዕ በጀት ብር 14,232,776 • ንመሃያ ብር 1,708,776 • ንመካየዲ ስራሕ ብር 12,524,000 • ንኡስ ድምር ብር177,948,090	ሀ. በክልሉ ለሚሰሩ ስራዎችና ኣገልግሎቶች 1. ለካፒታል በጀት ብር 163,715,314 2. ለመደበኛ በጀት ብር 14,232,776 • ለደመወዝ ብር 1,708,776 • ለስራ ማስኬጃ ብር 12,524,000 • ንኡስ ድምር ብር177,948,090
ለ. ንወረዳ ቆላ ቴምቤን ኣብ ናይ ቀመር	

www.abyssinialaw.com

ድልድል ጎዲሉ ዝነበረ መመልኢ ዝውዕል በጀት ...ብር 2,950,000.00

ሓፈሻዊ ድምር ዝተደልደለ በጀት.....

ብር 180,898,090.00

/ብር ሓደ ሚኢትን ሰማንያን ሚልዮን ሸሞንተ ሚኢትን ቴስዓን ሸሞንተን ሺሕን ቴስዓን/

4. <u>እቲ ኣዋጅ ዝፀንዓሉ ጊዜ</u>

እዚ ኣዋጅ ካብ 24 ሕዳር 2001 ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

<u>መቐለ</u>

ፀጋይ በርሀ

ፕሬዚደንት ብሄራዊ
ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

ለ. ለቆላ ተምቤን ወረደ በቀመር ድልድል ወቅት ጎድሎ የነበረ ለማሟያ የሚውል በጀት ...ብር 2,950,000.00

ኣጠቃላይ የተደለደለ በጀት ድምር

ብር 180,898,090.00

/አንድ መቶ ሰማንየ ሚልዮን ስምንት መቶ ዘጠና ስምንት ሺ ዘጠና ብር/

4. <u>ኣዋጁ የሚፀናበት</u>

ይህ ኣዋጅ ከህዳር 24/2001 ዓ/ም ጀምሮ የፀና ይሆናል።

<u>መቀሌ</u>

ፀጋይ በርሀ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ
መንግስት ፕሬዚዳንት

www.abyssinialaw.com

ንፕሮጅክታት ዝተደልደለ ተወሳኺ ካፒታል በጀት	
1. ሕርሻን ገጠር ልምዓትን • ንኢፋድ፣ ADP ንGTZ ማቹንግ ፈንድ • ንናይ ኣግራብ ፈልሲ ጣብያታት ዓቕሚ ንምውሳኽ ዝውዕል.... • ብጋብዮን /ሽቦ/ መግዝኢ ዝውዕል.....	ብር 3,949,920.00 ብር 3,000,000.00 ብር 26,300,.00
ድምር	ብር 33,249,920.00
2. ማይ ማእድንን ኢነርጂን • ንምግፋሕ ስራሕቲ መስኖ ዝውዕል	ብር 21,000,000.00
3. ንግድን ኢንዱስትሪን ትራንስፖርትን • ደቀቕትን ኣናእሽቲይን ትካላት ብክላስተር ንምውዳብን ንምጥንኻርን • ንስልጠና ደቀቕትን ኣናእሽትን ንግዲ ትካላት • ንልማዓት ወይኒ ዝውዕል መሬት ካሕሳ • ንናይ ኣክሱም ቱሪዝም ልምዓት ማስተር ፕላን ኮንሰልታንት ክፍሊትን መካየዲ ስራሕን	ብር 22,218,087.00 ብር 1,000,000.00 ብር 17,350,000.00 ብር 3,400,000.00
4. ልምዓት ከተማን ኮንስትራክሽንን • ንቤት ዕሕፈት ምምሕዳር ዞባ ሰሜን ምዕራብ ህንፃ ፅገና • ንኮምፕሌክስ ህንፃ	ብር 141,000.00 ብር 10,000,000.00
ድምር	ብር 10,141,000.00
5. ብዓል መዚ መንገድታ ትግራይ • ኣብ ፕሮጅክት ዝስርሑ ብርኪ ዕብየት መሃያን ጡረታን • ንነባር መንገዲታት መወድኢ • ንዕገና መሸነሪታት	ብር 56,737.00 ብር 4,000,000.00 ብር 1,500,000.00
ድምር	ብር 5,**556**,737.00
6. ብዓል መዚ ከባቢያዊ ሓለዋን ምም/ር መሬትን • ንዞባ ምዕራብ ብሎኪንግ /ሓዱሽ/	ብር 3,000,000.00
7. ሕርሻ ምርምር • ኣብ ኣበርገለን ማይ ፀብሪን ንዝተሰርሓ ማእሽላት ምርምር ሪቴንሽን መኽፈሊ	ብር 26,133.00

ለፕሮጀክቶች የተደለደለ ተጨማሪ ካፒታል በጀት	
1. እርሻነ ገጠር ልማት ቢሮ • ለኢፋድ፣፣ ADP ንGTZ ማቹንግ ፈንድ • ለደን ችግኝ ጣብያዎች ማጠናከሪያ • ለጋብዮን መግዦ	ብር 3,949,920.00 ብር 3,000,000.00 ብር 26,300,.00
ድምር	ብር 33,249,920.00
2. ለውሃ መኣድንና ኢነርጂ ቢሮ • ለመስኖ ስራዎች ማስፋፍያ	ብር 21,000,000.00
3. ለንግድ ኢንዱስትሪ ትራንስፖርት ቢሮ • ለጥቃቅንና ኣንስተኛ ድርጅቶች በክላስተር ለማደራጀትና ለማጠናከር • ለጥቃቅንና ኣንስተኛ ንግድ ድርጅቶች ስልጠና • ለወይን ልማት ለሚውል መሬት ካሳ • በኣክሱም ለሚሰራው የልማት ቱሪዝም ማስተር ፕላን ለኮንሰልታንት ክፍያና ስራ ማስኪጃ	ብር 22,218,087.00 ብር 1,000,000.00 ብር 17,350,000.00 ብር 3,400,000.00
4. ለከተማ ልማትና ኮንስትራክሽን ቢሮ • ለሰሜን ምዕራብ ዞን መስተዳደር ህንፃ ጥገና • ለኮምፕሌክስ ህንፃ ማሰሪያ	ብር 141,000.00 ብር 10,000,000.00
ድምር	ብር 10,141,000.00
5. ለትግራይ መንገዶች ባለስልጣን • ለፕሮጀክት ሰራተኞች የደመወዝ እድገትና ጡረታ መዋፁ • ለነባር መንገዶች ማስፈፀሚያ • ለማሽነሪዎች ማስጠገኛ	ብር 56,737.00 ብር 4,000,000.00 ብር 1,500,000.00
ድምር	ብር 5,**556**,737.00
6. ከባበያዊ አጠባበቅና መሬት ኣስተዳደር ባለስልጣን • በምዕራባዊ ዞን ለሚከናወን የፕሎኪንግ ስራ	ብር 3,000,000.00
7. እርሻ ምርምር • በኣበርገለና በማይፀብሪ ለተሰሩት ምርምር ማእከላት	ብር 26,133.00

www.abyssinialaw.com

8. ኮሚሽን ትምህርቲ፣ ስልጠናን ቴክኒክን ሙያን • ንራቴንሽን መኽፈሊ • ንኣክሱም ሙያን ቴክኒክን ንኤሌክትሪካል ስራሕትን ንትራንስፎርመር መትከልን • ንኣግበ መሰልጠኒ ማእኸል	ብር 386,683.00 ብር 3,400,000.00 ብር 3,000,000.00
ድምር	ብር 6,786,683.00
9. ቢሮ ትምህርቲ • ንወርዒ ለኸ 2ይ ብርኪ ቤት ት/ቲ ዕገና • ንኮረም 2ይ ብርኪ ቤት ት/ቲ መዛዘሚ • ንመጀመሪ ህንፃ ቤት ዕሕፈት ቢሮ ትምህርቲ	ብር1,000,000.00 ብር700,000.00 ብር 1,000,000.00
ድምር	ብር 2,267,754.00
10. ፖሊስ ኮሚሽን • ናይ ሓደሽቲ ፖሊሳ ት ስልጠና ንመሃያን ጡረታን • ንመካይን መፈተሽን መራኸቢ ሬድዮ መግዝኢ	ብር 2,267,754.00 ብር 1,165,000.00
ድምር	ብር 3,432,754.00
11. ፀጥታን ጉዳያት ምምሕዳርን • ንመኽዝን ዲዛይን ስራሕቲ	ብር 20,000,.00
12. ቢሮ ህንፀት ዓቕሚ • ንሓዱሽ ከይዲ ስራሕ (BPR) መተግበሪ • ንስልጠና ፈንድ • ንነባር ወረዳታት ፈፀምቲ ስልጠና መኽፈሊ	ብር 29,000,000.00 ብር 200,000.00 ብር 334,000.00
ድምር	ብር 29,534,000.00
13. ንላዕለዋይ ቤት ፍርዲ • ንዞባ ሰ/ምዕራብ ህንፃ መስርሒ ነባር ፕሮጀክት ዝውዕል	ብር 1,600,000.00
14. ንቢሮ ፋይናንስ ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን • ንመኪና ቐረፅ መኽፈሊ • ንፅዕነት	ብር 1,400,000.00 ብር 1,300,000.00
ድምር	ብር 2,700,000.00
ጠቕላላ ድምር	ብር 163,715,314.00

ራተንሽን የሚውል	
8. ለኮሚሽን ትምህርት፣ ስልጠና ቴክኒክና ሞያ • ለራቴንሽን መክፈያ • ለኣክሱም ቴክኒክና ሞያ ለኤሌክትሪክ ስራ ለትራንስፎርመር መትከክያ • ለኣግበ ማሰልጠኛ ማእከል	ብር 386,683.00 ብር 3,400,000.00 ብር 3,000,000.00
ድምር	ብር 6,786,683.00
9. ለትምህርት ቢሮ • ለወርዒ ለከ 2ኛ ደረጃ ት/ቤት ጥገና • ለኮረም 2ኛ ደረጃ ት/ቤት ጥገና • ለትምህርት ቢሮ ህንፃ መጀመሪያ	ብር1,000,000.00 ብር700,000.00 ብር 1,000,000.00
ድምር	ብር 2,267,754.00
10. ለፖሊስ ኮሚሽን • ኣዲስ ለሚሰጥኑ ፖሊሶች ደሞወዝና ጡረታ • ለመኪና መፈተሻና መገናኛ ሬድዮ መግዣ	ብር 2,267,754.00 ብር 1,165,000.00
ድምር	ብር 3,432,754.00
11. ፀጥታ ጉዳዮችና ኣስተዳደር ቢሮ • ለመጋዝን ዲዛይን ማሰሪያ	ብር 20,000,.00
12. አቅም ግንባታ ቢሮ • ለኣዲሱ ስራ ሂደት (BPR) መተግበርያ • ለስልጠና ፈንድ • በወረዳዎች ፈፃሚ ኣካላት ለነበሩ ስልጠና ክፍያ	ብር 29,000,000.00 ብር 200,000.00 ብር 334,000.00
ድምር	ብር 29,534,000.00
13. ለትግራይ ጠቅላይ ፍርድ ቤት • በሰ/ምዕራብ ዞን ላለው ነባር ፕሮጀክት ህንፃ መስርያ	ብር 1,600,000.00
14. ለ ፋይናንስ ኢኮኖሚያዊ ልማት ቢሮ • ለመኪና ቀረጥ መክፈያ • ለጭነት	ብር 1,400,000.00 ብር 1,300,000.00
ድምር	ብር 2,700,000.00
ጠቕላላ ድምር	ብር 163,715,314.00

www.abyssinialaw.com

ድልድል ተወሳኺ ስሩዕ በጀት

በጀት ዓመት 2001

ናይ በጀት ኮድ	ሽም መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮ	መሃያ	ስራሕ መካየዲ	ድምር ስሩዕ በጀት
100	ናይ መንግስቲ ኣካላት			
112	ቤት ፅሕፈት ርእሰ ምምሕዳር • ደቡብ ኮሪደር ልምዓት • ምዕራብ ኮሪደር ልምዓት	656,567 473,331	540,000	1,669,898
127	ፖሊስ ኮምሽን • ንግራንድ ዩኒፎርም		1,452,000	1,452,000
200	ኢኮኖሚያዊ ልምዓት			
211	ቢሮ ሕርሻ ንገፀር ልምዓትን		4,774,000	4,774,000
213	ምርምር ሕርሻ		1,384,000	1,384,000
217	ዕዳጋ ፕሮሞሽን	170,370		170,370
219	በዓል መዚ ክባቢያዊ ሓለዋን ምም/ር መሬትን		404,000	404,000
221	ቢሮ ልምዓት ማይ ሃፍቲ ፣ ማዕድንን ኢነርጅን	200,000	2,213,000	2,213,000
273	በዓል መዚ መንገድታት ትግራይ	208,508	788,000	996,508
300	ማሕበራዊ ግልጋሎት			
312	ኮምሽን ትምህርቲ፣ ስልጠናን ቴክኒክን ሞያን • ንውቕሮ ሕርሻ ኮሊጅ • ንሽረ ሕርሻ ኮሊጅ • ንማይጨው ሕርሻ ኮሊጅ		211,000 228,000 246,000	685,000
331	ቢሮ ጉይይ መናእሰይን ስፖርትን		28	284,000
	ጠቕላላ ድምር	1,708,776	12,524,000	14,232,776

- ንወረዳ ቆላ ተምቤን ኣብ ናይ ቀመር ድልድል ንዲሉ ዝነበረ መመልኢ ዝውዕል በጀት 2,950,000

ሓፈሻዊ ጠቕላላ ድምር ናይዚ ኣዋጅ 180,898,090

ለመደበኛ በጀት የተደለደለ

ተጨማሪ በጀት

የበጀት ኮድ	የመንግስት መ/ቤት ስም	ደመወዝ /ብር/	ስራ ማስኬጃ /ብር/	ድምር መደበኛ በጀት
100	ኣስተዳደርና ጠቅላላ ኣገልግሎት			
112	ዋና ኣስተዳደር ፅ/ቤት • ለደቡብ ኮሪደር ልምዓት • ምዕራብ ልምዓት ኮሪደር	656,567 473,331	540,000	1,669,898
127	ለፖሊስ ኮሚሽን • ለግራንድ ዩኒፎርም		1,452,000	1,452,000
200	ኢኮኖሚያዊ ልማት			
211	ለእርሻና ገጠር ልማት ቢሮ		4,774,000	4,774,000
213	ለእርሻ ምርምር		1,384,000	1,384,000
217	ለገበያ ፕሮሞሽን	170,370		170,370
219	ለአካባቢያዊ ኣጠባበቅና መሬት ኣስ/ባለስልጣን		404,000	404,000
221	ውሃ ሃፍቲ ልማት፣ ማእድንና ኢነርጂ	200,000	2,213,000	2,213,000
273	ለመነገዶች ባለስልጣን	208,508	788,000	996,508
300	ማሕበራዊ ግልጋሎት			
312	ለኮሚሽን ትምህርት፣ስልጠናና ቴክኒክ ሞያ • ለውቅሮ እርሻ ኮሊጅ • ለሽረ እርሻ ኮሊጅ • ለማይጨው እርሻ ኮሊጅ		211,000 228,000 246,000	685,000
331	ለወጣቶችና ስፖርት ጉዳይ ቢሮ		28	284,000
	ጠቕላላ ድምር	1,708,776	12,524,000	14,232,776

ን/ድምር	**5,057,000.00**

17.ቢሮ ፋይ/ኢ/ልምዓት	
17.1. ንመካይን መገዝኢ	25,000,000.00
17.2. ንመፅናዕቲ ስትራተጂክ ፕላን	200,000.00
ን/ድምር	**25,200,000.00**

14. ማስታወዲያ	**ብር**
14.1. የትግራይ መግናኛ ብዙሃን ኤጀንሲ ስትድዮ ህንፃ ፕሮጅክት/ነባር/	23,000,000.00
14.2. ለ3ተ ኢትንግ ማሽን መግዛ	6,000,000.00
ን/ድምር	**29,000,000.00**

www.abyssinialaw.com

15. ከተማ ልማትና ኮንስትራክሽንን

15.1.	የ12 ቢሮዎች የጋራ ህንፃ ማስሪያ /ነባር/	23,561,770.00
15.2.	ለሰ/ምዕራ ዞን መስተዳድር ፅ/ቤ ህንፃ	250,564.00
15.3.	ለ7ተ ክተሞች ካዳስተር መስርያ	8,400,000.00
15.4.	ለጂ.ኣይ.ኤስ ናሰርቨይንግን ስልጠና	377,000.00
15.5.	ለምህንድስና ባለሞያዎች ስልጠና	100,000.00
	ን/ድምር	**32,644,334.00**

16. የወጣቶችና ስፖርት ቢሮ

16.1.	ለማይጨው አትሌትክስ መንድር	582,000.00
16.2.	ለመላው የትግራይ ጨዋታዎች	350,000.00
16.3.	ለዩኒ/ተማሪዎች የክረምት ዘመቻ	4,125,000.00
	ን/ድምር	**5,057,000.00**

17. ለቢሮ ፋይ/ኢኮ/ልምዓት

17.1.	ለመኪና ግዚ	25,000,000.00
17.2.	ለስትራተጂክ ፕላን ጥናት	200,000.00
	ን/ድምር	**25,200,000.00**

18. ንዕዳጋ ፕሮሞሽን ኤጀንሲ

18.1.	ንዘይቲ መዕሚቂ መዳርግቲ	30,000.00
18.2.	ንመሳርሒ ፍሩት መዳርግቲ	50,000.00
18.3.	ንሮዝ ፈልሲ ጣብያ መዳርግቲ	25,000.00
18.4.	ንመዓር መፃሪይ መዳርግቲ	30,000.00
	ን/ድምር	**135,000.00**

19. ካልኦት ፕሮግራማት

19.1.	ብቕዓት መንእሰይ ምዕባይ (ዩኒሴፍ ሓፈገዝ/ ንምኽልካል ኤች ኣይቪ ፣ ንጉ/መ/ስ፣ ን/ሰ/ማ/ጉ)	480,000.00
19.2.	ስነ ዖታን ክንክንን መሰልን ህፃናት /ዩኒሴፍ ሓጎዝ /ንሰ/ማ/ጉ/	650,000.00
19.3.	ስነ ዖታንም ክልኻል መሰል ህፃናትን ጎዳእቲ ባህሊታትን /ዩኒሴፍ ሓገዝ/ ንስ/ማንንጉ/ደ/ኣን/	130,000.00
19.4.	ምትእትታው ስነ ዖታን መሰል ስነ ዖታን /ዩኒሴፍ ሓገዝ /ንጉ/ደ/ኣን	290,000.00
19.5.	ፕሮግራም ምትሕብባርን ክትትልን ገምጋምን /ዩኒሴፍ ሓገዝ ንሰ/ማ/ጉን ፣ጉ/ደ/ኣን/	890,000.00
19.6.	ስነ መኣዛ /ንጥዕና ቢሮ/	1,110,000.00

www.abyssinialaw.com

19.7.	ሓገዝ ካፒታል በጀት ን5ተ ወረዳታት	35,630,000.00
	ን/ድምር	**39,180,000.00**
	ጠቕላላ ድምር	**480,402,781.00**
	ካብ መንግስቲ ግምጃ ቤት	**311,342,781.00**
	ካብ ወፃኢ ሓገዝ	**126,520,000.00**
	ካብ ወፃኢ ልቓሕ	**10,540,000.00**

18.ለማርኬቲን ኤጀንሲ

18.1.	ለዘይት መጨመቂያ ማቺንግ ፈንድ	30,000.00
18.2.	ንፍራፍሬ መሳርያ ማቺንግ ፈንድ	50,000.00
18.3.	ለሮዝ ችግኝ ማቺንግ ፈንድ	25,000.00
18.4.	ለማር ማጣርያ ማቺንግ ፈንድ	30,000.00
	ን/ድምር	**135,000.00**

19. ሌሎች ፕሮግራም

19.1.	የወጣቶች ዓቅም ማሳደግ /ዩኒሴፍ ዕርዳታ/ ለኤች ኣይቪ መቆ፣ ለወ/ስ/ቢሮ ፣ ለሴቶች ጉዳይ	480,000.00
19.2.	ስነ ፀታና የህፃት መብት /ዩኒሴፍ ዕርዳታ/ /ለሰራተኛና ማሕበራዊ ጉዳይ/	650,000.00
19.3.	ስነ ያታና ጎጂ ልማዶች መከላከል /ዩኒሴፍ ዕርዳታ/ ለሰራ /ማ/ጉዳእና ለሴቶ/ጉዳይ /	130,000.00
19.4.	የህፃናት ስነ ያታ መብቶች /ዩኒሴድ ዕርዳታ/ /ለሰራ /ማሕ/ጉዳይ	290,000.00
19.5.	የክትትልና ገምጋም ፕሮግራም /ዩኒሴፍ ሓገዝ /ለእርዳታ ማስተባበርያ ቢ/ፋ/ኢ/ል/	890,000.00
19.6.	ስነ ምግብ /ለጤና ቢሮ/	1,110,000.00
19.7.	ለ5ተ ወረዳዎች የካፒታል ድጎማ	35,630,000.00
	ን/ድምር	**39,180,000.00**
	ጠቕላላ ድምር	**480,402,781.00**
	ከመንግስቲ ግምጃ ቤት	**311,342,781.00**
	ከውጭ እርዳታ	**126,520,000.00**
	ከውጭ ብድር	**10,540,000.00**

www.abyssinialaw.com

ንገጠር ወዳታት ዝተመደበ በጀት		
ተ.ቁ	ሽም ወረዳ	ን2002 በጀት ዓመት ዝተመደበ
1.	ገፀር ዓድዋ	21,748,029.59
2.	ኣሕፈሮም	30,093,222.98
3.	ቆላ ተምቤን	23,491,952,.96
4.	ላዕለዋይ ማይጨው	19,825,132.51
5.	መረብ ለኸ	20,309,219.63
6.	ናዕዴር ዓዴት	26,104,469.77
7.	ታሕታይ ማይጨው	19,821,719.80
8.	ጣንቛ ኣበርገለ	20,328,511.75
9.	ወርዒ ለኸ	26,326,490.31
10.	ኣፅቢ ወንበርታ	20,730,705.13
11.	ኢሮብ	13,841,754.78,
12.	ጋንታ ኣፈሹም	20,957,462.55
13.	ጎሎ መኸዳ	20,294,768.56
14.	ሓውዜን	21,615,490.67
15.	ክልተ ኣውላዕሎ	22,506,352.59
16.	ሳ/ፃ/እምባ	25,824,357.20
17.	ኣስገደ ፅምብላ	26,054,126.61
18.	ላዕላይ ኣድያቦ	21,665,821.35
19.	መደባይ ዛና	22,552,862.74
20.	ታሕታይ ኣድያቦ	21,665,821.35
21.	ታሕታይ ቆራሮ	19,160,860.44
22.	ፀለምቲ	23,170,788.62
23.	ደጉዓ ተምቤን	21,171,874.41
24.	እንደርታ	22,639,732.45
25.	ሕንጣሎ ዋጅራት	25,637,475.63
26.	ስሓርቲ ሳምረ	21,275,833.85
27.	ኣላጀ	20,172,298.62
28.	ኣላማጣ ገፀር	20,910,726.76
29.	እንዳ መኾኒ	17,639,888.11
30.	ኦፍላ	24,462,812.78
31.	ራያ ዓዘቦ	21,626,319.89
32.	ቓፍታ ሑመራ	26,836,843.13
33.	ፀገዴ	24,577,350.35
34.	ወልቃይት	25,197,162.30
	ድምር	760,000,000.00

www.abyssinialaw.com

ለገጠር ወረዳዎች የተደለደለ በጀት		
ተ.ቁ	የወረዳ ስም	ለ2002 የተደለደለ በጀት
1.	ገፀር ዓድዋ	21,748,029.59
2.	ኣሕፈሮም	30,093,222.98
3.	ቆላ ተምቤን	23,491,952,.96
4.	ላዕለዋይ ማይጨው	19,825,132.51
5.	መረብ ለኸ	20,309,219.63
6.	ናዕዴር ዓዴት	26,104,469.77
7.	ታሕታይ ማይጨው	19,821,719.80
8.	ጣንቛ ኣበርገለ	20,328,511.75
9.	ወርዒ ለኸ	26,326,490.31
10.	ኣፅቢ ወንበርታ	20,730,705.13
11.	ኢሮብ	13,841,754.78,
12.	ጋንታ ኣፈሹም	20,957,462.55
13.	ጎሎ መኸዳ	20,294,768.56
14.	ሓውዜን	21,615,490.67
15.	ክልተ ኣውላዕሎ	22,506,352.59
16.	ሳ/ፃ/እምባ	25,824,357.20
17.	ኣስገደ ፅምብላ	26,054,126.61
18.	ላዕላይ ኣድያቦ	21,665,821.35
19.	መደባይ ዛና	22,552,862.74
20.	ታሕታይ ኣድያቦ	21,665,821.35
21.	ታሕታይ ቆራሮ	19,160,860.44
22.	ፀለምቲ	23,170,788.62
23.	ደጉዓ ተምቤን	21,171,874.41
24.	እንደርታ	22,639,732.45
25.	ሕንጣሎ ዋጅራት	25,637,475.63
26.	ስሓርቲ ሳምረ	21,275,833.85
27.	ኣላጀ	20,172,298.62
28.	ኣላማጣ ገፀር	20,910,726.76
29.	እንዳ መኾኒ	17,639,888.11
30.	ኣፍላ	24,462,812.78
31.	ራይ ዓዘቦ	21,626,319.89
32.	ቓፍታ ሑመራ	26,836,843.13
33.	ፀገዴ	24,577,350.35
34.	ወልቃይት	25,197,162.30
	ድምር	760,000,000.00

www.abyssinialaw.com

ኣብ 2002 በጀት ዓመት ንከተማ ምምሕዳራት ዝተመደበ					
ተ.ቁ	ሽም ከተማ	ብፅሒት	ንካፒታል ዝተመደበ	ንስሩዕ በጀት ዝተመደበ	ንከተማታት ዝተመደበ
1.	ዓብይ ዓዲ	0.027965	1,827,800	8,283,590.00	10,111,389.87
2.	ዓዲግራት	0.97562	6,376,678	19,058,160.00	25,434,838.37
3.	ዓድዋ	0.0602826	4,106,324	17,507,160.00	21,613,484.13
4.	ኣላማጣ	0.57357	3,552,788	11,437,320.00	14,990,108.03
5.	ኣክሱም	0.91910	6,007,262	16,687,680.00	22,694,942.14
6.	ሽረ እንዳስላሴ	0.86204	5,634,316	14,641,940.00	20,276,256.46
7.	ሑመራ	0.044257	2,892,649	14,921,570.00	17,813,219.34
8.	ኮረም	0.024937	1,629,889	10,210,290.00	11,840,178.98
9.	ማይጨው	0.045717	2,988,075	11,776,460.00	14,764,535.33
10.	መቐለ	0.378620	24,746,704	51,120,960.00	75,867,664.29
11.	ሸራሮ	0.028855	1,885,971	8,635,440.00	10,521,410.50
12.	ውቕሮ	0.56790	3,711,810	13,633,230.00	17,345,0237.56
	ድምር	1.000000	65,360,267	197,913,800.00	263,274,067.00

www.abyssinialaw.com

የ2002 በጀት ዓመት ለክተመ አስተዳደሮች የተመደበ በጀት					
ተ.ቁ	የክተማ ስም	ድርሻ	ከፒታል በጀት የተመደበ	ለመደበኛ በጀት	ለክተማታት የደለደለ በጀት
1.	ዓብይ ዓዲ	0.027965	1,827,800	8,283,590.00	10,111,389.87
2.	ዓዲግራት	0.97562	6,376,678	19,058,160.00	25,434,838.37
3.	ዓድዋ	0.0602826	4,106,324	17,507,160.00	21,613,484.13
4.	ኣላማጣ	0.57357	3,552,788	11,437,320.00	14,990,108.03
5.	ኣክሱም	0.91910	6,007,262	16,687,680.00	22,694,942.14
6.	ሽረ እንዳስላሴ	0.86204	5,634,316	14,641,940.00	20,276,256.46
7.	ሑመራ	0.044257	2,892,649	14,921,570.00	17,813,219.34
8.	ኮረም	0.024937	1,629,889	10,210,290.00	11,840,178.98
9.	ማይጨው	0.045717	2,988,075	11,776,460.00	14,764,535.33
10.	መቐለ	0.378620	24,746,704	51,120,960.00	75,867,664.29
11.	ሸራሮ	0.028855	1,885,971	8,635,440.00	10,521,410.50
12.	ውቕሮ	0.56790	3,711,810	13,633,230.00	17,345,0237.56
	ድምር	1.000000	65,360,267	197,913,800.00	263,274,067.00

www.abyssinialaw.com

ናይ 2002 በጀት ዓመት እቶት ትልሚ

ተ.ቁ	ወረዳ	ናይ 2002 ትልሚ
	ድምር	500,000,000.00
1.	ታሕታይ ማይጨው	3,600,000.00
2.	ደጉዓ ተንቤን	3,600,000.00
3.	ላዕላይ ማይጨው	3,844,000.00
4.	ጣንቋ ኣበርገለ	2,745,000.00
5.	ቆላ ተንቤን	3,485,000.00
6.	ናዕዴር ዓዲት	3,012,000.00
7.	መረብ ለኸ	3,543,000.00
8.	ወርዒ ለኸ	3,979,000.00
9.	ገፀር ዓድዋ	6,808,000.00
10.	ኣሕፈሮም	4,395,000.00
11.	ዓድዋ	6,500,000.00
12.	ዓብይ ዓዲ	2,000,000.00
13.	ኣክሱም	9,000,000.00
14.	ጎለ መኻዳ	2,771,000.00
15.	ላዕስዕ ፃዕዳ እምባ	4,400,000.00
16.	ጋንታ ኣፈሹም	4,031,000.00
17.	ኣፅቢ ወንበርታ	3,513,000.00
18.	ሓውዜን	4,700,000.00
19.	ወረዳ ውቸሮ	4,837,000.00
20.	ኢሮብ	1,514,000.00
21.	ዓድግራት	11,000,000.00
22.	ውቸሮ	4,000,000.00
23.	ቃፍታ ሑመራ	65,000,000.00
24.	ፀገዴ	8,000,000.00
25.	ወልቃይት	6,000,000.00
26.	ሑመራ	12,000,000.00
27.	ላዕላይ ኣድያቦ	4,040,000.00
28.	መደባ ዛና	3,316,000.00
29.	ታሕታይ ኣድያቦ	4,290,000.00
30.	ፀለምቲ	3,250,000.00
31.	ኣስገደ ፅምብላ	4,214,000.00
32.	ታሕታይ ቆራሮ	2,975,000.00
33.	ሽራሮ	3,366,000.00
34.	እንዳስላሴ	10,200,000.00
35.	እንዳመኸኒ	2,412,000.00
36.	እንደርታ	3,700,000.00
37.	ሳምረ ሳሓርቲ	3,117,000.00
38.	ሕ/ዋጅራት	3,966,000.00
39.	ኣላጀ	3,300,000.00
40.	ወረዳ ኣላማጣ	3,004,000.00
41.	ኣፍላ	3,252,000.00
42.	ራያ ዓዘቦ	4,225,000.00
43.	ኣላማጣ	2,700,000.00
44.	ኮረም	1,600,000.00
45.	ማይጨው	5,000,000.00
46.	መቐለ	120,000,000.00
47.	ክልል	119,794,000.00

www.abyssinialaw.com

የ2002 በጀት ዓመት የገቢ ዕቅድ

ተ.ቁ	ወረዳ	የ2002 እቅድ
	ድምር	500,000,000.00
1.	ታሕታይ ማይጨው	3,600,000.00
2.	ደጉዓ ተንቤን	3,600,000.00
3.	ላዕላይ ማይጨው	3,844,000.00
4.	ጣንቋ ኣበርገለ	2,745,000.00
5.	ቆላ ተንቤን	3,485,000.00
6.	ናዕዴር ዓዲት	3,012,000.00
7.	መረብ ለኸ	3,543,000.00
8.	ወርዒ ለኸ	3,979,000.00
9.	ገፀር ዓድዋ	6,808,000.00
10.	ኣሕፈሮም	4,395,000.00
11.	ዓድዋ	6,500,000.00
12.	ዓብይ ዓዲ	2,000,000.00
13.	ኣክሱም	9,000,000.00
14.	ጎለ መኻዳ	2,771,000.00
15.	ላዕስዕ ፃዕዳ እምባ	4,400,000.00
16.	ጋንታ ኣፈሹም	4,031,000.00
17.	ኣፅቢ ወንበርታ	3,513,000.00
18.	ሓውዜን	4,700,000.00
19.	ወረዳ ውቸሮ	4,837,000.00
20.	ኢሮብ	1,514,000.00
21.	ዓድግራት	11,000,000.00
22.	ውቸሮ	4,000,000.00
23.	ቃፍታ ሑመራ	65,000,000.00
24.	ፀገዴ	8,000,000.00
25.	ወልቃይት	6,000,000.00
26.	ሑመራ	12,000,000.00
27.	ላዕላይ ኣድያቦ	4,040,000.00
28.	መደባ ዛና	3,316,000.00
29.	ታሕታይ ኣድያቦ	4,290,000.00
30.	ፀለምቲ	3,250,000.00
31.	ኣስገደ ፅምብላ	4,214,000.00
32.	ታሕታይ ቆራሮ	2,975,000.00
33.	ሽራሮ	3,366,000.00
34.	እንዳስላሴ	10,200,000.00
35.	እንዳመኽኒ	2,412,000.00
36.	እንደርታ	3,700,000.00
37.	ሳምረ ሳሓርቲ	3,117,000.00
38.	ሕ/ዋጅራት	3,966,000.00
39.	ኣላጀ	3,300,000.00
40.	ወረዳ ኣላማጣ	3,004,000.00
41.	ኣፍላ	3,252,000.00
42.	ራያ ዓዘቦ	4,225,000.00
43.	ኣላማጣ	2,700,000.00
44.	ኮረም	1,600,000.00
45.	ማይጨው	5,000,000.00
46.	መቐለ	120,000,000.00
47.	ክልል	119,794,000.00

www.abyssinialaw.com

www.abyssinialaw.com

ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 17 ዓመት ቁ.9
መቐለ 11 ሓምለ /2001ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

17ኛ ዓመት ቁ.9
መቀሌ ሓምሌ11/2001 ዓ/ም

ኣዋጅ ቁፅሪ 166/2001 ዓ/ም

ፈፀምቲ ኣካላት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዳግም ንምውዳብ ዝወፀ ኣዋጅ

ኣወዳዳባ ፈፀምቲ ኣካላት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ዝተኻየደ መፅናዕቲ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ኣሰራርሓ መሰረታውን ተኣምራውን ዝኾነ ለውጢ ንምምፃእ ብዘኽእል ኣገባብ ዳግም ምውዳብ ኣገዳሲ ብምኻኑ፣

ብዝተገበረ መፅናዕቲ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ኣሰራርሓ ዝተመደቡ ኣውራ ከይዲ ስራሕቲ ፖሊሲን ስትራቴጅን መንግስቲ ኣብ ምዕዋት ብዘለዎም ብቕዓት ፣ ንተገልጋሊ ብዘለዎም ምችውነት ፣ ንምምሕዳር ብዘለዎም ምዕሩይነት ብውፅኢትን፣ ልኡኽን ዘለዎም ባህሪያዊ ምትእስሳር፣ ዝተወደበ ኣመራርሓ ንምሃብን ወፃኢ ኣብ ምንካይን ብዘለዎም ውፅኢታውነት መሰረት ብምግባር ብሓደ ቤት ፅዮ ዝውደበሉ ኩነታት ምፍጣር ግቡእ ምኻኑ ስለዝተኣመነሉ፣

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/ሀ/ ዝተውሃቦ ስልጣን እዚ ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

ሓፈሻዊ

1. **ሓፂር ርእሲ**
   እዚ ኣዋጅ "ፈፀምቲ ኣካላት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዳግም ንምውዳብ ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 166/2001 ዓ/ም" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።
2. **ትርጉም**

ኣብ ውሽጢ እዚ ኣዋጅ፡-

1. "ቤት ምኽሪ" ማለት ብመሰረት ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 48 ዝተጣየሸ ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።

ናይ ሓደ ዋጋ ያንዱ ዋጋ	ብር 2.90

ኣዋጅ ቁጥር 166/2001 ጀዓ/ም

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስስት የስራ አስፈጻሚ አካላት እንደገና ለማደራጀት የወጣ አዋጅ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የስራ አስፈፃሚ አካላት አደረጃጀት በተካሄደው የመሰረታዊ ለውጥ የአሰራር ሂደት ጥናት መሰረት መሰረታዊና ተአምራዊ የሆነ ለውጥ ለማምጣት በሚያስችል አግባብ እንደገና ማደረጀት አስፈላጊ በመሆኑ፣

በተደረገው መሰረታው የስራ ሂደት ለውጥ ጥናት የተደራጁ ዋና የስራ ሂደቶች የመንግስት ፖሊስና ስትራቴጂ ከማሳካት አኳያ ያላቸው ብቃት ፣ ለተገልጋዩ ያለቸው አመችነት፣ ለማስተዳደር ያለቸው አመችነት ፣ ለማስተዳደር ያላቸው አግባብነት ፣ በሚያስመዘግቡት ውጤትና ተልእኮ ያላቸው ባህሪያዊ ትስስር ፣ የተደራጀ አመራር ለመስጠትና ውጭን ከመቆጠብ እኳያ ባላቸው ውጤታማነት መሰረት በማድረግ በአንድ መስሪያ ቤት የሚደራጁበት ሁኔታ መፍጠር ተገቢ መሆኑ ስለታመነበት፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ሕገ-መንግስት ዓንቀፅ 49/3/ሀ/ በተሰጠው ስልጣን መሰረት የሚከከተለውን አዋጅ አውጥቷል።

አጠቃላይ

1. **አጭር ርእስ**

ይህ አዋጅ "የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የስራ አስፈፃሚ አካላት እንደገና ለማደራጀት የወጣ አዋጅ ቁጥር 166/2001" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

2. **ትርጉም**

በዚህ አዋጅ ውስጥ፡-

1. "ምክር ቤት" ማለት ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ሕገ-መንግስት ዓንቀፅ 48 መሰረት የተቋቋመ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ነው።

ነጋሪት ጋዜጣ ቹ.ፓ.ሳ	291
ነጋሪት ጋዜጣ ፓ.ሳ.ቁ	291

www.abyssinialaw.com

2. "ክልል" ማለት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።
3. "ቤት ምክሪ ስራሕ ፈፃሚ" ማለት ብመሰረት ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ክልል ትግራይ ዓንቀፅ 55/1/ ዝተጣየሸ ቤት ምክሪ ስራሕ ፈፃሚ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።
4. "ቢሮ" ማለት ከም ኣገዳስነቱ ሓደን ካብኡ ንላዕልን ኣውራ ከይዲ ስራሕ ሒዙ በዚ ኣዋጅ ዝተጣየሸን ኣባል ቤት ምክሪ ስራሕ ፈፃሚ እዚ ብሄራዊ ክልላዊ መነግስቲ ዝኾነ እዩ።
5. "መራሒስራሕ" ማለት በዚ ኣዋጅ ኣብ ዝተጣየሸ ቢሮ ወይ ኤጀንሲ ንኽመርሕ ብመንግስቲ ዝሸወመ ተፈጥሮኣዊ ሰብ እዩ።
6. "ኤጀንሲ" ማለት ከም ኣገዳስነቱ ሓደን ካብኡ ንላዕልን ኣውራ ከይዲ ስራሕ ሒዙ ዝተወደበን ተፀዋዕንቱ ከከም ኩነታቱ ንርእስ ምምሕዳር ወይ ንቢሮ ዝኾነ ኣካል ፈፃሚ ቤት ዕዮ ማለት እዩ።
7. "ኣውራ ከይዲ ሰራሕ" ማለት ብመሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ኣሰራርሓ መፅናዕቲ ዝሓለፈ፣ ብመንግስቲ ዝፀደቑን ናይ ባዕሉ ግብኣት፣ ውፅኢትን ፋይዳን ዘለዎ ከይዲ ስራሕ እዩ።

3. <u>ዕላማ</u>

እዚ ኣዋጅ ዝስዕብ ዕላማታት ይህልውዎ።

1. ፈፃሚ ኣካል ፖሊሲን ስትራቴጅን መንግስቲ ብብቕዓት ንምዕዋት ብዘኽእል ኣገባብ ንምውዳብ፣
2. ብመሰረት ብመፅናዕቲ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ኣሰራርሓ ዝተወደቡ ከይዲ ስራሕቲ ብዝበለፀ ውፅኢታዊ ብዝኾነሉ ኣገባብ ብምውዳብ ትካላዊ ለውጢ ዝመፀሉ ክኩነታት ምምቻቻው፣
3. ፅሩይን ስሉጥን ግልጋሎት ብምሃብ ዕግበት ተገልጋሊ ብምርግጋፅ ኣብዚ ክልል ሰናይ ምምሕዳር ዝሰፍነሉ ዲሞክራሲ ዝዕምብበሉን ልምዓት ዝቀላጠፈሉን ጥሑሕ ባይታ ምፍጣር።

4. <u>ምውዳብ ቤት ምክሪ ስራሕ ፈፃሚ</u>

ቤት ምክሪ ስራሕ ፈፃሚ ዝስዕቡ ኣባላት ይህልዉዎ።

1. ርእሰ ምምሕዳር
2. ምክትል ርእሰ ምምሕዳር
3. ኣብዚ ኣዋጅ ኣብ ዓንቀፅ 5 ዝተጠቐሱ ቢሮ ዝመርሑ መራሕቲ ስራሕ
4. ርእሰ ምምሕዳር ብኣባልነት ንኽሳተፉ ዝመርፅዎም ካልኦት መራሕቲ ስራሕ
5. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝተገለፀ ዝኾነ መራሒ ስራሕ ኣብ ኣኼባ ቤት ምክሪ ስራሕ ፈፃሚ ኣብ ዘይርከበሉ እዋን ተተካኢ መራሒ ስራሕ ብኣባልነት ኣብቲ ኣኼባ ይሳተፍ።

2. "ክልል" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ነው።
3. "የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት" ማለት ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ሕገ-መንግስት አንቀፅ 55/1 የተቋቋመ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የስራ አስፈፃሚ ምክርቤት ነው።
4. "ቢሮ" ማለት እንደየአስፈላጊነቱ አንድና ከዚያ በላይ ዋና የስራ ሂደት ይዞ በዚህ አዋጅ የተቋቋመና የብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት አባል የሆነ ቢሮ ነው፡
5. "የስራ መሪ" ማለት በዚህ አዋጅ መሰረት የተቋቋመ ቢሮ ወይም ኤጀንሲ እንዲመራ በመንግስት የሚሾም ተፈጥሮአዊ ሰው ነው።
6. "ኤጀንሲ" ማለት እንደየ አስፈላጊነቱ አንድና ከዚያ በላይ ዋና የስራ ሂደት ይዞ የተደራጀና ተጠሪነቱ እንደየሁኔታው ለርዕሰ መስተዳድሩ ወይም ለቢሮ የሆነ የስረ አስፈፃሚ አካል መስሪያ ቤት ነው።
7. "ዋና የስራ ሂደት" ማለት በመሰረታዊ የአሰራር ሂደት ለውጥ ጥናት ያለፈ ፣ በመንግስት የፀደቀና የራሱ ግብኣት፣ ውጤትና ፋይዳ ያለው የስራ ሂደት ነው።

3. <u>ዓላማ</u>

ይህ አዋጅ የሚከተሉት ዓላማዎች ይኖሩታል።

1. ፈፃሚው አካል የመንግስትን ፖሊሲና ስትራቴጂ በብቃት ለማሳካት በሚያስችለው አግባብ ለማደራጀት፣
2. በመሰረታዊ የአሰራር ሂደት ለውጥ ጥናት መሰረት የተደራጁ የስራ ሂደቶች በበለጠ ውጤታማ በሚሆኑበት አግባብ በማደራጀት ተቋማዊ ለውጥ የሚመጣበት ሁኔታ ለማመቻቸት፣
3. ጥራት ያለውና ፈጣን አገልግሎት በመሰጠት ተጋልጋዮ በማርካት በክልሉ መልካም አስተዳደር የሚሰፍንበት ዲሞክራዊ የሚጎለብትበትና ልማትን የሚቀላጠፍበት የተመቻቸ ሁኔታ መፍጠር።

4. <u>የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ማደራጀት</u>

የስራ አስፈፃሚ ምክርቤት የሚከተሉት አባላት ይኖሩታል።

1. ርእሰ መስተዳደር
2. ምክትል ርዕስ መስተዳደር
3. በዚህ አዋጅ አንቀፅ 5 የተጠቀሱ ቢሮዎች የሚመሩ የስራ መሪዎች
4. ርእሰ መስተዳደሩ በአባልነት እንዲሳተፉ የሚመርጧቸው ሌሎች የስራ መሪዎች
5. በዚህ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 የተገለፀ ማንኛውም የስራ መሪ በስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ስብሰባ በማይገኝበት ጊዜ የስራ መሪ ተተኪ በስብሰባው በአባልነት ይሳተፋል።

5. **ምጥያሽ ቢሮታትን ዝሓቑፍዎም ኣውራ ከይዲ ስራሕትን**
እዞም ዝስዕቡ ቢሮታት ዓርሶም ዝኽኣሉ መንግስታዊ ቤት ዕዮ ኽይኖም በዚ ኣዋጅ ተጣይሾም ኣለዉ።

1. **ቢሮ ልምዓት ከተማ፣ ንግድን ኢንዱስትሪን**
ዝሓቑፍም ኣውራ ከይዲ ስራሕቲ፡-
1. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምሃብ ኣፍልጠን ምንፃር ብርኪ ከተማታትን
2. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምድላው፣ ምክትታልን ምግምጋምን ፕላን ከተማታት፣
3. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምልማዕ መሬትን ምሃብ መረዳእታን፣
4. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት፣
5. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምጥያሽን ምድጋፍን ደቀ'ችትን ኣናእሽቶን ንግዲ ትካላት፣
6. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምርግጋዕ ሕጋውን ፍትሓውን ስርዓት ንግዲ፣
7. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ፅባቐን ዕሬትን ከተማታት

2. **ቢሮ ልምዓት ሕርሻን ገፀርን**
ዝሓቑፎም ኣውራ ከይዲ ስራሕቲ፡-
1. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ልምዓት ፣ ሓለዋን ኣጠቓቕማን ሃፍቲ ተፈጥሮ፣
2. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምርመር ሕርሻን ግልጋሎት ኤክስተንሽንን፣
3. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ቀረብ እታዎታን ዕደጋ ፍርያት ሕርሻነት፣
4. ኣውራ ከይዲ ስራሕ መጠንቀቕታን ግብረ መልስን ውሕስነት ምግብን።

3. **ቢሮ ልምዓት ሃፍቲ ማይ ፣ ማዓድንን ኢነርጅን**
ዝሓቑፎም ኣውራ ከይዲ ስራሕቲ፡-
1. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ቀረብ መስተ ማይን መስኖን፣
2. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምምሕዳር ሃፍቲ ማይ፣
3. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምምሕዳር ሃፍቲ ማዕድን፣
4. ኣውራ ከይዲ ስራሕ መፅናዕትን ፣ ምስፍሕፋሕን ቴክኖሎጅን ኢነርጅን

4. **ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ**
ዝሓቑፎም ኣውራ ከይዲ ስራሕቲ፡-
1. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምምዛእ ኣተሓሳስባ ለውጢ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ፣
2. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ማዕረ ተጠቃምነትን ተሳታፍነትን ደቂ ኣንስትዮ ንምርግጋዕ ስርዓት ምትእትታው።

5. **የቢሮዎች ማቋቋምና የሚያካትዋቸው ዋና የስራ ሂደቶች**
የሚከተሉት ቢሮዎች ራሳቸው የቻሉ መንግስታዊ መስሪያ ቤት ሆነው በዚህ አዋጅ ተቋቁመዋል።

1. **የከተማ ልማት ፣ ንግድና ኢንዱስትሪ ቢሮ፣**
ያካተታቸው ዋና የስራ ሂደቶች፣
1. የከተማዎች ደረጃ መለየትና እውቅትና መስጠት ዋና የስራ ሂደት፣
2. የከተሞች ፕላን ማዘጋጅት፣ መከታተልና መገምገም ዋና የስራ ሂደት፣
3. የመሬት ልምዓትና ማስረጃ መስጠት ዋና የስራ ሂደት፣
4. የኢንቨስትመንት ማስፋፊያ ዋና የስራ ሂደት፣
5. የአነስተኛና ጥቃቅን የንግድ ድርጅቶች ማቋቋምና መደገፍ ዋና የስራ ሂደት፣
6. የንግድ ስርዓት ሕጋዊነትና ፍትሓዊነት ማረጋገጥ ዋና የስራ ሂደት፣
7. የከተሞች ውበትና ጥራት ዋና የስራ ሂደት

2. **የግብርናና ገጠር ልማት ቢሮ**
ያካተታቸው ዋና የስራ ሂደቶች፡-
1. የተፈጥሮ ሃብት ልማት ጥበቃና አጠቃቀም ዋና የስራ ሂደት፣
2. የእርሻ ምርምርና ኤክስቴንሽን አገልግሎት ዋና የስራ ሂደት
3. የግብኣት አቅርቦትና የእርሻ ምርት ገበያ ዋና የስራ ሂደት፣
4. የምግብ ዋስትና ፣ የቅድመ ማስጠንቀቅያና ግብረ መልስ ዋና የስራ ሂደት

3. **የውሃ ሃብት ልማት ማእድንና ኢነርጂ ቢሮ**
ያካተታቸው ዋና የስራ ሂደቶች፡-
1. የመጠጥና የመስኖ ውሃ አቅርቦት ዋና የስራ ሂደት
2. የውሃ አስተዳደር ዋና የስራ ሂደት
3. የማእድን ሃብት አስተዳደር ዋና የስራ ሂደት
4. የቴክኖሎጂና ኤነርጂ ጥናትና ማስፋፋት ዋና የስራ ሂደት

4. **የሴቶች ጉይ ቢሮ**
ያካተታቸው ዋና የስራ ሂደቶች፡-
1. በሴቶች የአስተሳሰብ ለውጥ ማምጣት ዋና የስራ ሂደት፣
2. የሴቶች እኩል ተጠቃሚነትና ተሳታፊነት ለማረጋገጥ ስርዓት የመፍጠር ዋና የስራ ሂደት

www.abyssinialaw.com

5. **<u>ቢሮ መናእሰይ፣ ስፖርትን ማሕበራዊ ጉደይን</u>**
ዝሓቑፎም ኣውራ ክይዲ ስራሕቲ፡-
1. ኣውራ ክይዲ ስራሕ ምዕባይ ብቕዓት መናእሰይ፣
2. ኣውራ ክይዲ ስራሕ ህዝባዊ መሰረት ዘለዎ ስፖርት ምስፍሕፋሕን ዕብየት ምምፃእን
3. ኣውራ ክይዲ ስራሕ ምክልኻል ማሕበራዊ ፀገማት ምርግጋፅ ማሕበራዊ ድሕንነትን
4. ኣውራ ክይዲ ስራሕ ምርኻብ ስራሕን ሰራሕተኛን ምርግጋፅ ኢንዱስትሪያላዊ ሰላምን

6. **<u>ቢሮ ሓለዋ ጥዕና</u>**
ዝሓቑፎም ኣውራ ክይዲ ስራሕቲ፡-
1. ኣውራ ክይዲ ስራሕ ምስንም ጥዕና ምክልኻል ሕማማትን
2. ኣውራ ክይዲ ስራሕ ምሕካምን ክንክን ሕሙማትን
3. ኣውራ ክይዲ ስራሕ ቁፅፅር ጥዕና
4. ኣውራ ክይዲ ስራሕ ምትእኽኻብ፣ ምክፍፋልን ምቁፅፃርን ሃፍቲ ንመደባት ፀረ ኤች ኣይቪ /ኤድስ።

7. **<u>ቢሮ ቴክኒክ ፣ ሞያ ፣ ትምህርትን ስልጠናን</u>**
ዝሓቑፎም ኣውራ ክይዲ ስራሕቲ፡-
1. ኣውራ ክይዲ ስራሕ ውፅኢት መሰረት ዝገበረ ስልጠና
2. ኣውራ ክይዲ ስራሕ ምርግጋፅ ዝርግሐን ብቕዓትን መሰልጠኒ ማእኸላት
3. ኣውራ ክይዲ ስራሕ ስግግር ቴክኖሎጂ

8. **<u>ቢሮ ትምህርቲ</u>**
ዝሓቑፎም ኣውራ ክይዲ ስራሕቲ፡-
1. ኣውራ ክይዲ ስራሕ ምድላውን ትግበራን ስርዓት ትምህርቲ
2. ኣውራ ክይዲ ስራሕ ስታንዳርድ ምርግጋፅ ፅሬት ትምህርቲ
3. ኣውራ ክይዲ ስራሕ ልምዓት መምህራንን ኣመራርሓ ትመህርትን

9. **<u>ቢሮ ህንፀት ዓቕምን ምምሕዳር ሰራሕተኛታት መንግስቲ</u>**
ዝሓቑፎም ኣውራ ክይዲ ስራሕቲ
1. ኣውራ ክይዲ ስራሕ ኣመራርሓ ስራሕ ሓይሊ ሰብ
2. ኣውራ ክይዲ ስራሕ መፅናዕትን ትግበራን
3. ኣውራ ክይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕን ምምዕባልን ቴክኖሎጂ ሓበሬታን ርክብን
4. ኣውራ ክይዲ ስራሕ ኣተኣላልያ ጥርዓን ሰራሕተኛታትን ኣብያተ ፅዮ መንግስትን
5. ኢንስቲትዩት ኣመራርሓ ስራሕ

5. **<u>የወጣቶች፣ ስፖርትና ማሕበራዊ ጉዳይ ቢሮ</u>**
ያካተታቸው ዋና የስራ ሂደቶች፡-
1. የወጣቶች ብቃት ማሳደግ ዋና የስራ ሂደት፣
2. የህዝብ መሰረት ያለው ስፖርት ማስፋፋትና እድገት ማምጣት ዋና የስራ ሂደት፣
3. የማሕበራዊ ችግራች መከላከልና ማሕበራዊ ድሕንነት ማረጋገጥ ዋና የስራ ሂደት፣
4. የስራና ሰራተኛ ግኑኝነትና እንዱስትሪያላዊ ሰላም ማረጋገጥ ዋና የስራ ሂደት

6. **<u>የጤና ጥበቃ ቢሮ</u>**
ያካተታቸው ዋና የስራ ሂደቶች፡-
1. የበሽታ መከላከልና የጤና አጠባበቅ ዋና የስራ ሂደት
2. የበሽተኞች እንክብካቤና ማከም ዋና የስራ ሂድት
3. የጤና ቁጥጥር ዋና የስራ ሂደት
4. የሃብት ማሰባሰብ፣ ማከፋፈልና መቆጣጠር ለፀረ ኤች ኣይቪ /ኤድስ ስራዎች ዋና የስራ ሂደት

7. **<u>የቴክኒክ ፣ሙያ፣ ትምህርትና ስልጠና ቢሮ</u>**
ካተታቸው ዋና የስራ ሂደቶች፡-
1. ውጤት መሰረት ያደረገ ስልጠና ዋና የስራ ሂደት
2. የማሰልጠኛ ማዕከላት ብቃትና ስርጭት ማረጋገጥ ዋና የስራ ሂደት
3. የቴክኖሎጂ ሽግግር ዋና የስራ ሂደት

8. **<u>የትምህርት ቢሮ፡-</u>**
ያካተታቸው ዋና የስራ ሂደቶች፡-
1. የስርዓት ትምህርት ዝግጅትነ ትግበራ ዋና የስራ ሂደት
2. የትምህርት ጥራት ስታንዳርድ ማረጋገጥ ወና የስራ ሂደት
3. የመምህራንና የትመህርት ኣመራር ልማት ዋና የስራ ሂደት

9. **<u>የአቅም ግንባታና የመንግስት ሰራተኞች አስተዳደር ቢሮ</u>**
ያካተታቸው ዋና የስራ ሂደቶች፣
1. የሰው ሃይል አመራር የስራ ሂደት
2. የጥናትና ትግበራዊ የስራ ሂደት
3. የኢንፎርሜሽን ኮሚኒኬሽን ቴክኖሎጂ ማስፋፍያን ማበልፀጊያ ዋ የስራ ሂደት
4. የመንግስት መስርያ ቤቶችና ሰራተኞች ቅሬታ መፍታት ዋና ስራ ሂደት
5. የስራ አመራር ኢንስቲትዩት

www.abyssinialaw.com

10. **ቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን**

ዝሓቐፎም ኣውራ ከይዲ ስራሕቲ፡-

1. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምምራሕን ምብቃዕን ሚድያ፣ ኣካላት ሓበሬታን ርክብ ህዝቢ
2. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ፍሰት ሓበሬታ

11. **ቢሮ ፖሊስን ፀጥታን**

ዝሓቐፎም ኣውራ ከይዲ ስራሕቲ ገበን ምክልኻል ንሰላምን ድሕንነት ሕብረተሰብን ኾይኑ ኣብ ውሽጡ፡-

1. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ውዳበ ህዝብን ትምህርትን
2. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ሓበሬታን ክትትልን
3. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምኽባር ፀጥታ
4. ኣውራ ከይዲ ስራሕ መፅናዕትን ምክልኻል ግዕዝይናን ዝብሉ ሸርኻናት ሒዙ ተወዲቡ ኣሎ።

12. **ቢሮ ከኮንስትራክሽን ፣ መንገድን ትራንስፖርትን**

ዝሓቐፎም ኣውራ ከይዲ ስራሕቲ፡-

1. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ህንፃ ዲዛይንን ኮንስትራክሽንን
2. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ኮንስትራክሽንን ሬጉለሽንን ምዝገባን ፍቓድን
3. ኣውራ ከይዲ ስራሕ መንገዲ ምዕባለን ምምሕዳርን
4. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምርግጋፅ ብቕዓት ኣሽከርካርን ተሽከርካሪን
5. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምርግጋፅ ድሕንነት ትራፊክን መንገድን

13. **ቢሮፍትሒ**

ዝሓቐፎም ኣውራ ከይዲ ስራሕቲ፡-

1. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምፅራይን ክስን
2. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ህንፀትን እግሪ ንምትካል ባይታ ምምችቻውን
3. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምርቃቕን ስርፀትን ሕጊ

14. **ቢሮ ትልምን ፋይናንስን**

ዝሓቐፎም ኣውራ ከይዲ ስራሕቲ፡-

1. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምምሕዳር ፋይናንስ ክልላዊ መንግስቲ
2. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምድላው ክልላዊ ልምዓታዊ ትልሚ
3. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ፣ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን
4. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምትሕብባር ሓገዝ

6. **ምጥያሽ ካልኦት ፈፀምቲ ኣካላትን ተፀዋዕነትን**

1. **ኤጀንሲ ባህልን ቱሪዝምን**

እዚ ኤጀንሲ ተፀዋዕነቱ ንርእሰ ምምሕዳር ኾይኑ

1. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምልማዕ ቱሪዝም
2. ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምዕናዕን ምልላይን ሃገር ቦቐል ባህላዊ ፍልጠትን ሒዙ ዓርሱ ኪኢሉ ተጣይሹ ኣሎ።

10. **የመንግስትና ህዝብ ግንኙነት ቢሮ**

ያካተታቸው ዋና የስራ ሂደቶች፡-

1. የሚድያ ፣ ኢንፎርሜሽንና የህዝብ ግንኙነት ኣካላት መምራትና ማብቃትዋና የስራ ሂደት
2. የኢንፎርሜሽን ፍሰት ዋና የስራ ሂደት

11. **የፖሊስና ፀጥታ ቢሮ**

የወንጀል መከላከል ለሰላመና ድሕንነት ሕብረተሰብ ያካተተ ሆኖ በውስጡ

1. የህዝብ አደረጃጀትና ትምህርት ዋና የስራ ሂደት
2. ኢንፎርሜሽንና ክትትል ዋና የስራ ሂደት
3. ፀጥታ የማሰከበር ዋና የስራ ሂደት
4. የጥናትና ሙስና የመከላከል ዋና የስራ ሂደት የሚሉ ሸርኻንስ ይዞ ተደራጅቷል።

12. **የኮንስትራክሽን ፣ መንግድና ትራንስፖርት ቢሮ**

ያካታቸው ዋና የስራ ሂደቶች፡-

1. የህንፃ ዲዛይንና ኮንስትራክሽን ዋና የስራ ሂደት
2. የኮንስትራክሽን ሬጉሌሽንና ምዝገባ ፍቓድ ዋና የስራ ሂደት
3. የመንገድ ለማትና ኣስተዳደር ዋና የስራ ሂደት
4. የኣሽከርካሪዎችና ተሽከርካሪዎች ብቃት ማረጋገጥ ዋና የስራ ሂደት
5. የትራፊክና መንገድ ድሕንነት ማረጋገጥ ዋና የስራ ሂደት

13. **ፍትህ ቢሮ**

ያካታቸው ዋና የስራ ሂደቶች፡-

1. የምርመራና ክስ ዋና የስራ ሂደት
2. የግንባታና መልሶ ለማቋቋም ቅድመ ሁኔታ ማመቻቸት ዋና የስራ ሂደት
3. የሕግ ማርቀቅና ስርፀት ዋና የስራ ሂደት

14. **የፕላንና ፋይናንስ ቢሮ**

ያካታቸው ዋና የስራ ሂደቶች፡-

1. የክልሉ መንግስት ፋይናንስ ኣስተዳደር ዋና የስራ ሂደት
2. የክልሉ የልማት ዕቅድ ዝግጅት ዋና የስራ ሂደት
3. የግዥ ፣ ፋይናንስና ንብረት ኣስተዳደር ዋና የስራ ሂደት
4. የእርዳታ ማስተባበር ዋና የስራ ሂደት

6. **የሌሎች የአስፈፃሚ ኣካላት መቋቋምና ተጠሪነት**

1. **የባህልና ቱሪዝም ኤጀንሲ**

የዚህ ኤጀንሲ ተጠሪነት ለርዕሰ መሰተዳደሩ ሆኖ፡-

1. የቱሪዝ ም ልማት ዋና የስራ ሂደት
2. የጥናትና ኣገር በቀለ ባህላዊ እውቀት ማስተዋወቅ ዋና የስራ ሂት ይዞ ራሱ ችሎ ተቋቁመዋል።

2/ **<u>ኤጀንሲ ልምዓት እቶት</u>**

ተዐዋዕነት እዚ ኤጀንሲ ንቢሮ ልምዓታዊ ትልምን ፋይናንስን ኽይኑ

1. ኣውራ ክይዲ ስራሕ ኣተኣኻኽበ እቶት ሒዙ ዓርሱ ኪኢሉ ተሸይጡ ኣሎ።

3/ **<u>ኤጀንሲ ሓለዋ ስነ-ከባቢ፣ ኣጠቓቕማን ምምሕዳርን ገፀርመሬት</u>**

ተዐዋዕነት እዚ ኤጀንሲ ንቢሮ ልምዓት ሕርሻን ገፀርን ኮይኑ፡-

1. ኣውራ ክይዲ ስራሕ ሓለዋ ስነ-ከከባቢ
2. ኣውራ ክይዲ ስራሕ ምምሕዳርን ኣጠቓቓምን ገፀር መሬት ሒዙ ዓርሱ ኪኢሉ ተጣይሹ ኣሎ።

4/ **<u>ኤጀንሲ ምስፍሕፋሕ ሕብረት ስራሕ ማሕበራትን ልማዓት ዕዳጋን</u>**

ተዐዋዕነት እዚ ኤጀንሲ ንቢሮ ልምዓት ሕርሻን ገፀርን ኽይኑ ንኣውራ ክይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ሕብረት ስራሕ ማሕበራትን ልምዓት ዕዳጋን ሒዙ ዓርሱ ኪኢሉ ተጣይሹ ኣሎ።

7. **<u>ሓበራዊ ስልጣን ቢሮታት</u>**

1. ሕድ ሕድ ቢሮ ኣብ መዳይ ስርሑ፡
   ሀ. ብመሰረት መዕናዕቲ መሰረታዊ ለውጢ ክይዲ ስራሕ ትካላዊ ለውጢ ንምምፃእ ይመርሕ ፣ የተሓባብር ይከታተል፣

   ለ. ፖሊሲታትን ሕግታት የፍልኽ ፣ ትልምን በጀትን የዳሉ እንትፍቀድ ኣብ ስራሕ የውዕል፣

   ሐ. ዝወፁ ሕግታት ፣ ደንብታትን መምርሕታትን ኣብ ስራሕ ምውዓሎም የረጋግፅ፣

   መ. ስራሕቲ ምርምርን መዕናዕትን የካይድ፣ ስታትስቲካዊ መረዳኣታ ይእክብ ፣ ይውድብ ፣ ይትንትን

   ረ. ውዕላት ይፈራረም ፣ ይኽስስ፣ ይኽሰስ

   ሰ. ብኽዓት ምፍፃም ዓኽሚ ታሕተዎት ብርኪታት ምምሕዳር የዕቢ፣ ኩለመዳያዊ ደገፍ ይህብ፣

2. በዚ ኣዋጅን ካልኦት ሕግታትን ዝወሃብዎ ተግባራት ይፍፅም
3. ኣፈፃፅማ ስርሑ ብዝምልከት ኣብ ዝተነፀረሉ ግዜ ቀመር ንርእሰ ምምሕዳር፣ ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃምን ብሕጊ ስልጣን ዝተውሃቦም ኣካላትን ፀብፃብ የቕርብ።
4. ንስርሑ ኣድላይቲ ዝኾኑ ክይዲ ስራሕትን ፈፀምቲ ክይዲ ስራሕ ሰራሕኛታትን ይህልውዎ።
5. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 4 ዝተገለፀ እንተሃለወ እውን ሕድ ሕድ ቢሮ ክከም ኩነታቱን ዝምልከቶ ኣካል እናፍለጠ ክይዲ ስራሕቲ ክንኪ ወይ ክውስኽ ይኽእል።

2/ **<u>የጊዎች ልማት ኤጀንሲ</u>**

የዚህ ኤጀንሲ ተጠሪነት ለፕላንና ፋይናንስ ቢሮ ሆኖ፡-

1. የጊቢ ኣሰባሰብ ዋና የስራ ሂደት ይዞ ራሱ ችሎ ተቋቁሟል

3/ **<u>የስነ ከባቢ ጥበቃ፣ የገጠር መሬት አጠቃቀምና አስተዳደር ኤጀንሲ</u>**

የዚህ ኤጀንሲ ተጠሪነት ለግብርናና ገጠር ልማት ቢሮ ሆኖ፣

1. የስነ-ከባቢ ጥበቃ ዋና የስራ ሂደት
2. የገጠር መሬት አጠቃቀምና አስተዳደር ዋና የስራ ሂደት ይዞ ራሱ ችሎት ተቋቁሟል።

4/ **<u>ሕብረት ስራ ማሕበራት ማስፋፊያና የገበያ ልማት ኤጀንሲ</u>**

የዚህ ኤጀንሲ ተጠሪነት ለግብርናና ገጠር ልማት ቢሮ ሆኖ የሕብረት ስራ ማሕበራት ማፋፊያና የገበያ ልማት ዋና የስራ ሂደት ይዞ ራሱ ችሎ ተቋቁመዋል።

7. **<u>የቢሮዎች የጋር ስልጣን</u>**

1. እያንዳንዱ ቢሮ በስራው ላይ፡-
   ሀ. በመሰረታዊ የአሰራር ለውጥ ሂደት ጥናት መሰረት ተቋማዊ ለውጥ ለማምጣት ይመራል፣ ያስተባብራል፣ ይከታተላል፣

   ለ. ፖሊሲዎችና ሕጎች ያመነጫል፣ ዕቅድና በጀት ያዘጋጃል፣ ሲፈቀድለት ስራ ላይ ያውላል፣

   ሐ. የወጡ ሕጎች ፣ ደንቦችና መመሪያዎች ስራ ላይ መዋላቸውን ይከታተላል፣

   ሐ.የምርምርና ጥናት ስራዎች ያካሂዳል፣ ስትታስቲካዊ መረጃ ይሰበስባል፣ ያደራጃል፣ ይተነትናል
   ረ. ውሎች ይፈራረማል፣ ይከሳል ይከሰሳል

   ስ. የታችኛው የአስተዳደር እርከን የማስፈፀም ዓቅም ብቃት ይገነባል ፣ ሁለገብ ድጋፍ ይሰጣል።

2. በዚህ አዋጅና ሌሎች ሕጎች የሚሰጡት ተግባሮች ይፈፅማል፣
3. የስራው አፈፃፀም በሚመለከት በተቀመጠለት የጊዜ ስሌት ለርዕሰ መሰተዳድሩ ፣ ለክልሉ ስራ አስፈፃሚ ምክር ቤትና በሕግ ስልጣን ለተሰጣቸው ኣካላት ሪፖርት ያቀርባል።
4. ለስራው አስፈላጊ የሆኑ የስራ ሂደቶችና የስራ ፈፃሚ ሰራተኞች ይኖሩታል።
5. በዚህ አንቀፀ ንዑስ አንቀፅ 4 የተገለፀ ቢኖርም እያንዳንዱ ቢሮ እንደየ አስፈላጊነቱ ለሚመለከተው አካል በማሳወቅ የስራ ሂደት ሊቀንስ ወይም ሊጨምር ይችላል ።

www.abyssinialaw.com

8. **ተፀዋዕነት መራሕቲ ስራሕ ቢሮታት**

1. ሕድ ሕድ መራሒ ስራሕ ቢሮ ንኣፈፃፅማ ስራሑቲ፣ ፕሮግራማትን ሕግታት ቢሮኡ ዝምልከት ንርእሰ ምምሕዳርን ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃምን ተፀዋዕነት ይህልዎ።

2. ስልጣንን ተግባር ንሕድ ሕድ ቢሮ ብናይ ባዕሉ ኣዋጅ ዝውስን ይኸውን።

ዝተፈላለዩ ድንጋጌታት

9. **ብዛዕባ ካልኦት ፈፀምቲ ኣካላት**

ኣብዚ ኣዋጅ እዚ ዘይተመልከተ ዝኾነ ፈፃ ኣካል እዚ ክልል ተፀዋዕነቱ ኾነ ስልጣንን ተግባሩን ብመሰረት ዝተጣየሸሉ ሕጊ ይቕዕል።

10. **ምምሕላፍ መሰልን ግቡእን**

1. ኣብ ቢሮ ንግድን ኢንዱስትሪን ምስ መንገድን ትራንስፖርትን ዝተኣሳሰረ ከይሓወሰ ፣ ኣብ ቢሮ ከተማ ልምዓት ምስ ኮንስትራክሽን ዝተኣሳሰረ ከይሓወሰ ዝነበረ መሰልን ግቡእን በዚ ኣዋጅ እዚ ናብ ቢሮ ከተማ ልምዓት፣ ንግድን ኢንዱስትሪን ተመሓላሊፉ ኣሎ።

2. ምስ መንገድን ትራንስፖርትን ፣ ኮንስትራክሽንን ገጠር መንገድን ዝተኣሳሰረ መሰልን ግቡእን በዚ ኣዋጅ እዚ ናብ ቢሮ ኮንስትራክሽን መንገዲን ትንስፖርትን ተመሓላሊፉ ኣሎ።

3. ምስ ቤት ፅሕፈት ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች ኣይቪ ኤድስ ዝተኣሳሰረ ፣ መሰልን ግቡእን በዚ ኣዋጅ እዚ ናብ ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ተመሓላሊፉ ኣሎ።

4. ምስ ቢሮ ጉዳይ መናእሳይን ስፖርትንቢሮ ሰራሕተኛ ማሕበራዊ ጉዳይን ዝተኣሳሰረ መሰልን ግቡእን በዚ ኣዋጅ እዚ ናብ ቢሮ መናእሰይ ፣ ስፖርትን ማሕበራዊ ጉዳይን ተመሓላሊፉ ኣሎ።

5. ምስ ቢሮ ፀጥታን ጉዳያት ምምሕዳርን ፣ ኮምሽን ፀረ ግዕዝይናን ስነ-ምግባርን ፣ ቤት ፅሕፈት ምልኻን ኮሚሽን ፖሊስን ዝነበረ መሰልን ግቡእን ናብ ቢሮ ፖሊስን ፀጥታን ተመሓላሊፉ ኣሎ።

6. ምስ ቤት ፅሕፈት ምምሕዳር ኣብያተ ህንፀት ዝተኣሳሰረ መሰልን ግቡእን በዚ ኣዋጅ እዚ ናብ ቢሮ ፍትሒ ተመሓላሊፉ ኣሎ።

11. **ዝተሰዓሩ ሕግታት**

1. ኣዋጅ ቁፅሪ 94/1998 በዚ ኣዋጅ እዚ ተሳዒሩ ኣሎ።

2. ነዚ ኣዋጅ እዚ ዝጓነፅ ኣዋጅ ፣ ደንቢ ፣ መምርሒ ወይ ልማዳዊ ኣሰራርሓ ኣብዚ ኣዋጅ ኣብ ዝተሸፈኑ ዋኒናት ተፈፃሚነት ኣይህልዎን።

12. **እዚ ኣዋጅ ዝፀንፅሉ ግዜ**

እዚ ኣዋጅ ካብ 11 ሓምለ 2001 ጀሚሩ ዝፀንፀ ይኸውን።

መቐለ

ፀጋይ በርሀ

ፕሬዚደንት ብሄራዊ
ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

8. **የስራ መሪዎች ተጠሪነት**

1. እያንዳንዱ የቢሮ ስራ መሪ የቢሮው ስራ፣ ፕሮግራሞችና ሕጎች አፈፃፀም በሚመለከት ለርዕሰ መስተዳደሩና ለስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ተጠሪነት ይኖረዋል።

2. የእያንዳንዱ ቢሮ ስልጣንና ተግባርን በራሱ አዋጅ የሚወሰን ይሆናል።

የተለያዩ ድንጋጌዎች

9. **ስለ ሌሎች አስፈፃሚ አካላት**

በዚህ አዋጅ ያልተገለፀ ማንኛውም የክልሉ አስፈፃሚ አካል ተጠሪነቱም ሆነ ስልጣንና ተግባሩን በተቋቋመበት ሕግ መሰረት ይሆናል።

10. **መብትና ግዴታ ስለማስተላለፍ**

1. በንግድና ኢንዱስትሪ ቢሮ ከመንገድና ትራንስፖርት ትስስር ያላቸው ሳይጨምር በከተማ ልማት ቢሮ ከኮንስትራክሽን ጋር ትስስር ያላቸው ሳይጨምር የነበረው መብትና ግዴታ በዚይ አዋጅ ወደ ከተማ ልማት፣ ንግድና ኢንዱስትሪ ቢሮ ተላልፈዋል፡

2. በመንገድና ትራንስፖርት፣ በኮንስታክሽንና በገጠር መንገድ የነበረው መብት በዚህ አዋጅ ወደ ኮንስትራክሽን ፣ መንገድና ትራንስፖርት ቢሮ ተላልፈዋል፣

3. በኤች ኣይቪ ኤድስ መከላከልና መቆጣጠር ፅሕፈት ቤት የነበረው መብትና ግዴታ በዚህ አዋጅ ወደ ጤና ቢሮ ተላልፈዋል፣

4. በወጣቶችና ስፖርት ቢሮና በሰራተኛና ማሕበራዊ ጉዳይ ቢሮ የነበረው መብትና ግዴታ በዚህ አዋጅ ወደ የወጣቶች ፣ ስፖርትና ማሕበራዊ ጉዳይ ቢሮ ተላልፈዋል።

5. በአስተዳደርና ፀጥታ ጉዳዮች ቢሮ ፣ የስነ-ምግባርን ፀረ ሙስና ኮሚሽን ፣በፖሊስ ኮሚሽንና በምልሻ ፅሕፈት ቤት የነበረው መብትና ግዴታ በዚህ አዋጅ ወደ ፖሊስና ፀጥታ ቢሮ ተላልፈዋል

6. በማረምያ ቤቶች ፅሕፈት ቤት የነበረው መብትና ግዴታ በዚህ አዋጅ ወደ ፍትሕ ቢሮ ተላልፏል።

11. **የተሻረ ሕጎች**

1. ኣዋጅ ቁጥር 94/1998 በዚህ አዋጅ ተሽሯል።

2. ለዚህ አዋጅ የሚቃረን አዋጅ ፣ ደንብ ፣ መመሪያና የተለመደ አሰራር በዚህ አዋጅ በተሸፈኑ ጉዳዮች ላይ ተፈፃሚነት አይኖራቸውም።

12. **አዋጅ የሚፀናበት ጊዜ**

ይህ አዋጅ ከሓምሌ 11/2001ዓ/ም ጀምሮ የፀና ይሆናል።

መቀሌ

ፀጋይ በርሀ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ
መንግስት ፕሬዚዳንት

www.abyssinialaw.com



www.abyssinialaw.com

ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 17ዓመት ቁ.10
መቐለ 2 ሕዳር 2002ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

17ኛ ዓመት ቁ.10
መቀሌ ሕዳር2/2001 ዓ/ም

አዋጅ ቁፅሪ 167/2001 ዓ/ም
ካብ ሓላፍነት ዝተልዓለ አውፃኢ ሕጊ ፣ አፈፃፃሚ ሕጊን ትርጓሚ ሕጊን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝረኽቦ መሰልን ረብሓን ንምውሳን ዝወፀ አዋጅ

አውፃኢ ሕጊ፣ አፈፃፃምን ተርጓምን ሕጊ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ሓላፍነት ህዝቢ ተሰኪሙ ንረብሓ ህዝቢ ዝሰርሕ ብምኻኑ ካብ ዝነበሮ ሓላፍነት እንትልዓል ካብ ምጉስቋል ዝረሓቐ መነባብሮ ክመርሕ ምግባርን ንምጥቃዕቲ ዝተቓለዓ ከይኸውንን ሓለዋን ከለላን ምሃብ ኣድላይ ብምኻኑ፣

አውፃኢ ሕጊ፣ አፈፃፃምን ተርጓምን ሕጊ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኣብ ሓላፍነት ኣብ ዝፀንሐሉ ግዘ ዝረኽቦ ፍልጠትን ልምዲ ስራሕን ንምጥቃም ምችው ኩነታት ምፍጣር ኣድላይ ብምኻኑ፣

ኣብ ስራሕ ዘሎ አውፃኢ ፣ አፈፃፃምን ተርጓምን ሕጊ ብዛዕባ ቐፃላይ መነባብርኡ ከይሰግአ ንልምዓትን ዕብየትን ክልሉ ብቕንዕና ፣ ተኣማንነትን ውፍይነትን ክሰርሕ ምብርትታዕ ኣድላይ ብምኻኑ፣

ብመሰረት ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49 ንኡስ ዓንቀፅ 3/ሀ ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብሕጊ ብዝተውሃቦ ስልጣን ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

ናይ ሓደ ዋጋ ያንዱ ዋጋ	ብር 6.85

አዋጅ ቁጥር 167/2001
ከሃላፊነት የተነሳ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ህግ አውጪ፣ ህግ አስፈፃሚና ህግ ተርጓሚ የሚያገኘው መብትና ጥቅም ለመወሰን የወጣ አወጅ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ህግ አውጪ ህግ አስፈፃሚና ተርጓሚ ህዝባዊ አደራ በመሸከም ለህዝብና ለሃገርና ጥቅም የሚሰራ በመሆኑ ከኃላፊነት ሲነሳ ከጉስቁልና የራቀ ኑሮ እንዲኖር ማድረግና ለጥቃት ተጋላጭ እንዳይሆን ጥብቃና ከለላ መስጠት አስፈላጊ በመሆኑ፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ህግ አውጪ ፣ ህግ አስፈፃሚና ተርጓሚ በሃላፊነት በነበረበት ወቅት ያካበተውን ዕውቀትና ልምድ ለመጠቀም አመቺ ሁኔታ መፍጠር ስለሚያስፈልግ፣

በሥራ ላይ ያለ ህግ አውጪ ፣ ህግ አስፈፃሚና ተርጓሚ ለወደፊት ኑሮው ሳይሰጋ፣ ለክልሉ ልማትና እድገት በቅንነት፣በታማኝነትና በትጋት እንዲሰራ ማበረታታት አስፈላጊ በመሆኑ፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ተሻሽሎ በወጣው ህገ-መንግስት አንቀፅ 49 ንዑስ አንቀፅ 3/ሀ በህግ በተሰጠው ስልጣን መሰረት የሚከተለው አዋጅ አውጥቷል።

ነጋሪት ጋዜጣ ቐ.ፓ.ሳ ነጋሪት ጋዜጣ ፓ.ሳ.ቁ	291 291

www.abyssinialaw.com

ክፍሊ ሓደ

ሓፈሻዊ

ዓንቀፅ 1. ሓፂር ርእሲ

እዚ ኣዋጅ "ካብ ሓላፍነቱ ዝተልዓለ ኣውፃኢ ሕጊ ፣ ኣፈፃሚ ሕጊን ተርጓሚ ሕጊን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ መሰልን ረብሓን ንምውሳን ዝወፀ ቁፅሪ ኣዋጅ 167/2002" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

ዓንቀፅ 2. ትርጉም

ኣብዚ እዋጅ፡-

1. "ክልል" ማለት ብሄራዊ ክላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።
2. "መራሒ ስራሕ" ማለት ሓደ ቢሮ ንክመርሕ ወይ ብብርኪ መራሒ ስራሕ ኣብ ዝኾነ ቤተ ፅዮ መንግስቲ ብመንግስቲ ዝተመደበ ወይ ዝተሾመ ተፈጥሮኣዊ ሰብ እዩ።
3. "ተተካኢ መራሒ ስራሕ" ማለት መራሒ ስራሕ ወይ ብብርኪ መራሒ ስራሕ ኣብ ዝኾነ ስራሕ ወይ ብብርኪ መራሒ ስራሕ ኣብ ዝኾነ መንግስታዊ ቤት ፅዮ ዝተመደበ ወይ ዝተሾመ ኣብ ዘየለሉ እዋን ንፅኡ ተኪኡ ክሰርሕ ብመንግስቲ ዝተመደበ ወይ ዝተሾመ ተፈጥራዊ ሰብ እዩ።
4. "ኣባል ምድብ ኣፈፃሚ ሕጊ ክልል" ማለት ርእሰ ምምሕዳር ፣ መራሒ ስራሕ፣ ተተካኢ መራሒ ስራሕን ኣመሓዳሪ ወረዳን ንኡስ ምድብ ኣባል እዩ።
5. "ኣባል ምድብ ኣውፃኢ ሕጊ ክልል" ማለት ኣፈ-ጉባኤ፣ ምክትል ኣፈ ጉባኤ ፣ ቆዋሚ ኮሚቴን ተራ ኣባልን ቤት ምኽሪ ክልል ንኡስ ምድብ ዘጠቓለለ እዩ።
6. "ኣባል ምድብ ተርጓሚ ሕጊ ክልል" ማለት ፕረዚዳንትን ምክትል ፕረዚዳንትን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፣ ዳይና ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ፣ ዳይና ማእኸላይን ዳይና ወረደ ቤት ፍርድን ንኡስ ምድብ እዩ።
7. "ንኡስ ምድብ ርእሰ ምምሕዳር" ማለት ር

ክፍል አንድ

ጠቅላላ

አንቀፅ 1. ኣጭር ርእስ

ይህ አዋጅ "ከሃላፍነቱ የተነሳ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ህግ አውጪ ፣ ህግ አስፈፃሚና ህግ ተርጓሚ መብቶችና ጥቅሞች ለመወሰን የወጣ አዋጅ ቁጥር 167/2002" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

አንቀፅ 2. ትርጓሜ

በዚህ አዋጅ፡-

1. "ክልል" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ነው፣
2. "የስራ መሪ" ማለት አንድ ቢሮ ሊመራ ወይም በስራ መሪ ደረጃ በማንኛውም መንግስታዊ መስሪያ ቤት ሊመራ በመንግስት የተመደበ ወይም የተሾመ የተፈጥሮ ሰው ነው፣
3. "የስራ መሪ ተተኪ" ማለት የስራ መሪ ወይም በስራ መሪ ደረጃ በማንኛውም የመንግስት መስሪያቤት የተመደበ ወይም የተሾመ በሌለበት እሱን ተክቶ ሊሰራ በመንግስት የተመደበ ወይም የተሾመ የተፈጥሮ ሰው ነው።
4. "የክልል ህግ አስፈጻሚ አባል" ማለት ርእስ መስተዳድር ፣ የሥራ መሪ፣ የሥራ መሪ ተተኪና የወረዳ አስተዳደር ንኡስ ምድብ አባል ነው።
5. "የክልል ህግ አውጪ ምድብ አባል" ማለት የክልል ምክር ቤት አፈ-ጉባኤ ፣ ምክትል አፈ-ጉባኤ ፣ ቀዋሚ ኮሚቴና ተራ የምክር ቤት አባልን አጠቃልሎ የያዘ ነው፣
6. "የክልል ህግ ተርጓሚ ምድብ አባል" ማለት የጠቅላይ ፍርድቤት ፕረዝዳንትና ምክትል ፕረዚዳንት ፣ የጠቅላይ ፍርድ ቤት ዳኛ፣ የከፍተኛ ፍርድ ቤት ዳኛና የወረዳ ፍርድ ቤት ዳኛ ንኡስ ምድብ ነው፣
7. "የርእስ መስተዳድር ንኡስ ምድብ" ማለት ርእስ መስተዳድርና ምክትል ርእስ መስተዳድር ነው፣

www.abyssinialaw.com

ምምሕዳርን ምክትል ርእሰ ምምሕዳርን እዩ።

8. "ንኡስ ምድብ መራሒ ስራሕ" ማለት መራሒ ስራሕ ፣ ኣማሓዳሪ ዞባን ብተመሳሳሊ ብርኪ ዝርከብ መራሒ ስራሕን ይሓውስ፣

9. "ንኡስ ምድብ ተተካኢ መራሒ ስራሕ" ማለት ተተካኢ መራሒ ስራሕ ፣ ምክትል ኣማሓዳሪ ዞባን ኣብ ተመሳሳሊ ብርኪ ዝርከብ ሓላፍን ይሓውስ፣

10. "ንኡስ ምድብ ኣመሓዳሪ ወረዳ" ማለት ዋና ኣማሓደሪ ወረዳ ፣ ምክትል ዋና ኣመሓዳሪ ወረዳን ኣፈፃሚ ስራሕ ዞባን ዘጠቓለለ እዩ፣

11. "ንኡስ ምድብ ኣፈ-ጉባኤ" ማለት ኣፈ-ጉባኤ ቤት ምኽሪ ክልል እዩ።

12. "ንኡስ ምድብ ምክትል ኣፈ-ጉባኤ" ማለት ምክትል ኣፈ-ጉኤ ክልል ቤት ምኽሪ እዩ።

13. "ንኡስ ምድብ ኣካቢ ቀዋሚ ኮሚቴ" ማለት ኣካቢ ቀዋሚ ኮሚቴ ቤት ምኽሪ ክልል ፣ ኣፈ-ጉባኤ ቤት ምኽሪ ከተማ መቐለ፣ ኣፈ-ጉባኤ ቤት ምኽሪ ወረዳን ከባብያዊ ምምሕዳር ከተማ መቐለን ዘጠቓለለ እዩ።

14. "ንኡስ ምድብ ተራ ኣባል ቤት ምኽሪ" ማለት ልዕሊ ጣብያ ዘሎ ተመራጺ ህዝቢ ኮይኑ ኣባል ቤት ም ብምኻኑ መሃያ ዘይኽፈሎ እዩ።

15. "ንኡስ ምድብ ፕረዚዳንት ላዕለዋየ ቤት ፍርዲ" ማለት ፕረዚዳንትን ምክትል ፕረዚዳንትን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ የጠቃልል፣

16. "ንኡስ ምድብ ዳይና ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ" ማለት ዳይና ላዕለዋይ ቤት ፍርድን ፕረዚዳንት ማእኸላይ ቤ ፍርድን የጠቓልል፣

17. "ንኡስ ምድብ ዳይና ማእኸላይ ቤት ፍርዲ" ማ ዳይና ማእኸላይ ቤት ፍርድን ፕረዚዳንት ወረዳ ቤት ፍርድን የጠቓልል፣

18. "ንኡስ ምድብ ዳይና ቤት ፍርዲ ወረዳ" ማለት

8. "የሥራ መሪ ንኡስ ምድብ" ማለት የሥራ መሪ፣ ዞን አስተዳደሪና በተመሳሳይ ደረጀ የሚገኝ የሥራ መሪም ይጨምራል፣

9. "የሥራ መሪ ተተኪ ንኡስ ምድብ" ማለት የሥራ መሪ ተተኪ ፣ የዞን አስተዳደሪ ምክትልና በተመሳሳይ ደረጃ የሚገኝ የሥራ መሪም ይጨምራል፣

10. "የወረዳ አስተዳደሪ ንኡስ ምድብ" ማለት የወረዳ ዋና አስተዳዳሪ፣ የወረዳ ምክትል ዋና አስተዳዳሪና የዞን ስራ አስፈፃሚ ያጠቃልላል፣

11. "የአፈ-ጉባኤ ንኡስ ምድብ" ማለት የክልል ምክር ቤት አፈ-ጉባኤ ነው፣

12. "የምክትል አፈ-ጉባኤ ንኡስ ምድብ" ማለት የክልል ምክር ቤት ምክትል አፈ-ጉባኤ ነው፣

13. "ቀዋሚ ኮሚቴ ሰብሳቢ ንኡስ ምድብ" ማለት የክልል ምክር ቤት ቀዋሚ ኮሚቴ ሰብሳቢ፣ የዞን ምክር ቤት አፈ-ጉባኤ ፣የወረዳ ምክርቤት አፈ-ጉባኤ ያጠቃልላል፣

14. "ተራ የምክር ቤት አባል ንኡስ ምድብ" ማለት ከቀበሌ በላይ ያለ የህዝብ ተመራጭ ሆና የምክር ቤት አባል በመሆኑ ደመወዝ የማይከፈል ነው፣

15. "የጠቅላይ ፍርድ ቤት ፕረዚዳንት ንኡስ ምድብ" ማለት የጠቅላይ ፍርድ ቤት ፕረዚዳንትና ምክትል ፕረዚዳንት ያጠቃልላል

16. "የጠቅላይ ፍርድ ቤት ዳኛ ንኡስ ምድብ" ማለት የጠቅላይ ፍርድ ቤት ዳኛና የከፍተኛ ፍርድ ቤት ፕረዚዳንት ያጠቃልላል፣

17. "የከፍተኛ ፍርድቤት ዳኛ ንኡስ ምድብ" ማለት የከፍተኛ ፍርድ ቤት ዳኛና የወረዳ ፍርድ ቤት ፕረዝዳንት ያጠቃልላል፣

18. "የወረዳ ፍርድቤት ዳኛ ንኡስ ምድብ" ማለት የወረዳ

www.abyssinialaw.com

ዳይና ቤት ፍርዲ ወረዳ እዩ፣

19. "ብዓል መሰል" ማለት ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዝወሃብ መሰልን ረብሓን ዝረክብ ወይ ንምርካብ ብቑዕ ዝኾነ ኣውፃኢ ፣ ተርጓምን ኣፈፃምን ሕጊ ክልል ትግራይ እዩ።

20. "ስድራ" ማለት ናይ ብዓል መሰል ብዓልቲ ሓዳርን ዒስራን ሓደን ዓመት ዘይምልኡ ውልድን የጠቓልል፣

21. "ተተካኢ" ማለት ኣብ ሕጊ ጡረታ ዝተቐመጠ ኣግባብ ዘለዎ ትርጉም ይሕዝ፣

22. "ሓደ ዘመን መረፃ" ማለት ሓሙሽተ ዓመት እዩ፣

23. "ካብ ሓላፍነት ዝተልዓለ" ማለት ብዓለ መሰል ኮይኑ ብጥፍኣት ዘይኮነስ ብካላእ ምኽንያት ዝተልዓለ እዩ።

ዓንቀፅ 3. ኣገላልፃ ዖታ

ኣብዚ ኣዋጅ ንተባዕታይ ዖታ ዝተገለፀ ኩሉ ንኣንስታይ ዖታ እውን ዝገልፅ እዩ።

ክፍሊ ክልተ

መሰልን ጥቕምን ካብ ሓላፍነት ዝተልዓለ ኣባል ምድብ ኣፈፃሚ ሕጊ

ዓንቀፅ 4. መሰል ጥሮታ

1. ኣግባብ ካብ ዘለዎ ሕጊ ጡታ ዝተገለፀ እንተሃለወ እውን ፣ እንተውሓደ ሓደ ሙሉእ ዘመንመረፃን ካብኡ ንላዕልን ዘገልገለ ኣባል ምድብ ኣፈፃሚ ሕጊ፣

   ሀ. ዕድሚኡ 50 ዓመትን ካብኡ ንላዕልን ዝኾነ ካብ ሓላፍነቱ እንትልዓለ ዕድመ ልክዑ ጡረታ ይኽፈሎ፣

   ለ. ብምኽንያት ሕማም ካብ ሓላፍነቱ እንትልዓል ኣባል ጡረታ ዕድመ ልክዑ ይኽፈሎ፣

   ሐ. ኣብ ስራሕ እናሃለወ ካብዚ ዓለም ብሞት ዝተፈለየ ንተተካኢ ኣባል ጡረታ ይኽፈሎ፣

ፍርድ ቤት ዳኛ ነው፣

19. "ባለ መብት" ማት በዚህ አዋጅ መሰረት የሚሰጥ መብትና ጥቅም የሚያገኝ ወይም ለማግኘት ብቁ የሆነ የትግራይ ክልል ህግ አውጪ ፣ ተርጓሚና አስፈፃሚ ነው፣

20. "ቤተሰብ" ማለት የባለ መብት ሚስትና ሃያ አንድ አመት እድሜ ያልደረሰ ልጅ ያጠቃልላል፣

21. "ተተኪ" ማለት አግባብ ባለው የጡረታ ህግ የተቀመጠ ትርጉም ይይዛል፣

22. "አንድ የምርጫ ዘመን" ማለት አምስት አመት ነው፣

23. "ከሃላፊነት የተነሳ" ማለት በጥፋት ሳይሆን በሌላ ምክንያት የተነሳ ባለመብት ነው።

አንቀፅ 3. የፆታ አገላለፅ

በዚህ አዋጅ በወምድ ፆታ የተገለፀ ሁሉ ለሴት ፆታም ይገልፃል።

ክፍል ሁለት

ከሃላፊነት የተነሰ የህግ አስፈፃሚ ምድብ አባል መብትና ጥቅም

አንቀፅ 4. የጥሮታ መብት

1. አግባብ ባለው የጥሮታ ህግ የተገለጸ ቢኖርም እንኳ፣ ቢያንስ አንድ ሙሉና ከዛ በላይ የምርጫ ዘመን ያገለገለ የህግ አስፈጻሚ አባል፣

ሀ. ከሃላፊነት ሲናሳ እድሜው 50 አመትና ከዛ በላይ ከሆነ ጡረታ እስከ እድሜ ልኩ ይከፈለዋል፣

ለ. በሕመም ምክንያት ከሃላፊነት የተነሳ ጡረታ አበል እስከ እድሜ ልኩ ይከፈለዋል፣

ሐ. በሥራ ላይ እያ ከዚህ አለም በሞት ቢለይ ለተተኪ የጡረታ አበል ይከፈለዋል፣

2. ከአንድ ሙሉ የምርጫ ዘመን ያነሳ ያገለገለ የህግ

www.abyssinialaw.com

2. ትሕቲ ሓደ ሙሉእ ዘመን መረፃ ዘገልገለ ኣባል ምድብ ኣፈፃሚ ሕጊ፡-

ሀ. 50 ዓመት መሊኡዎ ካብ ሓላፍነቱ እንትልዓል ግልጋሎት ድጎማ ይኽፈሎ።

ለ. ብምኽንያት ዘጋጠሞ ሕማም ካብ ሓፍነቱ ዝተልዓለ ድጎማ ይኽፈሎ፣

3. በዚ ዓንቀፅ ዝፍፀም ዓቐን ክፍሊት ዝውሰን ብመሰረት ኣግባብ ዘለዎ ሕጊ ጡረታ ይኽውን፣

4. ኣፈፃፅማ ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ኣብ ፈንድ ጡረታ ዘስዕቦ ፋይናንሳዊ ፅዕንቶ እንተሃልዩ መንግስቲ ክልል ይሸፍኖ።

<u>ዓንቀፅ 5. ኣባል መጣየሺ</u>

1. ዝኾነ ኣባል ምድብ ኣፈፃሚ ሕጊ፡-

ሀ. እንተወሓደ ሓደ ዘመን መረፃ ኣገልጊሉ ካብ ሓላፍነቱ ተተላሚሉ ኣባል መጣየሺ ይኽፈሎ፣

ለ. ካብ ፍርቂ ዘመን መረፃ ዘይውሓደ ዘገልገለ ብሕማም፣ ብመጉዳእቲ ኣካል ወይ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ብዝኾነ ካሊእ ምኽንያት ካብ ሓላፍነቱ ዝተልዓለ ኣባል መጣየሺ ይኽፈሎ፣

2. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ ንንኡስ ምድብ ርእሰ ምምሕዳር ፣ ንንኡስ ምድብ መራሒ ስራሕ፣ ንንኡስ ምድብ ተተካኢ መራሒ ስራሕ

ሀ. ንናይ መጀመሪያ ሓደ ዓመት ግልጋሎት መሃያ ሰለስት ወርሒ ኣባል መጣየሺ ይኽፈሎ፣

ለ. ካብ ሓደ ዓመት ንላዕሊ ንዘሎ ሕድ ኣ
ዓመት ተወሳኺ ግልጋሎት መሃያ ሓደ ወርሒ እናተወሰኸ ኣበል መጣየሺ ይኽፈሎ።

3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1ን2ን/ ዝተገለፀ እንተሃለወ እውን እቲ ጠቕላላ ክፍሊት ካብ መሃያ 18 ኣዋርሕ ክበልፅ የብሉን

አስፈፃሚ ምድብ አበል፣

ሀ. ከሃላፊነቱ ሲነሳ 50 ዓመት የሞላው ከሆነ የአገልግሎት ዳርጎት ይከፈለዋል፣

ለ. በህመም ምክንያት ከሃላፍነት ከተነሳ ዳርጎት ይከፈለዋል፣

3. በዚሁ አንቀፅ የሚፈፀም ክፍያ መጠን የሚወሰነው አግባብ ባለው የጡረታ ህግ መሰረት ይሆናል፣

4. የዚሁ አንቀፅ ድንጋጌዎች አፈፃፀም በጡረታ ፈንድ ላይ የሚያስከትለው የፋይናንስ ተፅእኖ ካለ የክልሉ መንግስት ይሸፍነዋል።

<u>አንቀፅ 5. መቋቋሚያ አበል</u>

1. ማንኛውም የህግ አስፈፃሚ ምድብ አበል፡-

ሀ. ቢያንስ አንድ የምርጫ ዘመን አገልግሎ ከሃላፍነቱ ከተነሳ የመቋቋሚያ አበል ይከፈለዋል፣

ለ. ከአንድ የምርጫ ዘመን ግማሽ ያላነሰ አገልግሎ በሕመም፣ በአካል ጉት ወይም ከአቅም በላይ በሆነ ሌላ ምክንያት ከሃላፊነት ከተነሳ ፣ የመቋቋሚያ አበል ይከፈለዋል፣

2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ /1/ መሰረት በርእሰ መስተዳደር ንኡስ ምድብ ፣ ለስራ መሪ ንኡስ ምድብ ፣ ለተተኪ ስራ መራ ንኡስ መደብ የሚከፈለው የመቋቋምያ አበል

ሀ. ለመጀመሪያ የአንድ ዓመት አገልግሎት የሶስት ወር ደመወዝ የመቋቋሚያ አበል ይከፈለዋል፣

ለ. ከአንድ ዓመት በላይ ላለው ለእያንዳንዱ ተጨማሪ የአንድ አመት አገልግሎት የአንድ ወር ደመወዝ እየታከለ መቋቋምያ አበል ይከፈለዋል፣

3. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ /1ና2/ የተገለፀ ቢኖርም፣ ጠቅላላ ክፍያው ከ18 ወራት ደመወዝ መብለጥ የለበትም፣

www.abyssinialaw.com

4. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ ንንኡስ ምድብ ኣማሓዳሪ ወረዳ፡-

ሀ. ሓደ ሙሉእ መረባ ዘመን ዘገልገለ መሃያ ሓደ ወርሒ ኣባል መጣየሺ ይኽፈሎ፣

ለ. ካብ ሓደ ዘመን መረባ ንላዕሊ ካብ ክልተ ዘመን መረባ ንታሕቲ ዘገልገለ መሃያ ክልተ ወርሒ ኣባል መጣየሺ ይኽፈሎ።

ሐ. ክልተን ካብኡ ንላዕልን መረባ ዘበን ዘገልገለ መሃያ ሰለስተ ወርሒ ይኽፈሎ።

ዓንቀፅ 6. ክፍሊት ስንብት ስራሕ

1. ዝኾነ ኣባል ምድብ ኣፈፃሚ ሕጊ ካብ ሓላፍነቱ እንትለዓል ክፍሊት ስንብት ስራሕ ምኽፋል ከም ዘለዎ ኮይኑ፣ እቲ ተሰናባቲ ናብ ስራሕ መንግስቲ ዝምለስ እንድሕር ኮይኑ ክፍሊት ኣይረክብን፣

2. ብመሰረት ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ እቲ ዝኽፈል ክፍሊት ስንብት ስራሕ፣

ሀ. ንመጀመሪያ ሓደ ዓመት ግልጋሎቱ መሃያ ስለስተ ወርሒ፣

ለ. ካብ ሓደ ዓመት ግልጋሎት ንላዕሊ ንዘገልገሎ ኣብ ሕድ ሕድ ተወሳኺ ግልጋሎት ዓመት ናይ መወዳእታ ወርሒ ሲሶ መሃያ እናተወሰኸ ይኽፈሉ።

3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ዝተገ[illegible] እንተሃለወ እውን እቲ ዝኽፈል ጠቕ[illegible] ክፍሊት ስንብት ስራሕ ካብ መሃያ 12 ኣዋርሕ ክበልፅ የብሉን።

ዓንቀፅ 7. ክፍሊት ኣባል መንበሪ ገዛ

1. ዝኾነ ኣባል ምድብ ኣፈፃሚ ሕጊ፡-

ሀ. እንተወሓደ ሓደ ዘመን መረባ ኣገልጊሉ ካብ ሓላፍነቱ ተተሳዒሉ ኣባል መንበሪ ገዛ ይኽፈሎ፣

ለ. ካብ ፍርቂ ሓደ ዘመን ዘይንእስ ኣገልጊሉ

4. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ /1/ መሰረት ለወረዳ አስተዳደር ንኡስ ምድብ፡-

ሀ. አንድ ሙሉ ምርጫ ዘመን ያገለገለ የአንድ ወር ደመወዝ የመቋቋሚያ አበል ይከፈለዋል፣

ለ. ከአንድ ምርጫ ዘመን በላይ ከሁለት ምርጫ ዘመን በታች ያገለገለ የሁለት ወር ደመወዝ የመቋቋሚያ አበል ይከፈለዋል፣

ሐ. ሁለትና ከሁለት በላይ የምርጫ ዘመን ያገለገለ የሶስት ወር ደመወዝ የመቋቋምያ አበል ይከፈለዋል።

አንቀፅ 6. የስራ ስንብት ክፍያ

1. ማንኛው የህግ አስፈፃሚ ምድብ አባል ከሃላፊነቱ ሲነሳ የስራ ስንብት ክፍያ መከፈል እንደተጠበቀ ሆኖ፣ ተሰናባቹ ወደ መንግስት ሥራ የሚመለስ ከሆነ ክፍያ አያገኝም፣

2. በዚሁ አንቀፅ /1/ መሰረት የሚከፈለው የሥራ ስንብት ክፍያ፣

ሀ. ለመጀመሪያ የአንድ አመት አገልግሎት የሶስት ወር ደመወዝ

ለ. ከአንድ አመት በላይ ላለው ለእያንዳንዱ ተጨማሪ የአንድ አመት አገልግሎት የመጨረሻ ወር ደመወዝ አንድ ሶስተኛ እየታከለ ይከፈለዋል፣

3. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 2 የተገለፀ ቢኖርም ፣ የሚከፈለው ጠቅላላ የሥራ ስንብት ክፍያ ከ12 ወራት ደመውዝ መበለጥ የለበትም።

ዓንቀፅ 7 . የመኖሪያ ቤት አበል ክፍያ

1. ማንኛውም የህግ አስፈፃሚ ምድብ አበል፡-

ሀ. ቢያንስ አንድ የምርጫ ዘመን አገልግሎ ከሃላፊነቱ ከተነሰ የመኖሪያ ቤት አበል ይከፈለዋል፣

www.abyssinialaw.com

ብሕማም፣ ብመጉዳእቲ ኣካል ወይ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ብዝኾነ ካሊእ ምኽንያት ካብ ሓላፍነቱ ተተላዒሉ ክፍሊት ኣባል መንበሪ ገዛ ይኽፈሎ፣

2. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ ክፍሊት ኣባል መንበሪ ገዛ ዝኽፈል ብሓደ ግዘ ኮይኑ፣

ሀ. ንኣባል ንኡስ ምድብ ርእሰ ምምሕዳር ሙሉእ ክፍሊት ሽድሽተ ወርሒ ይኽፈሎ፣

ለ. ካብ ሓደ ዘመን መረፃ ንላዕሊ ንዘሎ ተወሳኺ ግልጋሎት ሓደ ዓመት ፍርቂ ክፍሊት እናተወሰኸ ይኽፈሎ፣

ሐ. ንመራሒ ስራሕ ወይ ኣብ ተመሳሳሊ ብርኪ ንዘሎ መራሒ ስራሕ ሙሉእ ክፍሊት ሰለስተ ወርሒ ይኽፈሎ።

መ. ካብ ሓደ ዘመን መረፃ ንላዕሊ ግለጋሎት ንዘለዎ ንሕድ ሕድ ተወሳኺ ግልጋሎት ሓደ ዓመት ፍርቂ ክፍሊት ሓደ ወርሒ እናተወሰኸ ይኽፈሎ፣

ረ. ንተተካኢ መራሒ ስራሕ ወይ ድማ ኣብ ተመሳሳሊ ብርኪ ንዘሎ መራሒ ስራሕ ሙሉእ ክፍሊት ክልተ ወርሒ ይኽፈሎ፣

ሰ. ካብ ሓደ ዘመን መረፃ ንላዕሊ ንዘሎ ሕድ ሕድ ተወሳኺ ግልጋሎት ሓደ ዓመት ፍርቂ ክፍሊት ሓደ ወርሒ ተወሲኹ ይኽፈሎ።

3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1ን2ን ዝተገለፀ እንተሃለወ እውን እቲ ዝወሃብ ጠቕላላ ክፍሊት ኣበል መንበሪ ገዛ ካብ 18 ኣዋርሕ ክበልፅ የብሉን፣

4. ካብ ኣፈፃሚ ሕጊ ኣባል ንኡስ ምድብ ኣማሓዳሪ ወረዳ ክፍሊት ኣባል መንበሪ ገዛ ኣይረክብን።

<u>ዓንቀፅ 8. ኣበል ተሸኸርኸርቲ</u>

1. ዝኾነ ኣባል ምድብ ኣፈፃሚ ሕጊ-

ለ. ከአንድ ምርጫ ዘመን ግማሽ ያላነሰ አገልግሎ በህመም፣ በአካል ጉዳት ወይም ከአቅም በላይ በሆነ ሌላ ምክንያት ከሃላፊነት ከተነሳ የመኖሪያ ቤት አበል ይከፈለዋል፣

2. በዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀፅ /1/ መሰረት የሚከፈለው የመኖሪያ ቤት አባል በአንድ ጊዜ ሆኖ፡-

ሀ. ለርእሰ መስተዳድር ንኡስ ምድብ አባል የስድስት ወር ሙሉ ክፍያ ይከፈለዋል፣

ለ. ከአንድ ምርጫ ዘመን በላይ ላለው ለእያንዳንዱ ተጨማሪ የአንድ ዓመት አገልግሎት የአንድ ወር ክፍያ አንድ ሁለተኛ እየታከለ ይከፈለዋል፣

ሐ. ለሥራ መሪ ወይም በተመሳሳይ ደረጃ ላለ የሥራ መሪ የሶስት ወር ሙሉ ክፍያ ይከፈለዋል፣

መ. ከአንድ የምርጫ ዘመን በላይ ላለው ለእያንዳንዱ ተጨማሪ የአንድ ዓመት አገልግሎት የአንድ ወር ክፍያ አንድ ሁለተኛ እየታከለ ይከፈለዋል

ረ. ለተተኪ ሥራ መሪ ወይም በተመሳሳየ ደረጃ ላለ የሥራ መሪ የሁለት ወር ሙሉ ክፍያ ይከፈለዋል፣

ሰ. ከአንድ የምርጫ ዘመን በላይ ላለው እያንዳንዱ ተጨማሪ የአንድ አመት አገልግሎት የአንድ ወር ክፍያ አንድ ሁለተኛ እየተከለ ይከፈለዋል።

3. በዚሁ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1ና2 የተገለፀ ቢኖርም የሚሰጠው ጠቅላላ ክፍያ ከ18 ወር የመኖሪያ ቤት አበል መብለጥ የለበትም፣

4. ከህግ አስፈፃሚ ንኡስ ምድብ አባል የወረዳ አስተዳዳሪ የመኖሪያ ቤት አበል ክፍያ አያገኝም።

<u>ዓንቀፅ 8. የተሸኸርካሪ አበል</u>

www.abyssinialaw.com

ሀ. እንተወሓደ ሓደ ዘመን መረፃ ኣገልጊሉ ካብ ሓላፍነቱ ተተላሚሉ ኣባል ተሸከርካሪ ይኽፈሎ፣

ለ. ካብ ፍርቂ ሓደ ዘመን መረፃ ዘይወሓደ ዘገልገለ ብሕማም፣ መጉዳእቲ ኣካል ወይ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያት ካብ ዝነበሮ ሓላፍነት ተተላሚሉ ኣባል ተሸከርከርቲ ይኽፈሎ።

2. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ ኣባል ተሸከርካሪ ዝክኽፈል ብሓደ ግዘ ኮይኑ፣-

ሀ. ሓደ ዘመን መረፃ ዘገልገለ ኣባል ንኡስ ምድብ ርእሰ ምምሕዳር ሙሉእ ክፍሊት ሽድሽተ ወርሒ ይኽፈሎ፣

ለ. ካብ ሓደ ዘመን መረፃ ንላዕሊ ንዘገልገለ ንሕድ ሕድ ተወሳኺ ሓደ ዓመት ግልጋሎት ክፍሊት ፍርቂ ሓደ ወርሒ እናተወሰኸ ይክፈሎ፣

ሐ. ሓደ ዘመን መረፃ ዘገልገለ መራሒ ስራሕ ወይ ብተመሰሳሳሊ ብርኪ ዝተሾመ መራሒ ስራሕ ሙሉእ ክፍሊት ሰለስተ ወርሒ ይኽፈሎ፣

መ. ካብ ሓደ ዘመን መረፃ ንላዕሊ ግልጋሎት ንዘለዎ ንሕድ ሕድ ተወሳኺ ዓመት ክፍሊት ግልጋሎት ፍርቂ ሓደ ወርሒ እናተወሰኸ ይኽፈሎ፣

ረ. ሓደ ዘመን መረፃ ንዘገልገለ ተተካኢ መራ
ስራሕ ወይ ብተመሳሳሊ ብርኪ ንዘለዎ መራሒ ስራሕ ሙሉእ ክፍሊት ክልተ ወርሒ ይኽፈሎ፣

ሰ. ካብ ሓደ ዘመን መረፃ ንላዕሊ ግልጋሎት ዘለዎ ኣብ ሕድ ሕድ ዓመት ክፍሊት ፍርቂ ሓደ ወርሒ መሃያ ኣባል ተሸከርካሪ እናተወሰኸ ይኽፈሎ።

3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1ን2ን ዝተገለፀ እንተሃለወ እውን ፣ እቲ ዝወሃብ ጠቕላላ ክፍሊት ኣበል ተሸከርካሪ ካብ 18 ኣዋርሕ ክበልፅ የብሉን፣

4. ካብ ምድብ ኣፈፃሚ ሕጊ ኣባል ንኡስ ምድብ ኣማሓዳሪ ወረዳ ክፍሊት ኣባል ተሸከርካሪ

1. ማንኛውም የህግ አስፈጻሚ ምድብ አበል፡-

ሀ. ቢያንስ አንድ የምርጫ ዘመን አገልግሎ ከሃላፊነት ከተነሳ የተሸከሪ አበል ይከፈለዋል፣

ለ. ከአንድ ምርጫ ዘመን ግማሽ ያላነሰ አገልግሎ በህመም፣ በአካል ጉዳት ወይም ከአቅም በላይ በሆነ ሌላ ምክንያት ከሃላፊነት ከተነሳ የተሸከርካሪ አበል ይከፈለዋል፣

2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ /1/ መሰረት የሚከፈለው የተሸከርካሪ አበል በላንድ ጊዜ ሆኖ፡-

ሀ. አንድ የምርጫ ዘመን ያገለገለ የርእስ መስተዳድር ንኡስ ምድብ አባል የስድስት ወር ሙሉ ክፍያ ይከፈለዋል፣

ለ. ከአንድ የምርጫ ዘመን በላይ ላለው ለእያንዳንዱ ተጨማሪ የአንድ አመት አገልግሎት የአንድ ወር ክፍያ አንድ ሁለተኛ እየታከለ ይከፈለዋል፣

ሐ. አንድ የምርጫ ዘመን ያገለገለ የሥራ መሪ ወይም በተመሳሳይ ደረጃ የተሾመ የሥራ መሪ የሶስት ወር ሙሉ ክፍያ ይከፈለዋል፣

መ. ከአንድ የምርጫ ዘመን በላይ ላለው ለእያንዳንዱ ተጨማሪ የአንድ አመት አገልግሎት የአንድ ወር ክፍያ አንድ ሁለተኛ እየታከለ ይከፈለዋል፣

ረ. አንድ የምርጫ ዘመን ያገለገለ ተተኪ የሥራ መሪ ወይም በተመሳሳይ ደረጃ ያለ የሥራ መሪ የሁለት ወር ሙሉ ክፍያ ይከፈለዋል፣

ሰ. ከአንድ የምርጫ ዘመን በላይ ላለው ለእያንዳንዱ ተጨማሪ የአንድ አመት አገልግሎት የአንድ ወር ግማሽ ክፍያ እየታከለ ይከፈለዋል።

3. በዚሁ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1ና2 የተገለፀ ቢኖርም ፣ የሚሰጠው ጠቅላላ ክፍያ ከ18 ወር የተሸከርካሪ አበል መብለጥ የለበትም፣

www.abyssinialaw.com

ኣይረክብን።

<u>ዓንቀፅ 9. ግልጋሎት ሕክምና</u>

1. ካብ ሓላፍነቱ ዝተልዓለ ኣባል ንኡስ ምድብ ርእሰ ምምሕዳር፦

    ሀ. ንባዕሉን ንስድርኡን ኣብ ውሽጢ ዓዲ ኣብ መንግስታዊ ትካል ጥዕና ነፃ ግልጋሎት ሕክምና ይረክብ፣

    ለ. ከኸም ኩነታቱ እውን ኣብ ውልቀ ትካል ጥዕና ብገንዘብ መንግስቲ ግልጋሎት ሕክምና ይረክብ፣

    ሐ. ብመሰረት ሕክምና ቦርድ ዝህቦ መረዳእታ ብገንዘብ መንግስቲ ኣብ ውፃኢ ዓዲ ሕክምና ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ፣

    መ. እቲ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ንባዕሉን ስድርኡ ኣብ መንግስታዊ ትካል ጥዕና ደቂሱ ዝረኽቦ ግልጋሎት ሕክምና ኣብ ቀዳማይ ማዓርግ እዩ፣

2. ካብ ሓላፍነቱ ዝተልዓለ ኣባል ንኡስ ምድብ መራሒ ስራሕ፦

    ሀ. ንባዕሉን ንስድርኡን ኣብ ውሽጢ ዓዲ ኣብ መንግስታዊ ትካል ጥዕና ነፃ ግልጋሎት ሕክምና ይረክብ፣

    ለ. ከኸም ኩነታቱ እውን ኣብ ውልቀ ትካል ጥዕና ብገንዘብ መንግስቲ ግልጋሎት ሕክምና ይረክብ፣

3. ካብ ሓላፍነቱ ዝተልዓለ ኣባል ንኡስ ምድብ ተተካኢ መራሒ ስራሕ፦

ሀ. ንባዕሉን ስድርኡን ኣብ ውሽጢ ዓዲ ኣብ መንግስታዊ ትካል ጥዕና ብነፃ ግልጋሎት ሕክምና ይረክብ።

4. ከህግ ኣስፈፃሚ ምድብ የወረዳ ኣስተዳዳሪ ንኡስ ምድብ ኣባል የተሸከርካሪ ኣበል ክፍያ ኣያግኝም

<u>ዓንቀፅ 9. የሕክምና ኣገልግሎት</u>

1. ከሃላፊነት የተነሳ የርእሰ መስተዳደር ንኡስ ምድብ ኣባል፦

ሀ. ለራሱና ለቤተሰቡ በኣገር ውስጥ በመንግስት የጤና ተቋም ነፃ የህክምና ኣገልገሎት ያገኛል፣

ለ. እንደየ ሁኔታውም በግል ጤና ተቋም በመንግስት ወጪ የህክምና ኣገልግሎት ያገኛል፣

ሐ. የህክምና ቦርድ በሚሰጠው ማስረጃ በውጭ ኣገር በመንግስት ወጪ የመታከም መብት ኣለው፣

መ. ለራሱና ለቤተሰቡ በኣገር ውስጥ በመንግስት ጤና ተቋም ተኝቶ የሚያገኘው የህክምና ኣገልግሎት በኣንደኛ ደረጃ መኣርግ ነው፣

2. ከሃላፊነቱ የተነሳ የሥራ መሪ ንኡስ ምድብ ኣባል፦

ሀ. ለራሱና ለቤተሰቡ በኣገር ውስጥ በመንግስት የጤና ተቋመ ነፃ የህክምና ኣገልግሎት ያገኛል፣

ለ. እንደየሁኔታውም በግል ጤና ተቋም በመንግስት ወጪ የህክምና ኣገልግሎት ያገኛል፣

3. ከሃላፊነቱ የተነሳ ተተኪ የሥራ መሪ ንኡስ ምድብ ኣባል ፦

ሀ. ለራሱና ለቤተሰቡ በኣገር ውስጥ በመንግስት የጤና

www.abyssinialaw.com

ለ. ከከም ኩነታቱ ኣብ ውልቀ ትካል ጥዕና ብወፃኢ መንግስቲ ግልጋሎት ሕክምና ይረክብ፣

4. ካብ ሓላፍነቱ ዘተልዓለ ኣባል ንኡስ ምድብ ኣማሓዳሪ ወረዳ ንባዕሉን ስድርኡን ኣብ ውሽጢ ዓዲ ኣብ መንግስታዊ ትካል ጥዕና ብነፃ ግልጋሎት ሕክምና መሰል ምርካብ ኣለዎ

ዓንቀፅ 10. ግልጋሎት ሓለዋ ውልቀ ድሕንነት

1. ዝኾነ ኣባል ንኡስ ምድብ ርእሰ ምምሕዳር ኣብ ሓላፍነት እናሃወ ዝነበሮ ውልቀ ሓለዋ ካብ ሓላፍነት እንተተልዓለ እውን ንባዕሉን ንስድርኡን ሓለዋ ይግበረሉ፣

2. ዓይነትን መጠንን ናይቲ ሓለዋ እቲ ሓለዋ ብዘካይድ ዝምልከቶ ኣካል ይውሰን።

ዓንቀፅ 11. ወረቐት ምስክር ግልጋሎት

1. ካብ ሓላፍነት ዝተልዓለ ኣባል ምድብ ኣፈፃሚ ሕጊ፡-
   ሀ. ክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዘመን መረፃ ዘገልገለ እንተኾነ ቀዳማይ ብርኪ ወረቐት ምስክር ግልጋሎት ይወሃብ።
   ለ. ካብ ሓደ ንላዕሊ ካብ ክልተ ንታሕቲ ዘመን መራፃ ዘገልገለ እንተኾነ ካልኣይ ብርኪ ወረቐት ምስክር ግልጋሎት ይወሃብ፣
   ሐ. ሓደ ሙሉእ ዘመን መረፃ ዘገልገለ እንተኾይኑ ሳልሳይ ብርኪ ወረቐት ምስክር ግልጋሎት ይወሃብ፣
   መ. ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ካብ ሓደ ንታሕቲ ዘመን መረፃ ዘገልገለ እንተኾይኑ ራብዓይ ብርኪ ወረቐት ምስክር ግልጋሎት ይወሃብ፣

2. ካብ ሓላፍነት ንዝተልዓለ፡-
   ሀ. ንኣባል ንኡስ ምድብ መራሒ ስራሕ ዝውሃብ ወረቐት ምስክር ግልጋሎት ክታም ርእሰ ምምሕዳር ዓሪፍሉ ይወሃብ፣
   ለ. ኣባል ንኡስ ምድብ ርእሰ ምምሕዳ ክልል ተቋም ነፃ የህክምና አገልግሎት ያገኛል፣
   ለ. እንደየሁኔታውም በግል ጤና ተቋም በመንግስት ወጪ የህክምና ኣገልግሎት ያገኛል፣

4. ከሃላፊነት የተነሳ የወረዳ አስተዳዳሪ ንኡስ ምድብ አባል ለራሱና ለቤተሰቡ በአገር ውስጥ በመንግስት የጤና ተቋም በነፃ የህክምና አገልግሎት የሚገኝት መብት አለው።

ዓንቀፅ 10. የግል ድህንነት ጥበቃ አገልግሎት፡-

1. ማንኛውም የርእሰ መስተዳድር ንኡስ ምድብ አባል በሃላፊነት በነበረበት ወቅት የነበረው የግል ድህንነት ጥበቃ ከሃላፊነት ሲነሳም ለእርሱና ለቤተሰቡ ጥበቃ ይደረግለታል፣

2. የጥበቃው ዓይነትና መጠን ጥበቃውን በሚያካሂድ አካል ይወሰናል።

ዓንቀፅ 11. የአገልግሎት ምስክር ወረቀት

1. ከሓላፊነት የተነሳ የህግ አስፈፃሚ ምድብ አባል፡-
   ሀ. ሁለት ወይም ከዛ በላይ የምርጫ ዘመን ያገለገለ ሲሆን አንደኛ ደረጃ የአገልግሎት ምስክር ወረቀት ይሰጠዋል።
   ለ. ከአንድ በላይ ከሁለት በታች የምርጫ ዘመን ያገለገለ ሲሆን ሁለተኛ ደረጃ የአገልግሎት ምስክር ወረቀት ይሰጠዋል፣
   ሐ. አንድ ሙሉ የምርጫ ዘመን ያገለገለ ሲሆን ሶስተኛ ደረጃ የአገልግሎት ምስክር ወረቀት ይሰጠዋል፣
   መ.ከግማሽ በላይና ከአንድ በታች የምርጫ ዘመን ያገለገለ ሲሆን አራተኛ ደረጃ የአገልግሎት ምስክር ወረቀት ይሰጣል፣

2. ከሃላፊነት ለተነሳ፡-
   ሀ. የሥራ መሪ ንኡስ ምድብ አባል የሚሰጥ የአገልግሎት ምስክር ወረቀት በርእሰ መስተዳድር ተፈርሞ ይሰጣል፣

www.abyssinialaw.com

ዝወሃብ ወረቐት ምስክር ግልጋሎት ክታም ኣፈ-ጉባኤ ቤት ምኽሪ ክልል ዓሪፉሉ ይወሃብ።

ሐ. ንንኡስ ምድብ ተተካኢ መራሒ ስራሕን ንኡስ ምድብ ወረዳን ብኽታም ምኽትል ርእሰ ምምሕዳር ይውሃቦም።

3. ካብ ሓላፍነቱ ዝተልዓለ ወረቐት ምስክር ግልጋሎት ዝተውሃቦ ኣባል ምድብ ኣፈፃሚ ሕጊ፦

ሀ. ኣብ ሆስፒታል መንግስቲ ዝውሃብ ግልጋሎት ሕክምና ቀዳምነትይረክብ፣
ለ. ኣብ ዝሀባዊ ኣኼባ ናይ ኽብሪ ቦታ ይውሃብ፣

4. ካብ ሓላፍነቱ ዝተልዓለ ቀዳማይ ብርኪ ወረቐት ምስክር ግልጋሎት ዝተውሃቦ ኣባል ንኡስ ምድብ ርእሰ ምምሕዳር ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /3/ ካብ ዝተቐመጠ መሰልን ረብሓን ብተወሳኺ፣

ሀ. ፓስፖርት ዲፕሎማቲክ ይወሃብ፣
ለ. ኣብ መፅርፎ ነፈርቲ ግልጋሎት ቪ.ኣይ ይርከብ፣

ሐ. ኣብ ውሽጢ ዓዲ በረራ ብመንግስቲ ፍርቂ ዋጋ ትኬት ነፈርቲ ይሽፈነሉ፣

5. ካብ ሓላፍነቱ ዝተልዓለ ካልኣይ ብርኪ ወረቐት ምስክር ግልጋሎት ዝተውሃቦ ኣባል ንኡስ ምድብ ርእሰ ምምሕዳርን ቀዳማይ ብርኪ ወረቐት ምስክር ግልጋሎት ዝተውሃቦ ኣባል ንኡስ ምድብ መራሒ ስራሕን በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /3/ ካብ ዝተጠቀመጠ ረብሓ ብተወሳኺ፣

ሀ. ፓስፖርት ዲፕሎማቲክ ይወሃብ፣

ለ. ኣብ መፅርፎ ነፈርቲ ግልጋሎት ቪ.ኣይ.ፒ ይረክብ፣

ሐ. ኣብ ውሽጢ ዓዲ በረራ ብመንግስቲ ርብዒ ዋጋ ትኬት ነፈርቲ ይሽፈነሉ

6. ካብ ሓላፍነቱ ዝተልዓለ ሳልሳይ ብርኪ ወረቐት

ለ. የክልል ርእሰ መስተዳድር ንኡስ ምድብ ኣባል የሚሰጥ የኣገልግሎት የምስክር ወረቀት በክልል ምክር ቤት ኣፈ-ጉባኤ ተፈርሞ ይሰጣል፣

ሐ. ለንኡስ ምድብ ተተኪ ሥራ መሪና ንኡስ ምድብ ወረደ በክልል ምክትል ርእሰ መስተዳደር ተፈርሞ ይሰጣቸዋል፣

3. የኣገልግሎት ምስክር ወረቀት የተሰጠው ማንኛውም ከሃላፊነቱ የተነሳ ህግ ኣስፈፃሚ ምድብ ኣባል፦

ሀ. በመንግስት ሆስፒታል ለሚሰጠው የህክምና ኣገልግሎት ቅድሚያ ያገኛል፣
ለ. በህዝባዊ ስብሰባ የክብር ቦታ ይሰጠዋል፣

4. ኣንደኛ ደረጀ የኣገልግሎት የምስክር ወረቀት የተሰጠው ከሃላፍነቱ የተነሳ የርእሰ መስተዳድር ንኡስ ምድብ ኣባል በዚህ ኣንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ /3/ ከተመለከተው ጥቅም በተጨማሪ፣

ሀ. ዲፕሎማቲክ ፓስፖርት ይሰጠዋል፣
ለ. በኣይሮፕላን ማረፍያ ቪ.ኣይ.ፒ ኣገልግሎት ያገኛል፣

ሐ. በኣየር የኣገር ውስጥ በረራ ሲያደርግ የኣየር ትኬት ዋጋ ሃምሳ በመቶ በመንግስት ይሸፈንለታል፣

5. የሁለተኛ ደረጀ የኣገልግሎት የምስክር ወረቀት የተሰጠው ከሃላፊነቱ የተነሳ የርእሰ መስተዳድር ንኡስ ምድብ ኣባልና ኣንደኛ ደረጀ የኣገልግሎት ምስክር ወረቀት የተሰጠው ከሃላፊነቱ የተነሳ የሥራ መሪ ንኡስ ምድብ ኣባል በዚሁ ኣንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ /3/ ከተመለከተው ጥቅም በተጨማሪ፣

ሀ. ዲፕሎሚቲክ ፓስፖርት ይሰጠዋል፣

ለ. በኣይሮፕላን ማረፍያ የቪ.ኣይ.ፒ ኣገልግሎት ያገኛል፣

ሐ. በኣየር የኣገር ውስጥ በረራ ሲያደርግ ከጠቅላላ የኣየር ትኬት ዋጋ ሩብ በመንግስት ይሸፈንለታል፣

www.abyssinialaw.com

ምስክር ግልጋሎት ዝተውሃቦ ኣባል ንኡስ ምድብ ርእሰ ምምሕዳር ወይ ካልኣይ ብርኪ ወረቐት ምስክር ግልጋሎት ዝተውሃቦ ካብ ሓላፍነቱ ዝተልዓለ ኣባል ንኡስ ምድብ መራሒ ስራሕ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /3/ ካብ ዝተቐመጠ መሰልን ጥቕምን ብተወሳኺ፡-

ሀ. ፓስፖርት ዲፕሎማቲክ ይወሃብ፣

ለ. ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ግልጋሎት ቪ.ኣይ.ፒ ይረክብ፣

7. ካብ ሓላፍነቱ ዝተልዓለ ራብዓይ ብርኪ ወረቐት ምስክር ግልጋሎት ዝተውሃቦ ኣባል ንኡስ ምድብ ርእሰ ምምሕዳር ወይ ሳልሳይ ብርኪ ኣባል ንኡስ ምድብ መራሒ ስራሕ በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /3/ ካብ ዝተቐመጠ ረብሓ ብተወሳኺ ፓስፖርት ዲፕሎማቲክ ይውሃብ፣

8. ካብ ሓላፍነቱ ዝተልዓለ ራብዓይ ብርኪ ወረ[illegible] ምስክር ግልጋሎት ዝተውሃቦ ኣባል መራሒ ስራሕ [illegible] ተተካኢ መራሒ ስራሕን ንኡስ ምድብ ኣማሓዳሪ ወረዳን በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /3/ ለ/ ዝተቐመጠ ረብሓ ጥራሕ ይረክብ።

ዓንቀፅ 12. ብዓል መሰል ኣባል ኣፈፃሚ ሕጊ ካብዚ ዓለም ብሞት እንትፍለ

1. ዝኾነ ኣባል ምድብ ኣፈፃሚ ሕጊ ኣብ ስራሕ እናሃለው ብሞት እንትፍለ፣

ሀ. ብምኽንያት ምስ ምማቱ ዝተተሓሓዘ ንዝወፀ ወፃኢ መሸፈኒ መሃያ ሰለስተ ወርሒ ንስድርኡ ይኽፈል፣

ለ. ካብ ሓላፍነቱ ተዝልዓል ነይሩ ክኽፈሎ ዝግባእ ዝነበረ መሰልን ጥቕምን ንስድርኡ ይኽፈል፣

2. ዝኾነ ኣባል ምድብ ኣፈፃሚ ሕጊ ካብ ሓላፍነቱ ምስተልዓለ ክረኽቦ ዝግባእ ዝነበረ መሰልን ጥቕምን ከይረኽበ ብሞት እንተተፈልዩ ክኽፈሎ ዝግባእ ዝነበረ

6. የሶስተኛ ደረጀ ኣገልግሎት የምስክር ወረቀት የተሰጠው ከሃላፊነት የተነሰ የርእሰ መስተዳድር ንኡስ ምድብ ኣባል ወይም ሁለተኛ ደረጃ የአገልግሎት ምስክር ወረቀት የተሰጠው ከሃላፊነቱ የተነሰ የሥራ መሪ ንኡስ ምድብ ኣባል በዚሁ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ /3/ ከተመለከተው ጥቅም በተጨማሪ፣

ሀ ዲፕሎማቲክ ፓስፖርት ይሰጠዋል፣

ለ. በኣይሮፕላን ማረፍያ የቪ.ኣይ.ፒ አገልግሎት ያገኛል፣

7. አራተኛ ደረጀ የአገልግሎት ምስክር ወረቀት የተሰጠው ከሃላፊነት የተነሰ የርእሰ መስተዳድር ንኡስ ምድብ ኣባል ወይም ሶስተኛ ደረጃ የሥራ መሪ ንኡስ ምድብ ኣባል በዚሁ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ /3/ ከተመለከተው ጥቅም በተጨማሪ ዲፕሎማቲክ ፓስፖርት ይሰጠዋል፣

8. ኣረተኛ ደረኛ የአገልግሎት ምስክር ወረቀት የተሰጠው ከሃላፍነት የተነሳ ስራ መሪ፣ ተተኪ ስራ መሪና የወረዳ ኣስተዳዳሪ ንኡስ ምድብ ኣባል በዚሁ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ /3/ለ/ የተመለከት ጥቅም ብቻ ያገኛል።

አንቀፅ 12. የሕግ ኣስፈፃሚ ባለመብት ከዚህ ዓለም በሞት መለየት

1. ማንኛውም የህግ አስፈፃሚ ምድብ ኣባል በሥራ ላይ እያለ ከዚህ ዓለም በሞት ሲለይ፣

ሀ. ከመሞቱ ጋር በተያያዘ ምክንያት ለሚወጣ ወጪ መሸፈኛ የሶስት ወር ደመወዝ ለቤተሰቡ ይከፈላል፣

ለ. ከሃላፊነቱ ቢነሳ ኖሮ ሊከፈለው ይገባ የነበረ መብትና ጥቅም ለቤተሰቡ ይከፈላል፣

2. ማንኛውም የህግ አስፈፃሚ ምድብ ኣባል ከሃላፊነቱ ተነስቶ ጥቅም ከማግኘቱ በፊት ከዚህ አለም በሞት ቢለይ ሊከፈለው ይገባ የነበረው መብትና ጥቅም ለቤተሰቡ

www.abyssinialaw.com

መሰልን ጥቅምን ንስድርኡ ይኽፈል፣

3. ዝኾነ ኣባል ንኡስ ምድብ ርእሰ ምምሕዳር ኣብ ስራሕ እናሃለወ ወይ ካብ ሓፍነቱ ምስተልዓለ ብሞት ተተፈልዩ፡-

ሀ. ብናይ መንግስቲ መራኸቢ ሓፍሽ ዕረፍቱን ሓጊር ሂወት ታሪኩን ብዜና ይቃለሐሉ፣

ለ. ኣብ ስነ-ስርዓት ቀብሩ ዝተረኽበ ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን ሕቐፊ ዕምበባ ኣብ መቓብሩ የንብረሉ፣

ሐ. ስነ-ስርዓት ቀብሪ ብኣፈፀምቲ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ዝፍፀም ኮይኑ ወፃኢኡ መንግስቲ ይሽፍኖ፣

4. ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ኣባል ምድብ ኣፈፃሚ ሕጊ ብሞት እንተተፈልዩ ስድርኡ ዝረኽብዎ ዝነበሩ ግልጋሎት ሕክምና ውሽጢ ዓዲ ኣየቋርፅን፣

5. ኣባል ንኡስ ምድብ ኣማሓዳሪ ወረዳ በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝተቐመጠ መሰል ጥራሕ ኣይረክብን።

ክፍሊ ሰለስተ

መሰል ረብሓን ካብ ሓላፍነት ዝተልዓለ ኣውፃኢ ሕጊ

ዓንቀፅ 13. መሰል ጡረታ

1. ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 4 ካብ ሓላፍነቱ ዝተልዓለ ኣባል ምድብ ኣፈፃሚ ሕጊ ዝተሓገገ መሰል ጡረታ ብመሃያ ንዝሰርሕ ኣባል ምድብ ኣውፂኢ ሕጊ እውን ተፈፃሚ ይኸውን

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ ዝተሓገገ ከምዘለሎ ኮይኑ ኣግባብነት ብዘለዎ ሕጊ ጠሩታ ንሰራሕተኛ መንግስቲ ዝተውሃቦ ትርረጉም ንኣባል ምድብ ኣውፂኢ ሕጊ እውን ይሽፍን።

ዓንቀፅ 14. ኣባል መጣየሺ

1. ኣብ ኣዋጅ ዓንቐፅ 5 ካብ ሓላፍነቱ ንዝተልዓለ መራሒ ስራሕ ክኽፈል ዝተደንገገ መጣየሺ ኣበል

ይከፈላል፣

3. ማንኛውም የርእሰ መስተዳድር ንኡስ ምድብ አባል በሥራ ላይ እያለ ወይም ከሃላፍነቱ ተነስቶ ከዚህ አለም በሞት ሲለይ፡-

ሀ. እረፍቱና አጭር የህይወት ታሪኩ በመንግስት ሚድያ በዜና ይነገራል፣

ለ.ከፍተኛ የመንግስት ባለስልጣን በቀብሩ ስነ-ስርዓት ተገኝቶ በመቃብሩ የአበባ ጉንጉን ያስቀምጣል፣

ሐ. የቀብሩ ስነ-ስርዓት በቀብር አስፈፃሚ የሚፈፀም ሆኖ ወጪው በመንግስት ይሸፈናል፣

4. በዚ አዋጅ መሰረት የህግ አስፈፃሚ ምድብ አባለ ከዚህ ዓለም በሞት መለየት ያገኙት የነበረ የቤተሰቡን በአገር ውስጥ የህክምና አገልግሎት የሚግኝት መብት አያሳጣም፣

5. የወረዳ አስተዳዳሪ ንኡስ ምድብ አባል በዚሁ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 3 የተቀመጠ መብት ብቻ አያገኝም።

ክፍል ሶስት

ከሃላፊነት የተነሳ የህግ አውጪ አባል መብትና ጥቅም

አንቀፅ 13. የጡረታ መብት

1. በዚህ አዋጅ አንቀፅ 4 ከሃላፊነት ለተነሳ ህግ አስፈፃሚ ምድብ የተደነገገው የጡረታ መብት ከሃላፊነት ለተነሳ በደመወዝ የሚሰራ ህግ አውጪም ተፈፃሚ ይሆናል

2. በዚሁ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ /1/ ድንጋጌ እንደተጠበቀ ሆኖ አግባብነት ባለው የጡረታ ህግ ለመንግስት ሰራተኛ የተሰጠው ትርጓሜ ለህግ አውጪ ምድብ አባልም ይሸፍናል።

አንቀፅ 14. መቋቋምያ አባል

1. በዚህ አዋጅ አንቀፅ 5 ከሃላፊነት ለተነሳ የስራ መሪ እንዲከፈል የተደነገገ የመቋቋሚያ አበል ከሃላፊነቱ ለተነሰ

www.abyssinialaw.com

ንካብ ሓላፍነቱ ዝተልዓለ ኣፈ-ጉባኤ ክልል ተፈፃሚ ይኸውን፣

2. ኣብዚ ኣዋጅ እዙይ ኣብ ዓንቐፅ 5 ካብ ሓላፍነቱ ንዝተልዓለ ተተካኢ መራሒ ስራሕ ክኽፈል ዝተደንገገ መጣየሺ ኣባል ንካብ ሓላፍነቱ ዝተልዓለ ምክትል ኣፈ-ጉባኤ ክልል ተፈፃሚ ይኸውን፣

3. ኣብዚ ኣዋጅ እዙይ ኣብ ዓንቀፅ 5 ካብ ሓላፍነቱ ንዝተልዓለ ኣባል ንኡስ ምድብ ወረዳ ኣማሓዳሪ ክኽፈል ዝተደንገገ መጣየሺ ኣባል ንካብ ሓላፍነቱ ዝተልዓለ ኣባል ንኡስ ምድብ ኣካቢ ቀዋሚ ኮሚቴ ተፈፃሚ ይኸውን።

ክልል አፈ- ጉባኤ ተፈፃሚ ይሆናል፣

2. በዚ አዋጅ ዓንቀፅ 5 ከሃላፊነት ለተነሳ ተተኪ የሥራ መሪ እንዲከፈል የተደነገገ የመቋቋሚያ አበል ከሃላፊነት የተነሳ ምክትል አፈ-ጉባኤ ተፈፃሚ ይሆናል።

3. በዚህ አዋጅ አንቀፅ 5 ከሃላፊነቱ የተነሳ የወረደ አስተዳዳሪ ንኡስ ምድብ እንዲከፈል የተደንገገ መቋቋሚያ አበል ከሃላፊነቱ የተነሳ ለንኡስ ምድብ ቀዋሚ ኮሚቴ ሰብሳቢ ተፈፃሚ ይሆናል።

ዓንቀፅ 15. ኣበል ክፍሊት ስንብት ስራሕ

1. ኣብዚ ኣዋጅ እዙይ ኣብ ዓንቀፅ 6 ካብ ሓላፍነቱ ንዝተልዓለ መራሒ ስራሕ ክኽፈል ዝተደንገገ ኣበል ስንብት ስራሕ ንካብ ሓላፍነቱ ዝተልዓለ ኣፈ-ጉባኤ ክልል ተፈፃሚ ይኸውን።

2. ኣብዚ ኣዋጅ እዙይ ኣብ ዓንቀፅ 6 ካብ ሓላፍነቱ ንዝተልዓለ ተተካኢ መራሒ ስራሕ ክኽፈል ዝተደንገገ ኣበል ስንብት ስራሕ ንካብ ሓፍነቱ ዝተልዓለ ምክትል ኣፈ-ጉበኤ ክልል ተፈፃሚ ይኸውን፣

3. ኣብዚ ኣዋጅ እዙይ ኣብ ዓንቀፅ 6 ካብ ሓላፍነቱ ንዝተልዓለ ንኡስ ምድብ ወረዳ ኣማሓዳሪ ክኽፈል ዝተደንገገ ኣበል ስንብት ስራሕ ንካብ ሓላፍነቱ ዝተልዓለ ኣባል ንኡስ ምድብ ኣካቢ ቆዋሚ ኪሚቴ ተፈፃሚ ይኸውን።

4. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቐፅ 1,2,3 ዝተገለፀ እንተሃለወ እውን ፣ ናብ ቀደም ዝነበሮ ስራሕ ዝተመለሰ ኣውፂኡ ሕጊ ክፍሊት ስንብት ስራሕ ኣይረክብን፣

5. መሃያ ዘይኽፈሎ ተራ ኣባል ቤት ምኽሪ ክልል ሓደ ዘመን መረፃ ወዳኡ ካብ ሓላፍነቱ እንትልዓል ፣

..ፅቀፅ 15. የሥራ ስንብት ክፍያ አበል

1. በዚህ አዋጅ አንቀፅ 6 ከሃላፊነት ለተነሳ የሥራ መሪ እንዲከፈል የተደነገገ የሥራ ስንብት ክፍያ አበል ከሃፍነቱ የተነሳ ክልል አፈ-ጉባኤ ተፈፃሚ ይሆናል፣

2. በዚህ አዋጅ አንቀፅ 6 ከሃላፊነቱ ለተነሳ ተተኪ የስራ መሪ እንዲከፈል የተደነገገ የስራ ስንብት ክፍያ አበል ከሃላፊነት ለተነሳ ክልል ምክትል አፈ-ጉባኤ ተፈፃሚ ይሆናል፣

3. በዚህ አዋጅ አንቀፅ 6 ከሃላፊነት ለተነሳ የወረዳ አስተዳዳሪ ንኡስ ምድብ እንዲከፈል የተደነገገ የስራ ስንብት ክፍያ አበል ከሃላፊነቱ ለተነሰ ንኡስ ምድብ ቆዋሚ ኮሚቴ ሰብሳቢ ተፈፃሚ ይሆናል፣

4. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1,2,3 የተገለፀ ቢኖርም ወደ ቀድመው ስራው የሚመለስ ህግ አውጪ አበል የሥራ ስንብት ክፍያ እያገኝም፣

5. ደመወዝ የሚያገኝ ተራ የክልል ምክር ቤት አባል አንድ የምርጫ ዘመን ጨርሶ ከሃላፊነት ሲነሰ የክልል ምክርቤት

www.abyssinialaw.com

ምክትል ኣፈ-ጉባኤ ቤት ምኽሪ ክልል ዝረኽቦ መሃያ ሓደ ወርሓዊ ብመልክዕ ድጎማ ይኽፈሎ፣

6. መሃያ ዘይኽፈሎ ተራ ኣባል ቤት ምኽሪ ወረዳ ሓደ ዘመን መረፃ ወዲኡ ካብ ሓላፍነቱ እንትልዓል ምክትል ኣፈ-ጉባኤ ቤት ምኽሪ ወረዳ ዝረኽቦ መሃያ ሓደ ወርሒ ክፍሊት ብመልክዕ ድጎማ ይኽፈሎ።

<u>ዓንቀፅ 16. ክፍሊት ኣበል መንበሪ ገዛ</u>

1. ካብ ኣባል ምድብ ኣውፃኢ ሕጊ ንኡስ ምድብ ኣፈ-ጉባኤ ካብ ስራሕ እንትሰናበት ሙሉእ ክፍሊት ሰለስተ ወርሒ ይኽፈሎ፣

2. ካብ ሓደ ዘመን መረፃ ንላዕሊ ግልጋሎ ንዘለዎ ንሕድ ሕድ ተወሳኺ ግልጋሎት ሓደ ዓመ ት ፍርቂ ክፍሊት ሓደ ወርሒ እናተወሰኸ ይኽፈሎ ፣

3. ካብ ኣውፃኢ ሕጊ ንኡስ ምድብ ምክትል ኣፈ-ጉባኤ ሙሉእ ክፍሊት ክልተ ወርሒ ይኽፈሎ፣

4. ካብ ሓደ ዘመን መረፃ ንላዕሊ ግልጋሎት ንዘለዎ ንሕድ ሕድ ተወሳኺ ግልጋሎት ሓደ ዓመት ፍርቂ ክፍት ሓደ ወርሒ ተወሲኹ ይኽፈሎ፣

5. ኣብዚ ዓንቀፅ ካብ ንኡስ ዓንቀፅ 1-4 ዝተገለፀ እንተሃለወ እውን እቲ ዝውሃብ ጠቕላላ ክፍሊት ኣበል መንበሪ ገዛ ካብ 18 ኣዋርሕ ክበልፅ ኣይብሉን።

<u>ዓንቀፅ 17. ኣበል ተሸከርካሪ</u>

1. ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 8 ንኡስ ዓንቀፅ /2/ /ሐ/ን /መ/ን ካብ ሓላፍነት ንዝተልዓለ ኣባል ንኡስ ምድብ መራሒ ስራሕ ዝተሓገገ ኣበል ተሸከርካሪ ንኣፈ-ጉባኤ ቤት ምኽሪ ክልል እውን ተፈፃሚ ይኸውን፣

2. ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 8 ንኡስ ዓንቀፅ /2/ /ሐ/ /ሰ/ ምክትል ኣፈ-ጉባኤ የሚገኘው የአንድ ወር ደመወዝ በድጎማ መልክ ያገኛል፣

6. ደመወዝ የሚያገኝ ተራ የወረደ ምክር ቤት አባል አንድ የምርጫ ዘመን ጨርሶ ከሃላፊነት ሲናሳ የወረዳ ምክር ቤት ምክትል አፈ-ጉባኤ የሚያገኘው የአንድ ወር ደመወዝ በድጎማ መልክ ያገኛል።

<u>አንቀፅ 16. የመኖሪያ ቤት አበል ክፍያ</u>

1. ከህግ ኣውጪ ንኡስ ምድብ አባል አፈ-ጉባኤ ከስራ ሲሰናበት የሶስት ወር ሙሉ ክፍያ ይከፈለዋል፣

2. ከአንድ የምርጫ ዘመን በላይ ላለው ለእያንዳንዱ ተጨማሪ የአንድ አመት አገልግሎት የአንድ ወር ክፍያ አንድ ሁለተኛ ይከፈለዋል፣

3. ከህግ አውጪ ንኡስ ምድብ ምክትል አፈ-ጉባኤ የሁለት ወር ሙሉ ክፍያ ይከፈለዋል፣

4. ከአንድ ምርጫ ዘመን በላይ ላለው ለእያንዳዱ ተጨማሪ የአንድ አመት አገልግሎት የአንድ ወር ክፍያ አንድ ሁለተኛ እየታከለ ይከፈለዋል፣

5. በዚሁ አንቀፅ ከንኡስ አንቀፅ 1-4 የተገለፀ ቢኖርም የሚሰጠው ጠቅላላ ክፍያ የመኖሪያ ቤት አበል ከ18 ወራት መብለጥ የለበትም።

<u>አንቀፅ 17 የተሸከርካሪ አበል</u>

1. በዚሁ አዋጅ አንቀፅ 8 ንኡስ አንቀፅ /2 /ሐ/ እና /መ/ ከሃላፊነቱ ለተነሳ የሥራ መሪ ንኡስ ምድብ አባል የተሸከርካሪ አበል የተደነገገው ለክልል ምክር ቤት ምክትል አፈ-ጉባኤም ተፈጻሚ ይሆናል፣

www.abyssinialaw.com

ን/ረ/ ካብ ሓላፍነት ንዝተልዓለ ኣባል ንኡስ ምድብ ተተካኢ መራሒ ስራሕ ዝተሓገገ ኣበል ተሸከርካሪ ንምክትል ኣፈ-ጉባኤ እውን ተፈፃሚ ይኸውን፣

3. ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 8 ንኡስ ዓነቀፅ 4 ካብ ሓላፍነት ንዝተልዓለ ኣባል ንኡስ ምድብ ኣመሓዳሪ ወረዳ ዝተሓገገ ኣባል ተሸከርካሪ ንንኡስ ምድብ ኣካቢ ቀዋሚ ኮሚቴ እውን ተፈፃሚ ይኸውን፣

ዓንቀፅ 18. ግልጋሎት ሕክምና

1. ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 9 ንኡስ ዓንቀጽ /2/ ካብ ሓላፍነት ንዝተልዓለ ኣባል ንኡስ ምድብ መራሒ ስራሕ ዝተሓገገ ግልጋሎት ሕክምና ንኣፈ-ጉባኤ ቤት ምኽሪ ክልል እውን ተፈፃሚ ይኸውን፣

2. ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 9 ንኡስ ዓንቀፅ 3 ካብ ሓላፍነት ንዝተልዓለ ኣባል ንኡስ ምድብ ተተካኢ መራሒ ስራሕ ዝተሓገገ ግልጋሎት ሕክምና ንምክትል ኣፈ-ጉባኤ ክልል ቤት ምኽሪ እውን ተፈፃሚ ይኸውን፣

3. ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 9 ንኡስ ዓንቀፅ /4/ ካብ ሓላፍነት ንዝተልዓለ ኣባል ንኡስ ምድብ ኣመሓዳሪ ወረዳ ዝተሓገገ ግልጋሎት ሕክምና ንቆ/ኮሚቴ ምድብ እውን ተፈፃሚ ይኸውን።

ዓንቀፅ 19. ኣባል መጓዓዝያን ኣቕሑቱን

ኣፈ-ጉባኤ ፣ ምክትል ኣፈ-ጉባኤን ቤት ምክሪ ክልል ኣካቢ ቀዋሚ ኮሚቴን እውን ስርሑ ወዲኡ ናብ ስፍራ መንበሪኡ እንትመለስ ንባዕሉ ፣ ንስድርኡን ንኣቕሑቱን መጓዓዝ ብመሰረት ታሪፊ ናይቲ እዋን ይኽፈሎ።

ዓንቀፅ 20. ምድብ ስራሕ

1. ልዕሊ ጣብያ ዘሎ ኣባል ቤት ምኽሪ ቀዋሚ ኮሚቴ

2. በዚሁ ኣዋጅ ኣንቀፅ 8 ንኡስ ኣንቀፅ 2/ሐ/ /ሰ/ እና /ረ/ ከሃላፊነቱ ለተነሳ የሥራ መሪ ተተኪ ንኡስ ምድብ አበል የተሸከርካሪ አበል የተደንገገው ለምክትል አፈ-ጉባኤም ተፈጻሚ ይሆናል፣

3. በዚሁ ኣዋጅ ኣንቀፅ 8 ንኡስ ኣንቀፅ 4 ከሃላፊነቱ ለተነሳ የወረዳ አስተዳዳሪ ንኡስ ምድብ አባል የተሸከርካሪ አበል የተደነገገው ለቀዋሚ ኮሚቴ ሰብሳቢ ንኡስ ምድብም ተፈጻሚ ይሆናል፣

አንቀፅ 18. የህክምና አገልግልሎት

1. በዚ ኣዋጅ ኣንቀፅ 9 ንኡስ አንቀፅ /2/ ከሃላፊነት ለተነሳ የሥራ መሪ ንኡስ ምድብ አባል የህክምና አገልግሎት የተደነገገው ለክልል ምክር ቤት አፈ-ጉባኤም ተፈፃሚ ይሆናል፣

2. በዚህ ኣዋጅ ኣንቀፅ 9 ንኡስ አንቀፅ /3/ ከሃላፊነት ለተነሳ ተተኪ የሥራ መሪ ንኡስ ምድብ አባል የህህምና አገልግሎት የተደነገገው ለክልል ምክር ቤት ምክትል አፈ-ጉባኤም ተፈፃሚ ይሆናል፣

3. በዚህ ኣዋጅ ኣንቀፅ 9 ንኡስ አንቀፅ 4 ከሃላፊነት ለተነሳ የወረዳ አስተዳዳሪ ንኡስ ምድብ አባል የህክምና አገልግሎት የተደነገገው ለቋሚ ኮሚቴ ምድብም ተፈፃሚ ይሆኖል።

አንቀፅ 19. የመጓዣዥያና የጓዝ ማንሻ አበል

የክልል ምክርቤት ኣፈ-ጉባኤ ፣ ምክትል ኣፈ-ጉባኤና የቀዋሚ ኮሚቴ ሰብሳቢ የሥራ ዘመኑ ኣብቅቶ ወደ ቀዋሚ መኖሪያው ሲመለስ ለራሱና ለቤተሰቡ የመጓጓዣና የጓዝ ማነሻ አበል በወቅቱ ትራንስፖርት ተመን መሰረት ይከፈለዋል።

www.abyssinialaw.com

ቅድሚ ምምራፁ ኣብ ቤት ፅሕፈት መንግስቲ ወይ ኣብ ትካል ልምዓት መንግስቲ ዝሰረሕ ዝነበረ ካብ ሓፍነቱ እንትልዓለ ኣቐዲሙ ናብ ዝነበሮ ስራሕ ክምለስ ተሓቲቱ ክምለስ ወይ ቅድም ኢሉ ዝስርሐሉ ዝነበረ ስራሕ ክፍቲ ተዘይኮይኑ ኣብ ተመሳሳሊ ቦታ ይምደብ።

2. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ ክምድ· ዘይከኣለ ኣብ ካሊእ ቤት ፅዮ መንግስቲ ወይ ትካል ልምዓት ዝርከብ ተመሳሳሊ ክፍቲ ስራሕ ክምደብ ይኽእል፣

3. ኣባል ቤት ምኽሪ ኣብ ቤት ምኽሪ ዘገልግሎ ልምዲ ስራሕ ልክዕ ከም ኣብ ቤት ፅዮ መንግስቲ ወይ ትካል ልምዓት ዝተውሃበ ግልጋሎት ተገይሩ ይሕሰብ፣

4. ኣብዚ ዓንቀፅ ዝተሓገገ ብሹመት ንዝተትሓዘ ቦታ ተፈፃምነት ኣይህልዎን።

ዓንቀፅ 21. ወረቐት ምስክር ግልጋሎት

